

ንብዓት እቲ ዲያቆን

Poster & ኣዘንታዊት: ሚሊ ጸጋይ

ኣብ ሓቐኛ ፍጻሜ ዝተመርኮሰት መንፈሳዊ ዛንታ

ኣብ Internet post ዝኾነት

By: Nati

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!!!

መንፈሳዊት ዛንታ = “ንብዓት እቲ ዲያቆን”

ሰላም፡ኣምላኽ ምስኹሉኻትኩም፡ይኹን ተኽታተልቲ መንፈሳዊት ዛንታ ንብዓት እቲ ዲያቆን እንበኣር ኹቡራት ኣህዋተይ እዛ ዛንታ እዚኣ ኣብ ሓቀኛ ፍጻሜ ዝተመስረትተ ስለ ዝኾነት ከመ መዘናግዒ ክንሃስባ የብልናን ሃዲእና እንተ ደኣ ኣንቢብናያ ኣብ ውሽጣ ንኩልና ዝምህር ብዙሕ ቃላት ኣለዋ ስለዚ ብዝተኻእለና መጠን ክንመሃረላ ንፈትን ጸጋ ኣምላኽ፡ምስ ኩላትኩም ይኹን ኣሜን ከምኡውን ነቀፌታ ይኹን ርእይቶ ምስ ዝህልወኩ ወይ ሃናጺ ሃሳብ ኣብ ኮመንት ጽሓፉለይ ብመሰንጀር መልእኽቲ ይበዝሓኒ ስለ ዘሎ ብዙሕ ኣይከፍቶን ኢየ ኣብ ኣጸሓሕፋ ስሮዓተ ነጥቢ ጉድለት ክህሉ ይኽእል ኢዩ ስለዚ ጉድለተይ ባዕልኹም ተረዱኡለይ።

\\\

ደኣ ደቂ ንሕና ንሰብ ደጋዊ ትሪኢቱ ንመጽሓፍ ይኹን ጥራዝ ድማ ገበሩ መጠረዚኡ ሪኢና ናይ ምዝራብ ልምዲ ስለ ዘለና፡እንበር ቀሪቡ ንስዝፈልጦስ ሓቀኛ ክርስትያን ኢዩ ።።ዲያቆን ኣቤል ኣብ ከባቢ ዕስራታት ዝርከብ መንእሰይ ኮይኑ ካብ ግዜ ህጻንነቱ ጀሚሩ ናብ ኣምላኽ ዝተጸገወ ኣገልጋሊ ቤተክርስትያን ኢዩ። ወዲ 9 ዓመት እንከሎ ወለዱ ናይ ዲቁና ንክመሃር ኣብ ከባቢ ነፋሲት ናብ ዝርከብ ገዳም ደብረ ቢዘን ከም መጽብዓ ኣረኪቦሞ እሾኽ ብበላሓ ትፍጠር ከም ትበሃል ወላኳ ኣካዳሚ (ኣስኳላ) ከይጸገበ ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ የቋርጾ ውዳሴ ማሪያም ኣብ ምሽምዳድን (ምሓዝን) ናይ ግእዝ መጻሕፍቲ ኣብ ምንባብን ልዕሊቶም ትምህርቲ ዝወዱኡ ኢዩ ኔሩ። ነዚ ዝተዓዘቡ መምህሩ ካብቶም ኣቡኡ ዝነበሩ ተማሃሮኡም ኣብሊጾም ኢዮም ዝፈትውዎ ኔሮም። የግዳ ቁሩብ ዋሚ ስለ ዝነበሮ ኣብ ሕማቅ ፡ኽይወድቅ መምህሩ ኣይትውዐ ዝግ በል እንዳ በሉ ቀጻሊ ኢዮም ዝምዕድዎ ኔሮም። ዲያቆን ኣቤል ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ግብረ ዲቁናን ግብረ ክህነትን ብዝግባእ ኣጻፊፉ ኣብ መበል 12 ዓሰርተ ክልተ ዕድሚኡ ኣብ 2005 ዓመተ ምህረት ብኢድ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ቄርሎስ ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ መዓርገ ዲቁና ምስ ተቀበለ በቀጥታ ናብ ኣገልጉሎት ቤተክርስትያን ኢዩ ተጸሚዱ። ነታ ጭልምልም ትብል ዝነበረት ቤተ ክህነት ናይ ትውልዲ ዓዱ ድማ ዱሙቅ ማህቶት ኮይኑ ብርሃን ኣብርሃላ። ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞኡ ዝተመስከረሉ ብጥበብ ዝተመለአ ኣዝዩ ትጉህ ብሙኳን ድማ ብነኣሽቱን ዓበይትን ዓዲ ዝግባእ ክብሪ ክረክብ ጀመረ። ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቱ ውን ንፉዕ ስለ ዝነበረ ወለዱ ወለዱ ቅሩብ ንክቅጽል ቀጻሊ ኢዮም ዝደፋፍእዎ ኔሮም ስለዚ ከኣ ዲያቆን ኣቤል ጎኒ ጎኒ መንፈሳዊ ጉዕዞ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ንምቅጻል ካብታ ዘገልግለላ ቤተ ክርስትያን ንቁሩብ ግዜ ክርሕቅ ተገዲዱ በዚ ምኽንያት ድማ ምስ ኣኩኡ ኮይኑ ንክመሃር ናብ ኣስመራ ጉዕዙኡ ጀመረ። ዲያቆን ኣቤል ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ እውን ኣይሓመቀን ብብልጫ ተሰንዩ ክሳብ ታሽዓይ ክፍሊ 1ይን 2ይን እናዳወጸ ጽቡቅ ጉዕዞ ተጎዓዘ።

ዓስራይ ክፍሊ ሀ ኢሉ ካብ ዝረግጽ ግን ውዑይ ዕድመ ግዲ ኣርኪብዎ ምስ ዋሚኡ ተደሚሩ እሳት ኢዩ ተቀይሩ። ካብ ስድራቤቱ ወጻኢ ማለት ምስ ኣኩኡይነብር ስለ ዝነበረ ከምቲ ዝድለ ምክትታል እውን ይረክብ ኣይነበረን ስለዚ ኢዩ ድማ ንመንፈሳዊ ሂወቱ ዝብክል ዘየድሊ ኣካይዳ ክኽተል ዝጀመረ ኣብ ደገ ዝነብሩ ኣሕዋቱ ኣብ ኑኡስ ዕድሚኡ ዲቁና ምውሳዱ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኣካዳሚ ውን ብሉጽ ስለ ዘነበረ ንጹቡኡ ኩሉ ግዜ ምስ መልኡሉ ኢዮም ኣብ ልዕሊኡ ዘለዎም ኣረኣእያ ልዕሊ ማንም ስለ ዝኾነ 'መንእሰይ ኢዩሞ ክጋገ ኢዩ ኢሎም ሓሲቦም ኣይፈልጡን ኢዮም ስለዚ ኢዮም ከኣ ዝይተኣደነ ገንዘብ ዝሰዱሉ ኔሮም ።ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ንጢሞቴዎስ ወዱ ክምዕዶ ከሎ ፍቅሪ ገንዘብ ሱር ኩሉ ክፍኣት ኢዩ ዝበሎ 1ይ ጢሞ 6፡10 ንዲያቆን ኣቤል እውን ገንዘብ ናብዘይ ተደልየ ኣንፈት ኢዩ ክመርሖ ጀሚሩ ብዘይቡኡ እውን መኻይድቲ ስለ ዘየጸበቀ መንፈሳዊ ሂወቱ ክሃስስ ናብራ ዓለም ክስዕርሮ ጀመረ ሓድሓደ እዋን ዲያቆን ሙኺኑ ክሳብ ዝርስዓ ይኸውን ኔሩ። መስተ ምስታይ ጎይላ ምዝውታር ስረሐይ ኢሉ ተተሓሒዝዎ። ካብ ኩሉ ዝኸፈአ ግን ቁማር ምጽዋት ጀሚሩ ኣሕዋቱ ዝሰደዱሉ ገንዘብ ኣብ ቁማር ከጥፍኦ ጀሚሩ ቡኡ መንጽር ድማ ሂወቱ ክመሳቀል ጀሚሩ። ዲያቆን ኣቢ ነዚ ምስ ተዓዘበ ወላኳ ኩሉ ከቋርጾ እንተወሰነ ወልፊ ቁማር ብቀሊሉ ዝሰድድ ስለ ዘይነበረ ኣዝዩ ኢዩ ተሸጊሩ። ቁማር ገዲፉ ሰላማዊ ዝኾነ ሂወት ንኽመርሕ ገለ ፍታሕ ከምጽእ ከም ዘለዎ ድማ ምስ ነብሱ ተላዘበ። ካብቶም ሕማቅ ልምዲ ዘልመድዎ የዕሩኽቱን ምርሓቅ ከም ቀዳማይ ፍታሕ ጌሩ ኢዩ ወሲድዎ እንተኾነ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ኣብ ዝተራኸብሉ ክቱር ወልፊ ቁማር ስለ ዝነበሮ ካብ ምጽዋት ዓዲ ኣይወዓለን። ስለዝኾነ ድማ ዘላቂ ፍታሕ ከናዲ ግድን ኮኖ። ምስ ማንም ከይተማኸረ ድማ ነስመራ ገዲፉ ትምህርቲ ኣቋሪጹ ዓዱ ኣተወ።

****

2ይ ክፋል

እቲ ዝኸፈአ ፈተና እንበኣር ካብዚ ኢዩ ዝጅምር ኣሕዋቱ ኣብ ኢዱ ዝሰድሉ ዝነበሩ ገንዘብ ኣብ ትሕቲ ፋሚሊ ምስ ኣተወ ኣቋሪጾሞ ኢዮም ገንዘብ ከምቲ ዝድለ ክረክብ ኣይከኣለን። ገንዘብ ዝለመደ ሰብ ድማ ብዘይገንዘብ ክነብር ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኢዩ ብዘይቡኡ ውን ወልፊ ቁማር ሙሉእ ብሙሉእ ስለ፡ዘይገደፎ ቀንጠብጠብ ምባል ኢዩ ጀሚሩ ካብ ናይ ኣዲኡ ቦርሳ ሚኢቲ ሓምሳ ኢሉ ዝጀመሮ ድማ ናብ ካልእ ገጹ ሳዕረረ። ወልፊናይ ቁማር ዘምጽኦ መዘዝ ድማ ኣብ ሂወቱ ክሃስስ ዘክእል ጌጋ ንኽፍጽም

ደፋፍአ ካብታ ኮስኩሳ ዘዕበየቶ ቤተ ክርስትያን ብትግሃት ተልእኮ ምስጢር ዝፍጽመላ ቅድስቲ ቤት ብእምነት ዝተረከቦ ናይ ሓደራ ገንዘብ ማለት ሞባእ ከጠፋፍእ ከለዓዕል ጀሚሩ። ግን እቲ ጥፍኣት ውሉዱ ክሪኢ ዘይደሊ እግዚኣብሄር ቀጺዑ ክዕረቆ ኢዩ ወሲኑ። ዓመታዊ ጸብጻብ ቤተክርስትያን ኣብ ዝቀርበሉ ድማ ድያቆን ኣቤል ገንዘብ ከም፡ዘጠፋፈአ በመሓደርቲ ቤተክርስትያን ክፍለጥ ክፈሽል ኪኢሉ ወላ እኳ ዲያቆን ኣቤል ኣሉ ኣነ ኣይወሰድኩን ወይውን ካልእ ምኽንያት ከምጽእ ይክእል እንተነበረ ዳግማይ ጌጋ ክፍጽም ስለ ዘይደለየ ንኹሉ ዝገበሮ ጌጋ ኣሜን ኢሉ ተቀቢሉ ሓላፍነት ክወስድ ኢዩ ወሲኑ። ጌጉኡ ብምእማኑ ከም ዓቢ ነገር ወላ እኳ እንተ ወሰድዎ ገለገለ ሰባት ንነገር ዝዕጠቁ ሕድገት ዘይፈልጡ ውድቀት ሰባት ዝምነዩ ግን ካብ ቤተ ክርስትያን ክስጎግ ካብ ኣገልግሎት ክርሕቅ ኣለዎ ዝብል ፍርዲ ኢዮም በይኖምሉ። ኣማሓዳሪ ናይታ ቤተ ክርስትያን ግን ምስቲ ዝነበሮ ናይ ኣገልግሎት ትግሃት ከሙኡ ውን ጌጉኡ ምእማኑ ስለ ዘሐጎሶም ንስሃ ኣትዩ ቀኖንኡ ክፍጽም ከም ዘለዎ ኢዮም ደምዲሞምሉ። ኣብ ዓለም ዘይጋገ ሰብ የለን ሓድሓደ ግዜ ትፍጽሞም ጌጋታት ግን ኣብ ሙሉእ ዕድሜኻ ከም ዘይሓዊ ቁስሊ ኮይኖም ከሳቅዩኻ ኢዮም፡ዝነብሩ ዲያቆን ኣቤል እውን እታ ሓንሳብ ዝፈጸማ ጌጋ ንሙሉእ መንፈሳዊ ሂወቱ በኪላቶ ኢያ ከምቲ ኩባያ ላምባ ንፊስቶ ሙሉእ ማይ ትብክሎ ናይ ዲያቆን ኣቤል ጌጋ ውን ነቲ ልዕሊ 10 ዓመት ሰናይ ኣገልግሎቱ ኣህሲሳ ደሚቃ ክትረእ ኢያ ጀሚራ።

ዲያቆን ኣቤል ብዝፈጸሞ ጌጋ ካብ ሰባት ክንጸል ነብሰ ምትሓት ክስሞያ ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከሎ ኣጆኻ ዝብል ተስፋ ዝህቦ ዘጸናንያ ሰብ ስለ ዘይረኽበ ስደት ክወጽእ ኢዩ ወሲኑ። ምስቶም ደገ ዘለዉ ኣሕዋቱ ተረዳዲኡ ድማ ብደላላይ ጌሩ ጌና ብኑኡስ ዕድሚኡ ንስደት ናብ ሱዳን ኣምርሐ።ሱዳን ምስ ኣተወ ዲያቆን ኣቤል ከምዘየለ ኢዩ ተቀይሩ ብሰሓቅን ዋዛን ዝፍለጥ ዉዑይ ሰብ ዝነበረ በረድ ኢዩ ተቀይሩ። ምስ መጽሓፍ ተዘይ ኮይኑ ምስ ሰብ ምዝራብ ዳርጋ ገዲፍዎ ኢዩ። ኣብቲ ተኻርዩ ዝነብረሉ ዝነበረ ካንሸሎ ሰምሃር ትበሃል ተመሃሪት ቤት ትምህርቲ ሰንበት ብኹነታቱ ቀጻሊ ትግረምዝነበረ ስቅትኡ መልእኽቲ ከም ዘለዎ ኣብ ውሽጡ ዝተደጎለ ዛንታ ከም ዘለዎ ንእለቱ ኢዩ ነጺርላ። ከመይ ከም ትቀርቦን ጾሩ ከተፋኹሰሉን ወላኳ ቀጻሊ ተሓሰበት ንዘይዛረብ ሰብ ንኽትላለዮ ዓቀብ ስለ ዝኮና ገለ ሜላ ኢያ ክጥቀም መሪጻ።

ቀዳመ ሰንበት ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝኸደሉ ድማ ምሱኡ ክትከይድ ጀሚራ።ክሓተካ እንዶ ዲያቆን ሓወይ ስለምንታይ ኢኻ ሰብ ዘይትፈቱ ካብ ሰብ ትሃድም??? ሰምሃር ሃንደበት ዘልዓለቶ ሕቶ ኢዩ ኔሩ ዲያቆን ኣዕሚቁ ድሕሪ ምስትንፋስ ሰምሃር ሓፍተይ መጀመሪያ ኣነ ሰብ ኣይጸልእን ኢየ ካላኣይ ድማ ሰብ ኢዩ ካባይ ዝሃድም፡እንበር ኣነ ካብ ሰብ ኣይሃድምን ኢየ ስለዚ ከምዚ ዓይነት ሕቶ ከይትሓትኒ በላ ብናይ ለበዋ ቃና ዲያቆነይ ስቅታኻ በይናውነትካ ካብ ባዶ ዝምንጩ ከም ዘይኮነ ርግጸኛ ኢየ ምንኽንያት ስቕታኻ ምፍላጥ ንዓይ ዘገድስ ኣይኮነን፡ ፍቃደኛ እንተኾንካ ግን ሓፍትኻ ክኸውን ኣፍቅደለይ እዝን እትን ኣይብለካን ኢየ ንሕውነተይ ከምዘይትንዕቆ ግን ተስፋ ይገብር በለቶ ሰምሃር ስነ ስርዓት ብዝመሎኣ ኣዘራርባ። ሰምሃር ሓፍተይ ኣሕዋት ስለ ዝኾና ደይኮናን ከምዚ ኢልና ነዕልል ዘለና ምስ በላ በል ከም ሓፍትኻ ትሪኤኒ ተኾንካ ሎምዓንቲ ናይ ኣቡነ ኣረጋዊ ቡን ምሳና ስተ ንእግረ መገድኻ ከኣ ደቂ ገዛይ ጽቡቅ ጌርካ ትላለየን በለቶ። ሎምዓንቲኳ ምስ በለ በጃኻ ዲያቆነይ ብማርያም ኢለካ ምስ በለት ኣቲ ጽልልቲ ዲኺ ማርያም ስቅ ኢልኪ ዲኺ ተልዕልያ ዝኾነ ዘይተርፍ ፕሮግራም ክህልወኒ ይኽእል ብማርያም ኢልኪ ኣብዘይ ሓጥያተይ ከተእትውኒ ብዘይቡኡ ሓጥያተይ ምኽኣል ሲኢነዮ ኣለኹ በላ።

ዲያቆን ኣቤል ብማርያም ዝመጾ ሂወቱ ከይተረፈ ከሕልፍ ድሉው ኢዩ ምስ ማርያም ዘለዎ ፍቅሪ ገሊጽካ ኣይውዳእን ሰምሃር ብማርያም ክትብሎ ከላ ብልምዲ ደኣንበር ክትሕዞ ከተገድዶ ስለ ዝደለየት ኣይኮነትን ኮይኑ ግን ብማርያም ትብል ቃል ስለ ዘውጸአት ከይፈተወ ሕራይ በላ ። ዕለቱ ኣቡነ ኣረጋዊ ስለ ዝነበረ ታሪኽ ናይ ኣቡነ ኣረጋዊ እንዳገለጸላ ክሳብ ገዛ ብሓንሳብ ሰለይ በሉ። እሞ ድያቆነይ ክሳብ ኣነ ገዛ ዘላዓዕል ገለመለ ዝገብር ንስኻ ነብስኻ ተሓጸብ ክዳንካ ቀይር እዛታሪኽ ናይ ኣቡነ ኣረጋዊ ዳሕራይ ቡን እንዳሰተና ትምልኣልና በለቶ፡ እሺ ሰምሃር ሓፍተይ ዳሕራይ የራኽበና ኢሉ መፍትሕ ካብ ጁቡኡ ኣውጺኡ ማዕጾ ገዙኡ ከፊቱ ንውሽጢ ገዛ ኣተወ።

****

3ይ ክፋል

ሰላማት ደቂ ዓበይቲ ከመይ ዊዒልክን ምእታው ይፍቀድ ድዩ? ኣምላኽ ይመስገን ከመይ ዊዒልካ ነዓ እቶ ዲያቆን ብሓባር ኢየን መሊሰን በዓል ሰምሃር ከምቲ ሉሙድ ናይ ባህልና ተሲኤን ኮፍ ኣበሎአ። ክብረት ይሃበለይ ኮፍ በላ ዘንሕዋተይ ለን ዲያቆን ከም ሕፍር ኢለን። ምሳሕ ተቀሪቡ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ብፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኢየን ተመሲሐን ፡ ናይ መኣዲ ጸሎት ኣብጺሑ ባሪኹ መንፈስ ቅዱስ ዝዓሰሎ መኣዲ ከም ዝምስሓ ኢዩ ጌርወን። ዝኣኽሎም በሊያም ብጸሎት ምስ ተዓጽወ ቡን ተቀልዩ ዕሙር ዝኾነ ዕላል ኢዩ ተጀሚሩ ብሕሉፍን ህልዉን ኩነታት እንዳ ዕለሉ ድማ ኣዝዩ ደስ ዘብል መዓልቲ ኣሕለፉ።

ዲያቆን ሰዓቱ ድሕሪ ምምልካት እሞ ኣሕዋት ኣዝዩ ደስ ዘብል ግዜ ኣሕሊፍና ኢና ቆጸራ ስለ ዘለኒ ኣነ ክገድፈክን ኢየ ቅድሚኡ ግን ንእሽቶ ቃል ኣምላኽ ክንመሃር ፍቃደኛታት እንተኾንክን በለን ትሕትና ብዝመለኦ ኣዘራርባ። ሰምሃር ኣብ ሃይማኖት ዕሙቅ ዝበለ ኣፍልጦ ስለ ዘለዋ ብጣዕሚ ኢያ ተሓጉሳ እተን ካሎኦት ግን ኣብ መንጎ ዕላል ቃል ኣምላኽ ምባሉ ደስ ኣይበለንን እንተኾነ ግን ስምዒተን ሓቢኤን እሺ ጹቡቅ ዲያቆነይ ደስ ይብለና በለኦ ብሓባር። ከምቲ ሉሙድ ገጹ ኣማዕቲቡ መእተዊ ጸሎት ብምግባር ካብ ዝተፈላለየ ምዕራፋትን ጥቅስታትን ልብኻ ዝትንክፍ ቃል እንዳምጸአ ኣብ ነብሲወከፈን ሰናይ ዝኾነ ፍረ ዘረአለን ኣብ መወዳእታ ድማ ከም “ብዝሒ ሳህልኻ ኣምላኽ መሓረኒ ፡

ከምቲ ምሕረትካ ውን ይቅሬታ ሃበኒ”

ትብል ናይ ንስሃ መዝሙር ዘሚሩ ብጸሎት ዓጽዩ ተፋነወን።

ብኣስተምህሩኡ ዝተገረመት ፊዮሪ ጓል ገዛኣ ንሰምሃር እውይ ኣነ ዝወዲ በለት ሰምሃር ድማ ቅልጥፍ ኢላ ኢሂ ፍየሪ ሓፍተይ በለታ። ከምዚ ዘይመስል ዕላሉ፡ ትምህርቱ፡ ትሕትኑኡ ገሪምኒ ከምዚ ንበይኑ ኮፍ ኢሉ መጻሕፍቲ ከንብብ ክሪኦ ከለኹ ትዕቢተኛ ምሁር ኢየ ኢሉ ዝብጥረም፡ኣለኪ ምሽ ከምዞም ናይ ፕሮ ኢና በሃልቲ ይመስለኒ ኔሩ በለት። ሳሌም፡ ሳልሰይቲ ጓል ገዘአን ድማ ኣነስ ክሰብኽ ከሎስ ከምዚ ጹቡቅ ጌሩ ዝፈልጠና ማለተይ ባግራውንድ ናትና ኣጽኒዑ ንዓና ዝምልከት ትምህርቲ ኢዩ ዝዛረብ ኔሩ ሰምሃር ብዛዕባና ገለ ኢልክዮ ዲኺ በለታ ገጻ እስር ኣቢላ። ወሪዱኒ መን ምስ ጠወቀኒ የ ደኣ ብዛዕባኺ ዝተዛረብኩ ክዛረብ ተደለኹ ውን ኣየዛርበንን ኢዩ እንተቲ ብዛዕባ ንዓና ዝምልከት ትምህርቲ ይህብ ኔሩ ዝበልክዮ ግን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ጽሑፍ ብሙሉኡ ንዓና ዝምልከት ኢየ ስለ ዝኾነ ኢዩ ከኣ ከሙኡ ኮይኑ ተሰሚዒኪ በለት ሰምሃር።

ድሕሪ ዛዕለት እዚኣስ ከም ማይን ጸባን ኢዮም፡ተወሃሂዶም ነጻ፡ግዜ ኣብ ዝረኽብሉ ቡን ምስታይ ብሓንሳብ ምምሳሕ ምሸት ምሸት ድማ ጸሎትን ትምህርትን እንዳሃበ ንብሙሉኡን ካብ ዓለም፡ኣውጺኡ መንፈሳውያን ከም ዝኾና ኢዩ ጌርወን። ምስኩለን ጥቡቅ ዝምድና ብምምስራት ድማ ሓቀኛ ባህሪኡ ኢዩ ገሊጽለን ብፍላይ ምስ ሰምሃር ዝነበሮ ርክብ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እንዳ ሓየለ ኢዩ መጽዩ ። ስደት ስዒ የላሊ፡እንበር ኣየማኑን ድዩ ዝበሃል በዓል ሰምሃር ዝብገሳሉ ግዜ ስለ ዛኣኽለ ናይ ዲያቆን መደብ ንኽፈልጣ ቅድሚ ሳልስቲ ካልእ ፕሮግራም፡ንኽይሕዝ ኣቀዲመን ብምሕባር ናይ ምሳሕ እንግዶት ገበራሉ ከም፡ ኩሉ ግዜ ሙቁር ዝኾነ ዕላል እንዳዕለሉ ከለዉ ፍዮሪ ኣመንግው ኣቢላ ዲያቆነይ ዝኹሉ እንዳዕለልካናስ መጻኢ መደብካ ነኺርካና ዘይትፈልጥ እንታይ ኢዩ ዘሎ መደብካ በለቶ።

ኣዕሚቁ ድሕሪ ምስትንፋስ እንድዒ በጃኺ ኢለኪ ከም ገለ ኢዩ ዘሎ ኣሕዋተይ እኳ ቢዝነስ መርዓ ንካናዳ ክንገብረልካ ኢዮም ዝብሉኒ ዘለዉ ኣነ ግን ኣይተቀበልክዎን ብሰሃራ ጌረ ንኤውሮጳ ኢየ መሪጸ ኣሕዋተይ ድማ ነዚ ናተይ ክቅበልዎ ኣይከኣሉን ክሳብ ሕጂ ሓዲግ ኢየ ዘለኹ በለን።

ሳሌም ህውኽ ኢላ ኣታ ዲያቆን ብኣየር ኣየር ጌርካ ካናዳኻ ከይትኣቱስ ከመይ ገርካ ኢካ ባሕርን ሰሃራን ዝመረጽካ እንታይ ገዲሽካ ከርተት ትብል ብዓቢኡ ድማ ሂወትካ ምስኣን ውን ኣሎ በለቶ። ሳሌመይ ብዛዕባ ሙሚት ተኾይኑ ሰብ ኣብ መዓልቱ ኢዩ ዝመውት ኣብ ኣየር እውን ሙሚት ኣሎ ሓፈሻዊ ግን ጽቡቅ ኣለኺ ብሰሃራ ኒኤውሮፓ ምኻድ ማለት ሂወትካ ኣብ ኢድካ ሒዝካያ ምኻድ ማለት ኢዩ ነዚ ክመርጸሉ ዘገደደኒ ግን ፈክ መርዓ ክገብር ስለ ዘይደለኹ ኢየ ናይ ሓሶት መርዓ ኣብ ቤተክርስትያና ፉቁድ ኣይኮነን ኣነ ድማ ዲያቆን ክንሰይ ኣብነት ክንዲ ዝኸውን ባዕለይ ሕጊ ከፍርስ ቁኑዕ ኣይኮነ ስለዚየ እንበኣር ቢዝነስ ክገብር ዘየደለኹ በለን ። ትም ኢላ ክትሰምዕ ዝጸነሐት ሰምሃር ድማ እሞ ኣንታ ዲያቆነይ መወዳእቱኡ ኸ እንታይ ምግባር ይሓይሽ በለት ጭንቕንቕ እናበለት ደሓን ፈጣሪ ናቱ መገዲ ኣለዎ ብዙሕ ዘጨንቕ ኣይኮነን በላ ብህዱእ መንፈስ። እሞ ዲያቆነይ ሎምዓንቲ

ዝዓደምናካ ንብገሰሉ ግዜ ስለ ዛኣኸለ ኢዩ ስለቲ ኣብ ሂወትና ዓቢ መቀይሮ ዝኾነና ትምህርትኻ ብቃላተይ ክገልጾ ኣይክእልን ኢየ ዓስብካ ካብ ሰማይ ኢዩ ምሳኻ ዘሕለፍናዮ ግዜ ኣዝዩ ደስ ዘብል ኢዩ ኔሩ ስለዚ በዚ ኣጋጣሚ ብስም ኩለን ደቂ ገዛይ ከመስግነካ ይፈቱ ኣምላኽ እንተፈቂድዎ ኣብ ቀጻሊ ሂወት ክንራኸብ ኢና ጉዕዞና ጉዕዞ ቁዱሳን መታን ክኾነለና ጸሎት ግበረልና በለት ፊዮሪ። ንኹሉ ገግዚኡ ኣለዎ ዝበለ ጥበበኛ ሰለሙንስ ለካ ነዚ ኢዩ በለ ዲያቆን፡ ካብቲ ዝነበርክዎ ናይ ጭንቀት ዓለም ኣውጺኽን ሕጉስ ሂወት ንኽመርሕ ዝገበርክናኒ ንስኻትክን ኢኽን ብመንጽር እቲ ዝገበርክናለይ ክረአ ከሎ ኣነ ወላሓንቲ ኣይገበርኩልክንን ብዝኾነ ሰናይ መገዲ ክኾነልክን እንዳተመነኹ ኣብ ድላይክን ክም ትበጽሓ ድማ እሙንቶይ ኢዩ እንተ ኣነ ግን ድሕሬኽ ናብራ ሱዳን ዝኽእሎ ኣይመስለንን ኣብ ሂወተይ ፉሉይ ነገር ጌርክናለይ ኢኽን ብፍላይ ሰማህር ኣብ ሂወተይ ፉሉይ ቦታ ኢዩ ዘለኪ በለ ኣብ ልዕሊ ሰምሃር ዘለዎ ስምዒት ከይተርውዶኦ ቦጮቅ ኣቦሎ ሰምሃር ነዚ ምስ ሰመዐት ንብዓታ ክትቆጻጸሮ ኣይከኣለትን ከም ህጻን ፊቅ ኢላ በኽየት።

4ይ ክፋል

ንብዓት ሰምሃር ምስ ረኣያስ ኩላተን'የን ነቢዐን ዲያቆን ወላኳ ኣምዑቱ ተተገማጠሎ ተባዕታዊ ተፈጥሩኡ ተጠቂሙ ክገንሐን ኢዩ ጀሚሩ። በጃኽን ኢለክን በስመኣብ በላ ንብዓት ንብዓት ኢዩ ዝወልድ ናይ ምንታይ ፋል ኢዩ ኽዚ በለን ከም ቁጥዕ ኢሉ። ኣንታ ዲያቆን ንፈላለ ኢና እኮ ዘለና ምናልባት ካላኣይ ግዜ ዘይክንራኸብ ንኽእል ከመይ ጌርካ ኢኻ ኣቅሊልካ ትሪኡ በለት ንብዓት ጀረብረብ እናበለት። ድሕርዝስ ዲያቆን እውን ንብዓት ጸረር ከብል ኢዩ ጀሚሩ፡ ግድን ክእብደን ስለ ዘለዎ ድማ ንኹለን ኣህደኣን ስምሃር ግን ክትሃድእ ኣይከኣለትን ስሕብ ኣቢሉ ኣብ ሕቁፉ ኣእትዩ ድማ ከም ቆልዓ ከቀባጥረላ ጀመረ። ሰምሃረይ ምፍልላይና ልዕሌኽን ንዓይ ኢዩ ዝነድኣኒ ግን እንታይ ክገብር ኢልክኒ ካብ ትእዛዝ ኣሕዋተይ ክወጽእ ኣይክእልን ኢየ ፡ እንበር ምሳኽን ዝኣተኽኖኡ ካኣቱ ደስ ምበለኒ ምስ በላ፡ እሞ ዲያቆን ሓንቲ ሓሳብ ኣላትኒ ክስታይ ዘይንገብር ነዚ ሳምሳሪ ተሓባበረና ዘይንብሎ ምሳና ተቀርቂርካ ዘይትኸይድ በለት ኩለን ብጣዕሚ ጽቡቅ ሓሳብ ኢሂ ድያቆን በሎኡ። ጹቡቅ ሓሳብ ኢዩ ግን ቀዲመ፡ ምስ ነብሰይ ክማኸር ክሓስበሉ ዕድል ሃባኒ ምስ በለን፡ ኣብ ናይ ኩለን ገጽ ናይ ተስፋ ጨራ ከንጸባርቅ ኢዩ ተራእዩ ብፍላይ ሰምሃር ከምዛ ክትበኪ ዘይጸንሐት ፍሽኽሽኽ ክትብል ኢያ ጀሚራ ። ድሓን ሕደራ ኢሉ ተፋንይወን ምስ ከደ ሙሉእ ለይቲ ሓሳባት ከውርድ ከደይብ ከይደቀሰ ኢዩ ሓዲሩ። ኣብ ኣጋ ወጋሕታ ግን ድኻም፡ግዲ ጌርሉ ከቢድ ድቃስ ኢዩ ደቂሱ።

ከበቢ ሰዓት 9፡00 am ኣቢሉ ሞባይሉ ጻውዒት ገበረት Ring ton መቀበሊት ናይ ሞባይሉ ኣምሓርኛ ኮይና "በቤተ መቅደስህ ያሳደግከኝ ፡ ለኣፌ ጥበብ ያስተማርከኝ" ትብል ልዕሊ ማንም ዝፈትዋ መዝሙር ስለ ዝኾነት ክሰምዓ ክብል ምቅባል ኢዩ ኣቢዋ ካላኣይ ግዜ ጻውዒት ምስ ገበረት ግን ዓይኑ እንዳ ሓሰየ ናብ ስክሪም ገጹ ጠመተ ሰምሃር ኢያ ትድውል፡ኔራ፡ መርሓባ ሰምሃረይ ከመይ ሓዲርኪ? ኣታ ደቃሲ ክሳብ ሞባይልካ ተደዊላ ምስማዕ ትስእን ትድቅስ ኖ ሰሚዐይ እንድየ እታ መዝሙር መቀበሊት ደስ ኢላትኒ ክሰምዓ ክብል ተቋሪጻትኒ ምስ በላ ንስኻስ ከኣ ንበይንኻ ኢኻ ተስእ ቁርሲ ይጽበየካ ኣለኹ ኣይትደንጉየኒ ምስ በለቶ፡ በቃ ሰምሃረይ መጻኹ ኢልዋ ተሌፎኑ ዓጸወ።

ሰምሃር ካብ ዕዳጋ ዝገዛኣቶ እንጀራ ምስ ቋንጣ ስጋ ቀሪባ ቁርሲ ኣዳለወት፡ ዲያቆን ገና ከይኣተወ ከሎ ኣቤት ሰምሃረይ ናይ ሎምዓንትስ ጸብሒስ ፍልይቲ ኢያ ጨና፡ወዲኣትና በላ እንዳሰሓቀ። ከምቲ ንቡር በሊያም ምስ ወዱኡ ኣቀዲማ ዘረባ ዝጀመረት ሰምሃር ኢያ ኔራ ደቂ ገዛኣ ኣቀዲመን ንጉዕዞ ዝኸውን ንብረት ክገዝኣ ናብ ሹቅ ዓረቢ ምስ ከዳ ኣይተመለሳን። ንዲያቆን ንበይኑ ከተዛራርቦ ትሓስብ ስለ ዝነበረት ድማ ነዛ ዕድል ክትጥቀመላ ኢያ መሪጻ፡፡ ዲያቆን ሓወይ ብዛዕባ ቲትማሊ ዝተባሃልናዮ እንታይ ወሲንካ በለቶ መልሱ ክትሰምዕ እንዳ ተረበጸት። ሰምሃረይ ዳርጋ ከይደቀስኩ ኢየ ሓዲረ ትፈልጢ ከም ሎሚ ምውሳን ዝሰኣንኩሉ ግዜ ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን፡ ትም ኢለ ከይብገስ ምስ ኣሕዋተይ ክበኣስ ኢየ፡ ንሶም ዝበሉኒ ፈክ መርዓ ክገብር ድማ ፈጺምካ ዘይሕሰብ ኢዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ንስኽን ተኸድክን ካርቱም ክትጽልምተኒ ኢያ ናብ ንቡር ሂወተይ ክምለስ ዝገበርክዮ ጻዕሪ ሰምሃር ሓፍተይ ብቃላት ዝግለጽ ኣይኮነን ስለዚ ብድሕሬኺ ዝኽእሎ ኣይመስለንን በለ።

ሰምሃር እውን ወዮ ደኣ ኣፍ ኣውጺኣ ኣይትዛረበሉ እበር ካብ ዲያቆን ምፍላይ ዓቀብ ኢዩ ኮይንዋ ካብ ገዲፋቶ ትኸይድ ምሱኡ ኣብ ካርቱም ምትራፍ ምመረጸት ግን ኩሉ ከም ዝደለኻዮ ከምዘይከውን ስለ ትፈልጥ ብዓቢኡ ድማ ጾር ስድራ ስለ ዘለዋ ኤውሮጳ ኣትያ ስድራኣ ክትሕግዝ ከም ቀዳማይ ዕላማ ኢያ ሰሪዓቶ ስለዚ ክትገብሮ ዝግባኣ ነገር እንተልዩ ንዲያቆን ኣእሚና ምሳኣ ከም ዝብገስ ክትገብር ዩ ኔርዋ። ስምዓኒ ዲያቆን ሓወይ ትም፡ኢልካ ተተበጊስካ ምስ ኣህዋትካ ክትበኣስ ኣይትክእልን ኢካ ንሳቶም መገዲ ሊብያ ስለ ዘፍሮሖም፡ኣንበር ኤውሮጳ ጸሊኦሞ ኣይኩኑን ስለዚ ኣምላኽካ ኣሚንካ ምሳና ተበገስ ናይ ሓደ መገዲ ምሳና ተቀሪቂርካ ትኸይድ ናይ ባሕሪ፡ድማ ከይፈተዉ ክኸፍሉልካ ኢዮም። በጃኻ ዲያቆን ሓወይ ኣብ መገዲ ከማን ሓው ትኾነና በለቶ ሰምሃር ምሕጽንታ ብዘሰነየ ቃላት። ሰምሃር ሓፍተይ ከቢድ ኢዩ እዚ ነገር ኩሉ ግዜ ምሰሕዋትካ ስድራኻ ተሰማሚዕካ ትገብሮ ነገር ኣምላኽ ይሕወሶ ኢዩ ብገዛእ ዋኒንካ ንነብስኻ ክጥዕመካ ኢልካ ትገብሮ ነገር ግን ኣምላኽ ውን ኣይፈትዎን ኢዩ ምስ በላ። እሞ ኣታ ዲያቆን መወዳእቱኡ ኸ እንታይ ኢኻ ክትከውን? ሰምሃረይ ቀስ ጌረ ከረዶኦም፡ኢየ ቢዝነስ ሓጥያት ሙኺኑ ኣነ ድማ ከምዘይውዕሎ ምስ ፈለጡ ከበግሱኒ ኢዮም ስለዚ ቁሩብ ዓቅሊ ከድልየኒ ኢዩ በላ።

ጽቡቅ ምብጋስካ ዘይተርፈካ ተኾይኑ መኣስ ብዘየገድስ ብሓንሳብ ኢና ንብገስ ኣነ መደበይ ሰሪዘዮ ኣለኹ ክጽበየካ ኢየ በለት ብስምዒት።ኖ ሰምሃር ከሙኡ ክትብሊ የብልክን ምእንታይ ክትብሊ ፕሮግራምኪ ፋሕ ከይተብልዮ ጽባሕ ንጎሆ ከየጣዕሰኪ በላ ዲያቆን ፡ ኣይጠዓስን ኢየ ደሓር ከኣ ንዓኻ ኢለ ዘይኮንኩስ ንነብሰይ ክሕሸኒ ክብል ኢየ በቃ ካባኻ ክፍለ ኣይደልን ነዋርሕ ኣብ ውሽጣ ተደጉሉ ዝነበረ ስምዒት ሃንደበት ፈንጀረቶ ሰምሃረይ ኣይንፈላለን ኢና ብኣካል ተተፈላለና ብመንፈስ ግን ብሓንሳብ ኣለና ኢሉ ዘረቡኡ ከይወደአ ከሎ። ኣነ ግን ወላ ባኣካል ክንፈላለ ኣይደልን ኢየ ዲያቆን ሓወይ ምናልባት ንዓይ ክብረተይ ንዓኻ ድማ፡ስምዒትካ ዝትንክፍ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ወይውን ዘይተጸበኻዮ ግን በቃ እቲ ሓቂ ክነግረካ ኢየ ኣነ ካብ ልበይ ኢየ ዘፍቅረካ ካባኻ ንሰዓት እውን ትኹን ክፍለ ኣይደልን ኢየ በለቶ። ዲያቆን ኣቤል ልቡ ህርመታ ክትውስኽ ተፈለጠቶ ኣፉ ከይከፈተ ከሎ ድያቆነይ ክብረትካ ይትንክፈካ ይህሉ ይኸውን ዲያቆን ክንስኻ ብዘይ ኣገባብ ከም፡ወዲ ደገ ኣፈይ መሊኡ የፍቅረካ ኢየ ክብለካ ከለኹ ክብደቱ ይርዳኣኒ ኢዩ፡ ግን በቃ ክትርዳኣኒ ኣይከኣልካን ነዊሕ ተጸብየካ ህርመት ልበይ ክትሰምዖ ኣይከኣልካን ሕጂ ድማ መልስኻ ብዘየገድስ ብጣዕሚ ኢየ ዘፍቅረካ ኢላ ናብ መደቀሲ ክፍላ ገዲፋቶ ኣተወት።ዲያቆን ዕንድ ኢሉ ኢዩ ተሪፉ ነገራት ተሓዋዊሶሞ ኢዮም ሃንደበት ብድድ ኢሉ ናብ መደቀሲ ክፍሊ ሰምሃር ኣተወ።

****

5ይ ክፋል

ሰምሃር ኣብ ዓራታ ቁልቁል፡ኣፋ ወዲቃ ትነፋረቅ ኢያ ኔራ፡ ዲያቆን፡ክትበኪ ምስ ረኣያ ክብዱ ተገላቢጡ ሕልኑኡ ክትንከፍ ተሰመዖ። ሰምሃር ስለምንታይ ትበኽዩ ኣለኺ ኦረ በእግዚኣብሄር ንየው በልዮ ንብዓት ሕማቅ ትምኒት ኢዩ ኢሉ ካብ ጁቡኡ ሶፍቲ ኣውጺኡ ንብዓታ ደረዘላ። ገጽኪ እሞ ተሓጸቢ ህድእ ኢልና ክንዘራረብ ኢና ናይ ቆልዓ ስራሕ ኣይትስርሒ ብኽያት ኣቋርጺ በላ። ሽቃቅ ኣትያ ገጻ ተሓጺባ ምስ ተመለሰት ንዒ በዚ ኩኒ ኢሉ ኣብ ጎኑ ኮፍ ኣበላ።

ሰምሃረይ ኣምጺክዮ ዘለኪ ኣርእስቲ ቀሊል ኣይኮነን ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ፡ ፍቅሪ ወላኳ እቲ ዝበለጸ ነገር ተኾነ ናትና ነገር ማለት ናይ ዲያቆናት ከመይ ሙኺኑ ዝጠፋኣኪ ኣይመስለንን፡ ስለዚ ኣለልሃዋ ብስምዒት ዘይኮነስ ኮፍ ኢልና ክንዘራረበሉ ዝግባኣና ጉዳይ ኢዩ ኔሩ ስለዝኾነ ኢየ ከኣ ሃዲእና ክንዘራረበሉ መሪጸ። ስለዚ ዝሓተትኩኺ ሓንቲ ከይሓባእኪ ብግልጺ ክትነግርኒ ይላበወኪ በላ። ሰምሃር ድማ ሕራይ ብዘስምዕ ደኒና ርእሳ ነቅነቀትሉ፡ ኦኬ ጽቡቅ ቅንዕ ኢልኪ እሞ ናባይ ጠምቲ ሕፍረት ንግዚኡ ደርብይዮ ምኽንያቱ መናብርተይ ክትኮኒ ካብ ሓሰብኪ ክትሓፍርኒ የብልክን በላ ሰምሃር ድማ እታ መናብርተይ ክትኮኒ ትብል ቃል ልባ መሊኣ ተስፋ ስለ ዘስነቀታ ፍሽኽ ኢላ ቀኒዓ ክትጥምቶ ጀመረት ። ቅድሚ ሕጂ Boy Friend ማለት ኣፍቃሪ ኔርኪ ዶ??? እንተ ኔርኪ ከመይ ይመስል ኔሩ ርክብኩም፡ኣሕጽር ኣቢልኪ ንገርኒ።

ዓርኪ ኳ ኣይነበረንን ግን ዝፈትዎ ዝፈትወኒ ወዲ ኣብ ኤርትራ ከለኹ ኔርኒ ምስ በለት ማለት? ኣይተረዳኣንን ዓርኪ ኣይነበረንን፡ዝፈትዎ፡ዝፈትወኒ፡ኔርኒ ከመይ ማለትኪ ኢዩ ክልተ ኣርእስቲ እኳዩ ሰምሃር እስኪ ኣብርህለይ በለ ዲያቆን ገጹ እስር

ኣቢሉ። ምናልባት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝጀመረ ፍቅሪ ናብ ካልእ ኣንፈቱ ቀይሩ ድንግልናኣ ፈሪሳ ከይትኸውን ስግኣት ኣሕደረሉ። ንሰምሃር ብዓይኒ ፍቅሪ ካብ ዝጥምታ ቀሊል ኣይገበረን እንተኾነ ዲቁኑኡ ስለ ዝኸበዶ እግዚኣብሄር ይፈልጥ ኢሉ ኣብ ውሽጡ ክዓቁሮ ኢዩ ወሲኑ፡ ብዘይክኡ ውን ድንግል ሙኺናን ዘይሙኹናን ብዘይካ ንሳን ኣባት ነብሳን ዝፈልጦ ስለ ዘየለ ምናልባት እንታይ ኣምጾኦ ኣፈይ ዝጽይቅ። ናተይ ዝበላ ኣምላኽ ክህበኒ ኢዩ ዝብል እምነት ኣሕዲሩ ክዕገስ ኢዩ ወሲኑ።

እንተኾነ እዛ ዝፈትዎ ዝፈትወኒ ትብል ሓረግ ንምርዱኡ ኣጸጊማቶ ኢያ ውሽጡ ፍርሓት ክወሮ ተፈለጦ።ኣብ ከምዚ ህሞት ከሎ ሰምሃር ማለተይ እቲ ወዲ ብጣዕሚ ኢዩ ዝፈትወኒ ኔሩ ቀጻሊ ውን ይሓተኒ ኔሩ ሓቂ ይሓይሽ ኣነ ውን ኣይጸልኦን ኔረ፡ ግን ቆልዓ ስለ ዝነበርኩ ትምህርተይ ውን ገና ስለ ዝነበርኩ ከየዐንቅፈኒ ኢለ ኣብየዮ ምስ በለቶ። ኣቲ ሰምሃር ታይ ኣምጾኦ ዝኹሉ ኮለል ኣግህድ ኣቢልኪ ዓርኪ ኣይነበረንን ዘይትብሊ በላ ኣዕሚቁ እንዳስተንፈሰ፡ እሞ ሕጅስ,,,ኢሉ ዘረቡኡ ከይወደአ ከሎ። ቡኡ ኣይትጠራጠር በለቶ ክምስ እንዳ በለት።

በሊ ሕጂ ጽን ኢልኪ ስምዕኒ ዘዕልለኪ ኣለኒ ብድሕሪኡ ናብ ውሳኔ ናኣቱ በላ።ሰምሃር ዘረቡኡ ክትሰምዕ እንዳ ተረበጸት ኦኬ ሕራይ ቀጽል በለቶ። ሰምሃረይ ካብ ኤርትራ መውጽእየይ ክነግረኪ ኢየ ኢሉ፡ ኣብ ሂወቱ ዘጋጠሞ ብሙሉኡ ሓደ ድሕሪ ሓደ ዘርዚሩ ነገራ፡ ስለዚ ኢየ ከኣ ካብ ሰብ ሪሒቀ ጽምዋ መሪጸ በይነይ ዝኸውን ዝነበርኩ በላ ። ዕድመ ንዓኺ ድማ ካብ ጸልማት ሂወት ኣውጺኽኒ። እንበኣር ሕጂ ከይተሃወኽኪ ካብ ስምዒት ውጽእ ኢልኪ ወስኒ ምሳይ ምስ ሓደ በላዒ ሞባእ ክትነብሪ ፍቃደኛ ዲኺ??? በላ፡ መልሳ ከይሰመዐ ድማ ድሓን ሓሲብኪ ንገርኒ ኣብ መደቀሲ ክፍለይ ኣለኹ ኢሉ ብድድ በለ። ሰምሃር ሓጎሳ ክትቆጻጸሮ ኣይከኣለትን ካብ ገዛ ክወጽእ እውን ዕድል ኣይሃበቶን ተሲኣ ጥምጥም በለቶ። ዲያቆነይ ሕሉፍ ሂወትካ ንዓይ ኣየገድሰንን ኢዩ ኣይኮነን ኣነ ካባኻ ዘይሓይሽ ሓጥያተኛ ኣምላኽ ከማን ብሕሉፍ ሂወትካ ኣይጸባጸብን ኢዩ። ባዕልኻ ዘስተምሃርካኒ ድማ ኣምላኽ ኣበይ ኣለኻ እንበር ኣበይ ኔርካ ኣይብልን ኢዩ፡ከምቲ ኣብ ዘፍጥረት 3፥9 ኣዳም ኣዳም ኣበይ ኣለኻ ኢልዎ ዘሎ ብድጋሜ ዘለኻዮ እንበር ዝነበርካዮ ኣየገድሰንን ኢዩ። ወላውን ሕሉፍ ሂወትካ እኮ ካብቲ ዝገበርካዮ ጌጋ እቲ ዘሕለፍካዮ ሰናይ ኣገልግሎት ይበዝሕ ስለዚ ንስኻ፡ከማን ድኽመተይ ዘይጸብጸብካስ ኣነ ነዛ ሓንቲ፡ኣበሳኻ ክጥምት። ዲያቆን ሓወይ ንስኻ በካይዳኻን ስነ ስርዓትካ፡ ካባይ ትበልጽ ጓል ኣይትስእንን ኢኻ፡ኣነ ግን ከማኻ ጌሩ ሄዋናዊ ድኽመተይ ክሸፍነለይ ዝኽእል ሰብ ክረክብ ኣይክእል፡ ኢየ። ካባኻ ተተፈልየ ምጥፈኣይ ኣይተርፈንን ኢዩ፡ ዓለም ክትውሕጠኒ ኢያ። ስለዚ ኣነ ጎዶሎኻ ክምልእ፡ ንስኻ ድኻመይ ክትጸውር ሕራይ በለኒ ሓውሲ ምሕጽንታ ወሲኻ ኢያ ዛረብ ኔራ ሰምሃር።

ዲያቆን ኣዕሚቁ ድሕሪ ምስትንፋስ ሰምሃረይ ርግጸኛ ዲኺ? በላ። ናብ ገጻ እንዳጠመተ ሰምሃር እውን ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተት ርእሳ ነቅነቀትሉ ኣሚንታ ሰለምለም፡ ናበለት። ዲያቆን ድማ ስሕብ ኣቢሉ ሕቁፍ ኣበላ።

****

6ይ ክፋል

ዲያቆን ምትሕቅቃፎም ከሰክፎ ስለ ዝጀመረ ኣጥቢቁ ሓቑፍዋ ንዝነበረ ኣእዳዉ ቀስ ብቀስ ኣፍኩሱ ክፍንዎ ጀመረ። ሰምሃር ግን ሓጎሳ ምቁጽጻር ስለ፡ዝሰኣነቶ ናይ ሓጎስ ንብዓት እንዳ ነበዐት ካብ ሕቁፉ ምውጻእ ኣበየት። ዲያቆን ወላኳ ውዑይ ምስ ሰብ ሕዉስ እንተነበረ ከምዚ ዓይነት ምትሕቁጃፍ ግን ኣብ ሂወቱ ኣጋጢዎ ኣይፈልጥን ኢዩ። ሃይስኩል እንዳተመሃረ ከሎ ምሕቋፍ ከምዘይፈቱ ዝፍልጣ ደቂ ክላሱ ከሰክፎኦ ወይ ከሕፍሮኦ ኢለን መጼን ይሓቑፎኦ ኳ ተነበራ። ናይ ሎሚ ግን ምስ ኣብ ልቡ ፍሉይ ቦታ ዘለዋ እሞ ድማ ኣብ ጽምዋ ብዘይቡኡ ውን መልክዐኛ ንኽትሪኣ ተብህግ ጎርዞ ስለ ዝኾነት ፍርሒ ተሰምዖ ቅድሚ ሕጂ ዘይፈልጦ ስምዒት ድማ ኣብ ውሽጡ ክወሮ ጀመረ። ብግህዶ ንሳ ሓቁፋቶ ከላ ንሱ ከይፍንዋ ስክፍታ ከይስምዓ ሞ ልባ ከይትንከፍ ኢሉ ብሜላ ካብ ሕቁፋ ወጺኡ ካብ ፈተና ሰይጣን ንምህዳም ካብ ቅድሚኣ ክርሕቅ ኢዩ ወሲኑ።

ኣብ ቀዳማይ መዓልቶም ኣብ መንነኡም ዝኾነ ሕማቅ ነገር ከም ዘይፍጸም ኣዳዲው ይፈልጥ ኢዩ ወላ ኳ ናይ ሰይጣን ነገር ከም ወዲ ተባዕታይ መጠን ንሱ ሕማቅ ክሓስብ ተኽእለ ሰምሃር ግን ኣብ ቤተ ክርስትያን ተኾስኩሳ ዝዓበየት መዘምር ኣብ ርእሲኡ ውን ቅዱስ ቁርባን ትወስድ ፍርሃት ኣምላኽ ዘለዋ ሰብ ስለ ዝኾነት ኣብ መንነኡም ንዝፍጠር ሕማቅ ሓሳባት ንሳ ክትገቶኦ ከም ትኽእል ሙሉእ እምነት ኢዩ ዘለዎ። ሰምሃር እውን ፍቅራዊ ሕቶኣ ብቀሊሉ ክቅበሎ ኢዩ ዝብል እምነት ስለ ዘይነበራ ሓጎሳ ምቁጽጻር ስለ ዝሰኣነቶ እንበር ንስጋዊ ፍትወት ቢሂጋቶ ኣይኮነትን ። ግን ከምቲ ጎይታ ኣብ መዋእለ ስብከቱ ዝበሎ "ኣነ ግና ኩሉ ንሰበይቲ ሪኡ ዝተመነያ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ እብለኩም ኣለኹ" (ወንጌል ማቴዎስ 5፥28) ዝብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ ብልቡ ከይብህጋ ወይ ከይትብህነ እሞ ምኽንያት ሓጥያት ከይኮኖም ብዝብል ሓስብ ኢዩ ዲያቆን ክርሕቃ ዝወሰነ።

መምህሩ እውን ክምዕድዎ ከለዉ፡-

ዲያቆን ወደይ ሰይጣን መታለሊ ኢዩ ብሜላን ጸሎትን ተዘይ ኮይኑ ብኻልእ ዘይስነፍ ፍጡር ኢዩ እሞ ምስ ደቂ ሄዋን በይንኻ ኣብ ትኾነሉ ግዜ ከፊላዊ ዕላልኩም መንፈሳዊ ንኽኽውን ጸዓር ወይ ትራኽብሉ ቦታ ኣብ ከባቢ ቤተ ክርስትያን ይኹን። ኣብ ጽሙው ስፍራ ካብ መንፈሳዊ ዝረሓቀ ዓለማዊ ዕላል ምስ ዝኽውን ግን ወላኳ ብተግባር ኣየስሕትካ ኣብ ልብኻ ክፉእ ሓሳብ ክዘርኣልካ ኢዩ ስለዚ ሜላ ዝተሓወሶ ኣካይዳ ተኽተል። ዲያቆን ስለ ዝኾንካ ክፍተን የብለይን ዘይኮንካ ክትብል ዘለካስ ንፈተናይ ብሜላ ክወጾ ኣለኒ ዝብል ስነ ሓሳብ ተቀነት ቃል ናይቲ ዝፈትዎም መምህሩ ኢዩ። ስለዚዩ እንበኣር ንሰይጣን ንምስናፍ ገለ ሜላ ክገብር ዝወሰነ። ኩሉ ግዜ ዓቅሉ ክጸቦ ከሎ ኩፉእ ሓሳብ ክመጾ ከሎ ኮታስ ንህጹጽ ረዲኤት ዝጥቀመላ ጸሎት Emergency Periy ብሓንሳሉ ዝሸምደዳ ሓጻር ጸሎት ክደግም ጀመረ።

“ኦ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ንዓይ ንሓጥእ ባርያኻ ድኹም ዓቅሚ ኢየሞ ርድኣኒ። ካብ ውሽጠይ ክፉእ ሓሳባት ኣርሕቀለይ። ብመንፈስ ከይደክም ስጋይ ከይመልከኒ ሓይሊ መንፈስካ ልኣኽለይ። ትምኒት ስጋ ፈጺመ ኣብ ሂወተይ ሞት ከይዓጽድ ኣብ ጸጽባሕ ምግባረ ሰናይ ምሃረኒ ንመጻወድያ ሰይጣን ብእሳታዊ ቃልካ ብተኽለይ። ብልበይ ተዓብየ ውድቀት ከይጽውዕ ስቡር ልቢ ሃበኒ። ኢሉ ኣቡነ ዘበሰማያት ምስ በሰላመ ቅዱስ ገብሪኤል መልኣኽ ደገመ።”

እዚ ኩሉ ክኽውን ከሎ ሰምሃር እውን ኣብ ሕቅፊ ዲያቆን ኮይና ናይ ምስጋና ጸሎት ኢያ ተብጽሕ ዝነበረት። ጸሎታ ውድእ ምሰበለት ድማ ዲያቆን ሓወይ በዓል ፊዮሪ ምስ መጻ ናይ ደስደስ ጥዕምቲ ቡን ከስትየኩም ኢየ በለቶ። ፍሽኽ ድሕሪ ምባል “ተመስገን ኤልሻዳይ ኣምላኽና” በለ ብልቡ። ሕጂ ግን ክወጽእ ኢየ ኣነ ምስ ሓደ ዲያቆን ዓርኪይ ቆጸራ ኣለኒ በላ።

ሰምሃር ከምዚየለን ገጻ በሪሁ ልባ ብሓጎስ መሊኡ ስለ ዝነበረ ንዲያቆን ኣፋንያ ገዛኣ ዓጽያ ጸሎት ከተብጽሕ ጀመረት።

በዓል ፊዮሪ ንጉዕዞ ሰሃራ ዘድሊ መግቢ ዝስተ ዝብላዕ ከሙኡውን ጃኬት ጫማ ሸማሚተን ምስ ተመልሳ ሰምሃር ገዛ ብጽፈት ኣለዓሚላ ናውቲ ብቡን ቀሪባ “ኣሰይ ጸሎተይ ሰመረ ፡ ኣሰይ ጸሎተይ ሰመረ ፡ ንመድሃኒ ኣለም ነጊረዮ ኔረ ፡ ንድንግል ማርያም፡ነጊረያ ኔረ ፡ ኣሰይ ጸሎተይ ሰመረ” ትብል መዝሙር ክትሰምዕ ጸንሐተን። ሰምሃሪኖ ናይ ደሓን፡ዲያ ደኣ ዛመዝሙር ጸሎተይ ሰመረ በላታ ፊዮሪ ሰሓቅ ናወሰኸት ። ሳሌም ድማ ዲያቆን.....ምስ በለት ስምሃር ድማ ህውኽ ኢላ ኢሂሞ ዲያቆን በለታ። ክብገስ ወሲነ ኣለኹ ኢልኪ ከይከውን በለታ ኣይበለንን ግን ሎምዓንቲ ቡን ምሳና ክትሰቲ ኢኻ ኢለዮ ሕራይ ኢሉኒ ኣሎ መልሲ ሹው ንሰምዕ በለተን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ከሎ ደቂ ዓበይቲ ኣለኽን ዶ በለ ዲያቆን ብደገ ጸኒሑ፡እንዳ ኣተወ። መርሓባ ዲያቆን ኣለና ነዓ እቶ በለኣ። ሳሌም፡ድማ ሓማትካ ክትፈትወካ መዓት ኢያ እንዳዘከርናካ በለቶ። ኩላቶም ድማ ክርትም ኢሎም፡ሰሓቁ። ሳሌመይ ዕድሜኻ ክነውሕ መዓት ዩ ኢዩ ዝበሃል በለታ ፊዮሪ እንዳ ሰሓቀት። ወሪዱኒ ኣነ ታይ ይፈልጦ ዘይ ክብሉ ኢየ ሰሚዐ በለት ሳሌም ሕፍረት እንዳተሰመዓ። ዲያቆን ድማ ትቅብል ኣቢሉ ጽቡቅ ኣለኺ ሳሌመይ ሓማተይ ከማን ክትፈትወኒ መዓት ኢያ በለ ሰሓቅ እንዳ ሓወሰ። ወይ ነብስኻ ባዕልኻ ምንኣድ ትፈልጣ ዲኻ ሓማትካ በለቶ ፊዮሪ እሂናይ ደኣ ጽቡቅ ጌረ ከኣንበር ምስ በለ።

ሰምሃር ሃንደበት ኮፍ እባ ንበል ታይደኣኽ ደው ኢልና ኢላ ዕላል ስብር ኣበለቶ። ብዘይካ ዲያቆን ዝገጠማ ኣይነበረን ከየምልቆለን ስለ ዝፈረሐት ኢያ ነቲ ዕላል ዝሰብረቶ።

ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብርዎ ድሙቅ ዕላል ከፊቶም ቡኖም እንዳ ሰተዩ ነዊሕ ሰዓት ኣዕለሉ። ጡዑም ቡን ሰቲና ቤተ በረካ ቤተ ሸሻይ ይግበረልክን ኢሉ መሪቁ ምስ ወደኦ። ሳሌም ዲያቆነይ እንዶ ክሓስበሉ ኢልካና እኮ መልሲ ኣይነገርካናን በለቶ። ነየናይ ኢኺ ኣይተረዳኣንን በላ ብዝተደናገረ መንፈስ፡ብዙሕ ግዜ ካብ ዓቅሙ ንላዕሊ ሕቶ ተምጽየናሉ ንመማህራን ክሓትት ኢየ መጽሃፍ ቅዱስ ክሪኢ ስለ ዝብለን ገለ ሕቶ ሓቲተነኦ ዝረሰየ ኢዩ መሲልዎ።ብዛዕባ ምብጋስ! ከመይ ወሲንካ ነቲ ሳምሳሪ ተዛሪብናዮ ጸገም የለን ኢሉና ኢዩ ንስኻ ከ ከመይ ኢዩ ዘሎ ሓሳብካ በለቶ መልሱ ክትሰምዕ እንዳ ተረበጸት።ኦኬ ብዛዕቡኡ ዲኺ,,,,,,,።

****

7ይ ክፋል

ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምባሉ ሰምሃር ሓንሳብ እሞ ንዒ ኢሉ ደገ ሒዝዋ ወጸ። ንሓሙሽተ ደቂቅ ዛኣክል ንበይኖም ድሕሪ ምዝርራቦም ተተሓሒዞም ተመለሱ፡ እሞ ብሩኻት ኣሕዋተይ እግዚኣብሄር ይተሓወሶ ደኣንበር ክብገስ ወሲነ ኣለኹ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ! እውን ኢሉ ንቁሩብ ካሊኢት ዝን በለ። በየን ጀሚረ እንታይ ከም ዝብለክን እንድዒ ግን፡ሓደ ነገር ክነግረክን ኢየ። ብሓንሳብ በሊዕና ብሓንሳብ ሰቲና ኢና። ስለዚ ንሕና ኣሕዋት ኢና ሕውነት ድማ ብልሳን ዘይኮነስ ብተግባር ኢዩ ክኸውን ዘለዎ።

ስለዚ ናተይን ናይ ሰምሃርን ርክብ ከምቲ ንስኻትክን ትፈልጥኡ ብሕውነት ጥራይ ዘይኮናስ ካቡኡ ሰጊርና ፍቅሪ ጀሚርና ኣለና። ዘረባ ኣይከኣልክዎን ክከውን ይኽእል ኢየ ሓፈሻዊ ግን ናይ ልቢ ቀለቤት ጌርና ኣለና ኣምላኽ ከም፡ዝፈቀዶ መጠን ድማ ኣብቲ ንደልዮ ብሰላም ምስ በጻሕና፡ ናይ ኢድ ቃልኪዳን ክንገብር ምስ ሰምሃር ተሰማሚዕና ኣለና በለ ዲያቆን ከቢድ ሕፍረት እንዳተሰመዖ።

“ዘይከምዚኣ ታይ ደልየ ፡ ዘይከምዚኣየ ፡ ዘይከምዚኣ ታይ ደልየ ፡ ዘይከምዚኣየ” እናባለት ሰሓቅ ሓዊሳ ደረፈት ፊዮሪ። ዋውውውው እንቋዕ ሓሳብ ልብኺ ኣስመረልኪ ሰምሃር ሓፍተይ ኢላ ሕቁፍ ኣቢላ ሰዓመታ።ሳሌም፡ድማ ኣንታ መኣስ ኢኹም፡ ዝኹሉ ወዲእኩሞ ወይ ቅያ በለት እንዳ ሰሓቀት። ሎምዓንቲ ኢዩ ኩሉ ነገር ተፈጺሙ በለ ዲያቆን። እግዚኣብሄር ኣምላክ ፍቅርኹም ከም ናይ ንጉስ ዳዊትን ዮናታን ወዲ ሳኡልን ይግበረልኩም ኣብ መርዓን ፍረን የብጽሕኩም ናይ ብሓቂ፡ደስ ኢሉኒ ዲያቆን ሓወይ። ኦይ,,,,ግን ዘይከምዚኣ ታይ ደልየ ኢልኪ ዝደረፍክሲ ካብ ምንታይ ኢዩ መበገሲኡ በላ ዲያቆን እንዳ ሰሓቀ። ፊዮሪ ድማ ሰምሃር ብሕማም ፍቅሪ ካብ ትጥቃዕ እኮ ነዊሕ ኢያ ጌራ ምስኪና ገርሂ ልቡ ድኣ ሕክምና ከልኪልካያ እንበር በለቶ ንሳውን እንዳ ሰሓቀት።

ዲያቆን እውን ንጉዕዞ የድሊ ኢዩ ዝበሎ ንብረት ገዛኢኡ ምስ ወደአ ንሰለስቲኤን ሒዝወን ናብ ቤተክርስትያን እንዳ መድሃኒ ኣለም፡ ከደ ጉዕዞና መታን ክሰምረልና እምበኣር ኩላትና ናብቲ ሕያዋይ ጓሳይና ጸሎት ነብጽሕ በለን። ዲያቆን፡ድማ ጸሎት ዘዘውትር ምስ ውዳሴ ማርያም ከሙኡ ውን ካብ መዝሙረ ዳዊት ዓሰርተ ምዕራፋት ናብ ፈጣሪ ኣብጸሐ። ኣብ መወዳእታ ድማ ከምዚ ኢሉ ጸለ፡-

“ኦ ክርስቶስ ኣምላኽይ ንበደለይን ሓጢኣተይን ከይተጸባጸብካ ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ዘጽናሕካኒ የመስግነካ ኣለኹ። ኦ ክርስቶስ እሙን ኣምላኽይ በዓል፡ብዙሕ ምሕረትን ነዊሕ ትዕግስትን ዝኾንካ ነዚ፡ሓሲብናዮ ዘለና ጉዕዞ፡ጽላልካ ኢድካ ዘለዎ ጉዕዞ ቅዱሳን ግበረልና።ንስኻ ዘይሰመርካዮ ሓሳብ ፍጻሜ የብሉን! ፡ ንስኻ ዘይሰመርካዮ ጉዕዞ መወዳእታ የብሉን! ፡ ንስኻ ዘይሰመርካዮ ናብራ ቅድስና የብሉን! ፡ ንስኻ ዘይሰመርካዮ ጸሎት እውን መልሲ የብሉን! እሞ፡ ኣብ መዓልታዊ፡ንጥፈታተይ ስምረት ናትካን ናይ ባህሪ ኣቦኻን ናይ መንፈስ ቅዱስን ኣይፈለይኒ። ከምኡ ውን፡ካልኣይተይ ክትከውን ንዝመረጽክዋ ሰምሃር ኣብ ምሉእ ሂወተይ ከም ኣዳም ኮይነ ክስዕባ ቅዱስ ፍቃድካ ይኹነለይ። ንኹሉ ዝገጥመኒ ፈተነታት ክስዕረሉ ዝኽእል ከም ናይ ኣቦና ኢዮብ ዓቅሊ ሃበኒ። እዛ ሓጻር ጸሎተይ ኣብ ቅድሜኻ ቅብልቲ ትኹን።” ኣሜን!!! ኢሉ ጸሎቱ ምስ ወደአ።

በዓል ሰምሃር ድሮ ወዲኡን ክጽበዮኡ ስለዝጸንሓ ተተሓሒዞም፡ገዘኡም ተመለሱ። ሕሹኽሹኽ ክበሃላ ድሕሪ ምጽናሕ ፡ ፊዮሪ እሕሕ ድሕሪ ምባል ዲያቆን ሓወይ ሓደ ሓሳብ ሓሲብና ኔርናስ ምውሳን ሲኢና እሞ ከተማኽረና በለቶ። ዝኽእሎ ጥራሕ ይኹን እንበር ታይ ሕቶ ደሊኽሉ ፍየሪ ሓፍተይ ተፈደሊ ጥራሕ በላ።

ኣብዚ መገዲ ገለመለ፡ከየጋጥመና ፈሪሕናስ መርፍእ ክንውጋእ ሓሲብና፡ ከመይ ይመስለካ በለቶ። ዲያቆን ገጹ፡ንእለት ኢዩ ተቀይሩ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ድማ ፍዮሪ ሓፍተይ ካባኽን ዘይጽበዮ ዘረባ ተዛሪብክኒ ለካ ጎይታ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኣክል እምነት የብልኩምን ኢሉ ንሃዋርያት ክኸሶምሲ ሓቁ ኢዩ በለ። ሰምሃር ድማ ኣታ ዲያቆን ሓወይ ኩላተን ኢየን እኮ መርፍእ ዝውጋኣ ዘለዋ ዘረባኣ ከይወደአት ሰምሃር ኩስእመን ካሎኦት ኣይግድሰንን ኢዩ ንሰን ተተጋገያ እሞ ኢሉ ዘረቡኡ ቁርጽ ኣቢሉ ድላይክን ግበራ መሰልክን ኢዩ ኣነ ግን ከምዚ ተኾንክን ኣቋሪጸዮ ኣለኹ ሓሳበይ ኣይብገስን ኢየ ኢሉ ገዲፍወን ናብ ገዙኡ ኣተወ። ነንሕድሕደን ድሕሪ ምዝርራብ ተተሓሒዘን ናብ ናይ፡ዲያቆን ገዛ ኣተዋ። ኣታ ዲያቆን ሓወይ ማዕረ ክንዱኡ ዲኻ ሓራቅ በል ይቅረ ግበረልና ኢለን ኣብ እግሩ ወደቃ።

አረ ስለዝግሄር ተሳአ ንዓይ ዶ ታይ በዲልክናኒ ኢኽን ንአምላኽ ይቅረ በለልና በሎአ ዕዮ ከምዘይዓዩ ሓይሊ ከምዘይብሉ፡ ሕያዋይ ጓሳ ሙኺኑ ረሲዕክንስ ናብ መርፍእ ትውከላ እቲ ኣብ ሰብ ዝውከል ርጉም ይኹን ዝብል ጹሑፍ ኣየንበብክንን ዲኺን በለን። ተሳአ እሞ ኮፍ በላ ቃል ኣምላኽ እንታይ ከም ዝብል ዘክራ ባዕልኽን ፈተና ትጽውዓ? ኣብ መል፡ያእቆብ 1፥13 ሓደ እኳ ምስ ተፈተነ ኣምላኽ ፈቲንኒ ኣይበል ኣምላኽ ብኹፉእ ኣይፍተንን፡ ባዕሉ ውን ንሃደ ኣይፍትንን ኢዩ እሞ። ነብሲ ወከፍ ሰብ ግን ብትምኒቱን ሓሳቡን ተታሊሉ ኢዩ ዝፍተን። ነስተውዕል ኣብዚ ንስኽን ሓሲብክን ዘለኽን ሕማቅ ከጋጥም ኢዩሞ ከይንጠንስ ኢልክን ኢኽን መርፍእ ትብላ ዘለኽን ቅኑዕ ዘይትሃስባ ኣምላኽ ኩሉ ስለ ዝኽእል ካብ ሕማቅ ከውጻኣና ኢዩ ዝብል እምነት ኣብ ልብኽን ዘይተሕድራ። እዚ ሓሳብ እዚ ናይ ሰይጣን ኢዩ ንየው በለኦ ንዕነ ሞ ሕጂ ተሰኣ ነዚ እኩይ ሓሳብ መታን ክብትነልና ጸሎት ንግበር ኢሉ ናይ ሓባር ጸሎት ኣብጽሑ። ዲያቆን ካብ ኤርትራ ክብገስ ከሎ ጸበል ኣቡነ ኣረጋዊ ኣብ ቦርሱኡ ተማሊኡ ስለ፡ ዝነበረ ንኩላተን ኣብ ፕላስቲክ ጌሩ ጉዕዞና ክሳብ ዝፍጸም ካብ ነብስኽን ከይትፈልዮኦ ኢሉ ሃበን ነቦይ ቀሺ ደዊሎም፡መርቁና ንብገስ ኣለና ኢሎም፡ድማ ጉዕዞ ሰሃራ ኣሃዱ ኢሎም ጀመርዎ።

ክሳብ ሳልሳይ መዓልቲ ጉዕዞኡም፡ማለት ሊብያውያን ክሳብ ዝቅበልዎም ሰላም፡ዝኾነ መገዲ ኢዩ ኔሩ። ሊብያውያን ግን ትቅብል ከብልዎም ብጸርፍን ማህረምትን ልቦም ኢዮም ኣጥፊኡምሎም። መሬት ክሳብ ዝመሲ ተጓዒዞም፡ምስ ጸልመተ ንኹሎም፡ኣውሪዶም ደቅሱ በልዎም ንድቂ ኣንስትዮ ፈልዮም ኣብ መኪና ክጽዕንወን ምስ ጀመሩ። ዲያቆን ብድድ ኢሉ ሰምሃር ናበይ ትድይባ ኣለኽን ተመለሳ ምስ በለን እተን ኣዋልድ ንድሕሪት ክምለሳ ጀሚረን። ነዚ ዝተዓዘበ መራሒ መገዲ ሊብያዊ ኣዋልድ ግድን ክድይባ ከም ዘለወን ምስ ነገረን ዲያቆን ዓረብ ቀቁሩብ ስለ ዝኽእል ኣሕዋትና ካባና ኣይፍለያን ኢየን ስለዚ ኣይድይባን ኢየን በሎ ትርር ኢሉ።

እቲ ሊብያዊ ድማ ካብ መኪኑኡ ባዴላ ኣውጺኡ እንታይ ኢልካ ድግመለይ እስኪ በሎ። ነዚ ዝተዓዘቡ ህዝቢ ኣታ ነዓ በጃኻ ኩፉእ ከይተርእየና ማዓለሽ ኢልካዮ ትም በል በልዎ፡ ዲያቆን ግን እታ ዘረባ መሊሱ ኢዩ ደጊምዋ ኣሕዋትና ንምንታይ ካባና ትፈልይወን ኣለኹም።ምሳና ኢየ መጽየን ምሳና ድማ ይሓድራ በሎ። “ያ ሕማር ሰክር ፉመክ” ኢሉ ወስ ምስ በሎ ሰምሃር ዝጀማሪተን ኡይ ኢለን ውጭጭ በላ። ገልታዕታዕ ኮይኑ ብለይባ ጎማ ጌሮም ክሰሃልዎም ምስ ጀመሩ ኩላ ጸጥ ኢያ ኢላ። ሓደ ካብቶም ሊብያውያን ድማ ነሕዋትኩም ወለሓደ ኣይንገብረንን ኢና። ኣብዚ ዓሚቕ ኢና ዘልና ወላ መመጺኹም ክትረኽብወን ትኽእሉ ኢኹም ኣብ መሬት ግብጺ ስለ ዘለና ምናልባት ግብጻውያን ከይመጹና ንድሕነተን ምሳና ክጸንሓ ኢልና እንበር ብኻልእ ኣይኮናን ኢሉ ጎንጺ ብዝተሓወሶ ኣገባብ። ነተን ኣዋልድ ድማ ናብ መኪና ሰቂሎም፡ወሰድወን።

ዲያቆን ድማ ነቶም ህዝቢ ኣኪቡ እንታይ ኢኹም ተርእዩና ዘለኹ ብሂወት ከለናስ ኣሕዋትና መጻወቲ ኣረሜን ክኾና ኣታ ሰቡኡት ደይኮንኩምን በሎም። “ያ ግደፈና ዕላማ ኣለና ክንበጽሖ ንደሊ ኣብዚ ብሰንኪ ኣዋልድ ክንኩለፍ ኣይንደልን” ዝብል ፡ ሰብኣውነት ዝነደሎ ዘረባ ካብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተሰምዐ። ሰብ በቢኣፉ ክትዛረብ ምስ ጀመረት ክሰምዕዎ ከምዘይክእሉ ስለ ዝተረደአ ድላይኩም ግበሩ።

ኣነ ግን ከይደ ሓፍተይ ከምጽእ ኢየ ኢሉ ናብቶም ሊብያውያን ገጹ ኣምረሐ...።

****

8ይ ክፋል

ዲያቆን ንበይኑ ናብተን መካይን ዝከዳሉ ኣንፈት ገጹ ከምርሕ፡ምስ ጀመረ እቲ ህዝቢ ገሊኦም፡ኣታ ከይቀትልዎ በጃኩም ምለስዎ ክብሉ ከለው ገሊኦም ድማ ሓቁ ንኺድ ንስዓቦ ይብሉ ነበሩ እንተኾነ ዝስዕቦ ሰብ ኣይተረኽበን። ሓያለ ሚትሮታት ምስ ሰነመ ጭልምልም፡ዝብል ሃሳስ መብራህትን ድምጺ ናይ ሙዚቃን ምስ ሰመዐ ሰገጥ በለ።

ኣንታ ናበይ ኢየ ዝኸይድ ዘለኹ? ሕጂ በይነይ ከይደስ እንታይ ኢየ ክብሎም? ብስምዒት ዶ ሓቀይ ናይ ዓያሹ ስራሕ ይሰርሕ ኣለኩ??? ግን መን ይፈልጥ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ክዓዩ ከሎ ብዝተፈላለየ ኢዩ ዝዓዩ። ግን ስለምንታይ ኣምላኽይ ኣሚነ ባዕልኻ ሓልወን ኢለ ከም ሰበይ ኮፍ ዘይብል? ዎው ምምላስ ይሕሸኒ ባዕለይ ታሪኽ ዘይብሉ ኩፉእ ኣማውታ ከይመውት ኢሉ ገጹ ምልስ ኣበለ። ደው ኢሉ ድማ ኣንታ ፈሪሐ ድየ ዝምለስ ዘለኹ ፡ ኣንታ ምእንቲ ሃገርካን ሰበይትኻን እኮ……።

ኡፍፍፍፍፍፍ ……በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!

“ኦ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ፡

ንዓይ ንሓጥእ ባርያኻ ድኹም ዓቅሚ ኢየ’ሞ ርድኣኒ፡

ካብ ውሽጠይ ክፉእ ሓሳባት ኣርሕቀለይ።

ብመንፈስ ከይደክም ስጋይ ከይመልከኒ ሓይሊ መንፈስካ ልኣኽለይ።

ትምኒት ስጋ ፈጺመ ኣብ ሂወተይ ሞት ከይዓጽድ ኣብ ጸጽባሕ ምግባረ ሰናይ ምሃረኒ፡

ንመጻወድያ ሰይጣን ብእሳታዊ ቃልካ ብተኽለይ።

ብልበይ ተዓብየ ውድቀት ከይጽውዕ ስቡር ልቢ ሃበኒ።” ኢሉ ኣቡነ ዘበሰማያት ምስ በሰላመ ቅዱስ ገብሪኤል መልኣኽ ደገመ።ካብ መዝሙር ዳዊት ድማ ምዕራፍ 23 እግዚኣብሄር ጓሳይየይ ኢዩ ዝነድለኒ የለን ትብል ደገመ።“ድንግል ማርያም ኣደይ ተኽተልኒ፡ ካብ ጓኖት ዝጻወቱለን ምሰኣን ሙሚት ይሕሸኒ፡ ቅኑዕ ውሳኔ ንኽውስን ባዕልኺ ርድእኒ።” ኢሉ ገጹ ኣማዕቲቡ ቅልጣፈ ብዝተሓወሶ ኣሳጉማ ናብተን መካይን ገጹ ቀረበ።

እቶም ሊብያውያን ብማዕዶ ካሎኦት ኣርባዕተ መካይን መብራህቲ ወሊዐን ክመጻ ምስ ረኣይወን ሸበድብድ ኢዩ ኣትይዎም። ኣብ መሬት ግብጺ ስለ ዝነበሩ ኣብ ኣሸጋሪ ቦታ ተዘይኮይኑ መብራህቲ ኣይውሉዑን ኢዮም ኔሮም። መብራህቲ ክውላዓ ዝኽእላ ናይ ግብጻውያን፡ጥራይ እየን ኔረን ንብረቶም ከይጠነርፉ ሞተር ናይ መኪና ኣተሱኡ እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ ዲያቆን ናብኣቶም ኣጸቢቁ ቀሪቡ ስለ ዝነበረ ግብጻውያን ከይኮኑ ኣይተርፉን ኢዮም ያላ ንህደም ጸዓንወን ነዘን ኣዋልድ ኣስማት ጠቂሱ ድማ ንስኹም ድማ ነነቶም ኣወዳት ጽዓንዎም፡ ኢሉ እቲ መራሒ መገዲ ክዛረብ ከሎ ሰሞዖ። ኩሉ ንብረትክን ገዲፍክን ያላ ደይባ ፍርሕን ምጭዳርን ዝተሓወሶ ትእዛዝ ኣመሕላለፈ እቲ ሊብያዊ ሞተር ተሲኡ ስለ፡ዝጸንሐ እቶም ኣርባዕተ ሊብያውያን ሓሙሻይ ማርሻ ተጠቂሞም ናብቶም ኣውዳት ገጾም ክኸዱ ምስ ረኣዮም ዲያቆን ከርክቦም፡ከምዘይክእል ስለ ዝፈለጠ ብዝተኻእሎ መጠን እተን ኣዋልድ ከይደየባ ከርክበን ተጓየይየ ሓሳብ ልቡ ሰሚርሉ ድማ ዕግሸግሸ ክብላ ተሓወሰን ጸልማት ስለዝነበረ እተን ኣዋልድ ኣይረኣያኦን። ድምጹ ኣበርኽ ኣቢሉ ድማ ሰምሃር፡ ሰምሃር ኢሉ ተደሃየ ፍርሒ ድዩ ዊሒጥዋ ወይስ ሃንደበት ኮይንዋ እንዳ ሰምዓቶ ኣቤት ከይበለት ናቡኡ ገጻ ኣምረሐት። ሰምሃ… ኢሉ ከይወደአ ከሎ ኣታ ዲያቆን በየን መጺኻ? ዋ ታይ ክትገብር ከ ምጺኻ በለቶ ፡ ደሓን ንዒ ጥራሕ ተሰቀሊ ኣበይ ኣለዋ በዓል ሳሌም ከ ያላ ምስ በለ እቲ ሊብያዊ ገሌኣን ሳንጣኣን ገሊኣ ጫማኣን ከይሓዛ ብተብተብ እንዳ ተራገጻ ናብ መኪና ደየባ። እቶም፡ኣርባዕተ ኣውቲስታ እውን፡ነቶም፡ኣወዳት ብዘገርም ቅልጣፈ ጺዒኖም ናብቲ መራሒ መገዲ ነ(ዋልድ ሒዝወን ዝነበረ)ሕውስ በሉ። ኣብ ዓለም፡እንትርፊ ኣብ ገይም(Game) ኣብ ፊልሚውን ተኾነ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ፍጥነት ኢዮም፡ዝጎዓዙ ኔሮም። ቲ ምዉት መሬት ምስ ብዝሒ ሰብ ምስ ሉዑል ናህሪ ብዘይዝኾነ ሓደጋ ክትወጾ ዘይሕሰብ ኢዩ። ነገር ግን ሓይሊ ኣምላኽ ንኹሉ ዝኽእል ከም፡ዝኾነ ጉዕዞ ናይ ሰሃራ ህያው ኣብነት ኢዩ ።ንዘይተፈልጠ ሰዓታት ብሉዑል ፍጥነት ክጎዓዙ ድሕሪ ምጽናሕ ኣንፈቶም፡ስለ ዝሰሓቱ ጉዕዞ ጠጠው

ኣበልዎ። እተን መብራህቲ ወሊዐን ዝነበራ መካይን እውን ካብ ካብ ትሪኢቶም፡ስለ ዝተሰወራ መገዲ ንምድህሳስ ንኹሎም፡ ኣውሪዶም፡ገዲፎሞም ከዱ።

ልዕሊ፡ንቡር ሰዓታት ስለዝተጉዓዙ ኩላ ኣንሶላኣ ኣውጺኣ ኣብቲ ሑጻ ረም በለት እንተ በዓል ዲያቆን ግን ኣብ ርሱን ኩናት ኢዮም ኣትዮም። ሰምሃር ነብሪ ኢያ ተቀይራ ኣይኮነን ንዲያቆን ንማን ሰብ ከማን ከሙኡ ጌራ ተዛሪባ ኣይትፈልጥን። ዲያቆን ዝገበሮ ስራሕ ልቦና ዝነዶሎ ናይ ዓያሹ ኢዩ ኔሩ በሃሊት ኢያ።ስምዒ፡እንዶ፡ንስኺ መጻወቲ ሊብያውያን ክትኮና ትም ኢለ ዘይረኣኹን ዲኺ ደሊኺ ወይስ ካልእ ኣለኪ እሞ ንስኻ፡እንታይ ኢኻ ክትገብሮም፡ኣይኮነን ዶ ንበይንኻስ ነዚ ኩሉ ህዝቢ ከማን ከመይ ዝገበርዎ ሪኢኻዮም ኢኻ። ኣቲ ሰምሃረይ እንታይ ዘቋይቕ ኣለኩም፡በቃ ኮይኑ እንድዩ ትም፡ዘይትብሊ ንስኺ በለታ ፊዮሪ ልምልም፡ብዝበለ ቃላት ፊዮሪ ንባዕልኺ ትም በሊ ኣብ ሞንጎ ክልቴና ማንም ሰብ ከይኣቱ ባዕልና ኣለናዮ ጽባሕ ንጎሆ ዝኾነ ምስ ኮነ ብሰንኪ ሰምሃር ከምዚ ኮይኑ ንዓኣ ክብል ከምዚ ኮይኑ ክበሃል፡ዲኻ ደሊኻ በለቶ ነድሪ ብዝተሓወሶ ዘረባ። ዲያቆን፡ ጋን፡ኢዩ ኮይንዎ ሰምሃር ከምዚ ኢላ ብድፍረት ክትዛረቦ ንመጀመሪያ ጥራሕ ዘይኮነስ ፈጺሙ እውን ኣይተጸበዮን። እንታይ ኢኺ ትብሊ ዝለኺ ኣብ ምንታይ ኢዩ ጌጋይ ኣነ ድማ ብዝያዳ እኳ ንስኪ ሃልዊ እንበር ንዓኺ ጥራይ ኢለ ኣይኮንኩን መጺኤ ነሕዋተይ ክብል ድማ ዝመጸ ይምጻእ ክቅበሎ ኢየ ዳሓር ከኣ ሊብያውያን እኮ፡ሰብ ኢዮም መስለኒ ማዕረ ክንዱኡ ስለምንታይ ተካብዲ በላ ዲያቆን እውን ሕርቃን ብዝተሓወሶ ስምዒት፡ ሰብ ኢዮም ኢልካኒ እንበኣር ሊብያውያን ሲ ሰባት ዮም! እስኪ፡ክሓተካ ጅግና ሰብኣይ ክትበሃል ኢልካ ዲኻ ካብ ኩሉ ሰብ ንበይንኻ ፍሉይ ሓይሊ ከም፡ዘለካ ገፈፍ እንዳ በልካ ዝመጻኻ።

ሳሌም ትም ኢላ ክትሰምዕ ጸኒሓ ሰምሃር ስነስርዓት ዘይትገብሪ ዲያቆን ኢዩኮ ናይ ምንታይ ንዕቀት ኢዩ። ዳሕራይ ድማ ክትፈልጢ ጅግና ጥራሕ ዘይኮነስ ጅግና ናይ ጀጋኑ ከማን ሙሉእ ሰብኣይ ክትፈልጢ ሂወቱ ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ ናብዞ ምምጹኡ ወላኳ ንኩላትና ይኹን እንበር ሕልፊ ኩላትና ንዓኺ ክብል ኢዩ መጽዩ መመስገንክዩ፡መድነቅክዮ ከማን ሕጂ ይኣኽለኪ ኣፍኪ ሕዚ በለታ።

ዲያቆን ቃላታ ልቡ ኢዩ ወጊእዎ ኣፉ ተለጉሙ ተዓኒዱ ኢዩ ተሪፉ። እንታይ ኢዩ ወሪድዋ እንበርዶ ሰምሃር ኢያ በል ብልቡ፡ሰምሃር ከኣ “ስምዓኒ ዲያቆን በለት.....”።

****

9ይ ክፋል

ዲያቆን ቃላታ ልቡ ኢዩ ወጊእዎ ኣፉ ተለጉሙ ተዓኒዱ ኢዩ ተሪፉ። እንታይ ኢዩ ወሪድዋ እንበርዶ ሰምሃር ኢያ በል ብልቡ። ሰምሃር ከኣ “ስምዓኒ ዲያቆን በለት.....” ብርግእ ዝበለ መንፈስ፡ ዲያቆን ግን ሕርቃኑ ክግንፍል ስለ ዝጀመረ ኣፍኪ ሕዚ ይኣኽለኪ ከይትዛረብኒ ፡ ኣነ ኢየ ተጋግየ ኢሉ ገዲፍዋ ከደ። ፊዮሪ ድማ ሰምሃር ሓፍተይ ብጣዕሚ ተጋጊኺ ከምዚ ገርኪ ክትዛረብዮ ኣይነበረክን ዘይኣመልኪ። ዲያቆን ኮይኑ ተጻዊርኪ እንበር ብጣዕሚ ኢኺ ኣኽፊእኪ። መጀመርያ ንሱ ንዓና ክብል ኢዩ ኣብ ፈተና ኣትዩ። እዚ ድማ ጌጋ ዘለዎ ኣይመስለንን፡ወላ ተተጋገየ ድማ ቀስ ጌርኪ ተረድእዮ እንበር ከምዚ ዓይነት ቃላት ኣብ እኩብ ህዝቢ ብፍጹም ካባኺ ኣይጽበዮን ኢየ።

ሰምሃር ፍየሪ ትብላ ዝነበረት ፍሩቁ ዳርጋ ትሰምየ ኣይነበረትን ልባ ብማዕበል ሓሳባት ይገማዳሕ ኢዩ ኔሩ። ብፍላይ ዲያቆን ከይትዛረብኒ ኢሉ ገዲፍዋ ምኻዱ ንውሽጣ ክርብሻ ኢዩ ጀሚሩ።

ዲያቆን ተግባር ናይ ሰምሃር ገሪምዎ መንፈሳዊ ሓሳብ ምሕሳብ ገዲፉ ብስጋዊ ሓሳብ ኢዩ ውሽጡ ተመሊኡ። ሰምሃርሲ ንዓይ ከምዚ ጌራ ኣብ ቅድሚ ሰብ ከተዋርደኒ፡ ባዕልኻ፡ዶ፡ወደይ፡ትፈኩስ ኢኻ። ፍቅሪ እንታይ ድዩ ትርጉሙ? ፍቅሪ ከምዚ እንተ ኮይኑ ይትረፈኒ ጀሚርናዮ ዘለና ርክብ ብኣጉኡ ሙቁራጽ ይሕሸኒ በለ ብውሽጡ። ካብ ሕጂ ምንቃው ዝጀመረ ዝብእስ ኣየሕድረንን ዲዮም ዝበሉ ኣቦታት ሰምሃር ከኣ ኣብዚ ከላ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ዝተዛረበትኒ ኤውሮጳ ዓዲ ዲሞክራሲ ኣትያ ደኣ ኣበይ ከተስፍረኒ በለ።

ዲያቆን ብዘይካ ሰለስቲኤን ኣዋልድ ምሱኡ ዝተበገሱ ዝፈልጦ ሰብ ኣይነበረን። ምስ ሰምሃር ምስ ተበኣሱ ድማ ገዲፍወን ኢዩ ከይዱ። እቲ ዝብላዕ ይኹን ዝስተ እውን ኣብቲ ቦርሳ ናይተን ኣዋልድ ኢዩ ኔሩ።ከም ሻርባ ተጠቂሙ ኣብ ክሳዱ ዝጠምጠማ ረቃቅ ኣንሶላን ንጉዕዞ ሰሃራ ኢሉ ዝገዛኣ ሮጓድ ጸላም ጃኬት ጥራሕ ኢየ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኔረን። ጸሓይ ስለ ዘይበረቀት ድማ ኣብቲ ሑጻ ወሪዱ ዝነበረ ኣስሓይታ ዝከኣል ኣይነበረን። ዲያቆን፡ድማ ጭብጥ ኢሉ ንበይኑ ኮፍ በለ። ኣንሶላ ተጎልቢቡ መንከሱ፡ ኣብ ብርኩ ኣጸጊው ኣብ ቡርቱዕ ሓሳብ ኣተወ።ብማዕዶ ሰልስቲኤን ተተሓሒዘን ክመጻ ምስ ረኣየን ቅጭ ኢዩ መጺዎ፡ ወዮ ደኣ ሰሃራ ሰጣሕ መሕቢኢ ዘይብሉ ጎልጎል ኮይኑ እንበር ካብኣተን ክኽወል፡ ኣይምጸለአን ኔሩ።

መጼን ብዘይዝኾነ ዘረባ ኣብ ዙርዩኡ ኮፍ በላ ሳሌም ካብቲ ኣብ ጎና ዝነበረ ቦርሳ ኬክ፡ኣናናስ፡ ዘይተበጽበጸ ጥሕኒ ኣውጺኣ ምሰዳለወት ፊዮሪ ከኣ ክልተ ሃይላንድ ማይ ቀረበት ጥሕኒ በጽቢጸን ምስ ወደኣ ዲያቆን ባርኮ በል ክንቆርስ በሎኣ። ኣይቆርስን፡ኢየ ኢሉ ዕጭ ክሕንፍፍ ሓሲቡኳ ተነበረ ኣብ ኣእምሮኡ ግን ክልተ ሓሳባት መጺኦሞ። ቀዳማይ ነገር ንኽብረተን ዝትንክፍ ኮይኑ ተሰምዖ ካልኣይ ድማ ኣብ ሰሃራ ኣይኮነን ከይበላዕካ በሊዕካ ውን ዝውጻእ ከምዘይኮነ ትዝ ስለ ዝበሎ። ብስም ስላሴ ይትባረክ ኢሉ ድማ ቆቐሪሱ ሃበን። ቅድሚኡ ዝነበረ ግዜ ናይ መኣዲ ጸሎት ኣብጺሑ ኣቡነ ዘበሰማያት ሂቡ ኢዩ ዝባርኸለን ኔሩ። ብስም፡ስላሴ ይትባረክ ኢሉ ኢዱ ናብ መኣዲ፡ምስ ሰሰደ ኩላተን ኢየን ተገሪመን ብፍላይ ሰምሃር ካብ ልቡ ስለ ዝተቀየመ ኣቡነ ዘበሰማያት ክደግም ኣይደለየን ማለት ኢዩ ኢላ ስለ ዝገመተት ዳርጋ መግቢ ኣይበለዐትን። በዓል ሳሌም፡ድሕሪ መግቢ ይቅሬታ ንኽትሓቶ ኣእሚነናኣ ስለ ዝመጻ ሰምሃር ጥራሕ ኢያ ተሪፋ እንበር ክልቲኤን ተሲኤን ኢየን ከይደን።

ኣብ መንጎ ክልቲኡም ከቢድ ስቅታ ሰፈነ ዲያቆን ድማ ከም ኣመሉ ነታ ሓጻር ጸሎት ብውሽጡ ክደግም ጀመረ።

“ኣ ክርስቶስ ኣምላኽ.....” ኣሜን ኢሉ ወደኣ ሰምሃር ሕጂ፡ውን ጸጥ ኢላ ናብ መሬት ኢያ ትጥምት ኔራ። ዲያቆን፡ድማ ክብላ ዝኽእል ነገር ስለ ዘይነበረ ክሳብ ባዕላ ትጅምረሉ ብእንተታትን ይኽውንን ብዙሕ ሓሳባት ከውርድ ከደይብ ጀመረ። ኣብ መንጎ ሰምሃር ሃንደበት እሕሕ ዝብል ቀጢን ድምጺ ኣስመዐት፡ ዲያቆን ድማ ካብ ዝነበሮ ሓሳብ ተገላጊሉ ግልጽ ኢሉ ጠመታ። ዲያቆን ሓወይ ይቅረ ግበረለይ ብጣዕሚ ኢየ በዲለካ እቶም ዘውጻኽዎም ቃላት ከም እሾኽ መመሊሶም ኢዮም ዝወግኡኒ ዘለዉ በለቶ ሰምሃር። እሺ ግን ስለምንታይ ኢኺ ከሙኡ ኢልክኒ ክፈልጥ ደልያ ኣለኹ ካብ ባዶ ተበጊስኪ ንሰብ ከሙኡ ዓይነት ክብረቱ ዝቅንጥጥ ዘረባ ክትዛረቢ ኣይትኽእልን ኢኺ። መበገሲኺ ክፈልጥ ደልየ ኣለኹ በላ ሕርቃን ብዝተሓወሶ ስምዒት። መበገሲየይ ዳኣ ዝገበርካዮ ተግባር ኢዩ ኣነ ይቅሬታ ዝብለካ ዘለኹ ንዝተዛረብኩኻ ቃል ኢየ እንበር ተግባርካ ስለ ዘሐነስኒ ኣይኮነን።ንስለ ሓቂ ፍረድ ንስኻ ከይዕሙጹና ከይጻወቱልና ፈሪሕካ ኢኻ ንሂወትካ ከይሓሰብካ ናባና መጺኻ ግን ከሙኡ ዓይነት ሓሳብ ሃልይዎም ንስኻ ክትክልክሎም ትኽእል ዶ?ኢላ ሓተተቶ ወሲኻ ድማ ከምቲ ንስኻ፡ኣነ ዝኾነ ነገር ክኽውን ዘይትደልየኒ ኣነውን ንስኻ ዝኮነ ነገር ክትኮነኒ ኣይደልን ኢየ። ንዓይ ክትብል ኣብዚ ተቀተሉኻስ ኣነ እንታይ ኢየ ክብል ኣብ ልበይ ዘይድበስ ጓሂ ኢኻ ክትፈጥረለይ ወይ ሓቢርኩም ኩላትኩም ክትመጹ ኔርኩም፡ ወይ ከም ሰብካ ስቅ ክትብል ኔርካ በለቶ ስምዒት ዝተሓወሶ ዘረባ ኢያ ትዛረብ ኔራ። ዲያቆን፡ ንዓይ እኮ ተራ ሰብ ኣይኮንካ ወላ ብቃል ኪዳን ኣይንተኣሰር እንበር ካልኣየይ ኢኻ ኣይኮነን ሊብያውያን ሲ ማንም፡ሰብ ከማን ጽንጽያ ዓይንኻ ከንፍረልካ ኣይደልን ኢየ በለቶ።

ዲያቆን ሕርቃኑ ስለ ዘይበረደሉ ትብሎ ዝነበረት ኩሉ ብነገቲፍ ኢዩ ተረዲእዎ ብጸርፍን ገለን ትስህል ኣቢላትንስ ሕጂ ዝኾነ፡ ነገር ክትኮነኒ ኣይደልየካን ዶ ገለዶ ትብለኒ በለ ውሽጡ። ዲያቆነይ ዝተዛረብኩኺ ኩሉ ኣቅሪበ ኢየ ካብ ልበይ ስለ ዘፍቅረካ ክትጉድኣኒ ስለ ዘይደሊ ኢየ ሕጂ ድማ ይቅረ ግበረለይ ይብለካ ኣለኹ በለቶ። ዲያቆን ክዛረብ ኢሉ ጅምር ከብል እተን ንዳህሳስ ገዲፈኖኡም ከይደን ዝነበራ መካይን፡ ተመራሪሐን ክመጻ ምስ ረኣይወን በቃ ደሓን መካይን መጽየን ስለ ዘለዋ ኪዲ ናብ በዓል ሳሌም ኢልዋ ብግስ በለ ።ንዓባ’ሞ ሓግዘና ንብረት ኣሳቅለና በለቶ ሳክት ናይ ዓቅሊ፡ጽበት ኢያ ከሙኡ ኢላቶ፡እንበር ሓገዝ ዘድልዮ ንብረት ስለ፡ዝነበረን ኣይኮነትን ትኽእሎኡ ኢኽን ኣየናይ ኮይኑ ኢዩ ኢልዋ ናብተን መካይን ተጸገዐ።

ሰምሃር ኩነታት ናይ ዲያቆን ተሓዋዊስዋ ኢዩ ይቅሬታ እንዳበልክዎስ ታይ ኢዩ ኮይኑ ገዲፍኒ ከይዱ? ይቅረ በሃልቲ ክንከውን ባዕሉ ከምዘይ መሃረኒ ሙኺን ሓቁ ኢዩ ዝተዛረብክዎ ዘረባ ብቀሊሉ ዝርሳዕ ኣይኮነን በለት። ከም ዝሪኡ ዘለኹስ ንሓዋሩ ውን ይቅረ ዝብለለይ ኣይመስለንን በለት ሓውሲ እናስተማሰለት። መስርዕ ከትሕዝዎም፡ምስ ጀመሩ እተን ኣዋልድ ብቁጽሪ ዉሑዳት ስለ ዝነበራ ሳሌም፡ድምጻ ኣትሕት ኣቢላ ዲያቆን ንዓ ምሳና ተሰቀል በለቶ ዲያቆን ግን ከምዛ ዘይሰመዓ ትም ኢሉ ምስቶም ኣወዳት ተሰቀለ።

ጉዕዞ ተጀሚሩ ኣብ መበል ካላኣይ መዓልቶም ብዘይዝኾነ ጸገም፡ብሰላም ኢዃላቭያ ናብ ትብሃል ክተማ ኣተዉ።ኣብ መገዲ ጸኒሖም ተባሂሉ ማይ ኣስትዮም ሓንቲ ባኒ ኣብ ክልተ ሰብ ዓደልዎም። ቁሩብ ምስ ኣዕረፉ ድማ በብ ሳምሳሪኹም፡ተሰሩዑ ዝብል ትእዛዝ ኣመሓላለፍሎም ናይ እንዳ ኣዋልድን ኣወዳትን ገዛ በቢይኑ ስለ ዝነበረ በዓል ሰምሃር ምስ ዲያቆን ኣይነበራን ኣቢጋግሱኡ ሃንደበት ስለ ዝነበረ ስም ናይቲ ሳምሳሪ ከማን ኣይሓዞን ኔሩ። ዓቅሉ ጸቢብዋ የማነ ጸጋም ጠመተ። ወይ ፈተና ኣንታ ኣምላኽ ኣቦይ እስኪ ባዕልኻ ርድኣኒ በለ።

ካቦ ናይቲ መዝራዓ ድማ ኣታ ቀልጥፉና እንዶ ፈዘዝ ፈዘዝ ኣይትበሉ በለ በትሩ እንዳ ኣወጣወጠ። ዲያቆን ኣትኩሩ ምስ ጠመቶ ኣጸቢቁ ዝፈልጦ ሰብ ኮይኑ ጸንሖ ናቡኡ ገጹ ቅርብ ምስበለ ድማ እቲ ካቦ ውን ኣለልይዎ ዋይ ኣታ ዕዋላ ዲያቆን በየን በሪቅካ በሎ እንዳ ሰዓሞ ዲያቆን፡እውን እንዳ ሰሓቀ ብሰሃራ በሎ። እቲ ካቦ ምስ ዲያቆን፡ኣብ ኣስመራ ብሓንሳብ ኢዮም፡ዝመሃሩ ኔሮም ካብቶም ሕማቅ ልምዲ ዘልመድዎ የዕሩኽቱ ሓደውን ኢዩ ኔሩ ኣታ ኣቢ ዓርከይ ብመን ደኣ ተበጊስካ በሎ እቲ ካቦ ኣታ ሰሌ ዓርከይ ሃንደበት ኢዩ ኔሩ ኣበጋግሳይ ኣብ ክልተ መዓልቲ ኢየ ወሲነ። ንሰሃራ ምሳይ ዝመጻ ኣዋልድ ኣለዋ በቲ ንሰን ዝፈልጦኣ ሳምሳሪ ኢየ ተበጊሰ ክረኽበን ይኽእል ዲየ በሎ ዲያቆን ፡ ሰለሙን(ካቦ) ድማ በል ጽናሕ ነዚኦም መዝጊበ ክውዶኦም ክወስደካ ኢየ ጽልማት ስለ፡ዝነበረ ኣየስተውዓልካሉን እንበር ኣብ ሓንቲ ካንሸሎ ኢኹም ዘለኹም ክወስደካ ኢየ ከመ ድላይላካ ከተዕልል ትኽእል ኢኻ በሎ።

እቲ ካቦ ስርሑ ወዲኡ ኣቢ ዓርከይ ንዓናይ ኢሉ ሒዝዎ ናብ ሓደ ዓቢ ሆል ኣተወ።ናይ ኣወዳትን ኣዋልድን፡ገዛ ክነጻጸር ከሎ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ኢዩ ዘለዎ ዘዝሓወሉ እውን ናቡኡ ስለ ዝሰግሩ ኩለንትኡኡ ጹፉፍ ኢዩ። ዲያቆን ምስቲ ካቦ እንዳ ሰሓቁ ክኣትዉ ምስ ረኣያኦም በዓል ሰምሃር ፍሽኽሽክ በላ ሰምሃር ግን ውሽጣ ፍርሒ ወረራ ዲያቆን የማነ ጸጋም ጠሚቱ ኣማዕድዩ ምስ ረኣየን ኣብቲ፡ንሃለዋ ንዓ ከላልየካ በሎ። ሰሌ ድማ ኖ ደሓን ካልእ ግዜ ክላለየን ኢየ ሕጂ እቲ ሊብያዊ ከይመጸ ኪድ ኣዕልለን ቀልጢፍካ ተመለስ በሎ። ዲያቆን ደቂ ዓበይቲ መጺናክን በላ ኢሉ ኢዱ ንሰላምታ ዘርገሐ.....።

****

10ይ ክፋል

ዲያቆን ደቂ ዓበይቲ መጺናክን በላ ኢሉ ኢዱ ንሰላምታ ዘርገሐ.....እንቋዕ ብሰላም፡መጻኻ ዲያቆን ሓውና በሎኦ ብሓባር። ኢደን ጨቢጡ ድማ ኣብ ጎኒ ሰምሃር ኮፍ በለ። ድኻም ወጺልክን ዶ በለን ፍሽኽ እንዳ በለ። ኣሻቡ ክወጸልና ኣታ ዲያቆን ሓወይ መትና እንዲና በለቶ ሳሌም ሕንቃቀ ብዝተሓወሶ ቃና ድሓን ተመስገን ኢዩ ዝበሃል እንቋዕ ጥራሕ ብሰላም በጻሕና በለ ዲያቆን። ከዕልለክን፡እንዶ ግዳይ ኣይ ጉድ እንድየ ረኺበልክን ጸኒሐ ኣምላኽ ረዲእኒ እንበር ተዋሪደልክን ኔረ በለ ዲያቆን ሰምሃር ቅልጥፍ ኢላ ኢሂ ታይ ኮንካ በለት ሓውሲ ስንብድ ኢላ ኩላተን ድማ ጥምት ኣበላኣ። ስንባዳኣ ድዩ ኣገሪምወን ወይስ ተባኢሶም ስለ ዝነበሩ ከመይ ኢላ ቀልጢፉ ተዛሪባ ኢለን ብዘይርዳኣካ ስምዒት ጠመታኣ። ዲያቆን ድማ ቅጽል ኣቢሉ በብሳምሳሪኹም ተሰሩዑ ምስ በሉና ተዓኒደ ኢየ ተሪፈ። ታይ ኮንካ ኢኻ ትዕነድ??? በለቶ ሳሌም እቲ ሳምሳሪ ሽሙ ዘይፈልጦ ኮይነ ግዲ ኤህ ዋይ ሓወይ ኣይነገርናካን ምሽ በለት ሳሌም ድንጋጸ ብዘለዎ ቃና ኖ ሰምሃር ነጊራትኒ እንበር ግን ረሲዐዮ ጸሓይ ግዲ ተማም ጌራ ሃሪማትኒ ኢያ በለ እንዳሰሓቀ። እሞ ከዳኣ በሎኦ ብሓባር እዚ ሒዝኒ ዝኣተወ ወዲ ሪኢኽናኦ ዶ ኣብ ኣሰመራ መማህርተይ ኢዩ ኔሩ ሕሹኽ ምስ በልክዎ ሒዚኒ መጽዩ በለን ዲያቆን። ፊዮሪ ድማ እሞ ሕጅስ ሰላም ክትብለና ደሃይ ክትሓትት ኣይኮንካን መጺኻ ንሽግርካ ክትብል ኢኻ ማለት ድዩ በለቶ እንዳ ተዋዘየት፡ ወይ ነግረምረምም ፊዮሪ ግደፊ እባ ከሙኡ ተዝኸውን እሞ ሕተተን መንዩ ሳምሳሪኽን በለን ኢለ ምለኣኽክዎ ግን ኣሎያ ተገዳስነት በለ ንሱውን እንዳሰሓቀ።

ስም ናይቲ ሳምሳሪ ነጊረናኦ ቁሩብ ምሰዕለሉ ዲያቆን ተሰኪፉ ክኸይድ ስለዝደለየ ዕላል ኣቋርጽ ኣቢሉ መገዲ ኸ ከመይ መጺኽን ምስዚ ሓጎጽነጽ ገለ ደሓን ዲኽን በለን። ልቡ ክረግኣሉ ካብ ኣፈን ክሰምዖ ወይውን ከም ኢጋጣሚ ገለ ኣጋጢሙ ከይከውን ኢሉ እንበር ኣብ ናይ ክልተ መዓልቲ ጉዕዞኦም ኣብ መኪና ደኣዮም ተፈላልዮም፡እንበር ካብ ቅድሚ ዓይኖምስ ኣይተፈለያን። ፊዮሪ ቅልጥፍ ኢላ ኣምላኽ ይመስገን ደሓን ኢና ግን ሰምሃር ስፖንዳ ሃሪምዋ ሕቆኣ ተሃስያ ኣላ በለቶ። ሳሌም ናይ፡ስንባደ ምልክት እኳ ተርኣየት ሰምሃር ግን ቀልጢፉ ኢያ ቆብ ኣቢላታ። “what” በለ ዲያቆን ስንብድ ኢሉ ናብ ሰምሃር ገጹ እንዳ ጠመተ። ፊዮሪ መዘራረቢ እንተኾኖም ኢላ ዘምጻኣቶ ሜላ ዳንበር ሰምሃርሲ ምንም ኣይኮነትን ፡ ኔራ ደሓን ኢየ እኮ ጽቡቅ ጌረ ኣይተሃረምኩን በለት ሰምሃር ብትሑት ድምጺ። ስቅ ዲኺ’ሞ ትብሊ በላ ዲያቆን ስንባደ ብዝተሓወሶ መንፈስ፡ እንታይ ደኣሞ ክብል ኢየ በለቶ ሰምሃር ሕጂውን ብዝተዳህለ ስምዒት ፡ ከምዚ ኮይነ ኣለኹ ግዲ ትብሊ ኢልዋ ብድድ በለ። ቀልጢፉ ብድድ ምባሉ ንኹለን ኢዩ ኣሰንቢድወን። ሰምሃር ከይከደ ከሎ ዲያቆን ሃንሳብ እባ ኮፍ በል ክዛረበካ በለቶ። እንተኾነ መልሲ ከይሃባ ጠሚትዋ ኢዩ ከይዱ። ፊዮሪ ድማ ከይወጸ ከሎ ኣርኪባ ዲያቆን እንታይ ኢኻ ትገብር ዘለኻ??? ደይተዛርባ ዕድል ዘይትህባ ብሓቂ ሕማቅ ኣላ ብዘውጻኣቶ ቃላት ብጣዕሚ ኢያ ተጣዕሳ። ኣነ ንዓኻ ኣይምዕደካን ኢየ በጃኻ ይቅረ ግበረላ ካልእ ይትረፍ ናይ ልባ ክትዛረብ ዕድል ሃባ በለቶ። ዲያቆን ሕጂውን ንፊዮሪ ኣይመለሰላን ትም ኢሉ ገዲፍዋ ከደ። ምስ ሰለሙን ንሓሙሽተ ደቃይቅ ዝኣክል ድሕሪ ምዝርራብ ሰለሙን (ካቦ) መጺኡ ፍዮሪ ንሰምሃር ደጊፉታ ደገ ክትወጽእ ሓቢርዋ ከደ። ኣብቲ ካንሸሎ ሁሩማትን፡ሑሙማት ዝድቅሱለን ክልተ ነኣሽቱ ገዛ ስለ ዝነበራ ሓንቲ ካብኣተን ከፊቱ ንኽትኣትዋ ሓበረን ። ባዘሊን ኣምጺኡ ድማ ኣብቲ ዝተሃርመ ኣካላታ ድረዝያ ካልእ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ዘድልያ ተኾይኑ ሓብርኒ ኢሉ ዝብላዕ ዝስተ ሂብወን ከደ።

ሰሌ ድማ ንዲያቆን ዋይ ኣቢ ዓርከይ ሓራሙ መቸም ክኾናልካ መዓት ኢየን ካበይ ኢኻ ረኺብካየን ማይ ዝመስላ ቆሉዑ በሎ እንዳ ሰሓቀ፡ በቃ ሰሌ ዓርከይ መዋእልካ ከተጋንን ክትነብር ዋይ ሑርማ ዶ ዋይ መልክዕ ዶ ክትብል ኣረብራብካና እኮ በሎ ዲያቆን እውን እንዳ ሰሓቀ። እንታይ ኢየን ከ ቤትሰብ ዲየን ወይስ....? ኣታ ናትካ ነገር እኮ ግርም ኢዩ ዝብለኒ ትዝክር ዶ 9ይ እንዳተማሃርና ክልተ ጹቡቃት መዘምራን ኔረን ዲያቆን ኢለን ምሳይ ጽቡቅ ዝቀራረባ ንስኻ ድማ ኣላልየኒ ዶ ኣቃጥበኒ ዶ እንዳበልካ ልበይ ከተጥፈኦለይ ሕጂ ድማ ከሙታት ሓሲብካ ከይትኸውን ተጠንቀቕ ኣሕዋተይ ኢየን በሎ። ዋይ ኣቢ ዓርከይ ኣበይ ኣለኻ ኩሉ ገዲፉዮ ኢየ ንእስነት በሊለይ ኢዩ ዝሓለፈ ኩሉ ብጣዕሚ ኢዩ ዘጣዕሰኒ በሎ ሕሉፍ ሂወቱ እንዳማረረ። ድሓን ሶል ዓርከይ ሕሉፍ ሕሉፍ ኢዩ ከም ሱሙ፡ ኣብ መጺኢ ሂወትካ ትርጉም ዝበሃል የብሉን፡ንስኻትኩምስ እኳ ደሓን ኣታ ኣነ ንባዕለይ ዲያቆን ተባሂለ መስተ ቁማር ገለመለ ኣብ ሎሚ ኮይነ ክሓስቦ ከለኹ እንድዒ በቃ በለ ዲያቆን። ዋይ ዘረባ እባ ኣምጺኻ ኣብ 10ይ እኮ ሃንደበት ኢኻ ከይደ ከይበልካና ሽርብ ኢልካ ከመይ ኢዩ ኔሩ እቲ ጉዳይ በሎ ሰሌ ዲያቆን ካብ ሕማቅ ልምድታት ክሃድም ክብል ዓዲ ከም ዝኸደ ኣብዓዲ ዘጋጠሞ ኩሉ ሓደብሓደ ዘርዚሩ ኣዕለሎ። ሰሌ ብጽሞና ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ እምቢእ

ላቢ ዓርከይ ደኣ ዘገርም ፈተነ እንዲኺ ኣሕልፍኪ በሎ ብኣግርሞት። ክሓተካ እንዶ ላቢ እታ ዲቁናኻስ ኣላዶ ወይ ፋሕ ኣቢልካያ ኢኻ በሎ እንዳ፡ሰሓቀ። ቺድ ፋሕ የብልካ! ጽዩቅ ኢሉ ሰሓቀ ዲያቆን እውን። ካብ፡ዝገርመካ ሶል ዓርለይ ኩሉ ሓጢኣት ፈጺመዮ ክንሰይ ብዝሙት ግን ናይ ኣምላኽ ጡዑም፡ኢዩ ክሳብ ሕጂ ኣይወደቅኩን ኣለኹ በሎ ዲያቆን። ድሓን ኢኻ ከኣኮ ላቢ ዓርከይ ወላ ጨሪምካ ሑርማ ትበሃል ኢኻ ኮ ዘይትፈቱ በሎ እንዳ ሰሓቀ ሰሌ። ግን ኪያሮ ዲየን ኣሕዋትካ ዘን ቆሉዑት በሎ ሰሌ ስለ ዘይኣመኖ፡ ዲያቆን ፍሽክ ኢሉ ሰሌ ዓርከይ ‘ታ ሓንቲ ሕጽይተይ ኢያ እተን ክልተ ከኣ መሓዙተይ ኢየን በሎ። ክግምት ዶ ኣየነይቲ ሙኺና ሕጽይትኻ በሎ ሰሌ እንዳ ሰሓቀ ፡ ካብ ዲያቆን ዘረባ ከይተጸበየ ድማ እዛ ተሃሪማ ዘላ ምሽ በሎ። እወ ንሳያ ግን ብኽመይ ከሙኡ ኢልካ በሎ ዲያቆን ብኣግርሞት ጹቡቃት ሓራሙ ክኾናልካ መዓት ኢየን ኢለየ። ኣታ ሃይስኩል እንዳተማሃርና ከለና ኮ ትምህርቲ በርቂ ኢኪ ኔርኪ ፋካ ድማ ሚንዳ ፡ ዋሚ ገዲፍካ ጠባይ እውን ቸንቶ ጆክ ገለ ፉል ኢኺ ኔርኪ ሓራሙ ነዚ ሪኤን ምውት ኢየን ዝብላልኪ ኔርን ኣቢ ኣስሊ። ሕጂ ከኣ እዚኣ ዕጨአን በጺሕዋ ኢዩ ዝኸውን በሎ እንዳ ሰሓቀ። ኣታ ክንደይ ተጋንን ኢኻ ወደይ እዚኣ ግን ብስድራ ዝመጸት ኢያ በሎ ዲያቆን እንዳ ሰሓቀ። ኪድ በልስኪ ኣዕልለን ወዲኤን ይኾና ኢየ ኣነውን ድምጺ ይገብሩ ኣለዉ እሞ ኬድና ትንክፍ ትንክፍ ከነብሎም በሎ ሰሌ ንክኸይድ እንዳ ተዳለወ። ዋ ኣታ ሰሌ ዓርከይ ትተሃራረም ዲኻ በሎ ዶያቆን ስንብድ ኢሉ። ላቢ ዓርከይ ታይ ክንገብር ኢልካን ስራሕ እንዲዩ ኢሉ ገዲፍዎ ከደ።

ዲያቆን ናብታ በዓል ሰምሃር ዝነበራኣ ክፍሊ ገጹ ኣምረሐ ኣብቲ ኣፈት ምስ በጸሐ ድማ እሕሕሕ ወዲእክን ዶ በለን። እወ ወዲእና ኢና ነዓ እቶ ዲያቆነይ በለት ፊዮሪ ደሓን ዲኺ ሰምሃር ኢሉ ኣብቲ ተነጺፉ፡ዝነበረ ኣንሶል ኮፍ በለ። ኣምላክ ይመስገን ደሓን ኢየ ወላሓንቲ እኮ ኣይኮንኩን ምስቲ፡ዝነበረ ሓጎጽጎጽ ንእሽቶ ኢየ ተተንኪፈ በለቶ ትሕሱ፡ስለ ዝነበረት ስኽፍክፍ እናበላ። ቃንዛ ገለ ኣለኪ ድዩ በለ ዲያቆን ብናይ ሻቅሎት ቃና ከይመለሰትሉ ከላ ፊዮሪ ኣነ ክኸይድ ንስኩም ኣዕልሉ ኢላቶም ብድድ በለት ክልቲኦም ኣይመለሱላን ትም ኢዮም ኢሎም።

በይኖም፡ምስ ተረፉ ንቁሩብ ደቅይቅ ከቢድ ስቅታ ሰፈነ። ዲያቆን ክዛረብ ክብል ሰምሃር ቀዲማቶ ዲያቆን ሓወይ ኢላ ነቲ ስቅታ ሰበረቶ። ኣቤት ከይበለ ቅንዕ ኢሉ ጠመታ።ገጹ ከይትኣስረ ብርህርህ ኢሉ ስለ ዝነበረ ሰምሃር ባኣጉኡ ኢያ ተስፋ ሰኒቃ። እንታይ ከም ዝብለካ እንድዒ ንዓኻ ዘይግባእ ረሳሕ ቃላት ደርብየልካ ኢየ ጣዕሳይ ድማ መወዳእታ የብሉን ይቅሬታ ሓቲተካ ክትሰምዓኒ ኣይከኣልካ ንኽልተ መዓልቲ ዝኣክል ክትከተኒ(ምዝራብ ክትኣብየኒ) ንዓይ ብጣዕሚ ከቢድ ኢዩ በጃኻ ይቅረ ግበረለይ ኢላ ንብዓት ሲዒርዋ ጀረብረብ ኣበለቶ። ዲያቆን ንብዓት ሰምሃር ክጻወሮ ኣይከኣለን በቃ ሰምሃረይ ኣይትብከዩ ይቅረ ይኹንኪ ደሓን ዘይጋገ የለን ኣባይኪ ይንባዕ ሰምሃር ሓፍተይ ንየው በልዮ ንብዓት ኢሉ ኣባበዳ። ሰምሃር ንብዓታ ሓንሲሳ ምስ ተረጋገአት ግን ገሪሙኒ እኮ ሰምሃረይ ክንድዚ ትሓርቂ ዲኺ ኣነስ ጽቡቅ ጌረ ዝፈልጠኪ ይመስለኒ ኔሩ እንበር ለካ ኣይፈልጠክን ኢየ በላ ዲያቆን። ዲያቆን ሓወይ እታ ነገር መሊስና ከይንውልዓ እንበር ኣሰንቢድካኒ ኢኻ እኮ እቶም ግብጻውያን ተዘይመጹስ እንታይ ክፍጠር ከም ዝኽእል እሞ ሕሰቦ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ምቀተሉኻ። ነዚ ከመይ ጌረ ክቅበሎ ኢልካ ትሓስብ ንስኻ ንካሎኦት ጓና ኢኻ ንዓይ ግን ሂወተይ ኢኻ ስለዚ ግድን ኢየ ክሓርቅ በለቶ ሰምሃር። እሞ፡ሰምሃረይ እንታይ ክገብር ኔርኒ ብሂወት ከለኹ ሊብያውያን እንዳ ተጻወቱልኪ ትም ክብል ኔርኒ ማለትኪ ድዩ በላ ንሱ ውን።

ክልቲኦም ብህድኣት ኢዮም ዝዛረቡ ኔሮም።

ካብ ዝገርመካ ወላሓንቲ ኣይበሉናን ዝብላዕ ዝስተ ሂቦም ንባዕሎም ድማ ይበልዑ ይሰትዩ ኔሮም እምበሺ ከማን ክንፈርሕ ከምዘይብልና ኢዮም ነጊሮምና ምስ በለት። ሰምሃረይስ ጎራሕ እባ ኣይኮንክን ኣብሊዕምና፡ ኣስትዮምና ፡ ኣይትፍርሓ ኢሎምና፡ እንታይ ደኣ ክብሉኺ ደሊኺ። ብዝኾነ ኣነ ቅኑዕ ውሳኔ ኢየ ወሲነ ኣምላኽ ድማ ረዲእኒ ኣሕሊፉ ኣይሃበንን ምስጋና ይኹኖ። ንስኺ ድማ ተመስገን ኣምላኽ ክንዲ ትብሊ ኣብ ቅድሚ ሰብ ተሳሂልክኒ በላ እንዳ፡ሰሓቀ ሰምሃር ተግባራ ግዲ ኣሕፊርዋ ክምስ ኢላ ድንን በለት። ጸርፍኺ ብጣዕሚ ኢዮም መረርቲ ግን ካብ ክፍኣት ስለ ዘይኮነ ይቅረ ኢለልኪ እንበር ተጋጊኺ ኢኺ ሰምሃረይ ድሕሪ ሕጂ ከሙኡ ዓይነት ጌጋ ከይትፍጽሚ ንፍቅርና ጥራሕ ዘይኮነ ንዲቁናይ ውን ክትሪኢ ኔርኪ በላ። ትዝክርዶ፡ዲያቆነይ ኣነ ጎዶሎኻ ክምልእ ንስኻ ድማ ሄዋናዊ ድኽመተይ ክትሸፍነለይ ክብለካ ከለኹ በልቶ እወ ይዝክሮ፡ምስ በላ በቃ ሞ ድኽመተይ ተረዳኣለይ በለቶ። በቅ ድሓን፡ሕጂ፡ንግደፎ ሰምሃረይ ነቲ ኣብ መንጎና ሰላምን ዕርቅን ክወርድ ዝገበረ ልዑል ኣምላኽና ነመስግን በላ። ንኺድ በሊ ንፍዮሪ ዶ ክጽውዓ ደጊፋ ከተእትወኪ ምስ በላ ዲያቆን ሓወይ ፊዮሪ ጎና ተሃሪማ ዝበለትካ ሓስያ ኢያ መዛረቢ ኽኾነና ኢላ ኢያ እንበር ኣይተሃረምኩን ምስ በለቶ ዲያቆን ስንብድ ኢሉ እንታይ! ወላሓንቲ ማህረምቲ የብልክን።
****

11 ክፋል

ስንባደኡ ስንባደ ስለ ዝፈጠርርላ ትርግታ ልባ ህርመት ክውስኽ ተፈለጣ። ዋይ ኣነ ርግምቲ ታይ ክገብር ኢየ ዝነገርክዎ በለት ብውሽጣ። ዲያቆን ኩነታታ ስለ ዝተረደኦ መልሲ ከይተጸበየ ኣየ ፊየሪ ኣብ ኑኡስ ዕድሚኣ ክንድዚ ጥበብን ልቦናንስ ካበይ ኮን ኢያ ኣምጺኣቶ በለ። ሰምሃር ድማ ካብ ፍርሓት ተገላጊላ ፍሽኽ በለት። ዲያቆነይ ፈሪሐ ኔረ ከምዚ ዘየለ ዘረባ ኣምጺኽን ኣዕሺኽናኒ ትብለኒ ኮይኑ ተሰሚዕኒ ኔሩ በለቶ። ኣቲ ሰምሃር ሓፍተይ እዚ ደኣሞ ከመይ ገሩ ከኾርየኒ መሊሱ ከማን የሕጉሰኒ ሓሲኻ ሰብ ኣይተባእስ እንበር ሓሲኻ ሰብ ምዕራቅ ደኣ ናይ ወራዙት እንድዩ። ግን ክሓተኪ ተማኺርክን ዲኽን ጌርክኖኡ ወይስ?' ኖ ሃንደብት ኢያ ፊዮሪ ከሙኡ ኢላትካ ኣነ ከማን መጀመርያስ ገሪሙኒ ኔሩ ከመይ ኢሉ ከም ዝመጸላ በለት ሰምሃር። ብዝኾነ ስራሕ ኣምላኽ ኢዩ እንቋዕ ጥራሕ ተዓረቅና በሊ ኪዲ እተዊ ኢልዋ ናብቲ እንዳ ኣወዳት ገዛ ኣተወ።

ቀትሪ ምድሪ ኩላ ጸጥ ኢላ ደቂሳ፡ ሰሌ ምስ ካላኣዩ ካርትሽ ሒዞም ደው ኢሎም ምስ ጸንሕዎ ፈቅ ኢሉ ሰምበደ። ድምጺ ከይገበረ ድማ ናብቲ ተነጺፉ ዝነበረ ኣንሶላ ገጹ ኣምረሐ። ዲያቆን ተመለስ ኣቡኡ ኣይኮነን ቦታኻ በሎ ሰሌ ሓውሲ ትእዛዝ ኣምሲሉ። ቁሊሕ ምስ በሎ ነዓ በዚ ኮፍ በል ኢሉ ኣብቲ ጥቃ ንብረት ናይ ዱኳን ዝነበረ ብጽፊት ዝተነጸፈ መደቀሲ ሒዝዎ ከደ። ፉሉይነት እኳ የብሉን ግን ቁሩብ ይሓይሽ ይኸውን ኣቡኡ ከለና ከኣ ከነዕልል ንሓድር ኣብዚ ምሳይ ክትድቅስ ኢኻ ክሳብ ትኸይድ በሎ። ሕራይ ንሱስ ሰሌ ዓርከይ እንታይ ደኣ፡ዛህዝቢ ጸጥ ኢላ ትንፋስ ዘለዎም፡ዘይመስሉ በሎ ዲያቆን ድምጹ ኣትሕት ኣቢሉ። ዲያቆን ዓርከይ ከኣ፡ ምስ ቅዝፍትኻ ከተሕኪ ኣየድሃብካሎምን እንበር ሆ እንድዮም ክብሉ ጸኒሖም በትሪ ጌርና ምስ ኣተናዮም እንዳኣሎም ጸጥ ኢሎም፡በሎ።

ኣታ ሶል ዓርከይ ክንደይ ዓበይትን ሙሁራትን ብበትሪ ከም እንስሳ ክትሃርሞ ደስ ኣይብልን ኢዩ ጽባሕ ንጉሆ ከ ኣሕዋትካ ዶ ኣይኮኑን በሎ ዲያቆን። ዲያቆን ዓርከይ ኣነ ምትህርራም ኣይፈቱን ኢየ ትፈልጠኒ ኢኻ ግን ወስ ተዘይ ኢለዮም ሆ ክብሉ ኢዮ ክትኣምነኒ ፍርቂ ሰዓት ተጸበ በሎ ሰሌ። ከሙኡ ኣይኮነን ሶል ዓርከይ ብሜላ ኢኻ ትሕዞም እንበር ስቅ በሉ ኢልካዮም፡ ከምዘይሰምዑኻ ሩዱእ ኢዩ ግን ከምዚ ሕክያ ትህርቲ ሕቶታት እንዳምጻኻ ከተዛንዮም ኣለካ በሎ። ዋይ ኣቢቲ ዓርከይ ኣሕክዩ ኢልካዮም ኣየሕክዩን ኢዮም ነንሕድሕዶም ጥራይ ኢዮም ንበላይ ዶ ንጨላይ ንመርሃዊት ዶ ኣረጋዊት ክብሉ ዘሕልፍዎ ኣረብሪቦምኒ ኢዮ ስቅ ጥራሕ በል። እሞ ሶል ዓርከይ ክሳብ ዝደክም ኣነ ባዕለይ ኣለኹልካ ምስ ደኽምኩ ከኣ ንስኻ ተብርየኒ ካቡኡ ድማ ንባዕሎም ክደኽሙ ኢዮም እንተዛ ማህረምቲ ግን ንየው በላ ሰሌ ዓርከይ ሰብ ኩቡር ኢዩ ኣይህረምን ኢዩ በሎ ዲያቆን።

ማሺ ዲያቆን፡ዓርከይ በሎ ሰሌ ብሓሳቡ ስለ ዝተሰማምዐ። በል፡ሶል፡ዓርከይ ሕጂ ኣነ ክወሓሶም ኣተሳኣዮም ንኽይርብሹ ድማ ኣነ ባዕለይ ኣለኹልካ በሎ ዲይቆን።ሰሌ ኣብ ማእከል ኮይኑ ኢዱ ጠቃዕ ጠቃዕ ኣበሎ ገሊኡም ድምጺ ሰሚዕም ግልጽ ክብሉ ከለዉ እቶም ዝተዳህሉ ግን ከም ዘለዉዋ ንቁልቁል ኣፎም ተደፊኡም ቅንዕ ምባል ኣበዩ። ኩላትካ ተስእ ብስነ ስርዓት ኮፍ በል ትእዛዝ ኣመሓላለፈ ሰሌ። ኩላቶም፡ድማ ተሲኡም ኮፍ በሉ። ዝብሎም ክሰምዑ ድማ ጸጥ በሉ። ሰሌን ዲያቆንን ሕሹኽ ሹኽ ድሕሪ ምባል ዲያቆን ናብ ማእከል ገጹ ቅርብ በለ። ሰሌ ድማ ንሕጂ ኣቢ ተዋሒስኩም ኣሎ ረበኻ ተጀሚርኩም ግን ቡኡነት ኢየ ዝብለኩም ብበትሪ ኢየ ዝኣትወኩም በለ ምኽርን ምፍርራሕን ሓዊሱ።

ዲያቆን ገጹ ኣማዕቲቡ እሕሕሕ ድሕሪ ምባል ሰላም፡ኣምላኽ ምስ ኩላትኩም ይኹን ከመይ ጸኒሕኩም ኩቡራት ኣሕዋት? በለ ዲያቆን በሚንቱ ንኩሎም፡እንዳ ኾሎሎም። እግዚኣብሄር ይመስገን በሉ ብትሕት ዝበለ ድምጺ። እቶም፡ቅድሜና ዝመጻኹም እንቋዕ ብሰላም ጸናሕኩም፡እቶም ሞጓዕዝተይ ድማ እንቋዕ ብሰላም ኣብዚ ኣብጽሓና። እንበኣር ኣሕዋተይ ሶል ዓርከይን፡መማህርተይ ኢዩ ሕጂ ድማ ዓርከይ ኢለ ዘይኮንኩ ክሽፍነሉ ሓቀኛ ባህሪኡ ክነግረኩም ኢየ። ኣብ ሂወቱ ከም ማህረምትን ባእስን ዝጸልኦ የብሉን እንተ ካልእ ደሓን ይጽንሓልና ብኽዱኑ በለ እንዳ ሰሓቀ። ክቅጽለልኩም፡እምበኣር ንምንታይ ደኣ ይተሃራረም ኣሎ ተልኩምኒ መበገሲኡ ሓልዮት ክኽውን ከሎ እቲ ቀንዲ ድማ ግዴታ ስለ ዝኾኖ ኢዩ። ስለዚ ንዑኡን ንዓናን ዝሓይሽ ሓሳብ ሒዘ ቀሪበ ኣለኹ ከም ትቅበሉኒ ድማ ተስፋ ይገብር በለ።

ንወዲ ሰብ ብኣፉ ክትሕዞ ከቢድ ኢዩ ብኣማኢት ዝቁጸር ሰብ ድማ ድምጺ ከይገበረ ስቅ ክብል ኣይከኣልን ኢዩ። ስለዚ ቀዳማይ መደብና ቃል ኣምላኽ ክንመሃር ኢና ከም፡ካላኣይ መደብና ድማ መሃርን ኣዘናጋዕትን ዝኮኑ ሕክያታት ከሙኡውን መንፈሳውን ዓለማውን ሓፈሻዊ ፍልጠት ክንገብር ኢና በዚ ንሰማማዕ ድና በሎም ትሕትና ብዝመሎኡ ኣዘራርባ። ኩላቶም ድማ

ጹቡቅ ሓሳብ ጹቡቅ ሓሳብ በሉ። እሞ በየን ክንጅምር በሎም ዲያቆን። ዘረቦኦም ክሰምዕ ደልዩ እንበር በየን ክም፡ዝጅምርስ መዲብዎ ኢዩ ኔሩ። ሓደ ብዕድመ ድፍእ ዘበለ ሰብኣይ ኢዱ ሓፍ ብምባል ሪኢኻ ለኻ ብሩኽ ወደይ ኣብዚ ቦታ ልዕሊ ሰሙን ጌርና ክምዚ ዓይነት ዝተቀደሰ ሓሳብ ግን ከነምጽእ ኣይከኣልና፡ ናይ ብሓቂ በሊሕ ትኩር ኢኻ ዝወደይ ኣምላኽ ይባርኽካ ሕጂ ድማ ቃል ኣምላኽ ይዓቢ እሞ ብጸሎት ደኣ ጀምረልና ዝወደይ በልዎ። ኣሜን ኣቦ የቀንየለይ ክብረት ይሃበለይ እንበኣርከስ ካህናት ዲያቆናት መማህራን እንተሊኹም፡ ጸሎት ክትከፍቱልና ብኣኽብሮት ንዕድም በለ ዲያቆን። ቁሩብ ተጸብዩ ክርክብ ስለ ዘይተኻእለ መደብ ባዕሉ መሪሑ መእተዊ ጸሎት ጌሩ ዕለታዊ ትምህርቲ ጀመረ ።

ካብ ኤፌሶን ምዕራፍ 5፥14.....20 ዘሎ ሃይለ ቃል ወሲዱ ድማ ሰፊሕ ትምህርቲ ሃበ።ንኣስታት ክልተ ሰዓት ዝቀጸለ ስብከት ናይ ንስሃ መዝሙር ዘሚሩ ብጸሎት ተዓጽወ ።እሺ እንበኣር ኩቡራት ኣሕዋት ናይ ሎሚ ትምህርትና ኣብዚ ወዲእና ኣለና ምናልባት ሕቶ ወይ ሪኢቶ ተልይኩም ደው ኢለ ከለኹ ክቅበለኩም ድልው ኢየ ምስ በለ።

ሓደ ተኽታሊ ፕሮቴስታን ዝኾነ መንእሰይ ሕቶ ኣለኒ በሎ ዲያቅን ንኽቅጽል ምስ ሓበሮ መጀመርያ ስለቲ ዝሃብካና ቃል ኣምላኽ ኣዝየ የመስግነካ ኀይታ ኣዕዚዙ ይባርኽካ። ቀጺለ ናብ ሕቶይ ክኣቱ ኣዝዩ ደስ ዘብል ትምህርቲ ኔሩ ግን ኣብ መንጎ ታሪኽ ጽውጽዋይ ትሓውሰሉ ኔርካ ስለምንታይ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ትምህር ወይ ትጥቀም፡? ዲያቆን ንቁሩብ ካሊኢታት ዝን ድሕሪ ምባል እሺ ብሩኽ ሓወይ ቅድሚ ምምላሰይ ክሓተካ ተፍቅደለይ ዶ በሎ። ኦኬ ክትሓተኒ ትኽእል ኢኻ ግን ቀዲምካ መልሲ ተትህበኒ ደስ ምበለኒ ኔሩ በሎ። ደሓን ኣየንውሓልካን ኢየ ሓንቲ ኢየ ክሓተካ ሃይማኖትካ ዶ ክትነግረኒ በሎ ሃይማኖት ኣይኣምንን ኢየ ንየሱስ ኢየ ዝኣምን ኦኬ ጽቡቅ ኣምላኽ ከም፡ዝፈቀዶ መጠን ክምልሰልካ ኢየ ሕዝ በል በሎ።

ዲያቆን ኣቤል ይበሃል ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኢየ ኦርቶዶክስ ድማ ኣዝያ ሃብታም ኢያ ብዙሓት መጻሕፍቲ እትውንን ጥንታዊት እምነት ኢያ። ናታ ተኽታሊ ክሳብ ዝኾንኩ ድማ መጻሕፍታ ከንብብን ክጥቀምን ግድነት ኢየ እቲ ጽውጽዋይ ዝበልካዮ ድማ ተጋጊኻ ጽውጽዋይ ኣይመሃርኩን ካብ ኣቦታተይ ዝተቀበልክዎ ትምህርቲ ናብ ኣሕዋተይ ኢየ ዘመሓላልፍ ኔረ ሓፈሻዊ ግን ሎምዓንቲ ወንጌል ኢየ ዝሰብኽ ኔረ ኣብ መንጎ ድማ ብሂል ቁዱሳን ኣበው ይሓውሰሉ ኔረ። ኣብዚ እንታይ ተቃውሞ ኣለካ በሎ ዲያቅን ህድኣት ብዝተሓወሶ ቃና። ተቃውሞ ዘይኮነስ ሕቶ ኢየ ክሓተካ ስለምንታይ ካብ ብሉይን ሓድሽን ኪድን ወጻኢ መጻሕፍቲ ትጥቀሙ ካብዘን 66 መጻሕፍቲ ወጻኢ ከይንጥቀም ኀይታ ኣምሪሩ ኣዚዝና ኢዩ ኣብ ራኢ ዮሃንስ ምዕራፍ 22፥18...20 ኣንበቦ ብሩኽ ሓወይ ኀይታ ይባርኽካ በሎ።ዲያቆን ድማ ኩቡር ሓው እቲ ቃል ጽቡቅ ጌረ ኣንቢበዮ ኢየ ከምዚ ኢዩ ዝብል ራእይ ዮሃ 22፥18 ኣነ ቓላት ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ንዚሰምዐ ዅሎም እምስክረሎም ኣሎኹ፡ ሓደ እኳ ናብዚ እንተ ወሰኸ፡ ኣምላኽ ከኣ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፉ ዘሎ መዓት ኪውስኸሉ እዩ። 22፥19 ሓደ ሰብ ከኣ ካብ ቃላት እዚ ትንቢት እዚ እንተ ኣጕደለ፡ ኣምላኽ ካብተን ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፈን ዘለዋ ኦም ህይወትን እታ ቐድስቲ ኽተማን ግዲኡ ኼጕድለሉ እዩ። ይብለና። ቃል ብቃሉ ኣንቢብካ ካብ ሓተትካኒ ኣነ ድማ ቅድሚ እቲ ትኽክለኛ ትርግሙ ምንጋረይ ክሓተካ። ካብ 66 ወጻኢ ድዩ ዝብል፡ዘሎ ወይስ ካብዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣስተውዕል 66 መጻሕፍቲ ኣለዉ ኢልካ እተደኣ ኣሚንካ 39 ናይ ቡሉይ ኪዳን መጻሕፍቲ ክኾኑ ከለዉ እቶም፡27 ድማ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኢዮም ካብዚኦም ሓደ ራእይ የውሃንስ ኢዩ ስለዚ ራእይ ዮሃንስ ርእሱ ዝኸኣለ መጽሓፍ ኢዩ ማለት ኢዩ ስለዚ እታ ጥቅሲ ድማ ኣብ ራእይ ዮሃንስ ኢያ ዘላ እንበኣር ሃዋርያ ቅዱስ የውሃንስ ብዘይካ ራእይ ካልእ ከይትጥቀሙ ይብለና ኣሎ ማለት ኢዩ።

ብሩኽ ሓወይ ነዚ ዝኸውን መረዳእታ እንታይ ኣለካ በሎ ዲያቆን .....።

****

12 ክፋል

እቲ መናፍቅ ድማ ወታእታእ ድሕሪ ምባል ካብ ራእይ ዮሃንስ ጥራይ ኣይበለን ካብዛ መጽሓፍ እዚኣ ኢዩ ዝብል፡ዘሎ መሓፍ ቅዱስ ድማ ሓንቲ ኢያ ንሳ ድማ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ካብዚ ወጻኢ ኣይንጥቀምን ኢና በሎ። ዲያቆን ድማ ኦኬ ብሩኽ ሓወይ ህድእ በል ቃልካ ኣይትዕጸፍ መጽሓፍ ቅዱስ 66 ኢዩ ክትብል ጸኒሕካ ሕጂ ድማ ሓንቲ ኢያ ትብል ኣለኻ። እሺ ሓንቲ ኢያ እስኪ ንበል ንሓንቲ መጽሓፍ ክንደይ ሰባት ይጽሕፍዋ??? ሓደ ፡ምናልባት ክልተ፡ወይውን ሰለስተ፡ ወይውን ብጉጉፕ ኮይኖም እንዳተሓጋገዙ ክጽሕፍዎ ይኽእሉ ኢዮም። መጽሓ ቅዱስ ግን ጸሓፍቱ ኣዝዮም ብዙሓት ኢዮም። ናኣብነት ናይ ቡሉይ ኪዳን መጻሕፍቲ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተጻሕፉ ኮይኖም ጸሓፍቱ ድማ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም። ሊቀ ነብያት ሙሴ፡ነብዩ ሳሙኤል ንጉስ ዳዊት ጥብበኛ ሰለሙን ወዘተ..... ኢዮም ። ናይ ሓድሽ ኪዳን ድማ ኣርባዕተ ወንጌላውያን በብስሞም ንግብረ ሃዋርያት ሉቃስ ንዝተረፉ 22 መልእኽታት ድማ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፡ያእቆብ፡ ጴጥሮስ፡ ይሁዳ፡ ዮሃንስ ወዲ ዘብዴዎስ ኢዮም ጽሒፎሞ። ነዚ ትቅበሎ ዲኻ ብሩኽ ሓወይ በሎ ዲያቆን እቲ መናፍቅ ድማ ዕጥይጥይ እናበለ እወ ይቅበሎ ኢየ በሎ። ጽቡቅ እሞ እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ደኣ ብዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኢዮም ተጻሒፎም ከመይ ጌሮም ሓደ ክኾኑ ኪኢሎም ምስ በሎ መልሲ ሲኢኑ ስቕ በለ። ስለዚ መጽሓፍ ቅዱስ ሓንቲ ኮይና ብ 66 መጻሕፍቲ ዝቆመት ኢያ ነዚ ብዘይ ውልውል ኣሜን ኢልካ ክትቅበሎ ኣለካ።

ነዚ ድሓን ግደፎ ቀስ ኢልና ክንዘራረበሉ ኢና። ቀጺለ ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ ኢየ ሃዋርያ ቅዱስ ይሁዳ ኣብ መልእኽቱ ሓንቲ ምዕራፍ ኢያ ዘላቶ ኣብኣ ድማ ኣብ ፍቅዲ 14-16 ዘሎ ከምዚ ክብል ገሊጽዎ ኣሎ እቲ ካብ ኣዳም ሻውዓይ ወለዶ ዝኾነ ሄኖክ እውን ብዛዕባ እዞም ስባት እዚኣቶም :- እነሆ ጎይታ ንዅሎም ክፈርዶም ምስ ኣእላፍ ቅዱሳኑ ክመጽእ ኢዩ። ነቶም ፍርሃት እግዚኣብሄር ዘይብሎም ኩላቶም ድማ ብዛዕባ እቲ ብኽፉእ መገዲ ዝጉበርዎ ኩሉ ክፉእ ግብርን ብዛዕባ እቲ ክፍኣት ሓጥያተኛታትን ብዛዕቡኡ ዝተዛረብዎ ኩሉ ዘረባን ድፍረትን ክቀጽዖም፡ኢዩ ኢሉ ተነበየሎም። ይሁዳ ካበይ ኣምጺእዎ ነዚኣ ዶ ክትምልሰለይ በሎ ዲያቆን። እቲ መናፍቅ ድማ ይሁዳ እኮ ምስ ጎይታ ንኣስታት ሰለስተ ዓመት ተቀሚጡ ኢዩ ስለዚ እቲ ትንቢት ናይ ሄኖክ ካብ ጎይታ ዝተማህሮ ኢዩ በሎ። ብሩኽ ሓወይ ኣስተውዕል ትብሎ ዘለኻ ሄኖክ መጽሓፍ ኣለዎ ንኽይትብል ኢልካ ካልእ ዘየለ ጹሑፍ ኣይተምጽእ ንሕና ክንዛረብ ከለና ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ኣይትስበኹ ትብሉና ንባዕልኹም ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ትሰብኩ። በልስኪ ንይሁዳ ጎይታ ብዛዕባ ትንቢት ሄኖክ ከም ዝመሃሮ ዝገልጽ ጽሑፍ ኣበይ ኣንቢብካ በሎ። ዲያቆን ብሕቶ ምስ ኣዋጠሮ ዓቅሉ ጸቢብዎ ሃተፍተፍ ክብል ጀመረ። ብሩኽ ሓወይ ክርታዕ የብለይን ንኹሉ ይፈልጦ ኢየ ዝብል ሓሳብ ካብ ልብና ኣውጺና ብቅንዕና፡ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ክንዘራረብ ፍቃደኛ እንተኮንካ መድረኽ ክፉት ኢዩ። ባይብል ኣለካ ዶ ሓተተ ዲያቆን እወ ኣለኒ ምስ በሎ በል መጽሓፍ ቁዱስካ ሒዝካ እሞ ንዓ ናብ ቅድሚት ኣነ ውን መጽሓፍ ቅዱስ ክሕዝ ኢየ ከም ፍቃድ ኣምላኽ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ክንዘራረብ ኢና። ቡሉይን ሓድሽን ኪዳን ስለ ትብል ዘለኻ ኣነ ካቡኡ ኣይወጽእን ኢየ ንስኻ፡ድማ ልክዕ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ትምልሰለይ በሎ ዲያቆን። ተሰማሚያም ድማ መጽሓፍ ሒዞም፡ናብ ቅድሚት ወጹ።

ዲያቆን ወላኳ ብዕድመ ኑኡስ ብተመኩሮ ውን ትሑት ተኾነ ብእምነቱ ንዝመጸ ሰብ ግን ሰገጥ ኣይብልን ኢዩ። እቲ ዝዛረብ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ ዝብል ኣምር ስለ ዘለዎ ብትብዓት ኢዩ ዝቀውም። ከም እምነቱ ድማ መንፈስ ቅዱስ ይድግፎ ኢዩ። እሺ ብሩኽ ሓወይ ሕቶ መኒና ክጅምር በሎ ዲያቆን ትሕትና ብዝመለአ ኣዘራርባ። ክትጅምር ትኽእል ኢኻ ቅድሚኡ ግን ክጽሊ ኢየ ኢሉ ዓይኑ ዓሚቱ ጸሎት ኣብጸሐ። ምስ ወደአ ድማ ክንቅጽል ንኽእል ኢና በሎ። ሕራይ እንበኣር ኦርቶዶክስ ድካ ኔርካ እወ ተኮይኑ መልስካ ስለምንታይ እምነት ቀይርካ ሓጺር መልሲ ክትህበኒ ኢየ ዝደሊ ቦሎ ዲያቆን። እወ ቅድሚ 5ተ ዓመት ኣብቲ ናትኩም ኢየ ኔረ ዝወጻኹሉ ምኽንያት ድማ ብዙሕ ኢዩ ካብ ብዙሕ ውሑድ ክጠቅስ ተኾይነ ግን ንጻድቃን ዶ ንመላእኽቲ ንማርያምዶ ንገብሪኤል ዶ እናበልኩም ትገብርዎ ስግደት ይኹን ኣማላድነት የሱስ ስለ ዘይቅበሎ ካላኣይ ስእልን ምስልን ኣይትግበሩ እንዳተባሃልኩም ኣብ ስእልን ምስልን ምስጋድኩም ካልእ ብዙሕ ኣሎ ግን እዚ ይኣኽለካ ኢየ በሎ።

እሺ ሕቶይ ክቅጽል ኢየ ስግደት ንቁዱሳን ኣይግባእን ከሙኡ ውን ከማልዱ ኣይክእሉን ኢዮም ዲኻ ትብል ዘለኻ??? እወ ትኽክል ስግደት ንሓደ ኣምላኽ ኣማላድነት ድማ ብኢየሱስ ጥራሕ ኢዩ ዝፍጸም ስለዚ ትገብርዎ ኩሉ ጌጋ ኢዩ፡ ok ክልተ ኣርእስቲ ሒዝና ስለ ዘለና ከም ፍቃድ ኣምላኽ ሓንቲ ኣርእስቲ እሞ ምረጽ ክምልሰልካ ኢየ ነታ ሓንቲ ምስ ወደእና ድማ ናብታ ካለኣይቲ ንሰግር በሎ ዲያቆን። እቲ መናፍቅ ብዛዕባ ምምላድ እንተ ንዘራረብ ጹቡቅ ኔሩ። መጽሓፍ ቅዱስ ዝብለና ብዘይካ የሱስ

ኣማላዲ የለን የሱስ ከም ዘማልድ ግን ኣብ ሮሜ 8፥34 1ይ ዮሃ 2፥1-2 ገልጽዎ ኣሎ ስለዚ ተክለሃይማኖት ዶ ጋብርዶ ሚኪኤል ዶ ገብርኤል ኣየማልዱን ኢዮም። ብሩኽ ሓወይ ብስምዒት እምበር ብርድኢት ምስትውዓል ትዛረብ ዘለኻ ኣይመስለንን። ኣስተውዕል ኣርእስቲ ኣይተግፍሕ ኢየሱስ የማልድ ኢዩን ቅዱሳን ኣየማልዱን ኢዮም ዝብል ክልተ ኣርእስቲ ስለ ዝኾነ ሓደ ክንሕዝ ኢና። ጎይታ ፈራዲ እንበር ኣማላዲ ከምዘይኮነ ድማ ኣስፊሕና ክንዘራረበሉ ኢና። ናብ ናይ ቅዱሳን ኣማላድነት ክንምለስ ቅዱሳን ከም ዘማልዱ ካብ ብሉይ ኪዳን ኣብራሃም ንሰዶምን ጎሞራን ሙሴ ንህዝቢ እስራኤል ኢዮብ ንክልተ ኣዕሩኽቱ ወዘተ..... እዞም ጠቂሰልካ ዘለኹ ብተግባር ናብ ኣምላኽ ዘማለዱ ኢዮም። ግን ኣምላኽ ዓይነ ልቦናኹም ይኽፈተልኩም ድኣንበር ብሉይ ኪዳን ተሳዒሩ ኢዩ ሓድሽ ኪዳን ሓድሽ ሕጊ ኢዩ ከም ትብሉ ስለ ዝፈልጥ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሓንቲ ጥቅሲ ክህበካ ኢየ። 1ይ ጥሞቴዎስ 2፥1-2 ቅድሚ ኩሉ እንበኣር ምህለላ፡ ጸሎት፡ ምምላድ፡ ምስጋና ምእንቲ ኩሉ ሰብን ነገስታት፡ ሰብ ስልጣንን ክግበር እምዕድ ኣለኹ። ይብለና ኣሎ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ስለዚ ምምላድ ኣሎ ማለት ኢዩ። መቸም ንክርስቶስ ኢዩ ኣማልድ ዝብሎዘሎ ከምዘይትብለኒ ርግጸኛ ኢየ። ንጢሞቴዎስ ኢዩ ከሙኡ ኢሉ ክምህርን ከስተግብርን ዝእዝዞ ዘሎ።

ንባዕልኹም እውን ንፓስተርኩም ጸልየልና ትብልዎ ኢኹም። እንታይ ደኣ ንሕና ንቅዱሳን ጸልዩልና ተበልናዮም ደኣ ስለምንታይ ትቃወሙ??? መናፍቅ፥ ጽቡቅ ኣለኻ ንፓስተራት ጸልዩልና ንብሎም ኢና ነንሕድሕድና ክንጸላለ ውን ጎይታ ኣዚዙ ኢዩ ንዝሞቱ ብሂወት ንዘየለዉ ግን ጸልዩልና ክንብሎም ኣይግባእን ኢዩ። ዝሞተ ሰብ መይቱ ኢዩ ከመይ ጌሩ ኢዩ ኣብ መቃብር ኮይኑ ከማልደልኩም ክጽልየልኩም ትሓስቡ። ከሙኡውን ዘማራይ ዳዊት ካብ ምዉት ኣንበሳ ህያው ከልቢ ይሓይሽ ኢሉና ኣሎ ስለዚ ንብሂወት ዘሎ ደኣንበር ንዝሞተ ጸለለይ ክትብሎ ጌጋ ኢዩ። ዲያቆን፥ ቅዱሳን ምስ ሞቱ ክጽልዩ ኮነ ከማልዱ ኣይክእሉን ኢዮም፡ ኣብ መቃብር ኮይኖም ኣብ ዓለም፡ዘሎ ክፈልጡ ኣይክእሉን ኢዮም እንዲኻ ትብለኒ ዘለኻ? መናፍቅ፥ እወ ብሂወት ዘየለ ሰብ ከማልድ ኣይክእልን ኢዩ። ዲያቆን፥ ቅዱሳን ህያዋን ምኽኖም ብዙሕ ጥቅሲ ከምጻኣልካ ኢየ ቅድሚኡ ግን ሕቶ ኣለኒ። ህራይ ቅዱሳን መላእኽቲ ህያዋን ሙኽኖም ከምዘይመቱ ትኣምን ኢኻ ሓቀይ??? መናፍቅ፥ እወ ይኣምን። እሞ ስለምንታይ ደኣ ሚካኤል ዶ ገብርኤል ከማልዱ ኣይክእሉን ኢዮም ክትብል ጸኒሕካ ሕራይ ቅዱሳን ሰባትስ መይቶም ኢዮም ከማልዱ ኣይክእሉን ኢልካ ንቅዱሳን መላእኽቲ ከ እንታይ ኢኻ ክትብሎም። መናፍቅ መልሲ ሲኢኑ ስቅ በለ።

ካቡኡ ንላዕሊ ምቅጻል ከምዘየዋጽኦ ስለ ዝፈለጠ ቀዲመ መጽሓፍ ቅዱስ ክግንጽል ኢየ ሒዘየን ዝነበርኩ ጥቅስታት ረሲዐየን ኣለኹ በሎ። ዲያቆን ድማ ስምዓኒ ብሩኽ ሓወይ ዝተወሰና ጥቅስታት ክተጽንዕ ግዜኻ ኣይተጥፍእ መጀመሪያ ንመማህራን ሕተት ስለምንታይ ኢኹም ኣማላድነት ትኣምኑ ንቅዱሳን ትሰግዱ ወዘተ.... ኮታስ እቲ እምነትካ ከቀይረካ ዝኽኣለ ነገራት ሕተተሉ መልሲ እንተሲኢንካሉ ሃይማኖትካ ትቅይር ኣይኮነን ግን ሓደ ፓስተር መጺኡ ብዘይካ የሱስ ኣማላዲ የለን ኢሉ ጥቅሲ ስለ ዘርኣየካ ስግደት ኣይግባእን ኢዩ ኢሉ ስለ ዝመሃረካ እምነትካ ክትክሕድ ኣይግባእን ኢዩ። ካብ ዝርርብና ዝተረዳእክዎ ነገር እንተዳኣ ሃልዩ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣፍልጦኻ ድሩት ሙኽኑ ኢዩ። ከመይ ተዳኣ ኢልካኒ ኣነ ምስ ውሑድ ዓቅመይ ደው ከብለካ ዝኽኣልኩስ ዓበይቲ፡ ናይ ተዋህዶ መማህራን ተዝረኽቡኻ ከ ሓንቲ ስጉሚ ውን ኣይምኽድካን። ስለዚ ብሩኽ ሓወይ መጀመሪያ ስለ እታ ጥንታዊት ተዋህዶ ናየቦኻን ናየዴኻን ዝኮነት እምነት ኣፍልጦ ይሃልኻ ድሕሪኡ ከም ውሳኔኻ። ኣምላኽ ሰላሙ የብዝሓልና ምስትውዓሉን ጥበቡን ይዓድለና የቀንየለይ ኮፍ ክትብል ትኽእል ኢኻ በሎ ዲያቆን።

ሶሌ ብተመስጦ ክሰምዖ ጸኒሑ ኣመና ኢዩ ተገሪሙ። ዲያቆን ኣብ ኣካዳሚ ንፉዕ ሙኽኑ እንበር ከምዚ ዓይነት መንፈሳዊ ስብከት ክሰብኽ ዓቅሚ ዘለዎ ኮይኑ ኣይስመዖን ኔሩ። ኣታ ዲያቆን ዓርከይ ዝኹሉ ዓመታት ምሳይ ኔርካስ ከምዚ ዓይነት ፍልጠት ከም ዘለካ ኣይፈልጥን ኢየ ኔረ። ኣኹሪዕካኒ በሎ ሰሌ፡ ዲያቆን ፍሽኽ ድሕሪ ምባል ኣላ ሰሌ ዓርከይ ኣብ ዓዲ ዕዉራት ሓደ፡ዓይኑ ይነግስ ድዩ ዝተባህለ መማህራን ኣብ ዘይብሉ መምህር ኮይነ ተሰሚዐካ ምሽ በሎ እንዳ ሰሓቀ ብሓቂ ኢየ ዝብለካ ብፍላይ ምስቲ ቤንጠ ክትዕ ምስ ጀመርኩም ዛወዲ ከተግድዓና ኢያ ኢለ ኔረ ተረኣኹክስ ፍራቻ ወሊዑ ጠጠው ከም ዝብል ጌርካዮ በል ሰሌ ውን እንዳ ሰሓቀ። ሰሌ ዓርከይ ብናተይ ስብከት ዝተገረምካ ደኣ እቶም ንፉዓት ሰበኽቲ ተትሪኣም ከደኣ እንታይ ምበልካ። ብዝኾነ መናፍቃን ሓደ ብሓደ ተሒዝካዮም ናብ ዘብልዎ የብሎምን ነገራት ስለ ዝሓዋውሱ ኢዮም ኢዶም፡ዘይህቡ። ኣማላድነት ክብሉ ጸኒሖም ስግደት ብዛዕባ ስእሊ ቅዱሳን ክዛረቡ ጸኒሖም ብዛዕባ ጾም ኣርእስታት ዝብርቅርቅ ኢዮም ዘብልዎ ብኽሙኡ ኢካ ኩሉ ግዜ ምስ መናፍቃን ዝርርብ ተጀሚርካ ብዘይ ፍረ ትብተን በሎ ዲያቆን።

ኣታ ሶል፡ዓርከይ መስዩ ደኣ ከይከውን እንበር ነዘን ቆሉዑ ምረኽብክወን ኔረ ምሰአን ተቀርቂረ እንድየ መጽየ ከመይ ከም ዝገበራ ምሓተትክወን። ዋ ኣታ ዲያቆን ዓርከይ ኣሕዋትካ ከለዉኻስ ተቀርቂረ መጺ ክትብል ቆረይረይ ደኣ ካብ መኣስ ጀሚርካ

በሎ ሰሌ እንዳሰሓቀ። ደሓን እቲ ጉዳይ ካልእ ኢዩ ውሰደኒ ግዳይ በሎ ዲያቆን ፍሸኽ እናበለ። ሳሌምን ፍዮርን ደቂሰን ኢየን ኔረን ሰምሃር ግን ብገለ ቀርቂራ ዘምጻኣታ መጽሓፍ ጸሎት ዘ 7ቱ ሰዓታት ኢያ ትደግም ኔራ ዲያቆን ምስ ሰሌ እንዳዕለሉ ጸሎታ ክሳብ ትውድእ ተጸበይዋ።

ቀጻልነት ኣለዎ ድዩ ወይስ ናይ ፍርሒ ኢኺ ጌርክያ ጸሎት ኣንዊሕኪ በላ ዲያቆን ኢዱ ንሰላምታ እንዳሰደደ። ዲያቆነይ ከመይ ዊዒልካ ዘይሳክት ኢየ ሒዘዮ እንበር ጸሎት ታይ ይፈልጦ ኢልካኒ ኢኻ ጸሎት ደኣ ነበዓል ንዓኹ.... በሊ በሊ ይኣክለኪ ታይ ደኣ ኣሻበን ደቂሰን በዓል ፍዮሪ ከ? ኣይደቀስናን፡ዲያቆነይ ንሰምሃር ከይንርብሻ ኢልና ኢና ጎቦ ኮንና እንበር ኣለና በለቶ ፊዮሪ። ሰይ ዋዕሮ ሓፍተይ ከመይ ዲኺ ተሕጉስኒ ሳሌመይ ከ ድኻም ኣይወጸልክን፡ዲዩ ክሳብ ሕጂ ተሲኢባ ኣዕልልና በላ ዲያቆን። ቁሩብ ድሕሪ ምዕላል ደዋዊልክን ዶኽ ከመይ ጌርክን በለን ዲያቆን እወ እቲ ገንዘብ እኮ ኣዳሊናዮ ኢና ተበጊስና ወዲእና ኣለና ናይ፡ዲያቆ፡ እውን ወዲኣሉ ኣለኹ ኢልና ተሪፉ ዘሎ ጉዕዞ ንትራብሎስ ኢዩ በለቶ ሰምሃር። ዎውው ጽቡቅ እንበር በላ ቀርቂረ ዘምጻኽዋ 100$ ኣላ እሞ ኣሽሪፍክን ተጠቀማላ ኣነ ምስ ሶል፡ስለ ዘለኹ ገንዘብ ኣየድልየንን ኢዩ ዘድልየኒ ተመሲሉ ድማ መጼ ክወስድ ኢየ ኢሉ ካብ ጆቡኡ ኣውጺኡ ሃበን።

ተፋንይወን ድማ ናብቲ ናየወዳት ከደ። ሶል ዓርክይ ረሲት እባ ከም፡ገለ ግበር ምስ ኣሕዋተይ ርሱን ኩናት ኣለኒ ናይ ምንታይ ኩናት ከይነገርካዮም ዲኻ ተበጊስካ?? ኣታወ ጌጋ እንድያ ጌረ ሳክት በቃ ይከይድ ኣለኹ ዝበልኩም በሉ ወሲነ ኢየ ከይብሎ ሃንደበት ከይነገርክዎ ተበጊሰ። ክጽለሉ ኢዮም ብፍላይ ሲስተርካ በልስኪ ህንካ ደሓን ደውል ኢሉ ናይ ሓሙሽተ ዲናር ረሲት ሃቦ። ዲያቆን ናብ መን ከም ዝድውል ዓቅሉ ጽብብ በሎ ሲስተሩ ብብዝሒ ስለ ትድውለሉ ንሳ ኢያ ትፈኽሶ ናምበራ ውን ብሓንሳሉ ስለ፡ዝሸምደዶ ናብ ሓፍቱ ክድውል ቁጽርታት ክጥውቅ ጀመረ.....።

****

13 ክፋል

.....ቁጽርታት መሊኡ ቀጠልያ ብምህራም ናብ እዝኑ ኣጸጋዓ፡ተሌፎን ክትሃርም ምስ ጀመረት ትርግታ ልቡ ህርመታ ክውስኽ ተፈለጦ። ኣንታ ኣምላኽ ኣቦይ ታይ ኮንያ ክትብለኒ በለ ብውሽጡ። ሄለው ዝብል ቀጢን፡ድምጺ ሰምዐ ሄሄሄለውው በለ ዲያቆን ወታእታእ እናበለ መርሓባ መንክብል ወሰኽት? ኣነ ኣቤል ኢየ በለ ድምጹ ኣትሕት ኣቢሉ መን ኢልካኒ በለት ብስንባደ ኣነ ዲያቆን ኣቤል ኢየ ኣስቴር ሓፍተይ ከመይ ቀኒኺ በለ ዘለዎ፡ድፍረት ኣኻኺቡ።

Oh Thanks,Lord ኣቢ ድሓን ዲኻ ብሂወት ኣለኻ ኣነ ኤልሳ ኢየ መሓዛ ኣስቴር በለቶ።

ኦው ኤልሲ ሰላም ዲኺ ከመይ ኣለኺ በላ ዲያቆን ንኤልሳ ጽቡቅ ጌሩ ኢዩ ዝፈልጣ ኣብ ኣስመራ ከሎ ንዕረፍቲ ኢላ መጽያ ስለ፡ ዝነበረት ረኺብዋ ኔሩ ኢዩ።ኣቤለይ ድሓን ዲኻ ተሻቂልና ብፍላይ ኣስቴር ድሃይካ ሲኢና ሓሚማ ኢያ ዘለ ኣቦይ ኢኻ፡ዘለኻ እንታይ ኢዩ ኸ ረኺብካ ሕቶ፡ኣብ ርእሲ ሕቶ ደራረበትሉ። እታ ደሃይካ ሲኢና ሓሚማ ትብል ሓረግ ልቡ ከም፡ኩናት ወገኣቶ ንሰሃራ ንኸይብገስ ቀንዲ ትቃወሞ፡ዝነበረት ኣስቴር ኢያ ምድረበዳ እንተኸይዱ ዝመውት እንበር ዝወጽእ ኣይመስላን ኢዩ። ምንጩ ካበይ ሙኺኑ ኢዩ ዘይፍለጥ እንበር ንዲያቆን ካብ ሙሉእ ስድራቤት ኣብሊጻ ኢያ ትፈትዎ ዝኾነ ነገር ክኾና ኣይትደልን ኢያ። ነዚ ኩሉ ሓሲቡ ደዊላ ምስ ሰኣነትኒ ዓቅላ ጸቢብዋ ማለት ኢዩ በለ ብልቡ። ኣለኻ ዶ ኣቢ ታይ ደኣ ስቅ ኢልካ በለቶ ኤልሳ። ኣለኹ ኤልሳ ሓፍተይ ኣስቴረይ ደሓን ድያ እንታይ ኢያ ኮይና በለ ዲያቆን ፍርሒ እንዳ ተሰሞዖ ኣስቴር ደሓን፡ኢያ ቴለፎን ምስ ተደወለ ድሃይ ኣጥፊእካ ስለ ዝነበርካ ኣብ እዝና፡ዝኾነ ነገር ከይብልዋ ኢለ ኢየ ናባይ ዳይሬርት ጌረያ ተሌፎና ሕጂ ግን ከራኽበካ ኢየ ኢላ ናብ ሳሎን ገጻ ኣምረሐት። ኣስቴረይ ኣቤል ኢዩ እንኪ ርኸብዮ በለታ፡ መን ኣቤል ሓወይይ፡ ብሂወት ኣሎ በለት ስምብድ ኢላ እወሎ ህንኪ ርኸብዮ።

ሄለውው ኣቢ ሓወይ ፡

ኣስቴር ሓፍተይ ድሓን፡ዲኪ

ኣታ ኣቢ ሓወይ ብሂወት ኣለኻ ታይ ኢኻ ኮንካ ታዩ ኣጋጢምካ

ኣስቴር ሓፍተይ ወላሓንቲ ኣይኮንኩን ክነግረኩም ይግባኣኒ ኔሩ ግን እንታይ ከም ትብሉኒ ስለ ዝፈልጥ ኢየ ትም ክብል ወሲነ ኣስቴር ሓፍተይ ይቅሬታ፡ ኣቢ እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ ዘረባኻ ይተሓዋወሰኒ ኣሎ ብዛዕባ እንታይ ትዛረብ ኣለኻ እንታይ ኣሎ ዲዩ ዘጋጠመ?? ኣስቴር ሓፍተይ ሊብያ ኣትየ ኣለኹ!! What ኣቢ ታይ ትብል ኣለኻ ትላግጽ ወይ ናይ ልብኻ ኣይከውንን ኢዩ ኣቢ፡ ሊብያ ኣይትኸይድን ኢኻ ብፍጹም ኣይከውንን ኢዩ፡ ዲያቆን ብኩነታት ኣስቴር ኣመና ኢዩ ሰንቢዱ ስንባደኣ ኳ ከም ኖርማል ተወሰዶ ዘረባኣ ግን ሕውስውስ ኢዩ ኢልዎ።ሊብያ ኣትየ ኣለኹ እናበልክዋስ ሊብያ ኣይትኸይድን ኢኻ ትለኒ ከመዩ ዝነገር። ምቅባሉ ዶ ኣጸጊምዋ ይኸውን? ኣስቴር ሓፍተይ ተረጋግኢ ኣነ ብሰላም ሊብያ ኣትየ ኣለኹ እንቋዕ ብሰላም ኣተኻ ኢልኪ ኣምላኽኪ ኣመስግኒ።

ኣስቴር ሓፍተይ ናይ ሰሃራ ተኸፊሉ ወዲኤ ኢየ ኣብዚ ክልተ መዓልቲ ናብ ትራብሎስ ክንብገስ ኢና ናብ ገምገም ባሕሪ ማለተይ ኢየ እንተኺኢልኪ ናይ ባሕሪ ገንዘብ ኣዳልውለይ። ስማዕ ምስ መን ተማኺርካ ወጺኻ ሊብያ ኣይትብገስን ኢኻ ምሽ ኢልናካ ንሕና በዚ ክንውዳኣልካ ኮለል ንብል ንስኻ ከኣ ከም፡ቀይዲ በተኽ ቢኢደ ዋኒንካ ተበጊስካ ምሽ ባዕልኻ ትፈልጥ ኣነ ሓንቲ ኣይሕግዘካን ኢየ ባዕልኻ፡ዛኣተኻዮ ጉዳይ ባዕልኻ ውጻዮ በለቶ ኣስቴር ሕርቃን ብዝተሓወሶ ኣዘራርባ። ስምዒ ኣስቴር ከይነገርኩኹም፡ምብጋስ ይቅሬታ፡ ኣብ ሱዳን ኮፍ ኢለ ፌክ መርዓ ከምዘይገብር ድማ፡ደጋጊመ ነጊረኩም ኢየ። ሓንቲ ምርጫይ ድማ ንሊብያ ምብጋስ ኢያ ስለዚ ሂወተይ ክመርሕ ተበጊሰ ኣለኹ ክትሕግዘኒ ትኽእሊ ተኮንኪ ሰናይ ኣይሕግዘካን ኢየ እንተልኪ ድማ እቲ ዝገበርከለይ ስለ ዝበዝሕ ኣየግህየንን ኢዩ። ንኣሮን ሓወይ ድማ ንገርዮ ረሲት ትውደእኒ ስለ፡ዘላ ባይይይ ኢሉ ኣብ እዝና ዓጸዋ።

ዲያቆን ነቲ መናፍቅ ንበይኑ ረኺቡ ካብ ቡሉይን ሓድሽን ኪዳን እንዳጠቀሰ ብዛዕባ ታ ሓቀኛ ዝኾነት ጥንታዊት እምነት ሙሉእ ለይቲ ከረዶኦ ሓደረ። ኣብቲ መጀመሪያኳ ክከራኸሮ ተፈተነ መወዳእቱኡስ ምኽኣል ምስ ሰኣኖ ኢዱ ኢዩ ሂቡ። ዲያቆን ሓወይ ኣይከኣልኩኻን ልዕሊ ኩሉ ዓቅልኻን ትሕትናኻን መሲጥኒ ናይ ብሓቂ ክርስትያን ሰዓቢ ክርስቶስ ሙኺንካ ኣርኢኻኒ

መብዛሕቶኦም ኦርቶዶክስ ከምዚ ዓይነት ዓቅሊ የብሎምን ናብ ጸርፊ ኢዮም ዝነዩ ኣብ ክንዲ፡ዘረዱኡኻ ክጸርፉኻ ክሃርሙኻ ይቀሎም ስለዚ ኢና ኽኣ ክንረዳዳእ ዘይንኽእል ናትካ ግን ንበይኑ ኢዩ ኣብ ክንዲ ጸርፊ ቡሩኽ ሓወይ ኢኻ ትጥቀም ኔርካ። ቡዙሕ ብዛዕባ ኦርቶዶክስ ዘይፈልጦ ዝነበርኩ ኣፍሊጥካኒ ኢኻ ሕጂ ድማ ስደት ስለ ዝኾነ ፋሕፋሕ ክንብል ስለ፡ንኽእል ናይ ፌስቡክ ኣድረስካ ጽሓፈለይ በሎ እቲ መናፍቅ። ደሓን ጸገም የብሉን ፌስ ቡኪይ ክጽሕፈልካ ኢየ ብዝያዳ ግን ናይ ኣሕዋተይ ተሌፎን ክህበካ እሞ ደዊልካ ብመገዶም ትረኽበኒ።

ብዛዕባ ኦርቶዶክስ ናብ ጸርፊ ኢዮም ዝነዩ ዝበልካዮ፡ድማ ዘይከሓድ፡ሓቂ ኢዩ ግን ሓቂ ንምዝራብ ንቁዱሳን እንዳዘንጠልኩም ንእምነትና እንዳቃለልኩም ደኣሞ ግድን ኢዮም ክጸርፉኹም ምኽንያቱ ኣፍልጦኦም ዱሩት ኢዩ ቅንኣት ናይ እምነትና ስለ ዝበልዓና ኢዩ። ብዝኾነ ኣምላኽ እንቋዕ ረደኦና ከምዚ ኢልና ክንረዳዳእ ዝኽኣልና ክብርን ምስጋናን ንዑኡ ይኹኖ በለ ዲያቆን።

ሰሌ ጥራዝ ሒዙ ተሌፎናት ከጽዕቅ ምስ ረኣዮ ፡ ዲያቆን ቅርብ ኢሉ ታይደኣ ሶል ዓርኪይ ክንድዚ ምሽብሻብ ምብጋስ ኣላ ድያ በሎ። ኣይነገርኩኻን ድየ ኣቢ ዓርኪይ መኪና ትመጽእ ኣላ ሎምዓንቲ ክትወጹ ኢኹም ንስኻ ግን ኣይትኽይድን ኢኻ በሎ። ዋእ እሂ ታይ ኮይነ ዘይከይድ በሎ፡ዲያቆን ስንብድ ኢሉ።ኣብ ካላኣይ እግሪ ክትከይድ ኢኻ ናፍቆተይ ኣየውጻኹን ዘለኹ በሎ ሰሌ እንዳ ሰሓቀ። ሶል ዓርኪይ ኣብዚ ኮና እሞ ከመይ ጌርና ኢና ናፍቆትና ከነውጽእ ድሓር ከኣ ቆሉዑት ኣለዋኒ ከመይ ጌረ ከትርፈን በሎ ዲያቆን። በዓል፡ሰምሃር ኣይተርፉን ኢየን ክኽዳ ኢየን ንስኻ ድማ ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ከተርክበን ኢኻ ዘይ ኣብ ትራብሎስ ኢኹም ኮፍ ክትብሉ ስለዚ እዘን ኣርባዕተ መዓልቲ ኣብዚ ምሳይ ቀኒ በሎ። ሶል ዓርኪይ እዚኣስ ኣይሰምዓካን ኢየ በዓል ሰምሃር ካባይ ኣይፍለያን ኢየን ምናልባት እንተሰሚዐናኒ፡ግን ንቀኒ ክብለን በሎ ዲያቆን። ኣታ ከሙኡ ደኣ ሓሲበ ኔረ እንድየ ግን እቲ ሳምሳሪኹም ስደደን ንትራብሎስ ኢልኒ በቃ ደሓን ኣቢ ዓርኪይ ኪዱ መን ይፈልጥ ኣብ ኤውሮፓ ንራኽብ ንኽውን በሎ። ሶል፡ዓርኪይ ንኣምላኽ ዝሰኣኖ የለን ግድን ክንራኽብ ኢና ኣነ ድማ ቴለፎን ክድውለልካ ኢየ በሎ ዲያቆን።

ጉዕዞ፡ካብ ኢዥላቨያ ናብ ትራብሎስ ካብ ጉዕዞ ሰሃራ ዘይሓይሽ ኣዝዩ ኣድካሚ ጉዕዞ ኢዩ ንኣስታት 9 ሰዓታት ድሕሪ ሙጉዓዝ ናብ ወደባዊት ከተማ ትራብሎስ ብሰላም ኣተዉ። መዝርዓ ናይ ትራብሎስ ብክልተ ዕጽፊ ካብ ናይ ኢዥላቨያ ይሓይሽ። ነብሶም፡ተሓጻጺቦም፡ዕረፍቲ ምስ ወሰዱ ንመሳለጢ ተባሂሉ ነናይ ሓሙሽተ ረሲት ምስ ተዓደሉ ዲያቆን ረሲዕዎ ዝነበረ ጭንቀት ክምለሶ፡ጀመረ። ሕጅስ ንኤልሳ ኣይድውለላን ኢየ ናብ ኣሮን ምድዋል ይሕሸኒ ኢሉ ካብ በርቶፊልዮኡ ወረቀት ኣውጺኡ ክድውል ጀመረ።

ሄለው ዝብል ተባዕታዊ ድምጺ ሰመዐ ፡ ብርግጽ እቲ ድምጺ ናይቲ ጽቡቅ ጌሩ ዝፈልጦ ኣሮን ሓዉ ኢዩ ኔሩ.....።

****

14 ክፋል

ዲያቆን ውሽጡ ገለ ነገር ተሰሞዖ ፍርሒ፡ድዩ፡ውላስ ስክፍታ ክርዳኣካ ዘይክእል ስምዒት። ሄለው ዝብል ድምጺ ካላኣይ ግዜ ምስ ሰመዐ ድምጹ ኣትሕት ኣቢሉ ሄለው ኣሮን ሓወይ በለ። ሄለው ኣቤል ዲኻ? እወ፡ኣነ ኣቤል ኢየ፡ ኣቢ ከመይ ኣለኻ? ኣምላኽ፡ይመስገን ኣነ ደሓን ኣለኩ ከመይ ኣለኹም፡ንስኹም ከ በሎ ዲያቆን ስክፍታ ብዝመሎኣ ቃና። ኣቢ ኣሻቂልካና ከሙኡ ዘይግበር በሎ ኣሮን። ይርዳኣኒ ኢዩ ኣሮን ሓወይ ግን ኣማራጽ ኣይነበረንን ነጊረኩም ከምዘይትቅበልዎ ስለ ዝፈልጥ ኢየ ከሙኡ ገረ። ይሓይሽ ዝበልክዎ ውሳኔ ድማ እዚኣ ጥራሕ ኢያ ኔራ Sorry ኣሮን ሓወይ በሎ እንዳ ተሰከፈ። It's ok bro dont worry ጽቡቅ ስጉምቲ ኢኻ ወሲንካ ቢዝነስ ኣይገብርን ኢየ ኢልካ ምስ ኣቅበጽካ ሊብያ ተበገስ ክብለካ ይደሊ ኔረ ግን ንኣስቴር ፈሪሐያ። ኣስቴር እስቲል ክሳብ ሕጂ ኣይረገኣትን ዘላ ሊብያ ማራ ኢያ ተፍርሓ። ብዘይቡኡ ውን እንድዒ ንዓኻ ልዕሊ ነብሳ ኢያ ተፍቅረካ ተተዓንቂፋ ከማን ስምካ ኢያ ትጽውዕ

እንታይ ኢኻ ጌርካላ ግርም ኢዩ ዝብለኒ ልዕሊ፡ማዘር ንዓኻ ኢያ ትዝክር በሎ። ትም ኢሉ ዩ ዝደግመሉ ኔሩ እንበር ሕልፊ ኩሎም ኣሕዋቱ ንዑኡ ከም ትፈቱ ጽቡቅ ጌሩ ኢዩ ዝፈልጥ። ኣስቴር ቅድሚ ምውጻኣ ዲያቆን ቆልዓ ከሎ ዉዑይ መስሓቅ ስለ፡ ዝነበረ ማራ ኢያ ትፈትዎ ኔራ።ምስ ጎበዘ ድማ ዲያቆን ኮይኑ ኣብ ኣካዳሚ፡ድማ ጽቡቅ ውጺኢት የመዝግብ ስለ ዝነበረ ፍቅራ ክሃስስ ኣይከኣለን። እወ ጽቡቅ ኣለኻ፡ኣሮን ሓወይ ብቀዳማይ ብጣዕሚ ኢያ ሓሪቃ ትብሎ ኣይትፈልጥንያ። ያ ከሙኡ ትብል ኔራ ሓሪቀ ኣኾርየዩ ኣብ እዝነይ ዓጽዩኒ ትብል ኔራ። ኖ ኮርየ ኣይኮንኩን ዓጽየያ ረሲት ኢያ ወዲኣትኒ፡ ኣታ ኣሮን ሓወይ ተሓሰብካዮ ኸ ቆልዓ መኣስ ኮይነ ተዛሪባትኒ ኢለ ክዓጽዋ። ሕማቅ ኣይተዛረበትን ወላ ተተዛረበት እውን ዘይ ናይ ሓልዮት ኢዩ።

ክገርመካ ጽልልቲ ኢያ ተቀይራ ሰሃራን ባሕርን ማራ ኢዩ ዘፍርሓ። ንሊብያ ዝኣተወ ዝወጽእ ኮይኑ ኣይስመዓን ኢዩ

ናይቲ ብኢንተርኔት ትሪኡ ምጥሓል፡ ኣብ ሰሃራ ብሓደጋ ሙማት ኣብ ልባ ፍርሒ የሕዲሩላ።ብዝኾነ ደሓን ዲያ ኸ ኤልሳኮ ብቀዳማይ ሓሚማ ኣላ ኢላትኒ ብጣዕሚ ኢየ ሰንቢደ። ከላ ዘይ ናይ ነገር ጓል ፍርሒ ሻቅሎት ኢዩ ከሙኡ ጌርዋ ኔሩ ምስ ደወልካላ ንጽባሒቱ ናብ ስራሕ ወፊራ። ንስኻ ኢኻ ኔርካ ሕማማ ምስ ረኸበትካ ሓውያ በሎ፡እንዳ ሰሓቀ።

እሞ ኣሮን ሓወይ ነጊራትካ ትኸውን ኢያ ናይ ሰሃራ ተወዲኡ ኢዩ ናይ ባሕሪ ግን ግድን ክትከፍሉለይ ኢኹም በሎ ዲያቆን። ያ ነጊራትኒ ኣስቴር ባዕለይ ክኸፍለሉ ኢየ ኢላ ኣላ ኣነ ድማ ኢታሊ ምስ ኣተኻ ናይ ባቡር ክሸፍኖ ተረዳዲእና ኣለና ከመይ ጌርና ኢና ክንከፍለልካ ጥራሕ ንገረኒ በሎ ኣሮን። ናይ እንዳ ሓዋላ ተሌፎን ሂቡ ምስ ተፋነዎ ከቢድ ጾር ከም፡ዘራገፈ ኡፍፍፍፍፍፍ ተመስገንካ ኣምላኬ በለ።

በዓል ሰምሃር እውን ኣይደንጎያን ናይ ባሕሪ ቀልጢፈን ኢየን ከፊለን ካርዲ ናይ መርከብ ተዓዲሎም ንጉዕዞ ዱሉዋት ኢዮም ኮይኖም። ሰብ ክሳብ ዝውህለል ተባሂሉ ኣብ ገምገም ባሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኢዮም፡ቀንዮም። ናይ ክልተ፡ሰለስተ ሚኢቲ ሜትሮ ዝኸውን ኢዮም ካብቲ ባሕሪ ፍንትት ኢሎም እንበር ዳርጋ ኣብ ባሕሪ ኢዮም ኔሮም። እንዳተገማጠለ መጺኡ ምስ ከውሒ ተናጊው ዝፈጥሮ ዝነበረ ድምጺ ብቀረባ ይሰምዕዎን ይሪኢዎን፡ስለ ዝነበሩ ፍርሒ ዘይተሰሞዖ ሰብ ዳርጋ ኣይነበረን። ወረ ገሊኦምስ ክሳብ ዝሃድእ ንጽናሕ ኣይንብገስን ንበሎም፡ዝበሉ ኔሮም። ገሊኦም ግን ባሕሪ ኣብ ወሰን ኩሉ ግዜ ከሙኡ ኢዩ ኣብ ማእከል፡ግን ጸጥ ዝበለ ኢዩ ኣይንፍራሕ ኣጆኹም፡ዝብሉ ውን ኔሮም።

ዲያቆን መብዛሕቲኡ ሰብ ፈሪሖም ከም፡ዘለዉ ምስ ረኣየ ነቲ ወኪል ናይቲ መዝርዓ ተዛሪቡ ነቶም ህዝቢ ጸሎት ክገብሩ ኣከቦም። ዝሕግዞ ካልኣዩ ዲያቆን ስለ ዝረኸበ ተዘራሪቦም እቲ ሓደ መራሒ መደብ ክኸውን ዲያቆን ድማ ስብከት ቃል ወንጌል ክምህር ተረዳዱኡ። ከምቲ ንቡር መእተዊ ጾሎት ጌሮም ዲያቆን ፡ ካብ ግብረ ሓዋርያት ምዕራፍ 27 ቁጽሪ 13 ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ዘሎ ብሰፊሕ ገለጸሎም። ወላኳ ኣብ ባሕሪ ብዙሕ ነገር ክፍጠር ዝኽእል ተኾነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግን ኩሉ ቀሊል ሙኺኡ ክፈርሑ ከምዘይብሎም ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ጌሩ ኣህደኦም። ኣብ መወዳእታ ድማ ካብ መልእኽቲ ያእቆብ ምዕራፍ 1፡ 6 ቃል ወሲዱ ከምዚ በሎም። ኣሕዋተይ እቲ ዝልምን ግና ከይተጠራጠረ ብእምነት ይለምን፡ እቲ ዝጠራጠር ግን ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ነገር ክቅበል ከምዘይክእል ሃዋርያ ቅዱስ ያእቆብ ይነግረና ኣሎ ስለዚ ካብ ልብና ፍርሓት ነወግድ።

ሓደ ነገር ርግጸኛ ኮይነ ክነግረኩም ማዕበል ይገማጠል ዝተፈጥረ ይፈጠር ብሓይሊ ኣምላኽ ብሰላም ክንኣቱ ኢና። እምነትና ነቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ህያው ኣምላኽ ደኣንበር ባሕሪ ስለ ጸጥ ዝበለ ወይ ኣብ ዕቤት ናይታ መርከብ ክኸውን የብሉን ምስ በሎም ኩላቶ ኣጣቅዑ። ስብከት ተወዲኡ ብጸሎት ምስ ተዓጽወ ፍርቂ ሰዓት ከይገበሩ ንጉዕዞ ንኽዳለዉ ተሓበሮም።

ሰፊና ተባሂለን ዝጽዋዓ ነኣሸቱ ጀላቡ ጌሮም በብቁሩብ ናብ መርከብ ጸዓንዎም ከባቢ ሰዓት 1፥00 am ኣቢሎም፡ድማ ጉዕዞ ማእከላይ ባሕሪ ኣሃዱ ኢሎም ፈለምዎ። ኣብታ መርከብ ገለገለ ርእሶም ብትኽክል ዘይሰርህ ተዘይኮይኑ ዳርጋ ኩሎም ኣስላማዮም ክርስትያኖም ጸሎት ዘይገበረ ኣይነበረን። ናይ ክልተ ሰዓት ኣቢሎም፡ምስ ኩዱ እቲ ንልቢ ዝህውኽ ነእምሮ ዘጨንቕ ጨካን ዝኾነ ማዕበል ስጋ ከም ዝረኣየ ዝብኢ ክሰራሰር ጀመረ። ኣደ ቆሉዑ ክበኽያ ገሊኦን ክጭነቃ ምስ ጀመራ ሓደ መንእሰይ ትስእ ኢሉ በጃኹም ኣቱም ዲያቆናት ጸሎት ግበሩልና እዝግዮ ንበል በሎም ብዝተረበሸ መንፈስ።

ዲያቆን ኣቤል ሰባት እንዳረገጸ ናብቲ ማእከል ገጹ ሰነመ እስኪ ብሓንሳብ በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን። ኣሕዋተይ ኣይትረበሹ ህድእ በሉ ኣብ ጽርግያ ኣይኮናን ዘለና እዚ ባሕሪ ኢዩ ኣብ ባሕሪ ድማ ማዕበል ክህሉ ግድነት ኢዩ። ስለዚ ማዕበል ተላዒሉ ኢልካ ብኽያት ኣውያት ትርጉም የብሉን እንተኺኢልኩም ብልብኹን ናብ ኣምላኽኩም ኣእውዩ ጸሎት ግበሩ ጸሎትኩም መልሲ ከም ዘለዎ ድማ እመኑ ፡ ሓደ ሓቂ ክነግረኩም ጉይታ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ኣብ ጃልባ ከሎ ማዕበል ተላዒሉ ኔሩ ልክዕ ከምዚ ሕጂ ፈሪሕናዮ ዘለና ሃዋርያት ፈሪሑም ተዳሂሎም ኔሮም ጎይታ ግን ደቂሱ ኢዩ ኔሩ ኣድሕነና ኢሎም ምስ ኣተስእዎ ከምዚ ክብል መሊስሎም፡ስለምንታይ ትፈርሑ እምነት ዘይትገብሩ ኢልዎም ማር 4፥40።

ስለዚ በጃኹም ህድእ በሉ ኣሕዋተይ ዘረቡኡ ከይወደአ ከሎ መመሊሱ ይብርትዕ ስለ ዝነበረ ብንኒ ጣውላ ነቂዑ ማይ ካኣትዋ ጀመረ። ገልታዕታዕ ኮይኑ ማይ ይኣትወና ኣሎ ኢሎም ዓውዓው ክብሉ ምስ ሰመዖም ዲያቆን ድምጹ ዓው ኣቢሉ.....።

****

15 ክፋል

ህድእ በሉ ኣሕዋት ዝኾነ ሰብ ከይንቀሳቐስ ማይ ኣቲና ኢልኩም ተተንቀሳቒስኩም ሚዛን ናይዛ ጃልባ ተመዛቢሉ ኩላትና ክንጠፍእ ኢና። ነዚ ዝኣትወና ዘሎ ማይ እንዳተበራረና ንጨንጉዮ። ፕሊስ እቶም ካሎኦት ከኣ ከይተረበሽና ናብ ኣምላኽ ንለምን ክሰምዓና ኢዩ ሓደ ቅዱስ ሰብ ኣይሰኣነናን ኢዩ በለ ዲያቆን። ዲያቆን ዝዛረቦ ዝነበረ ቃላት ዳርጋ ንኹላቶ ናይ ምጽንናዕ መንፈስ ኣሕዲርሎም ኢዩ።

ካብቲ ካፒተን ናይታ መርከብ ካራ ኣምጺኡ ጃሎን ቀዲዱ ንዝኣተወ ማይ ክጭንጉዑሉ ኣቀበሎም። ነታ ካራ ክመልሰሉ ኢሉ ምስ ከደ ካፒተን ናይታ መርከብ ናብ ሓይሊ ባሕሪ ኢታሊ ደዊሉ ሓገዝ ክሓትት ኢዩ ጸኒሕዎ። ግን ምስ ማዕበል ይቃለስ ስለ ዝነበረ ንሱ ኢዩ ዝዛረብ ኔሩ እንበር ዝብልዎስ ይሰምዖም፡ኣይነበረ። ዲያቆን እንግልሽ ጽቡቅ ስለ ዝዛረብ ነታ ረድዮ ርክብ ቢኢደ ዋኒኑ ኣልዒሉ ምስቲ ኣብ ላይን ዝነበረ ኦፕሬተር ክዘራረብ ጀመረ።

ዘረቡኡ ወዲኡ ምስ ዓጸዋ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ስምዒት ክወሮ ጀመረ። እቶም ሓይሊ ባሕሪ ዝሃብዎ መልሲ ዘዕግብ ኣይነበረን። ኣብ ክሊ ማያት ሊብያ ስለ ዘለኹም ሓገዝ ቀልጢፍና ክንገብረልኩም ኣይንኽእልን ኢና ብዝተኻእለኩም መጠን ንኽልተ ሰዓት ዝኸውን ተጎዓዙ ብድሕሪኡ ረዳት ክንሰደልኩም ኢና ኢዮም ኢሎሞ።

ምስቲ ዝነበረ ማዕበል እሞ ድማ ማይ ኣቲዋ ንኽልተ ሰዓት ኣይኮነን ፍርቂ ሰዓት እውን ትጸንሕ ኣይትመስልን። ዲያቆን ልቡ ክልተ ነገር ኽሓስብ ጀሚሩ ስጋውን መንፈሳውን። ብስጋዊ ዓይኒ ክጥምት ከሎ ነቲ ጎቦ ዝመስል ብቅድሚኡም ዝግማጠል ዝነበረ ማዕበል ሪኡ ልቡ ክሸበር ጀመረ። ብመንፈሳዊ ዓይኒ ክጥምት ከሎ ድማ ልቡ ካብ ፍርሓት ክገላገል መንፈሱ ክሕደስ ተፈለጦ። ሓንቲ ጥቅሲ ድማ ትዝ በለቶ። ወንጌል ዮሃንስ ምዕራፍ 14፥1 “ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ ብኣይ,ውን እመኑ።” ነይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሃዋርያት ዝተዛረቦም ቃል ኢዩ ኔሩ! ድያቆን ነታ ወትሩ ዓቅሉ ከጽብብ ዝጽልያ ጸሎት ብልቡ ክጽሊ ጀመረ

“ኦ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ንዓይ ንሓጥእ ባርያኻ ድኹም ዓቅሚ ኢየሞ ርድኣኒ።

ካብ ውሽጠይ ክፉእ ሓሳባት ኣርሕቀለይ። ብመንፈስ ከይደክም ስጋይ ከይመልከኒ ሓይሊ መንፈስካ ልኣኽለይ.....”

ድያቆን ናብቶም ዝኣተወ ማይ ዝጭንጉዑ ዝነበሩ ሰባት ከይዱ ኣጆኹም እዚ ካፒተን ናብ ኢታሊ ደዊሉ ጸኒሑ ሓገዝ ይመጸና ኣሎ። ንቁሩብ ጥራይ ንተዓገስ ኢሉ ነቲ ዝጭንጉዕ ዝነበረ ተቐቢሉ ኣእዳዉ ክሳብ ዝርብርብ ክጭንጉዕ ጀመረ። ድያቆን, ማዕበል መሊሱ ክገድድ ህዝቢ ድማ ክርበሽ ምስ ጀመረ ከም ኣማራጺ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ እንኮ ፍታሕ ቃል ኣምላኽ ጌሩ ከህዶኣም እሞ ምህለላ ክገብሩ ወሰነ ናብ ማእከላይ ወገን ናይታ ጃልባ ብምኻድ ድማ ኩላቶም፡ንኽሰምዕዎ ምልክት ገበረሎም።

በስመኣብ ኢሉ ገጹ ድሕሪ ምምዕታብ! ኣሕዋተይ ብርግጽ ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር ኩነት ኢና ዘለና ስለምንታይ ትርበሹ ክብለኩም ኣየምሕረለይን ኢዩ እቲ ምንታይሲ ስጋ ለበስ ስለ ዝኾና ፍርሓት ክሓድረና ኣእምሮና ክጭነቅ ግድነት ኢዩ። ግን የዋጽኣና ዶ ኢልና ክንሓስብ ይግባኣና። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ክንገብሮ ዝግባኣና ነገር እንተደኣ ሃልዩ ናብ ኣምላኽ ምምህላል ኢዩ ቅድሚኡ ግን እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝገበሮ ተኣምራት ሪኢና ንዓናውን ከም፡ዘድሕነና ክንኣምን ይግባእ። ነቲ ንእስራኤላውያን ንባሕሪ ኣብ ክልተ መቂሉ ዘሳገሮም፡ዘጸ 14፥21 ንነብዩ ዮናስ ኣብ ከርሲ ዓሳ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ዘዕቆቦ፥ትን፡ዮናስ 2፥1-3 ንሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ እውን ምስቶም ምሱኡ ዝነበሩ እሱራት ብስባር ናይ መርከብ ጌሩ ዘድሓኖም፡ ግብ, ሃዋ 27፥ 43፡ ኣምላኽ ክንኣምኖ ይግባእ። እንበኣር ሕጂ፡ፍርሓት ኣወጊድና ሕልናና፡ንሰብስብ ምህለላ ክንጅምር ኢና ኢሉ....

እግዚአ መሓረነ ክርስቶስ(3)

በእንተ ማርያም መሓረነ ክርስቶስ(3)

በእንተ ሚካኤል..... በእንተ ገብርኤል.....

በእንተ መላእክት..... በእንተ ነብያት.....

በእንተ ሃዋርያት..... በእንተ ጻድቃን.....

በእንተ ሰንበት.....

እግዚአ መሓረነ ክርስቶስ(3) .....በእንተ ማርያም መሓረነ ክርስቶስ(3) .....

ገና ምህለላአም ከይወዱኡ ኣማዕድዮም ጭምልም፡ዝብል፡መብራህቲ ናይ መርከብ ረኣዩ። ገሊአም ካብታሕጉስ ዝተላዕለ ምህለላ ገዲፎም ዕልል ክብሉ ጀመሩ ዲያቆን ዝርከቦም ገለ ውሱናት ስባት ግን ምህለላ ከየቋረጹ ኣብ መፈጸምታ ኣብጽሕዎ። ካብቲ ዘገርም ነገር ዲያቆን መሪሕዎም እግዚአ ክብል ከሎ ወላቶም ዘይኣመንቲ ኣስላሞም ኣይተርፍ መናፍቃኖም ደድሕሪኡ እዝግዮ ይብሉ ኔሮም። መሬት ብርህርህ ኢሉ ስለ ዝነበረ ነታ መርከብ እውን ኣጸብቆም ኢዮም ቀሪቦማ። ዋንነታ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ጀርመን ኮይና ካብ ሓንቲ ከተማታት ኤርትራ ዘይትንእስ መርከብ ኢያ ንሓገዝ መጺኣቶም።

ዲያቆን ጸሎቱ ወዲኡ ደኺሙ ረሸሸ ኢልዎ ኮፍ በለ። ምንጩ ካበይ ኢዩ ዘይርዳኣካ ድማ ንብዓት ጀረብረብ ኣበለ። ብነኣሽቱ ፈጣናት ጀላቡ ጌሮን ቀስ ብቀስ ናብታ ዓባይ መርከብ ንኹሎም ኣስገርዎም ዲያቆን ኣብታ ዓባይ መርከብ እውን ንብዓት ኣየቋረጸን። ልሳኑ ቃላት ሲኢነን ኣዒንቱ ኢየን ክዛረባ ጀሚረን። ክልተ ለይቲ ኣብታ ዓባይ መርከብ ሓዲሮም ኣብ መበል ሳልሳይ መዓልቲ ናብ ወደባዊት ከተማ ሲሲልያ ኣተዉ።

ነዋልድ ቀዳምነት ሂቦም ብዙሕ ኣገዳሲ ዘይኮነ ኦርኒክ ክመሉኡ ምስ ጀመሩ ሰምሃር ምስ ዲያቆን ከይፈላለዩ ፈሪሓ ሰብኣየይ ኢላ ኣመዝገበቶ። ሓሳብ ልባ ሰሚርላ ድማ ምስበዓል ሳሌም ከይተረፈ ብሓንሳብ ጌሮም ናብ ከተማ ናፖሊ ናብ ዝርከብ ካምፕ ኣእተውዎም።ትርጁማን ኣምጺኦም ዓሸራ ከም ዘየግብርዎ ብባስ ጌሮም ተደልዮም ንሮማ ተደልዮም ንሚላኖ ክውሰድዎም ምኽኖም ንሓንቲ ለይቲ ግን ኣብ ካምፒ ክሓድሩ ተማሕጺኖ መመደቀሲ ክፍሎም ኣትሓዝዎም።

ዲያቆን ምስቶም ኣብቲ ካምፕ ዝነበሩ ጸለምቲ ተዘራሪቡ ተሌፎን ናብ ኣሮን ደወለ ሰላማዊ ዝኾነ ብስራት ድማ ኣበሰሮ። ኣሮን እውን ኣይሓመቀን ኣብ ኢታሊ ሰብ ጌርሉ ስለ ዝጸንሐ ብለይቲ ዓርኩ ንኣሮን መኪና ሒዙ ክወስዶ መጸ። ዲያቆን ነተን ካብ ሱዳን ኣትሒዙ እንዳሳለየን ዝመጸ ኣሕዋቱ ገዲፍወን ክኸይድ ቅኑዕ ኮይኑ ስለ ዘይተራእዮ ንዓርኪ ኣሮን ነርባዕቲኣም ክወስዶም ዝከኣል ተኾይኑ ሓተቶ።ዲያቆን ሓወይ ደስ ምበለኒ ኔሩ ነርባዕቲኹም ግን ብጣዕሚ ከቢድ ኢዩ ውዕለት ኣሮን ስለ ዝኸበደኒ ብምንታይ ክኽሕሶ ኢለ እንበር ንውልቅኻ እውን ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ ስለዚ ይቅረ ግበረለይ ንኹልኹም ክወስደኩም ኣይክእልን ኢየ በሎ።

ዲያቆን ቁሩብ ድሕሪ ምሕሳብ ጹቡቅ ኣለኻ ክኸብደካ ይኽእል ይኸውን ግን ኣማራጺ የለን ገዲፈየን ክኸይድ ኣይክእልን ኢየ። ሓንቲ ነገር ግን ከሸግረካ ኢየ ናብ ዝቀረበ ናብ ሮማ ዲዩ ወላ ንሚላኖ መሳፈሪ ሞ ከም ገለ ግበር ወላ ብባቡር ክንከይድ በሎ ዲያቆን። ዲያቆን ስምዓኒ ንዓይ ንሰን ዕድለን ይርኣያ ዓዲ ሰብ ኣትየን እንድየን እንታይ ከይኮና ንስኻ ግን ግድን ምሳይ ክትከይድ ኣለካ። እዚ ትብሎ ዘለኻ ክገብሮ ንዓይ ከቢድ ኢዩ ኣሮንከ ታይ ክብለኒ። ናይ ኣሮን ግደፎ እዚ ምርጫይ ኢዩ ብድሌተይ ዝገብሮ ዘለኹ ክሳብ ዝኾነ ምሳኻ ዘባእስ የብሉን በጃኻ ተሓባበረኒ በሎ ዲያቆን ምሽኪንኪን እንዳበለ። በቃ ዝብለካ ክትሰምዕ ናብ ኣሮን ክድውል ኢየ ኢሉ ናብ ኣሮን ደወለ። ሃለው ኤፋር ረኺብካዮ ዶ በለ ኣሮን ህውኽ ኢሉ.....።

****

16 ክፋል

መርሓባ ኣሮን ዓርከይ ሰላም ዲኻ እወ ረኺበዮ ምሳይ ኣሎ። Oh Thanks god ከመይ ኣትዩ? ደሓን ኢዩ ኣሬ ዓርከይ ሰላም ኣትዮም ነብሱን ገሉኡን ከማን ደሓን ኣሎ። ኣሬ ዓርከይ ሓንቲ ንእሽቶይ ጸገም ኣጋጢማ ክንረዳዳእ ኣይከኣልናን ክትሽምግለና ኢለ ኢየ ደዊለልካ በሎ ኤፍሬም። እሂ ናይ ምንታይ ጸገም ታይ ኢኹም ኮንኩም በለ ኣሮን ስንብድ ኢሉ። ኣሬ ዓርከይ ኖርማል ኢዩ ኣቢ መማጽእተይ ኣለዋኒ ገዲፈየን ኣይከይድን ኢየ ንኹላትና ክትማለአና ተኺኢልካ ጽቡቅ ተዘይኮኑ መሳፈሪ ሃበና ብባቡር ክንከይድ ይብለኒ ኣሎ። ንኩላቶም ክማሎኣም ደስ ምበለኒ ኔሩ ግን ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ ንሓደ ከማን እንዳፈራሕኩ ኢየ ሪስክ ኣለዎ ኣሬ ዓርከይ ኮንካኒ እምበር ከምዚ ዓይነት ሓላፍነት ኣይምወሰድኩን ኔረ። ኦኬ ደሓን ኣራኽበኒ ከዘራርቦ ኢየ በለ ኣሮን።

ሄለው ኣሮን ሓወይ በለ ዲያቆን ፍርሒ እንዳተሰመዖ። ኣቢ ከመይ ኣለኻ እንቋዕ ደሓን ኣተኻ ኣሜን ኣሮን ሓወይ እንቋዕ ሓጎሰና በሎ ዲያቆን። እንታይ ደኣዩ ዝብለኒ ዘሎ ኤፍሬም እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ በሎ ትርር ኢሉ። ኣሮን ሓወይ ከምቲ ኤፋር ዝበለካ ኢዩ ሰለስተ ኣዋልድ ኣለዋኒ ምሳይ ካብ ሱዳን ኣትሒዘን ዘይተፈለያኒ ናይ ሰሃራ እውን ንሳተን ኢየን ከፊለናለይ ሕጂ ኣብ ኤውሮፓ ኣትየ ገዲፈየን ክኸይድ ሕልናይ ኣይገብረለይን ኢዩ። ነርባዕቲና ክወስደና ከምዘይክእል ስለ ዝፈለጥኩ ከም ኩሉ ሰብ ብባቡር ክፍትን መሳፈሪ ክተሓባበረና ኢየ ሓቲተዮ። ኤፋር ከኣ ምሳኻ ከይባኣስ ፈሪሑ ደዊልልካ ነዚ ይመስል በሎ ዲያቆን እውን ትርር ኢሉ። ነተን ከም ዓቢ ሓወን ኮይኑ መሪሕወን ዝመጸ ኣሕዋቱ ኣብ ኢታሊ ገዲፍወን ክኸይድ ከምዘይክእል ንነብሱ ኣእሚንዋ ኢዩ ብፍላይ ንሰምሃር ከምቲ ኣዳም ንሄዋን ናብ ዝኸደቶ ዝሰዓባ ንሱውን ክስዕባ ክባኣ ንኸይፍለ ቃል ኣትዩ ኢዩ። ኣሮን ናይ ዲያቆን ባህሪ ስለ ዝፈልጦ ብዙሕ ክመላለሶ ኣይደለየን ናይ ነገር ስጋ ከይሕዝዎ እሞ ዓሸራ ከይገብር ፍርሓት እኳ እንተነበሮ ንሕውነት ምሕዝነት ቦታ ሂቡ ከሙኡ ምባሉ ግን ኣዝዩ ኢዩ ተሓጉሱ። ምናልባት እውን ንሓንቲ ካብኣን ኣፍቂሩ ክከውን ይኽእል ኢዩ ዝብል ጥርጣረ ስለ ዝገበረ ከዕንቅፎ ኣይመረጸን።

በቃ ኣቤል ሓወይ ሓሲብካ ዝወሰንካዮ ተኾይኑ ኣይቃወመካን ኢየ ካብ ሕጂ ንደሓር ሰብኣይ ኢኻ ማንም፡ሰብ ኣብ ሂወትካ ጣልቃ ክኣቱ የብሉን። ግን ኩሉ ግዜ ሓሲብካ ወስን ብዛዕባ ናይ ገንዘብ ግን ጸገም የለን ንኽዳውንትኻ መሳፈሪኻ ዝኸውን ሰዲደልካ ኣለኹ ካቡኡ ተጠቀም ዝውሕደካ ተመሲሉ ደውለለይ ኣምላኽ ምሳኻ ይኹን ኣቢ ሓወይ ኣይትሕመቅ ሰብኣይ ኩን መገዲ ቀደምካ ይግበረልካ በሎ ኣሮን። ኣቢ ውሽጡ ክገልጾ ዘይክእል ሓጎስ ተሰመዖ ተመስገም ኣምላኽይ ድማ በለ ብልቡ። ኤፍሬም ነተን ገንዘብ ብሙለአን ኣረኪቡ ናብ ሰንትሬያል ስቴሽን ማለት ናብ እንዳ ባቡር ኣብጸሖም።

እዚ ኩሉ ክኸውን በዓል ሰምሃር ዝፈልጦኡ ጉዳይ ኣይነበረንን። ኤፍሬም ሳምሳሪ ኢዱ መሲልወን ኔሩ ኣብቲ እንዳ ባቡር ኣብጹሑ ንዲያቆን ጽቡቅ ጌሩ ክፋነዎ ምስ ረኣያ ገሪምወን። ኤፍሬም ትኬት ኣቁሪጹ ናብ ሮማ ትኸይድ ባቡር ኣስቀሎም። ካሎኦት እኳ ብዙሕ ኣይተገደሳን ፊዮሪ ግን ከመይ ሙኺኑ ክትፈልጥ ስለ ዝደለየት ምስዚ ወዲ ደኣ ኣበይ ኢኹም ትፋለጡ በለቶ። ኣነኳ ሃሳስ ምስሊ ኢዩ ዘለኒ ጽቡቅ ጌረ ኣይፈልጦን ኢየ ምስ ኣሮን ሓወይ ግን ትኽ ትንፋስ የዕሩኽ ኢዮም። ኣሮን ሓወይ ኢታሊ ከም ዛኣተኹ ምስ ፈለጠ ደዊሉ ነጊርዎ፡ ዲያቆን ኩሉ ግርህ ኢሉ ኩሉ ትዝነበረ ኩነታት ኣዕለላ። ኣምላኽ መቸም ሰናይ ኢዩ ብዘዝኾነ ጸገም ሮም ብሰላም ኣተዉ። ኣብ እንዳ ሰሌ ዝበሃል ናይ ግብረ ሰናይ ገዛ ድማ ኣዕረፉ። በዓል ሰምሃር እውን ናይ ባቡር ተባሂሉ ገንዘብ ስለ ዝመጸን ዘድልዮም ሞባይል ክዳውንቲ ገዛዚኣም ንጉዕዞ ድልዋት ኮኑ። ዲያቆን ናብ ሓደ ቤት መግቢ ወሲዱ ከምዚ በለን።

ሕጂ ስምዓኒ መቸም ስደት የላሊ እንበር ኣየማኑን ከም ዝበሃል ከማንወና ኣይክእልን ኢዩ ዘሕለፍናዮ ግዜ ኣዝዩ ሕጺርን ጥዑምን ኢዩ ኔሩ ሕጂ ምናልባት ናይ ንኽደሉ ሃገር ምርጫና ክፈላለ ስለ ዝኽእል ፍቅርናን ሕውነትናን መታን ከይብተኽ ገለ ንግበር በለ። ሳሌም ህውኽ ኢላ እዊ በስምኣም በጃኻ ዲያቆን ሓወይ ከሙኡ ኣይትበለና ኣነ ኣብዝከድኩሞ ኢየ ክኸይድ ምፍልላይ ኣይተምጽእ በለት። ፊዮሪ ትቅብል ኣቢላ ዲያቆን ሓወይ ጽቡቅ ኣለኻ ንስኻን ሰምሃርን ከምዘይትፈላለዩ መቸም ርዱእ ኢዩ ምርጫኹም ኣበይ ምኹኑ እሞ ንገሩና ደሓ ዝኾነ ነገር ንገብር በለት። ዲያቆን ኣነኳ ሓሳባይ ኖርወይ ኢዩ ዘሎ እንድዒ ሰምሃር ትብሎ ከኣንበር በለ። ፊዮሪ ድማ ኣነስ ጀርመን ኢየ ሓሲበ ዘለኹ ኮይኑ ግን ከራኽበና ዝኽእል ገለ ነገር ክንገብር ኢና በለት። ሰምሃር እውን ዲያቆን ሓወይ ምርጫኻ ከዕንቅፈካ ኣይደልን እንበር ኣነስ ኣብ ጀርመን ኢየ ደልየ ኔረ ግን ድሓን ካብ በልካ ንስኻ ካባይ ስለ ትሃይሽ ኣብቲ ናትካ ካኣቱ ኢየ በለት። ሳሌም ድማ ኣነ ምስ በዓል ዲያቆን ክኸይድ ኢየ ፊዮሪ ሓፍተይ በጃኺ ምሳና

ንዕናይ በልታ ምስኪንኪን እንዳበለት። ፊዮሪ እውን ካብኣቶም ምፍላይ ክብድ በላ ብፍላይ ዲያቆን ኣብ ጉዕዞ ሂወታ ክጠቅማ ዝኽእል ሰብ ስለ ዝኾነ ክትፍለዮ ኣይደለየትን ቁሩብ ድሕሪ ምሕሳብ በቃ ምሳኹም ክኸይድ ኢየ በለት።

ዲያቆን ድማ ኣይትተሃውኻሞ ኣብ ሓደ ሃገር ኣቲና ውን ብሓንሳብ ዘይክነብር ንኽእል ኢና ስለዚ ሃዲእክን ሕሰባሉ በለን። ሰምሃር እውን ካብ መሓዙታ ክትፍለ ስለ ዘይደለየት ዲያቆን ሓወይ ናትካ ዝንባለ እንበር ኤውሮፓ እኮ ኩሉ ሓደ ኢዩ ስለዚ ተዘይተፈላለና ይመርጽ ንሳተን ድማ ሕራይ ካብ በላ ጉዕዞና ናብ ነርወይ ይኹን በለቶ። በዚ ተሰማሚያም፡ድማ ትሬይን ተሰቂሎም ጉዕዞኣም ናብ ባየር ሙንሸን ኣቕኑዑ። ካቡኡ ድማ ከም ብሓድሽ ICE ባቡር ተሳቂሎም ናብ ማልሞ ትበሃል ናይ ሽወደን ከተማ ጉዕዞኣም ጀመሩ።ከባቢ ሽዱሽተ ሰዓት ምስ ተጓዕዙ ግን ዘይሓሰብዎ ፖሊስ ስለ ዝሓዝዎም ኣውሪዶም ዓሸራ ኣግበርዎም ዘለውዎ ቦታ ንምፍላጥ ድማ ዲያቆን ንሓደ ካብቶም ፖሊስ ኣበይ ከም ዘለዉ ሓተቶ.....።

****

17 ክፋል

ዲያቆን ንሓደ ካብቶም ፖሊስ ኣበይ ከም ዘለዉ ሓተቶ ኣብ ጀርመን ኢኹም ዘለኹም ጉዕዞኹም ናብ ሽወደን ኢዩ ኔሩ። ግን ፓስፖርት ስለ ዘይብልኩም ኣብዚ ዓዲ ኢኹም ኢድኩም ክትህቡ ኢሉ መሰነይታ ወረቀት ጎግል ማፕ ዘለዋ ሃቦም። ዲያቆን በቲ ዝተፈጥረ ኩነታት ወለኳ ተዘይ ተሓጎሰ ካብ ኣፉ ዝወጻ ቃላት ግን ክልተ ኢየን ኔረን ፍቃድ ኣምላኽ ይኹን ኩሉ ንሰናይ ኢዩ።

!!!

ደሊኽዮ ኣየ ኣዋልድ ኤውሮጳ በቃ ንዓለማውያን ተመንይክንስ ናብ ዲያቆናት ከኣ ሰጊርክን ወይ ምጾተ ኣለም በለ ስምዓኒ ዝሓወይ ህድእ በል ኣነ ብሕማቅ ኣይኮንኩን ደልየዮ ሓደ መናፍቅ ኣብዚ ስለ ዘሸገረኒ ክሓቲ ኢየ ደልየ በልክዎ ምኽኒት ተኾነኒ ኢለ ወዲ ግን ዘረባ ዝበሃል ኣይጠፍኣን ኢዩ ኣብ ጀርመን ብዘይካ ኣቤል ዲያቆናት የለዉን ዲዮም በለኒ፡ ኣለዉ እንበር ሽሕን ሚኢትን ከማን ግን ዲያቆን ኣቤል ሓወይ ስለ፡ ዝኾነ ኢለ ኢየ በልክዎ፡ ወይ ኣዋልድ ሎሚ ሓሶት መቸም ከም ቀዳማይ ኣገዳሲ ባእታ ናይ ሂወትክ ጌርክን ትወስዶኡ በልስኪ ኣነ ኣሕዋት ዲያቆን ጠፊኤናንስ ሓፍቱ ኢየ ክትብልኒ ኣንቲ መን ክሓፍረልኪ ኢዩ በለኒ።

ኣነ ውን ካቡኡ ዝሕልፍ ዓቅሊ ስለ ዘይነበረኒ ስምዓኒ ዝሓወይ መን ስለ ዝኾንካ ኢኻ ተሌፎን ናይ ሰብ ኣልዒልካ ክንድዚ ትጻረፍ ስነ ስርዓት ዘይትገበር በልክዎ ሕርቃን ብዝተሓወሶ መንፈስ። ኣንታ ክንደዲኣ ትደፍር ኢያ መን ስለ ዝኾንካ ከኣ ኢላትኒ ሕጂስ በሊ መን ሙኺነይ ዶ ክነግረኪ ኢሉ ተሌፎን ኣብ እዝነይ ዓጸዋ። በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዎ ኣንታ ኣምላኬ እንታይ ዓይነት ሰብዩ ወደይ እዚ በልኩ ብኣግርሞት ደዊለ ምሱኡ ክረዳኣእ ከምዘይክእል ስለ ዝፈለጥኩ ተሌፎን ክቅይር ኢየ ወሲነ፡ ግን ተሌፎን ቀይርካ እውን ዝመጽእ ለውጢ የለን እንታይ ተገበርኩ ደኣ ይሕሸኒ ኢለ ጭንቅ በልኩ። ኣብ መንነ ግን ሓደ ሓሳብ መጸለይ በወዳት ጌረ ክድውለሉ፡ ብቀረባ ዝፈልጦ ሓደ ዲያቆን ኣብ ጥቃይ ስለ ዝነበረ እቲ ኩነታት ብዝርዝር ኣረዴኡ ክተሓባበረኒ ሓተትክዎ። ኣይስታሕፈረንን ድማ እዚ ዕዮዚ ዕዮ ኩልና ስለ ዝኾነ ጸገም፡የብሉን ተሌፎን ሃብኒ ኢለ ቁጽርታት ክትውቅ ጀመረ ሰመያዊት ሃሪሞ ድማ ናብ እዝኡ ኣጸጋዓ.....።

****

18 ክፋል

ኣይስታሕፈረንን ድማ እዚ ዕዮዚ ዕዮ ኩልና ስለ ዝኾነ ጸገም፡የብሉን ተሌፎን ሃብኒ ኢለ ቁጽርታት ክትውቅ ጀመረ ሰመያዊት ሃሪሞ ድማ ናብ እዝኡ ኣጸጋዓ ሃሪማ ዝቅበላ ግን ኣይነበረን። እቲ ምሳይ ዝነበረ ዲያቆን ከመይ ዓይነት ሕልኽላኽ ነገር ኢዩ ጓለይ በለኒ ዘረቡኡ ከይወደአ ከሎ ተሌፎኑ ጻውዒት ገበረት ናይ ዲያቆን ኣቤል ኢያ ኔራ። ቅልጥፍ ኢሉ ተቀቢሉ ሄለው በሎ መርሃባ ዝሃወይ ሰላም፡ዶ ድዊልካ ጸኒሕካ መን ክብል በሎ፡ እወ ደዊለ ኔረ ኣይተቀበልካንን ዲያቆን..... ይበሃል ሰላም ዲኻ በሎ ፡ ሰናይ ኢዩ ክብሪ ንመድሃኒ ኣለም ይኹን ዲያቆን ሓወይ ሳላ ጸለትኩም ደው ኢልና ንኽይድ ኣለና በሎ። ብመልሱ ማራ ኢና ተገሪምና ንዓይ ብጸርፍን ገለን ከምዘይተሳሃለኒ ንዲያቆን ግን ጽቡቅ ሰላምታ ኢዩ ሂብዎ፡ ኣይ ወሪዱና ጸሎት ቅዱሳን ወለዲ ደኣንበር ኣቤይ ኢልናዮ በሎ ዲያቆን እውን ትሕት ብዝበለ ላዛ፡ እቲ ሙሉእ ለይቲ ብልማኖን ምስጋን ንኣምላከ ሰማይ ትውድስዎን ትልምንዎን ዘለኹምከ ታራ የብሉን ዶ ዲያቆን ሓወይ ኣብ ጸሎትኩም ጥራሕ ኣይትረሱዑና የግዳ እንታይ ክትሓባበረካ በሎ ዲያቆን ሃንደበት ስለ ዝኾኖ ንዲያቆን ኣቤል ዶ ከተራኽበና በሎ ብዝተረበሸ መንፈስ ይቅሬታ ዲያቆን ሓወይ ከራኽበካ ደስ፡ ምበለኒ ግን ኣይክእልን ኢየ መልእኽቲ ተልይካ ግን ከብጽሓልካ በሎ።

ኖ ደሓን ጸገም፡የለን ንዲያቆን ኣቤል ኢየ ደልየ ኔረ ክረኽቦ ዘይክእል ተኾይነ ግን ደሓን በሎ ዲያቆን ሓወይ ይቅሬታ ብካልእ ኣይትረዳኣዮ ሕማቅ ሓሲበ ኣይኮንኩ ንዲያቆን ኣቤል ምስ ትረኽቦ ሲዒቡ ዝመጽእ ነገራት ስለ ዝፈልጦ ኢየ። ኣብ ዚ ሕጂ ሰዓት ርግጸኛ ኮይነ ዝዛረበለን ክልተ ነገራት ኣለዋ ቀዳመይቲ ንዲያቆን ኣቤል ጠቅላላ ከምዘይትፈልጦ ካልኣይቲ ድማ ምስ ጓል ወይ ምስ ወዲ ከም ዘለኻ ርግጸኛ ኢየ። ስለዚ ወላ ጽልኣኒ ከራኽበካ ኣይክእልን ኢየ በሎ።

ዲያቆን ጋን ኢዩ ኮይንዎ ብፍላይ እታ በይንኻ ከመዘየለኻ ርግጸኛ ኢየ ትብል ቃል ማራ ኢያ ኣሰንቢዳቶ። ጹቡቅ ኣለኻ ንዲያቆን ብኣካል ኣይፈልጦን ኢየ ሰብ ምሳይ ከም ዘሎ ግን ብኽመይ ርግጸኛ ክትለውን ኪኢልካ? በሎ ብብዙሕ ነገራት ኢየ ጠርጢረካ ርግጸኛ ክገብረኒ ዝኽኣለ ግን ንዲያቆን ኣቤል እባ ኣራኽበና! ምስ በልካኒ እታ ኣራኽበና ትብል ቃል ንሓደ ሰብ ትውክል ኣይኮነትን በሎ። ዲያቆን ኣመና ኢዩ ተገሪሙ ንሓንቲ ቃል ማዕረ ክንድዚ ዘስተውዕል ከመይ ዝበለ ወዲ ኢዩ በለ ብልቡ። ኦኬ ደሓን ስምካ ተትነግረኒ ግን ደስ ምበለኒ ምናልባት ኣሕዋት ወይ ንፋለጥ ክንከውን ንኽእል ኢና በሎ፡ ብርግጽ ኣሕዋት ኢና ግን ስመይ ምንጋር ኣገዳሲ ስለ ዘይኮነ ሳጓይ ክነግረካ ኢየ ማትስ ኢየ ዝበሃል በሎ።

እምበር ማትስ በሎ ዲያቆን ድማ ነዛ ሳጓ ዘውጻኣልካ ሰብ ናይ ብሓቂ ሓያል ኢዩ በሎ። ብዝኾነ ናይ ድቃስ ሰዓት ስለ ዝኣኽለ ምስናይ ይቅሬቱኡ ክገድፈኩም ኢየ ሰላማዊ ለይቲ ይምነየልኩም ኣብ ሕልምኹም ኣይትረስዑኒ ቻው ኢሉ ተሌፎን ዓጸዋ። ሚሊ ሓፍተይ ገለ ነገር ክትገብሪ ኣለኪ እንበር እዚ ወዲ ከም ገለ ኢዩ ክርዳኣካ ዘይክእል ባህሪ ኢዩ ዘለዎ በለኒ ዲያቆን።

ኣታ ዲያቆን ሓወይ እንታይ ኢየሞ ክገብር ትም ከይብል ዲያቆን ኣቤል ማራ ኢዩ ኣደንግጽኒ ክረኽቦ ተበልኩ ምኳን ኣቢኒ ሕጅስ ዓቅለይ ከማን ጸቢብኒ። እሞ ነቦና ኣራኽቡኒ ዘይትብልዮም ምሶኦም እኮ ይራኸብ ይኸውን ኢዩ፡ ዲያቆን ሓወይ ሓሲበዮ ኔረ ግን ኣሰኪፎምኒ ንሓደ ዘይፈልጦ ዲያቆን ኣራኽቡኒ ክብሎም ማራ ከቢድ ኢዩ። ወላ ተበልክዎም እውን ኣብ ቅድሚኦም ወላሓንቲ ክብሎ ኣይክእልን ኢየ ብናተይ ሜላ ተዘይኮይኑ ንሱ ምስ ማንም፡ሰብ ክራኸብ ዝደሊ ኣይመስለንን እንበርከስ ካብተን ኣዝዩ ዝፈትወን ኣሕዋቱ በዓል ሳሌም ፊዮሪ ኣይምጠፈኣን ኔሩ ስለዚ ነቦይ ቀሺ ምንጋር ኣገዳሲ ኣይመስለንን። ክገርመካ ወላ እቶም ኣቡኡ ዘለዉ ዲያቆናት ኢዮም ዘይፈልጥዎ። በልስኪ ኣምላኽ ይሓግዝኪ ሚሊ ሓፍተይ ዝኾነ ሓድሽ ነገር ተሎ ድማ ደውልለይ ኢኺ ኣነውን ዓቅመይ ዘፍቅዶ ክሕግዘኪ ኢየ ኣጆኺ ተስፋ ኣይትቁረጺ በለኒ ዲያቆን።

!!!

ፊዮሪ ነቲ ወዲ ትፈልጦ እንተኾን እሞ ምሳይ ክትከይድ ሓተትክዋ። ፊዮሪ ልዕሊቲ ኣነ ዝሓስቦ ኢያ ሓሲባ ሚሊ ሓፍተይ ደስ ምበለኒ ኔሩ ከም ዘዕለልክኒ ግን ናትኪ መገዲ ከይትኽተሊ ኣጠንቂቅኪ ኢዩ ስለዚ ኣነን ንስኽን ተተሓሒዝና እንተዳኣ ኬድና ክፍጠር ዝኽእል ነገር ሕሰብዮ እቲ ወዲ ሓያል ኢዩ ዝመስል ክሳብ ንዲያቆን ትረኽብዮ ዝበለኪ ኩሉ ክትፍጽሚ ኣለኪ በለትኒ። በቃ በሊ ሕራይ ፊዮሪ ሓፍተይ ንሳሌመይ ሰላም በልለይ ጸሎት ከኣ ግበራለይ በልክዋ እሺ ዝያዳይ ኣምላኽ ምሳኺ ይኹን ድንግለይ ትከተልኪ በለትኒ።

ማትስ ዘይተጸበኽዎ ባዕሉ ደወለለይ ስንብድ ኢለ ድማ ታይ ደኣዩ ደልይኒ በልኩ ትቅብል ኣቢለ ሄለው በልክዎ ስምዒ መንዩ ሞ ስምኪ ሰንቢደ እንትይልካ በልክዎ ኣይሰማዕክንን ክደግመልኪ በለኒ ኖ ደሓን ሚሊ ኢየ ዝበሃል በልክዎ እሺ ሚሊ ፈዛዝ ኣይትኹኒ ፈዘዘዝ ኣብ ኤውሮጳ ኣይሰርሕን ኢዩ በለኒ እሺ ሕራይ ግን ካብ ምንታይ ኢኻ ተበጊስካ በልክዎ ሕራይ ክብለኪ ከለኹ መኣስን ኣበይን ኢና ንራኽብ ኣይትብልን ዲኺ በለኒ። ጽቡቅ ኣለኻ ምስ ተዳለኹ ደዊለ ይሓተካ ኢለ እንበር ምሕታት ስለዝጠፋኣኒ ኣይኮነን በልክዎ እሞ ሓሳበይ ተቀየርኩኽ እንታይ ትፈልጢ ቃልካ ትዓጽፍ እንተኮንካሞ ሰዓትን ቦታን ናይ ዝነገርካኒ ትርጉም የብሉን፥ እሺ ደሓን ኣበይ ኢኺ እሞ ትነብሪ? ኣነ ኣብ ብሪመን ኢየ ዝነብር ብሪመን እንድሕር ሃሊኺ ደኣ ብኽመይ ክንራኽብ ኢልኪ ትሓስቢ?? ጸገም የለን ክመጽእ ይኽእል ኢየ። እሺ በሊ ቀዳም ሰዓት ዓሰርተ ናይ ንግሆ ንራኽብ ኢሉ ንራኽበሉ ቦታ ሓበረኒ።

ኣጋጣሚ ጽቡቅ ዕድል ኮይንለይ ሰንበት ኣብ ሃምቦርግ ቅዳሴ ስለ፡ዝነበረ ንእግረ መገደይ ክልተ ዕዮ ክዓዩ ጽቡቅ ኣጋጣሚ ኮነለይ። ዘድልየኒ ምቅርራባት ጌረ ቀዳም ኣብ ሰዓተይ ኣብቲ ዝበለኒ ቦታ ከድኩ፡ ግን እንትርፊ ጸዓዱን ሓድሓደ ጸለምትን ገዲፍካ ሓበሻ ዝበሃል ኣይነበረን ደሓን ቆጸራ ሓበሻ ከሙኡ ኢዩ ኢለ ኮፍ ኢለ ክጽበ ጀመርኩ። ተሌፎነይ ጻውዒት ስለ ዝገበረት መን ደኣዩ ኢለ ኢደይ ናብ ቦርሳይ ሰደድኩ.....።

****

19 ክፋል

እታ ናምበር ኣጸቢቀ ኢየ ዝፈልጣ ናይ ማትስ'ያ ሰማያዊት ብምህራም ሄልው በልክዎ ብጣዕሚ ኢኺ ተገርሚ ናይ ብሓቂ ኣሚንክንስ ካብ ብሪመን ናብ ሃምቡርግ መጺኺ በለኒ ዘረቡኡ ስለ፡ዘይተረዳኣኒ ይቅሬታ ኣባህላኻ ኣይተረዳኣንን በልክዎ፡ ናይ ብሓቂ ዲኺ መጺኺ በለኒ ዋእ ኣታ ብሩኽ ሓወይ ተዘራሪብና ምሽ ኣነ ደላይት ሕማቅኩም ኣይኮንኩን ንዲያቑን ግድን ክረኽቦ ስለ ዘለኒ ዝገደፍኩ ገዲፈ መጼ ኣለኩ። ግን ክትመጽእ፡ኢያ ዝብል ግምት ስለ፡ዘይነበረካ ዲኻ ወይስ ብትኽክል ክመጽእ ኣይነበረንን በልክዎ።

ደሓን ሕጂ ቡዙሕ ኣይዛረበክን ግን ክትኣምንኒ ኣይነበረክን። ሕጂ ድማ ግዜኺ ኣይትቅተሊ በታ ዝመጻኽያ ትኽ ኢልኪ ተመለሲ በለኒ፡ ሕርቃነይ ክቆጻጸሮ ስለ ዘይከኣልኩ እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ፡ ንስኻ ግን ሓደ ስዲ ክብረት ሰብ ዘይትፈልጥ ሕሱር ሰብ ኢኻ በልክዎ፡ ምሽዶ እንበኣር ክብረት ሰብ ዘይትፈልጥ ኢልክኒ፡ ክትፈልጢ ግን ኣነ ክብረት ሰብ ዘይኮነ ክብረት ኣዋልድ ኢየ ዘይፈልጥ ንሱ ድማ ባዕልኽን ዘውረስክናኒ ኢዩ ቋሕማም በለኒ፡ ብዙሕ ምመለስኩልካ ግን ንዓይ ኮነ ንዓኻ ዘርብሕ ስለ ዘይኮነ ትም መሪጸ ኣለኹ፡ ሓደ ነገር ግን ክነግረካ መዓልቲ ይነውሕ ወይውን መስዋእቲ ይሓተኒ ይኽውን እንበር ንዲያቑን ክረኽቦ ኢየ፡ ምኽንያቱ ንኹሉ ገግዚኡ ስለ ዘለዎ እዛ ንዓይ ትገብረኒ ዘለኻ ድማ ሓደ መዓልቲ ኣብ ነብስኻ ክትወርድ ኢያ። ኣነ ግን እቲ ህያው ዝኾነ ጎይታ ምስ ዲያቑን ከም ዘራኽበኒ እምንቶይ ኢዩ በልክዎ። መልሓስ ደኣ መን ክኽእለክን ከምዚ ክትብሊ ከለኽስ ምስኪን ከኣ ትመስሊ ጓልዛ ስኪን በለ ኣነ ድማ ሕርቃን ብዝተሓወሶ ኣዘራርባ ስማዕ ዝሓወይ ትፈልጠኒ ዲኻ በልክዎ፡ ወያል እንታይ ክፈልጠልኪ ግን ጓል ምኺንኪ መኣስ ክተርፈኪ ኢሉ ጓልዛ ዲዲት ጸርፊ መሊሱ ወሰኽ፡ ብነብስኻ ደንቆሮ ኮንካ እንበር ኣሕዋት ወላ ተዘይ ሃለዋኻ ኣዴኻ ግን ጓል ኣንስተይቲ ኢያ መስለኒ፡ ስለዚ ክብረት ኣዋልድ የትሕት ኣለኹ ኢልካ ኣዴኻ ኣይተሕስር በልክዎ።

ክንደይከ ትደፍሪ ኢኺ ኣዴታትና ከማኽን ኣይኮናን ንሳተን ፍርሃት ኣምላኽ ዘለወን ትሕትና ዝመለአን ባህለን ዘኽብራ እዙዛት ከም፡ ሳራ ኢየን። ንስኻትክን ግን ሂወት ሰብ ተባላሸዋ ካብ ባህሊ ዝሃደምክን ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብልክን ደቂ ሕድርትና ኢኽን፡ ብምንም ተኣምር ምስ ኣዴታትና ኣይትወዳደራን ኢኽን በለኒ ዘረቡኡ ሕርቃን ዝዓብለሎ ካብ ውሽጢ ልቡ ይምንጩ ከም ዝነበረ ካብ ቃላቱ ኢኻ ትርዳእ ኣነ ውን ድሕርዝስ ክምልሰሉ ኣይደለኹን ደሓን ዝሓወይ ሕጂ ከምዚባ ከምዚ ተበልኩ ትርጉም የብሉንግን ንስኻ ለባም እንተኮንካ ንኽፉእ ብሰናይ ኢኻ ክትስዕሮ ዝግባኣካ በልክዎ። ኣቲ ንስኺ ከመይ ዓይነት ዓይኒ ውጣ ኢኺ ንስኻትክን ሂወትና ከተባላሸዋኡ ትም ኢልኩም ረኣዩና ኢኺኮ ትብሊ፡ዘለኺ ክንደዲኣኽ ተሕርቀካ ኢያ ኢሉ ኣብ እዝነይ ዓጸወኒ።

ወላ ኳ ብዝተፈጥረ ኩነታት እንተ ጎሃኹ ናብ ሃምቦርግ ምምጸኣይ ግን ኣየጣዓሰንን። ምስ መሓዛይ ሓዲረ ቅዳሴ ስለ ዘቀደስኩ ዳርጋ ኣይከሰርኩን። ግን ምስ ማትስ ምጽርራፈይ ቅኑዕ ስለ ዘይነበረ ውሽጠይ ክርብሽኒ ጀመረ። ወላ፡ይጽረፈኒ ደዊለ ይቅሬታ ክሓቶ ኢየ ድማ በልኩ ብውሽጠይ። ኣብ ሃምቡርግ ዊዒለ ናይ ምሽት ናብ ብሪመን ተመለስኩ ቁሩብ ኣዕሪፈ ድማ ተሌፎን ኣልዒለ ናብ ማትስ ደወልኩ።

ኣብ ኢዱ ኢያ ጸኒሓ መስለኒ ቀልጢፉ ተቀበላ ኢሂቲ ደዊልኪ እንበኣር ናይ፡ሰንበት ጸርፊ ደሊኺ ምሽ በለኒ፡ ኣታ ማትስ ሓወይ ይቅሬታ ክብለካ ኢለ ኢየ ትማሊ ተዳፊረካ ይቅረ ግበረለይ በልክዎ ስምዒ ኣብ ዓለም፡ካብቲ ዘጽልኣኒ ናይ ሓሶት ትሕትና ኢዩ ርግጸኛ ኢየ ድማ ካብ ልብኺ ኣይኮንክን ይቅሬታ ትብልኒ ዘለኺ ምኽንያቱ ዝበደለ ኢዩ ይቅሬታ ዝሓትት ንስኺ ግን ስለ ዝጸረፍኩኺ ኢኺ መሊስክለይ ስለዚ ከይበደልኪ ከመይ ጌርኪ ይቅሬታ ትሓትኒ በለኒ። ይኹን ደኣንበር ክጸርፈካ ወይ ክዳፈረካ ቅኑዕ ኣይኮነን ስለዚ ኢየ ይቅሬታ ዝብለካ ዘለኹ በልክዎ፡ ኣቲ ግደፍና እንዶ ኣይኮነን ከይበደልክን በዲልክን ከማን ይቅሬታ ኣይትሓታን ኢኽን ኣነ ጽቡቅ ጌረ ስለ ዝፈልጠክን ነዓይ ብመልሓስኪ ከተታልልኒ ወይ ክትጥብርኒ ኣይትኽእልን ኢኺ በለኒ፡ እሺ ደሓን ኩሉ ንግደፎ፡ሰንበት ስለ፡ዝኾነ ሕማቅ ኣይንዛረብ ክሓተካ፡ግን ዲያቑን ጥዕኑኡ ደሓን ዲዩ በልክዎ ካብቲ ኣርእስቲ ክሃድም ስለ ዝደለኹ፡ ደሓን፡ኢዩ ካብ ኣድጊ ይጥዒ በለኒ።

ክንደይ ሕቶ ተብዝሕ ኢያ ከይትብለኒ እንበር ንዲያቑን ግን እንታዩ ኢኻ ክትነግረኒ ትኽእል ዲኻ በልክዎ እወ ወጣም ኢኺ ሕቶ ከተብዝሒ መዓት ግን ደሓን ክምልሰልኪ ንዲያቑን ኣባሓጉኡ ኢየ በለኒ መልሱ ዘስሕቅ እኳ ተዘይነበረ ኣዘራርቡኡ ግን ስሓቅ ስለ፡ዘምጸለይ ክርትም ኢለ ሰሓቅኩ ኣስናንኪ ሑጻ ይኹና ወያል በለኒ ማትስ ሓወይ ኣስናነይ ሑጻ ኮይነን ትረብሖ ስለ

ዘይብልካ እንበር ኖርማል በልክዎ እንዳሰሓቅኩ። ክነግረካ ግን ንዓይ ጥራይ ዲኻ ወይስ ንብሙልእና ደቂ ኣንስትዮ ኢኻ ትጸልኣና በልክዎ። ኩላትክን እኮ ሓደ ኢኽን መፍለዩ ዝበሃል የብልክንን ከምዚ ወዓግን ህበይን በቃ ከምኡ ኢኽን።

ሪኢኺ ለኺ ህበይን ወዓግን ኣብ መልክዐን ተዘይ ኮይኑ ብተግባረን መፍለዩ ዝበሃል የብለንን ዝነብራሉ ቦታ ውን ቁሩብ ይፈላለ ኢዩ ንስኻትክን ድማ መልክዕኽን ትነብራሉ ቦታ ኢዩ ዝፈላለ እምበር ብተግባርክን ሓደ ኢዩ ተወሳኺ ድማ ህበይን ወዓግን ምብልኻው ተዘይኮይኑ ካልእ ስራሕ የብለንን ንስኻትክን ድማ ናይ መሳኪን ሂወት ምብልኻው ተዘይኮይኑ ካልእ ስራሕ የብልክንን፡ መልሰይ በሪህልኪ ክኸውን ተስፋ ይገብር ረሲዐልኪ ከኣባ ህበይ ኣብ በረኻ ኢያ ትነብር ወገዓግ ግን ኣብ ማይ ጨሎትን ገዳማትን ኢያ ትነብር እዚ፡ማለት እተን ኣህባይ ዝኾንክን ኣዋልድ ኣብ ዓለማዊ ሂወት ኢኽን ትነብራ እተን ወዓግ ዝኾንክን ኣዋልድ ድማ ኣብ መምፈሳዊ ሂወት ኢኽን ትነብራ፡ እቲ ጸይቂ ስራሕ ድማ ኣብ ኩላትክን ኣሎ፡ መቸም ነዚ ኣይተረዳኣንን እንተልክኒ ዶንቆሮ ኢኺ በለኒ።

ኣዘራርቡኡ ብጣዕሚ ኢዩ ገሪሙኒ ክብሎ ዝኽእል፡ነገር ስለ ዘይነበረ ሕዩይ ክቅጽል ኢየ ወሲነ፡ ሕራይ እስኪ ይኹን ግን ማዕረ ክንድዚ ኣብ ልዕሊ ኣዋልድ ጽልኢ ከተሕድር ዝገበረካ ብመጠኑ ክትነግረኒ ዶ ትኽእል በልክዎ ኣባት ነብሰይ ዲኺ ከምዚ ጌርኪ ተናዝዝኒ በለኒ ከምኡ ዘይኮነስ ብያንስ እቲ ሓቂ ክፈልጦ እሞ ሓቁ ኢዩ ኢለ ንነብሰይ ከእምና ስለ፡ዝደለኹ ኢየ በልክዎ እንድሕር ካብ ናይ ህበይን ወዓግን ዘይፍለ ባህሪ ትውንና ኮንክንሲ ብምንታይ ክፈትወክን ኢልኪ እስከ ትሓስቢ በለኒ።

ሕራይ ደሓን ይኹነልካ ግን ዲያቆን ከ ከምዚ ናትካ ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣለዎ ማለት ድዩ እሞ፡ስቅ፡ኢልኪ ኢኺ ዲያቆን ዲያቆን ትብሊ ዘለኺ ንዲያቆን ኣይትፈልጥዮን ኢኺ ዲያቆን ንሰብ ክጸልእ ዝኽእል ልቢ የብሉን እንተኺኢልኪ ንስሃ እተዊ በለኒ። እንታይ ጌረ ናይ ምንታይ ንስሃ በልክዎ ስንብድ ኢለ ንዲያቆን ምሳይ ምውድዳርኪ ዓቢ ገበን ኢዩ፡ንስሃ ጥራይ ዘይኮነ ሱባኤ ከማን ክትኣትዊ ይግባኣኪ በለኒ። ምሳኻ ኣዋዳዲረዮ ዘይኮንኩስ ምናልባት ዓርኪ ሰባር..... ከይመላእክዋ ከለኹ ትም እስኪ በሊ ነዚ ምስላ ኣብዘይ ቦቱኡ ኣይተእትውዮ በለኒ። ማትስ ሓወይ ሕጂ ስምዓኒ ሓንቲ ነገር ክዛረበካ ወላ ዓሰርተ ግዜ ንሕና ሩጉማት ንኹን ደድሕሬና ክትስዕብ የብልካን ከምዚ ዘለኻዮ እንተ ቀጺልካ ንሂወትካ ሰላም ክትከልኣ ኢኻ ጽልኢ ቅርሕንቲ ቂምታ ጽቡቅ ኣይኮነን፡ ካብ ዘረባኻ ከም ዝተረዳእክዎ ብደቂ ኣንስትዮ ዝተበደልካ ኢኻ ትመስል ግን ንበደልካ በቃ ረስዓዮ በደልካ ድማ ንንጀራ ክገብረልካ ኢዩ በልክዎ።

ኣቲ ክንደይ ሃተፍተፍ ትብሊ ኢኺ መን ተበዲለ ኢልኪ ንዓይ ዝበደለት ደኣ ከመይ ኢላ ብሂወት ክትነብር ኢልኪ ትሓስቢ ወረ ታይ ዝኾነት ታይ ዝበልዐት ኢያኽ ንዓይ ትብድል በለኒ። እሞ፡እንታይ ኢየ ክብል ኣንታ ማትስ ሓወይ ዝኹሉ፡ ጽልኢ ደኣ እንታይ ኢዩ መበገሲኡ በልክዎ መበገሲኡ ደኣ ነጊረኪ እኮ ወዮ ደኣ ርእስኽን ኣብ ሕማቅ ነገር ጥራሕ ዝሰርሕ ኮይኑ እንበር በቃ በል ሕራይ ደሓን ስለ ኩሉ ነገር ይቅሬታ ሕጂ ግን ደኺመ ስለ፡ዘለኹ ቁሩብ ከዕርፍ ግን ናይ መወዳእታ ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ ምስ ዲያቆን እንተራኺብካኒ እንታይ ትኽውን በልክዎ?

ኣነ ኣምላኽ ይመስገን ወላሓንቲ ኣይከውንን ኢየ ዲያቆን ዓርከይ ግን..... ኢሉ ከይመላኣ እስኪ ክሓተኪ ማዕረ ክንድዚ ንዲያቆን ተገዲስኪ ክትረኽብዮ ምድላይኪ ካብ ምንታይ ኢዩ መበገሲኡ በለኒ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ዝኾነ ምኽኒት ኣቅሪበ ውጺኢት ዘምጽእ ኮይኑ ኣይተሰምዓንን እቲ፡ዝነበረኒ ኣማራጺ ኩሉ እቲ ሓቂ ዘርዚርካ ምንጋር ጥራሕ ኢዩ ኔሩ።

ማትስ ሓወይ ሓደ መዓልቲ ምስ ኣቦይ ቀሺ እንከሎ ክበኪ ሪኤዮ ቅድሚኡ ይሪኦ እኳ እንተነበርኩ ዲያቆን ምኺኑ ግን ኣይፈልጥ ኢየ ኔረ ሸዑ ልበይ ብጣዕሚ ኢዩ ተንኪፍኒ፡ ልዕሊ ኩሉ ግን ኣቦይ ቀሺ ከም ሓፍቱ ኮንኪ ቀሪብኪ ፍለጥዮ ኢሎም ተላብዮምኒ ስለዚ ከይረኽብክዎ ብፍጽም ኣይድቅስን ኢየ በልክዎ። እሺ ሕራይ ምስ ረኽብክዮ ከ እንታይ ኢኺ ክትብልዮ??? ክገርመካ እዚኣስ ወላ ንዓይ ሕቶ ኢያ ግን ግድን ክረኽቦ ኣለኒ በልክዎ። ስምዒ ሚሊ ንዲያቆን ተዘይ ረኽብክዮ ይሓይሽ ክትጎድእዮ ተዘይኮንኪ ወላሓንቲ ኣይትጠቅምዮን ኢኺ ስለዚ ኢድክን እግርኽን ኣክቢ በለኒ፡ ማትስ ሓወይ ኣብ ሂወተይ ፈጺመ ዘይፈትዎ ነገር እንተደኣ ሃልዩ ፕሮሚስ ኢዩ ሕጂ ግን ጥራሕ ምስ ዲያቆን ኣራኽበኒ እንበር በቲ ንስኻ ዝበልካኒ መገዲ ክኽይድ ቃል ይኣትወልካ በልክዎ ቃልኪ ከምዘይትዓጽፊ ብኽመይ ክኣምነኪ ብደስ ዝበለካ ክምሕለልካ ማሕላ ከምዘይተፍርሲ ኽ ሕራይ ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ ስለምንታይ ኢየ ቃለይ ክዓጽፍ ስለምንታይ ኢየኽ ማሕላይ ከፍርስ ምስ በልክዎ መልሲ ክስእን ከምዘይክእል፡ እኳ ፍሉጥ እንተኾነ ግን ንኻሊኢታት ዛኣክል ዝን በለ።

ኦኬ ጽቡቅ ዝመጽእ ዘሎ ሰሙን እንተ መጺኺ ከራኽበኪ ኢየ ግን ሕግታት ምስ ትመልኢ ጥራሕ ኢየ በለኒ፡ ልበይ ክልተ ነገር ከመንጨ ጀመረ ሓጎስን፡ምጥርጣርን፡ ኣማራጺ ስለዘይነበረኒ ግን ብዝበለኒ ተሰማሚዐ ተፋነኽዎ። ድሕሪ ሰሙን ሓሚመ ኢለ ናይ ሰሙን ዕረፍቲ ሓቲተ ትምህርቲ ደው ኣቢለ ናብ ሃምቦርግ ገስገስኩ።

ተሌፎን ደዊለ ድማ መጼ ከም ዘለኹ ሓበርክዎ፡ ሕጂኽ ኣሚንክኒ መጺኺ ማለት ድዩ በለኒ መቸም ፡ ስራሕ ቆልዓ ከምዘይትሰርሕ ርግጸኛ ኢየ በልክዎ። ብርግጽ ስራሕ ቆልዓ ኣይሰርሕን ኢየ ጽባሕ ሰዓት ኣርባዕተ ኣብታ ናይ ብቀዳማይ ቦታ ንራኽብ ኢሉ ተሌፎኑ ዓጸዋ። ሕጂውን ልበይ ዝተፈራረቀ ነገር ኢዩ ዝሓስብ ኔሩ፡ እምነትን ምጥርጣርን፡ ብዝኾነ ኣብቲ ዝተባህለኒ ሰዓትን ቦታን ብመሰረት ቆጸራይ ደበኽ በልኩ፡ ኣብቲ ቦታ በጺሐ ንየማነ ጸጋም ቁሊሕ ቁሊሕ በልኩ ትርግታ ልበይ ህርመቱ ዘወስኽ ትርኢት ድማ ረኣኹ.....።

****

20 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ምስ ማትስ ብዙሕ ተዘራሪብና ብድጋሜ ክንራኸብ ቆጸራ ገርና ኔርና፡ ኣነ ድማ ኣብቲ ዝተባህለኒ ሰዓትን ቦታን ብመሰረት ቆጸራይ ደበኽ በልኩ። ኣብቲ ቦታ በጺሐ ንየማነ ጸጋም ቁሊሕ ቁሊሕ በልኩ ትርግታ ልበይ ህርመቱ ዘወስኽ ትርኢት ድማ ረኣኹ.....ዲያቆን ተሌፎን እንዳ ተዛረበ ናባይ ገጹ ክመጽእ ረኣኽዎ። ክገልጾ ዘይክእል ፍርሒ ስንባደ ዝተሓዋወሶ ስምዒት ወረረኒ። ዲያቆን ኢዩ ከም ማትስ ኮይኑ ክዛረበኒ ጸኒሑ ማለት ድዩ? በልኩ ግን ባዕለይ ክምልሶ ዝኽእል ሕቶ ኣይነበረን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ከለኹ ዲያቆን፡ስለ ዝቀረበኒ ሰላም ክብሎ ተሳእኩ፡ ኢዱ ንሰላምታ እንዳሰደደ ሰላም ዝሓፍተይ ሚሊ ንስኺ ዲኺ በለኒ። ኣነውን ኢደይ ንሰላምታ ዘርጊሐ ጽቡቅ ኣለኻ እወ ኣነ ኢየ በልክዎ፡ ኦኬ ጽቡቅ ዝሓፍተይ ኣነ ድማ ኣቤል ይበሃል በለኒ፡ እወ ይፈልጠካ ኢየ ጋጊኻኒ እንበር ቅድሚ ሕጂ ተራኺብና ኔርና። ዲያቆን እንዲኻ ስለምንታይ ደኣ ዲያቆን ገዲፍካ ኣቤል ኢልካ ትላለየኒ በልክዎ ፍርሒ እንዳ ተሰማዓኒ፡ ፍሽኽ ድሕሪ ምባል ምናልባት እቲ ስም ከቢዱኒ ወይውን ዲያቆን ሙኺነይ ረሲዐዮ ከይከውን በለኒ። ዘረባ ስለ ዝጠፋኣኒ ፍሽኽ ኢለ ስቅ በልኩ።

ናይ ብሓቂ ዲኺ ካብ ብሪመን ንዓይ ክትረኽቢ መጺኺ በለኒ፡ መልሲ ከይሃብክዎ ከለኹ ኣብ ኢዱ ፌስታል ናይ ኣልዲ ዝሓዘ ወዲ ሕውስ በለና። እሺ ወይዘሪት ሚሊ እንቋዕ ደሓን መጻኺ በለኒ ተገዳስነት ብዘይብሉ ላዛ፡ ማትስ ንስኻ ዲኻ??? በልክዎ። እወ ጽቡቅ ኣለኺ ኣይሓሰኽን ኣነየ ማትስ በለኒ።

ዘረቡኡ ኮኾቡ ከፍርሓካ መዓት ኢዩ። ጽቡቅ ዝሃወይ ከመይ ኣለኻ በልክዎ ሳላኽን መከራና ንሪኢ ኣለና ዕድመ ንዓኽን ምስ በለኒ። ዲያቆን ኣቤል ድማ ማትስ ስነስርዓት ግበር ኣበይ ምስመን እንታይ ትብል ከምዘለኻ ፍለጦ በሎ። ዲቁ ዓርከይ መቸም ስቅ ኢልኪ ኢኺ ትሕለቅለን ነዘን ኣዋልድ በሎ።ንሱ ደሓን ይጽንሓልካ እሞ ወዲእካ እንተኮንካ ንኺድ ቁሪ ኣይተህርመና በሎ ዲያቆን እውን።

ንዕናይ ሚሊ ገዛና ትሪኢዮ ንማትስ ድማ ኣይትሓዝሉ ኣብ ኣፉ ዝጸንሖ ኢዩ ዝዛረብ በለኒ ዲያቆን፡ኖ ጸገም የብሉን ኣይሕዘሉን ኢየ ዘረባይ ከይወዳእኩ ተዋጺኢኪ ደኣ ወላ ሕዝለይ በለኒ ማትስ። S Bhan ትሬይን ናይ ውሽጢ ከተማ ተሰቂልና ገዛኦም ክሳብ ንበጽሕ ምስ ዲያቆን ዲቅ ዝበለ ዕላል ከፈትና።ዲያቆን ከምቲ ብዕላል፡ዝፈልጦ ጥራሕ ዘይኮነስ ልዕሊኡ ኮይኑ ኢየ ረኺበዮ ኣዝዩ ትሑት ምቅሉል ተዋዛዪ ስነ ስርዓት ዘለዎ ሰብ ኢዩ ምስ ማትስ ብኽመይ ኢዮም ክቀራረቡ ጀሚሮም ብጣዕሚ ኢዩ ደንጽዩኒ።

ከምዚ ኢልና ገዛ ምስ በጻሕና ገዝኦም ካብቲ ዝተጸበኽዎ ንላዕሊ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሕኒ ነናቶም መደቀሲ ክፍሊ ሽቃቕን ክሸነን ድማ ብሓንሳብ ኢዮም ተዋሂቦም። ንሳቶም ግን ነታ ሓንቲ መደቀሲ ክፍሊ ነታ ሓንቲ ድማ ናይ ሳሎን መቀበሊ ኣጋይሽ ኢዮም ጌሮማ። መግቢ ተቀሪቡ በሊዕና ምስ ወዳእና ማትስ ክመለሰኩም ኢየ ኣዕልሉ ኢልና ገዲፍና ወጸ።

እንታይ ከም ዝብሎን በየን ከምዝጅምረሉን ሕርብት ኢሉኒ ኣብ ከቢድ ሓሳብ ከለኩ እሺ ሚሊ ወላኳ መምጺኢኺ ንጽቡቅ ይኹን ንሕማቅ ተዘይፈለጥክዎ ካብ ብሪመን ክትረኽብኒ ኢልኪ ድኻምኪ ክሳራኺ ከይጸብጸብኪ ምምጻእኪ ከመስግነኪ ይፈቱ። ግን ይቅሬታ ግበርለይ ደኣንበር ምስልኺ እኳ ተዘይሓደሰኒ ክዝክረኪ ኣይከኣልኩን ኣበይ ኢና ንፋለጥ በለኒ።

ባዕሉ ዘረባ ስለ ዝጀመረለይ ቅሩብ ፍኹስ በለኒ። እወ ሓቅኻ ንስኻ ኳ ኣይትፈልጠንን ኢኻ ኣነ ኢየ ዝፈልጠካ ኣበይ ኢና ንፋለጥ ንዝብል እሞ ንግዚኡ ንግደፎ፡ ካብ ኩሉ ሰብ ኢኻ ጠፊእካ ደሓን ዲኻ ቀንዲ ንዓኻ ክረክብ ኮለል ዘበለኒ ድማ ድሃይ ምጥፋእካ ኢዩ በዓል ሳሌም ፊዮሪ መሓዙተይ ኢየን ዘኪርካየን ዶ በልክዎ፡ ኮንፊደንሰይ ኣጥፊኤ ነዚ ዘረባ ድብልቅልቅ ኢየ ኣቢለዮ። ዘኪርካየን ዶ ኢልኪ ከመይ ጌረ ክርሰዐን ንሳተን ኣይርስዓንን ኢየን ኣነውን ኣይርሰዐንን ኢየ በለኒ ገጹ ተኣሲሩ መንፈሱ ክርበሽ ጀመረ።

እሞ ማራ ኢየን ተሻቂለን ዘለዋ እንታይ ኮንካ ደሃይ ዘይትገብረለን በልክዎ።ሚሊ እዚ ሕቶዚ ሕጂ ክምልሰልኪ ኣይክእልን ኢየ ግን ሓደ ነገር ክነግረኪ ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ኣይኮንኩን ዘይድውለለን ዘለኹ፡ ክድውለለን ምስኣን ክስሕቅ ክጻወት ጸሊኤ ኣይኮንኩን ግን... ኢሉ ዘረቡኡ ኣቋረጸ፡

ኩነታቱ ናብ ካልእ ስለ ዝወሰደኒ ፍርሓት ክስምዓኒ ጀመረ። ዲያቆን ሓወይ ይቅሬታ ደኣንበር ወላ ምኽንያት ይሃልኻ ተሌፎንካ ንማትስ ክትህቦ ኣይነበረካን ክንደይ ግዜ ደዊለን ክረኽባኻ ኣይከኣላን ማትስ ተተቀቢሉ ጸርፊ ኢዩ ዘግዝመን። ናይ ማትስ ጠባይ ልዕለይ ንስኻ ትፈልጦ ትሌፎንካ ንማትስ ምሃብካ ቅኑዕ ኢዩ ኣይብልን ኢየ ኣነ። ምኽንያቱ ማትስ ክብረት ናይ ሰብ የብሉን ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ሰብ ኮይነን ኣይስመየኦን ኢየን በልክዎ። ንመጀመሪያ ግዜ ዝረኽቦ ዘለኹ ዲያቆን ከምዚ ዓይነት ዘረባ ክዛረቦ ምኽኣለይ ንዑኡ ጥራይ ዘይኮነስ ንዓይ ወላ ኢዩ ኣገሪሙኒ።

ዲያቆን ፍሸኽ ድሕሪ ምባል ሚሊ ሓፍተይ ብዙሕ ዘይትፈልጥዮ ነገር ኣሎ። ንምንታይ ተሌፎነይ ንማትስ ሂበዮ ክነግረኪ ክኸብደኒ ኢዩ ሓደ ነገር ግን ክትፈልጢ ይደሊ። ንማትስ ካብ ቀደም ኢየ ዝፈልጦ ሕማቅ ሰብ ኣይኮነን ኣብ ሂወተይ ካብቶም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝሰርያም ሰባት ማትስ ሓደ ኢዩ ምናልባት ዘረቡኡ ኣሰንቢድኪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ግን ማትስ.... ኢሉ ዘረቡኡ ኣቋረጸ። ምናልባት ከምዚ ትብሎ ዘለኻ ኔሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ግን እንድዒ ማራ ኣኽፊኡ ከመይ ጌርኩም ብሓንሳብ ትነብሩ ኸማን ከይገረመኒ ኣይተረፈን በልክዎ።

ዊኒልኪ ሓዲርኪ ብዛዕባ ማትስ ምፍላጥኪ ስለ ዘይተርፈኪ ሓደ ሓቂ ክነግረኪ ኢየ። ብትኽክል ማትስ ኣካይዱኡ ቁኑዕ የለን ንባህርያቱ ከመሓይሾ ኩሉ ግዜ ኢየ ዝዛረቦ እንተኾነ ማትስ ኣፍልጦ ስለ ዘይወሓዶ ከተስምዖ ኣይትኽእልን ኢኻ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣምጺኻ ተተዛረብናዮ ንመጽሓፍ ቅዱስ ልዕሌና ኢዩ ዝፈልጦ ሓንቲ ወይ ክልተ ጥቅሲ ኣምጺኡ ከምዘይትዛረብ ይገብረካ። ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ መጻሕፍቲ ድማ ዳርጋ ኩሎም ኢዩ ኣንቢብዎም። ስለዚ እንዳፈለጠ ዝጋገ ሰብ ክትምዕዶ ኮነ ክትእርሞ ኣይትኽእልን ኢኻ ከምዚ እንዳሰመዐ ዝደቀሰስ ነቅኒቅካዮ ነይሰምዕ ዝበሃል ምስላ ምሽ ኣሎ በለኒ። እሞ ነዚ ከምዚ ዓይነት ሰብ.....።

ጽንሒ ክምልኣልኪ ሚሊ ሓፍተይ ከምዚ ንኽኸውን ዝገበሮ ምኽንያት ኣለዎ። ማትስ ዲያቆን ኢዩ ኔሩ ዲያቆን ንዲያቆኑ ከማን ትምህርቲ ዝጸገበ ዲያቆን። ቅዳሴ ክቅድስ ኣብ መድረኽ ወጺኡ ክሰብኽ ዝሰምዖ ሰብ ከይተገረመሉ ዝሓልፍ ሰብ ኣይነበረን። ሙሉእ ሰብ ዝበሃል ሰብ የለን ማትስ ሙሉእ ንኽይከውን ዝገበረቶ ብህሪኡ ድማ ዋዒ ኢያ ኔራ። ዲያቆን ዉዑይ እንተኮይኑ ማእለያ ዘይብሉ ፈተና ኢዩ ዝመጸ።

እቲ ታሪኽ ከሕጽረልኪ ዲያቆን ኣብዚ ምስ መጸ ንሓንቲ ተመሃሪቱ ዝነበረት ቆልዓ ይፈትዋ ንሓዳር ንቑምነገር ከም ዝምነያ ድማ ይነግራ ቆልዓ እንታዩ ምኽንያታ እንድዒ ነቲ ሓሳብ ግን ኣይተቀበለቶን። ኣብዚ ግዜ ዚ ዲያቆን ሞራሉ ተተንኪፉ መንፈሳዊ ጉዕዙኡ ክዝሕል ጀሚሩ። ሰይጣን ድማ መእተዊ ስለ ዝረኽበ ኣብ ቅድሚኡ ዓቢ ፈተና ኣቕመጠሉ።

ከምዚ ትሪኢዮ መልክዕ ይኹን ቑመና ዝወጸ የብሉን ምሱኡ ድማ ትምህርቲ ሙሉእ ፡ ክስሕቅ ክጻወት ድማ መዓት ኢዩ። በዚ ዝተሰልበት ሓንቲ ኣብ ካንፒ ምሱኡ ዝነበረት ሓፍትና ኣብ ፍቅሪ ትወድቀልኪ። ከም ትፈትዎ ከይትነግሮ ዓቅሚ ሲኢና ባዕሉ ካብ ኩነታት ተረዲኡ ከይሓታ ድማ ልቡ ምስታ ሓንቲ ቆልዓ ኢዩ ኔሩ። እዛ ትፈትዎ ቆልዓ ትራንስፈር ተባሂላ ገዛኣ ምስ ሓዘት መመረቅታ ክገብረልኩም ኢላ ነቶም ደቂ ካንባ ትዕድሞም። ካበይ ኢያ ኣምጺኣቶ እንድዒ ስዋ ወዲ ስዋ ጸማሚቋ ኣልኮል ዘለዎ መስተ ገዚኣ ንማትስ እንታይ ትብሎ ዘሳሲ ስለ ዘየለ ንስኻ ወዲ ገዛ ኮንካ ተዓጠቀለይ ትብሎ ማትስ ድማ ስዋ ክፈቱ መዓት ኢዩ ሕራይ ከሳስየልኪ ኢዩ ግን ስዋ ኣትርፍለይ ኢሉ ክሳሲ ይውዕለልኪ ኣጋይሽ ምስ ኣፋነዉ ንሳ ገዛኣ ኣጸራርያ ኣቁሕት ክትሓጽብ ንኽሸነ ከይዳ ንማትስ ድማ ስዋ ቀረበትሉ።

ኩነታት ከመይ ኔሩ እንድዒ? ማትስ ንንጉሁኡ ነብሱ ኣብ ዓራት ምስታ ቆልዓ ኢዩ ረኺብዋ። ኣመና ኢዩ ሰንቢዱ ጥራሕ ነብሱ ድማ ብስንባደ ካብቲ ዓራት ናብ መሬት ዘለለ ኩነታቱ ስለ ዘሰንበዳ ቆልዓ ውን ልባ ተዘንበት። ማትስ ንነብሱ ኒዒቁ ክነብዕ ምስ ጀመረ ቆልዓ ክትእብዶ ክትብል ‘ቲ ሓቂ ቶግ ኣበለቶ። ኣነ ይፈትወካ ኢየ ንስካ ኣይኮንካን ኣገዲድካኒ ንስካ ጥራሕ ተረጋጋእ እንበር ወላ ቃልኪዳን ክንኣስር ኢና ምስ በለቶ ማትስ ሰትዩ ዝተጋገየ እንበር ኮነ ኢላ ባዕላ ዝገበረቶ ኣይመሰሎን ኔሩ። እንታይ ኢኺ ትብሊ ዘለኺ ኮነ ኢልኪ ብፍላጥ ዝገበርክዮ ኢዩ ማለት ድዩ ይብላ። ቆልዓ ምስክነይቲ ኣፍልጦ የብላን ብድሕሪኡ ቃል ኪዳን ኣሲሮም ብዲቁና ከገልግል ዝኽእል ኢዩ መሲልዋ ኔሩ። ተገሪሃ እወ ምስ በለቶ ሕርቃኑ ክቆጻጸር ኣይከኣለን ኣብ ቅድሚኡ ጥርሙዝ ጸኒሕዎ ኣልዒሉ ፋሕ ኣቢልዋ።

ብድሕሪኡ ንሱ ናብ እሱር ቤቱ ንሳ ናብ ሕክምና ኣትዮም። ቆልዓ ምስ ሓወየት ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ብኣጋጣሚ እንበር ክሃርማ ከምዘይሓሰበ እኳ እንተ ገለጸት ማትስ ግን ኩሉ እቲ ሓቂ ስለ፡ዝተዛረበ ዓመት ተፈሪዱ። ማእሰሩ ወዲኡ ምስ ወጸ ጓል

ሰይጣን ኮይና ኢያ ትስምዖ። ቀስ ብቀስ እኳ ኩሉ ክገድፎ ጀሚሩ እንተነበረ ካልኣይ ግዜ ነዋልድ ዘጽልእ ምኽንያት ስለ ዝረኸበ ንሀለኪ ክሳብ ሕጂ ከምዚኣ ኢሉ። ሓቁ ኢዩ ድማ ዓመታት ዝጸዓረሉ ዲቁኑኡ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ መጻኢ መደቡ ውን ኢያ በቲናትሉ።

.....ምስ በለኒ ንማትስ ካብ ልቢ ኢየ ደንጊጸሉ ለካ ካብ ባዶ ተበጊሱ ኣይኮነን ኣዋልድ ዝጸልእ ድማ በልክዎ። ክገርመኪ ማራ ኢዩ ምስኪን ልዕሊ ነብሱ ንሰባት ኢዩ ዘፍቅር እዚ ገዛ እዚ ናቱ ኢዩ ናተይ ኣይኮነን። ካብ እስርቤት ምስ ወጸ ብምትሕብባር ገበርቲ ሰናይን መንግስትን ጭንቀት ከይገብር ተባሂሉ ገዛ ሂቦም ዝደለዮ ዓይነት ሞያ ክመሃር ኢዮም ኣፍቂዶምሉ። ኣብ ካምፕ ከለኹ ንእሽቶ ጉዳይ ኣጋጢማትኒ ኔራ ባዕሉ ሓላፍነት ወሲዱ ፈሪሙ ናብዚ ኣምጺኡኒ ንሃለና ድማ ዳርጋ ዓመት ብሓንሳብ በለኒ ዲያቆን።

ብዛዕባ ማትስ ብዙሕ ኣዕሊልና ተሓጋጊዝና ውን ክንቅይሮ ክም ንኽእል ካብ ዲያቆን ብዝወሰድክዎ ሓብሬታ ክርዳእ ኪኢለ። ዝመጻኹሉ ምኽንያት ዝዘንጋዕኩ ኮይኑ ስለ ዝተሰማዓኒ ድማ ዕላል ኣመንጉው ኣቢለ ዲያቆን ሓወይ ሰምሃር'ከ ከመይ ኣላ ደሓን ዲያ በልክዎ።

ሰምሃር.....!!! ድሓን ኢያ ጽቡቅ ኣላ በለኒ ገጹ ግን ትኽክል ኣይነበረን፡ ሕጂውን ስክፍታ እንዳ ተሰማዓኒ ክረኽባ ደልየ ኔረ ክረኽባ ይኽእል ዶ በልክዎ። ክምልሰለይ ዓቅሚ ኣይረኸበን ኣዒንቱ ግን ንብዓት ቋጺረን ቐምበይበይ በላ፡ ኣብ ቅድመይ ንብዓቱ ከየፍስሶ ግዲ ፈሪሑ ካብ ኮፍ መበሊኡ ብድድ በለ ንደገ ገጹ ምስ ኣምረሐ ድማ ምስ ማትስ ጎፍ ንጎፍ ተራኸቡ.....።

****

21 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ንዲያቆን ኣቤል ረኺበዮ ብዙሕ ኣዕሊልና ኔርና። ብዛዕባ ማትስ እውን ተኸዊልኒ ዝነበረ ታሪኽ ኣዕሊልኒ ኣብ መወዳእታ ድማ.....ዲያቆን ሓወይ ሰምሃር ከ ከመይ ኣላ ደሓን ዲያ በልክዎ! ሰምሃር ድሓን ኢያ ጹቡቅ ኣላ በለኒ ገጹ ግን ትኽክል ኣይነበረን።ሕጂ ውን ስክፍታ እንዳ ተሰማዓኒ ክረኽባ ደልየ ኔረ ክረኽባ ይኽእል ዶ በልክዎ። ክምልሰለይ ዓቅሚ ኣይረኸበን ኣዒንቱ ግን ንብዓት ቐጺረን ቐምበይበይ በላ። ኣብ ቅድመይ ንብዓቱ ከየፍስሶ ግዲ ፈሪሑ ካብ ኮፍ መበሊኡ ብድድ በለ ንደገ ገጹ ምስ ኣምረሐ ድማ ምስ ማትስ ጎፍ ንጎፍ ተራኸቡ.....።

ዲያቆን ኣቤል ንብዓቱ ክዓግቶ ስለ ዘይከኣለ ነተን ምዕሩጋት መዓጓጉርቱ ብንብዓት ኣጠልቀየን። ማትስ ምስ ዲያቆን ምዝራብ ቁኑዕ ኮይኑ ስለ ዘይተራእዮ ኣቢ ናበይ ትኸይድ ኣለኻ ደልየካ ስለ ዘለኹ ኣብ መደቀሲ ክፍሊ ጽንሓኒ በሎ።ዲያቆን ግን ኣይሰምዖን ማዕጾ ከፊቱ ንግዳም ተዓዝረ።

ማትስ ናብቲ ዘለኽዎ ክፍሊ ኣትዩ ኣብ ቅድመይ ግትር በለ። ፍርሓተይ ንውሽጣዊ ኣካለይ ጥራይ ዘይኮነስ ንመላእ ነብሰይ ኢዩ ወሪርዎ። ኣብራኽይ ራዕዲ ኣትይወን ከንቀጥቅጣ ጀመራ።ብውሽጠይ ድማ ኣንታ ኣምላኽ ኣቦይ..... ኢለ ከይወዳእኩ ከለኹ ማትስ ዕሕሕሕ በለ ጸሎተይ ገዲፈ ድማ ናቡኡ ገጻይ ጠመትኩ።

ኣብ ፊተይ ዝነበረ ሳሎን ኮፍ ኢሉ ሚሊ እንታይ ከም ዝበልክዮ ኣይሓተክን ምኽንያቱ ንዲያቆን ዓርከይ እንታይ የሕጉሶ እንታይ የብክዮ ስለ ዝፈልጥ፡ ብዝኾነ ግን ተሃዊኽኪ ግዚኡ ኣይነበረን መጀመሪያ ኩነታቱ ክትፈልጢ ከተጻርዩ ኔርኪ። እዚ ኩሉ ዝከላኸል ዝነበርኩ ድማ እዚ ከይመጽእ ኢለ ኢየ ረሲዕዎ ዝነበረ ነገር ኣልዒልኪ ቁስሉ ጎዲእክዮ ተሃዊኽኪ ሚሊ በለኒ ዓውታ ብዝተሓወሶ ድምጺ። ማትስ ንባዕሉ ገጹ ትኪ ኢዩ መሲሉ ኔሩ ዘረቡኡ ውን ስምዒት ዝተሓወሶ ስለ፡ዝነበረ ፍርሒ ክስምዓኒ ጀመረ። ብዛዕባ ሰምሃር ከም ዝተዛረብክዮ ርግጸኛ ኢየ ግን እንታይ ኢኺ ኢልክዮ በለኒ ማትስ ገጹ እስር ኣቢሉ።

ማትስ ሓወይ ኣነ ወለሓንቲ ኣይበልክዎን ሰምሃር ከመይ ኣላ ኢለዮ ጽቡቅ ኣላ ኢሉኒ ክረኽባ ደልየ ነረ ምስ በልክዎ ድማ ገዲፍኒ ንደገ ወጽዩ። ብዛዕባ ሰምሃር ትሓትዮ ደኣ ንሰምሃር ትፈልጥያ ዲኺ? ኣረ ኣነ ኣይፈልጣን ኢየ ብዕላል ኢየ ዝፈልጣ በልክዎ ፍርሒ ብዝተሓወሶ። ሚሊ፡ደቂ ኣንስትዮ እዚ ኢዩ ጸገምክን ኣብ ዝኾነ ነገር ትህወኻ ኮንክን። እዚ ሕቶ እዚ ቅዲሚ ንዲያቆን ንዓይ ኢኺ ክትሓትኒ ኔርኪ ተሃዊኽኪ ኣይጎራሕክን በለኒ።

ኣብዚ ግዜ ዚ ብዛዕባ ሰምሃር ክልተ ነገር ክሓስብ ጀሚረ ወይ ንዲያቆን በዲላቶ ኣላ ወይ ብሂወት የላን ድማ በልኩ እንተኾነ ብእንተ ወይ ብይኸውን ዝምለስ ሕቶ ብዘይምንባሩ ንማትስ ክሓቶ ወሰንኩ።ማትስ ሓወይ ብርግጽ ኣቀዲመ ክገብሮ ዝነበረኒ ኢዩ ግን ይቅሬታ ክንብል በለ እንበር ኣይተኻዕወን፡ ብዛዕባ ሰምሃር ክፈልጦ ዝደሊ ሓድሓደ ነገራት ኣሎሞ በጃኻባ ንገረኒ በልክዎ።

ማትስ ሕጉስ ብዘይኮነ መንፈስ ትምስላ'ሞ ይጽንሓልኪ፡ብዛዕባ ሰምሃር ምዝራብ ኣገዳሲ እኳ ተዘይኮነ ግን ደሓን ክነግረኪ ኢየ። እንታዩ እቲ ክትፈልጥዮ ትደልዩ በለኒ።

ብዛዕባ ሰምሃር ብዙሕ ኣሎ ክፈልጦ ዝደሊ ንግዚኡ ግን ደሓን ዝተወሰኑ ሕቶታት ክሓተካ፡ሰምሃር ኣብዚ ግዜ ዚ ኣበይ ኢያ ዘላ በልክዎ። ኣዕሚቁ ድሕሪ ምስትንፋስ ሰምሃር ኣብዚ ከተማ ኣላ በለኒ፡ እሞ ምስ ዲያቆን ደኣ እንታይ ኢዩ ረኺብዎም በልክዎ እንዳተሰከፍኩ፡ እቲ ታሪኽ ነዊሕ ኢዩ ወላኳ ዝጠቅመኪ ተዘይኮነ ደቂ ኣንስትዮ ምስጢር ናይ ምፍላጥ ባህግኽን ስለ ዝፈልጦ ክነግረኪ ኢየ በለኒ።

ዲያቆንን ሰምሃርን ደቂ ሓትነታት ኢና ብሓንሳብ ኢና ንኸውን ኢሎም ስለ ዝተመዝገቡ ትራንስፈር ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ገዛ ኢዮም ተባሂሎም። እቲ ደቂ ሓትነታት ኢና ዝብል ሓሳብ ሰምሃር ኢያ ኣምጺኣቶ ሓቂ ንምዝራብ ሕማቅ ሓሲባ ኣይኮነትን፡ ሰብኣይን ሰበይትን ኢና ኢሎም፡እንድሕር ተመዝጊቦን ናይ ቃል ኪዳን ወረቀት ከይሓትዎም ኢያ ፈሪሓ። ዲያቆን እውን ኣብኣ በጺሑስ ፈዚዙ ኢዩ ፉቁራት ኢና ክንዲ ዝብሎም ሰምሃር ኣቅዲማ ከሙኡ ኢላቶም ኢያ ኢሉ ነቲ ቃላ ኢዩ ደጊምዎ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ኢንተርቪው ምስ ተቐጽሩ ግን ዲያቆን ሓደ ሓሳብ ኣምጺኡ ከይንፈላለ ኢልና ኢና እንበር የዕሩኽ ኢና ደቂ ሓትነታት ኣይኮናን ንበሎም ኢልዋ።

ሰምሃር ወላኳ ተዘይተዋሕጠላ ኣማራጺ ስለ ዘይነበራ ግን ከይፈተወት ኢያ ተቀቢላቶ። ኣብ ሎሚ ኮይነ ክሓስቦ ከለኹ ፍቅሮም ማራ ኢዩ ዘገርመኒ ኣቢ ከም ትፈልጥዮ ዓቢ ለባም ሰብ ኢዩ ሰምሃርውን መልክዓ ሽኮር ጠባያ ሚስኪን ኢያ ብፍላይን ንኣቢ ከም ንጉስ ኢያ ትሪኦ ኔራ ኣቢ ድማ ልባ ገርሂ ኢዩ። ተንኮል ኣይትፈልጥን ኢያ ኣይበሰለትን እንበር ከም ሰምሃር ለባም ሰብ የለን ኢዩ ዝብል።

እቲ ታሪኽ ክምልኣልኪ ኣብ ሓደ ገዛ ስለ ዝነበሩ መታን ከይንጋገ ቃል ኪዳን ንእሰር ኢያ ትብሎ ኔራ ሰምሃር። ዲያቆን ግን ነቲ ሓሳብ ኣይተቀበሎን ቁሩብ ንጽናሕ ቢያንስ ክሳብ ኮንግራ ተባሂልና ትምህርቲ ንጅምር ዓቅሊ ንግበር ኣነ ድማ ብዙሕ ጸር ኣለኒ ንዑኡ ክሳብ ዘራግፍ ተጸበይኒ ኢዩ ዝብላ ኔሩ። ሰምሃር ግን ኣብ ሓደ ገዛ ኴንና ኣይንኽእሎን ኢና ከምዚ ትብሎ ዘለኻ እንተኾይኑ ድማ ገዛ በበይንና ንኹን ክሳብ ቃል ኪዳን ንኣስር በለቶ።

ዲያቆን ሓደ ታሪኽ ከዕልለኪ ኢሉ ታሪኽ ናይ ቅዱስ ዲሜጥሮ ኣዘንትይላ። ቅዱስ ድሜጥሮስ ተመርዕዩ ምስ ሰበይቱ ኣብ ሓደ ንእዲ እንዳ ደቀሱ ክሳብ ዕለተ ሞቶም ከምዘይተራኸቡ ዝገልጽ ዛንታ ኣዘንትልያ። ወላኳ ከምናቶም ንፈተና ከሰንፍ ዝኽእል ቅድስና ተዘይሃለወና መመደቀሲና እንተፈሊና ግን ከም ኣሕዋት ኴንና ክጸንሕ ንኽእል ኢና ኢሉ ኣእመና። ኣምላኽ ረዲእዎም ድማ ቀልጢፎም ኮንግራ ተባሂሎም ትምህርቲ ጀመሩ፡ እንተኾነ ዲያቆን ሱባኤ ክኣቱ ይደሊ ስለ ዝነበረ ህጂውን ቃል ኪዳን ክኣስር ፍቃደኛ ኣይነበረን።

ግን ሱባኤ ክኣቱ ከም ዝደሊ ንሰምሃር ኣይነገራን ሓንሳብ ንጽናሕ ጥራይ ኢዩ ዝብላ ኔሩ።ሰምሃር እውን ክትጨቃጨቆ ኣይደለየትን ጸገም የብሉን ደሓን ግን ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሕማቅ ከይንወድቕ ከተቃላጥፎ ፈትን ኢላ ክሳብ ባዕሉ ንመርዓ ዝዳሎ ኣይረበሸቶን።

ከምዚ ኢሎም እንዳቀጸሉ ከለዉ ሰይጣን ዝለኣኾ ሰብ ኣብ መንነኦም ኣተወ እንታይ ሰይጣን ዝለኣኾ ደኣ ባዕሉ ሰይጣን እንበር ወዲ... በለ ማትስ፡ ክገርመኪ ከሙኡ ዓይነት ደንቆሮ ሰብ ኣብ ሂወተይ ኣይረኣኹን ካብ ኣዋልድ ዝገደደ ሰነፍ በለ፡ ንሰምሃርን ዲያቆንን ጽቡቅ ጌሩ ኢዩ ዝፈልጦም ንሰምሃር ብፍላይ ብፍሉይ ኢዩ ዝቀርባ ኔሩ። ንሰምሃር እንታይ እንዳበለ ክሰብካ ጀሚሩ ዲያቆን ኣብ ኤርትራ ከሎ ምስ ብዙሓት ኣዋልድ ኢዩ ዝዘውር ኔሩ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ዲያቆን ኣይኮነን ኢልዋ።ሰምሃር ግን ኣይኮነን ክትኣምኖ ገጽ ከማን ኣይሃበቶን ንዲያቆን ልዕሌኻ ስለ ዝፈልጦ ክኣምነካ ኢልካ ኣይትሕሰቦ ኢያ ኢላቶ።

እቲ ወዲ ግን ተዳልዩ ንዲያቆንን ሰምሃርን ክፈላልዮም ተዓጢቁ ስለ ዝነበረ፡ ኣይኣመንክንን ምሽ ኣብዚ ዓዲ ቤተክርስትያን ኣሎ ዲያቆን ግን ክሳብ ሎሚ ቀዲሱ ኣይፈልጥን እንታይ ኢዩ እቲ ምኽንያት በላ??? ሰምሃር እዛ ቃል እዚኣ ኣብ ውሽጣ ጥርጣረ ከተሕድረላ ጀሚራ። ስምዒ ሰምሃር ሓብተይ ኣነ ከባእሰኩም ኢለ ኣይኮንኩን ንስኺ ሰበይቲ ዲያቆን ክትኮኒ ባህጊ ኣለኪ ኣነ ድማ ባህግኺ ክሰምር ስለ ዝደሊ ኢየ በላ።

ሰምሃር ካብታ ዕለት እቲኣ ጀሚራ ኣብ ልዕሊ ዲያቆን ዝነበራ እምነት ፍጹም ኢያ ኣጉዲላ ፡ ብዙሕ ግዜ ክትሓቶ ትደሊ እኳ እንተነበረት ግን ድፍረት ኢያ ሲኢና ፈሪሓቶ። ሓደ መዓልቲ እንታይ ከምዝብላ ክትፈልጥ ኢላ ዲያቆን ሓወይ ዝኹሉ ቤተክርስትያን እንዳኣገልገልካስ ስለምንታይ ኢኻ ዘይትቅድስ በለቶ። ዲያቆን ድማ ደሓን ሓደ መዓልቲ ከቅድስ ኢየ በላ። መኣስ እሞ ኣንታ ዲያቆን ሓወይ? በለቶ። ግርህ ኢሉ ዲያቆን፡ ድማ ዲያቆን ምስ ኣኸልኩ በላ። እዛ ቃል እዚኣ ንሰምሃር ዘየለ ትርጉም ኢያ ሂባታ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሰምሃር ዘለዋ ድፍረት ኣኻኺባ እቲ ሩጉም ዲያብሎስ እውን ሓጊዝዋ እንታይ ትብሎ መስለኪ። ዲያቆን ኩነታትካ ይተሓዋወሰኒ ኣሎ ሓደ ነገር ክሓተካ! ብትኽክል ዲያቆን ዲኻ? በለቶ። ዲያቆን ስንባደን ሕርቃንን ብዝተሓወሶ ስምዒት እንታይ ማለትኪ ኢዩ በላ ማለተይ ደኣ ብዛዕባኻ ብዙሕ ይሰምዕ ኣለኹ ዲያቆን ከምዘይኮንካ ከም ዘፍረስካ ብዙሓት ሰባት ይዛረቡልካ ኣለዉ በለቶ።

ዲያቆን ገጹ ኣሲሩ ነድሪ ብዝተሓወሶ ኣዘራርባ ካባይ ንላዕሊ ንያኦም ኣሚንክዮም ማለት ዲዩ በላ። ንያም ኣሚነዮም፡ ዘይኮንኩስ ኩነታትካ ውን የጠራጥረኒ ኣሎ። እዚ ነገር እዚ ተሓቢኡ ዝተርፍ ነገር ስለ ዘይኮነ ብኣጉኡ ተነገርካኒ ሞ ተተረዳዳእና ይሓይሽ በለቶ። ዲያቆን ድማ ብጣዕሚ ኢኺ ተሕዝኒ ኣብ ልዕለይ ዘለኪ ክብረት ብኽምዚ ስለ ዝገለጽክለይ ምስጋናይ ተቐበሊ። ዝገረመኒ ነገር እንተሃልዩ ግን እዚ ቃልዚ ካባኺ ምውጹኡ ኢዩ። ትፈልጥኒ ኢዩ ዝመስለኒ ኔሩ።

ክትፈልጢ ድማ ተመዘኒ ኢሉኪ እንበር ከሙኡ ዕይነት ሕሱር ሰብ ከምዘይኮንኩ ድማ ከርእየኪ ኢየ በላ ዲያቆን ሕርቃን ብዝዓብለሎ ስምዒት። ዲያቆን ዘረባ ኣይተናውሕ ሓጻር ሕቶ ኢየ ሓቲተካ። ቃል ኪዳን ንእሰር ተበልኩኻ ንጽናሕ ዶ ገለዶ ትብለኒ ቅዳሴ ዘይትቅድስ ተበልኩኻ ዲያቆን ኣይኣኽልኩን ዶ ኣይተዳለኹን ዶ ትብለኒ ኣብ ርእሲኡ ውን ዝፈልጡኻ ሰባት ብዛዕባኻ ብዙሕ ይዛረቡ ኣነ እንታይ ክብለካ ትደሊ ኣለኻ በለቶ ሰምሃር እውን ነድሪ ብዝተሓወሶ ኣዘራርባ።

ኣነኮ፡ዝገርመኒ ከመይ ጌርኪ ዲኺ ትሪኢኒ ከመይ ዓይነት ሕሱር ሰብ ኮይነ ዲየ ዝስምዓኪ፡ ንስኺ ግን ሓንቲ ድርባይ ረሳሕ ሰብ ኢኺ ካብ እዝግስ ዲያቆን ኢየ እቲ መዓርግ ከማን ምኽበደኪ ከምዚ ዓይነት ሕሱር ቃላት ከተውጽለይ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ሓሲበዮ ኣይፈልጥን ኢየ ብጣዕሚ ኢኺ ተሕዝኒ በላ ዲያቆን።ካብ ዝገርመኪ መንፈስ ሰላም ሃዲምዎም ክልቲኦም ሕርቃኖም ጥርዚ ኢዩ በጺሑ።ከዝሕሎም ዝኽእል ሰብ ብዘይ ምንባሩ ድማ ሰይጣን ዓቢ ዕድል ኢዩ ረኺቡ ብፍላይ ንሰምሃር ተጣዒሳ ክትመልሶ ዘይትኽእል ቃል ኢዩ ኣዛሪብዋ በለኒ ማትስ ገጹ ጸማልያ ኣምሲሉ።

እንታይ ዲያ ኢላቶ በልክዎ መወዳእቱኡ ክሰምዕ እንዳ ተሃወኽኩ፡ ዝበለቶ መኣስ ቀሊል ኮይኑ ዝገደደ ድማ “ሕሱር ሰብ መኣስ ኮይነ ዶ ገለዶ ትብልሲ ዲቁና ንምፍራስ እኮ ሓንቲ መዓልቲ ኢያ ትኣኽለካ ካቡኡ ዝገድድ ሓጥያት ዶ ይስራሕ የለን” በለቶ፡ ዲያቆን ንባዕሉ ነብሪ ኢዩ ተቀይሩ እስኪ ብግልጺ ክትብልዮ ዝደለኺ ተዛረቢ በላ፡ነብስኻ ከተመጻድቅ ገለ ኣይትፈትን ካብ ቤተክርስትያን ገንዘብ ክትወስድ ዶ ይኽፍእ ወይስ.....ኢላ ዘረባኣ ከይወደአት ዲያቆን ጽርውርው ክሳብ ዝብላ ጉንዲ እዝና ኣላሃማ.....።

****

22 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ማትስ ብዛዕባ ሰምሃርን ዲያቆንን ብኽፊል ኣዘንትይለይ ኔሩ ኣብ መንነኡም ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ ሰምሃርን ዲያቆንን ከም ዝተሰሓሓቡ ሰምሃር ድማ ከምዚ ኢላቶ ኔሬ.....ነብስኻ ከተመጻድቅ ገለ ኣይትፈትን ካብ ቤተክርስትያን ገንዘብ ክትወስድ ዶ ይኽፍእ ወይስ..... ኢላ ዘረባኣ ከይወደአት ዲያቆን ጽርውርው ክሳብ ዝብላ ጉንዲ እዝና ኣላሃማ,,,,,,,,,,,,,,,,

ሓሙሽተ ኣጻብዕቱ ኣብ ገጻ ልፍጥ ኢለን ዝተረፋ ክመስላ ኣሰረን ኢየ ገዲፈን።ሰምሃር ንጽፍሚት ዲያቆን ክትጻወሮ ስለ ዘይከኣለት ርእሳ ጽርውርው ኢልዋ ኩርምይ ኢላ ኮፍ በለት።ከምዛ ክንድሩ ዘይጸንሑ ኣብ መንነኡም ከቢድ ስቅታ ሰፈነ። ሰምሃር የሚንታ ደም፡ሰሪበን ንብዓት ከውሕዛ ጀመራ። ዲያቆን ንብዓት ናይ ሰምሃር ምስ ረኣየ ኣምዑቱ ክካወስ ጀመረ። ኣይደቂቅ ኣይሰዓት ድማ ብዝወሰኖ ውሳኔ ተጣሚሱ ንነብሱ ኣመና ወቀሳ።ዕቅሉ፡ጸቢብዎ እንቃዓ እንዳስተንፈሰ ቅድሚ ብኣፉ በእዳዉ ክዛረብ ጀመረ።

ሰምሃረይ ይ...ቅ...ሬ....ታ ከይትቀርበኒ ርሓቀለይ ይቅሬታኻ ቆሊኻ ብልዓዮ በለቶ ሰምሃር ንብዓታ ጀረብረብ እናበለት፡ዲያቆን ካቡኡ ንላዕሊ ምቅጻል ትርጉም ከምዘይብሉ ስለ ዝፈለጠ ክሳብ ትዝሕል ካብ ቅድሚ ዓይና ክኽወል ኢዩ መሪጹ፡ጃኬቱ ኣልዒሉ ድማ ንደገ ወጸ።ወዮ እኩይ ሉኡኽ ሳጥናኤል ዝኾነ ሰራም ሰብ ድማ ዲያቆን ንደገ ከወጽእ ንሱ ክኣቱ ጎፍጎፍ ተበሃሃሉ፡ኣንታ ናበይ ደኣኻ ክንድዚ ትጎዪ በሎ ሓላዪ ክመስል፡ ዲያቆን ድማ ግርህ ኢሉ ክላ ሰምሃር እንዲና ተሰሓሒብና ሕርቃነይ ክቆጻጸሮ ስለ ዘይከኣልኩ ኢደይ ኣዕሊበላ ንሃለኹልካ ክሳብ ትዝሕል ኢለ ክቅብ ቅድሚ ዓይና ይሃድም በሎ። ኣታ ዲያቆን ዓርኪይ ብለባምካ ሰምሃር ዶ ትህረም ኢያ ተጋጊኻ ሕማቅ መዓልቲ ዊዒልካ በሎ ንኽምስል፡ ብልቡ ግን ብሓጎስ ክፍንጫሕ ኢዩ ደልዩ ኔሩ።ደሓን ሕጂ ኩሉ ግደፎሞ በጃኻ ስኪ ኣደዓዕሳ ኣዘሓሒልካ ኣረጋግኣያ ሹዑ ተሌፎን ደውለለይ ኢልዎ ድያቆን ካብ ቅድሚኡ ተዓዝረ።

ወዲ ሓሳብ ልቡ ሰሚርሉ ሰምሃር ክትበኪ ምድ ጸንሐቶ ከምዛ ዘይፈለጠ። ስንባደ ዝዓብለሎ ስምዒት ኣምሲሉ ታይ ከምዝኾነት ሓተታ፡ ሰምሃር ወልኳ ዝኾነቶ ተዘይነገረቶ ዲያቆን ነኒርዎ ስለ ዝጸንሐ ኣብ ገጻ እውን ስንብራት ናይ ኣጻብዕቲ ስለ ዝነበራ ተኹቲኹ ተኺቲኹ ከም ትነግሮ ኢዩ ጌሩ።ኣይበልኩኽን ዶ ዲያቆን ተዝኽውን ከምዚ ኢሉ ኣይምሓረቀ ወላ ይሕረቅ ውን ኣይምሃረመክን ኣበይ ዓዲ ተራእዩ ይፈልጥ ቐሽን ዲያቆንን ሰብ ክሃርሙ እሞ ድማ ንጓል ኣንስተይቲ በላ። ኣብ ርእሲ ሓዊ መሊሱ ነዳዲ ኢዩ ዝውስኽ ኔሩ ሰምሃር ኣብ ልዕሊ ዲያቆን ጥርጣረ ጥራይ ዘይኮነ ጽሊኢ ውን ከተሕድር ጀመረት።ሰምሃር ኩሉ ኣብ ልባ ጌራ ነገር ከየዋዓወዐት ምስ ዲያቆን ክፈላለዩ ሓሰበት፡ እቲ ሰራም ወዲ ግን ንስክሪቲ ከይዱ ስለ ዝሓሰወ ኣብቲ ካንፒ ዝነበሩ ሰባት ኩላቶም ኢዮም ሰሚዖም።

ምስክናይ ዲያቆን ሕርቃና ዚሒሉ ይኽውን ኢዩ። መተዓረቂ እንተኾነና ኢሉ ጊፍልቲ ምስ Flower ፊዮሪ ዝኢኡ ናብ ካንፒ እንተመጸ ዘይሓሰቦ ገዙኡ ብሓበሻን ሰክሪትን ኣዕለቕሊቁ ጸንሑ። ስንባደን ፍርሕን ተሓዋዊስዎ ቅልጣፈ ብዘለዎ ኣሳጉማ ናብ ማእከል እቲ ህዝቢ ገጹ ኣምረሐ። እቶም ሰክሪቲ ርእይ ምስ ኣበልዎ ብዘይውዓል ሕደር ካንፒ ክቅይር ሙኺኑ ሓበርዎ። መጀመሪያ ኳ ኣይከይድን ኢየ ኢሉ ኣብዩ እንተነበረ ከምዘየዋጾኡ ምስ ፈለጠ ግን ክከይድ ኢዩ ወሲኑ።

ምኽንያት መስጎዱኡ ወላኳ ተዘይሰሓቶ ንምርግጋጽ ዝኣከል ግን ስለምንታይ ካንፒ ይቅይር ከም ዘሎ ናብ ሾሻል ከይዱ ምስ ሓተተ ንሰምሃር ስለ ዝሃረማ ሙኳኑ እቲ ምኽንያት ኢዮም ሓቢሮሞ፡ ዝፈጸሞ በደል ከእስሮ ዘኽእል እኳ እንተነበረ ሰምሃር ግን ክእሰር ከምዘይትደሊ እንተኾና ከብ ቅድሚ ዓይና ከርሕቁላ ከምትደሊ ኢያ ሓቢራ በልዎ እቶም ሾሻል። ዝቅየረሉ ዝነበረ ካንፒ ኣብ ዝውሸጢ ከተማ ስለ ዝነበረ ናባይ ደዊሉ ናብቲ ቦታ ክወስዶ ኢዩ ለሚኑኒ። ንብረቱ ጠርኒፉ ክወጽእ ከሎ ንስምሃር ከምዚ በላ። ሰምሃር ብሓንሳብ ዘሕለፍናዮ ግዜ ወላኳ ሓጺር እንተኾነ ኣዝዩ ደኣ ዘብል ኢዩ ኔሩ፡ ኣብ ልዕለይ ዘለኪ ፍቅሪ ብኽምዚ ምግላጽኪ ድማ..... ኢሉ እንቃዓ ኣስተንፈሰ ኣብ ቅድሚ እኩብ ሰብ ወላሓንቲ ክብለኪ ኣይክእልን ኢየ ናይ ሰላም ኣምላኽ ምስ ኩላትና ይኹን ድሓን ኩኒ ኢልዋ ንብረቱ ጠርኒፉ ካብቲ ካንፒ ክወጽእ ክብል ኣነ ኣርኪበዮ።

ዝተፈጥረ ኩነታት ብዝርዝር ምስ ኣዕለለኒ ልዕሊ ዲያቆን ኣነ ኢየ ሓሪቀ፡ ዓዲ ሕጊ ኮይኑ እንበር ንሰምሃር ክቀትላ ኣይጸላእኩን፡ ዲያቆን ግን ኬይዝ ስለ ዘልካ ኣይኮነንዶ ክትሃርማ ክትዛረባ ውን ኣይትኽእልን ኢኻ በለኒ። ዝገረመኒ ነገር ግን

ዲያቆን ሓሪቀ ከንጸርጽር ክጸርፋ ገለ ምስ ረኣየኒ፡ ማትስ ዓርከይ ኣይትጋገ ሰምሃር ወለሓንቲ ኣይገበረትን እቲ ፎልት(ጌጋ) ናተይ ኢዩ ብፍጹም ክሃርማ ኣይነበረንን ልቦና ጌራ እንበር ከምቲ ዝገበርክዎ ካልእ ኢዩ ዝግባኣኒ ኔሩ ስለዚ ንሳ ዘይኮነት ኣነየ ክውቀስ ዘለኒ በለኒ ዲያቆን ገጹ ጸማልያ ኣምሲሉ።

ኣታ ኣቢ ዓርከይ ዘይከውን እስኪ ኣይትዛረብ ክሃርማ ኣይነበረንን ዶ ገለዶ ትብልሲ ናይ ምህራም ኣመል ሃልዩካ መኣስ ኮንካ ሃሪምካያ እንታይ ዲያ ኢላትካ?ኣይኮነን ዶ ከምዚ ጌራ ተዛሪባትካስ ሰኺሮም፡መጼኦምስ እንድዮም ብዘይገለ በደል ዝረግሕወን ዘለዉ ምስ በልክዎ።ግደፎም ንሶም ካልእ ዓለም ኣለዎም ብፍትሓዊ ዝኾነ ኣረኣእያ ክንዛረብ እንተኾና ግን 90% ናተይ ኢዩ እቲ ጌጋ ምኽንያቱ ሰምሃር ሰባት ብዛዕባይ ዘየለ ምስሊ ኢዮም ሂቦማ እታ ናይ መወዳእታ ዘውጻኣታ ቃል ድማ ስለ ዝሓረቀት እንበር ቁስለይ ክትጎድኣኒ ኢላ ኣይኮነትን።ኣታ ዲያቆን ሃለውሎው እንዶ ኣይትብለ ሓሪቃ ተዛሪባትካ ሓሪቅካ ሃሪምካያ ድማ ምስ በልክዎ። ማትስ ኣይትጋገ ንሳ ኮ ጓል ኣንስተይቲ ኢያ ሄዋናዊ ድኽመት ኣለዋ ንድኽመታ ክጾሮ ኔርኒ ይብለካ ኣለኹ በለኒ ዲያቆን ጣዕሳ ብዝመሎኦ ስምዒት። ኩሉ ነገር ንኣምላኽ ንግደፈሉ ባዕሉ ፈጣሪ ከዕርዮ ኢዩ፡ ንሱ ይሓልየልኩም ኢዩሞ ንኩሉ ሓሳባትኩም ናቡኡ ኣውድቅዎ እንድዩ ዝበለና ሃዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ በለኒ ዲያቆን ተስፋ ብዘለዎ ቃና።

ኣማራጽ ዝበሃል ስለ ዘይነበረና ከይፈተና ንዲያቆን ሒዘዮ ናብቲ ሓድሽ ካንፒ ከድኩ። መስዩ ስለ፡ዝነበረ ምሳይ ሓዲሩ ንጽባሒቱ ዝምላእ ፎርም ከም ዘለዎ እቶም ናይቲ ካንፒ ሓለፍቲ ምስ ነገሩና ከምቲ ዝተባሃልናዮ ኢና ጌርና።ዲያቆን ንጽባሒቱ ዝምላእ ፎርም ወዳዲኡ ንሰምሃር ክረኽባሞ ይቅሬታ ክሓታ ኢሉ ናብቲ ዘላቶ ካንፒ ምስ ከደ ልቡ ዝሰብር ኩነታት ኢዩ ኣጋጢምዎ።እቶም ሰክሪቲ ናይቲ ካንፒ ጽቡቅ ጌሮም ስለ ዝፈልጥዎ፡ ከይረኽባ ከሎ ከምዚ ኢሎሞ፡ ንሰምሃር ኣይኮነም ኣብዚ ካንፒ መጺኻ፡ክትረኽባ ወላ ደገ ረኺብካያ ውን ሰላም ክትብላ ኣይፍቀደካን ኢዩ በልዎ።

ዲያቆን ጋን ኢዩ ኮይንዎ ብትኽክል ኣነ ተጋግየ ኢየ ነዚ ድማ ጉቡእ መቅጻዕቲ ክወስደሉ ድሉው ኢየ እንተቲ ሰላም ክትብላ ኣይፍቀደካን ኢዩ ዝበልኩሞ ግን ብፍጹም ኣይቅበሎን ኢየ ክትክልክሉኒ ውን መሰል የብልኩምን በሎም።ጽቡቅ ኣለኻ ንሕና ኣይኮናን ንኽልክለካ ሰምሃር ባዕላ ንሂወተይ ኣስጋኢ ስለ ዝኾነ ጠቅላላ ከይቀርበኒ ኣጠንቁቁለይ ኢላ ንፖሊስ ሓቢራ ኣላ ቡስጣ ክመጻካ ኢዩ ረኣዮ ኢኻ ምስ በልዎ። ኩነታት ተሓዋዊስዎ ህጻን ኢዩ ተቀይሩ፡ ዲያቆን ንሰምሃር ማዕረ ክንደይ ከም ዘፍቅራ ንዓይ ሹዑ ኢዩ በሪህለይ። ከምዛ ብሞት ዝተፈልየቶ ዝርንዛሕ ኢዩ ነቢዕላ ክገርመኪ ኸ ንዓኣ ዝወቅሳ ዶ መሲልኪ ንነብሱ ኢዩ ዝንዕቃ ብፍላይ ክሰቲ ከሎ ዘን ሰራማት ኣእዳወይ ብኻ ተቆሪጸን እንዳበለ ኢዩ ዝበኪ።

ከምቲ ሰኩሪቲ ዝበልዎ ካብ ፖሊስ መጠንቀቅታ ስለ ዝመጾ ክረኽባ ኣይከኣለን ተሌፎን ተደወለ ተለፎና ኣይትሰርሕን በቃ ኮንፊዝ ኮይኑ ሓንጎሉ። ቤተክርስትያን ምኻድ ገዲፍዎ ካብ ጾሎት ሪሒቁ ሂወቱ በቃ ተመሳቂሉ። ይሰቲ ይሰክር ሕማቅ ባህሪ ከጥሪ ጀሚሩ ኣሮን ዝበሃል ሓዉ ኣለዎ ኩነታት ናይ ኣቢ ምስ ሰምዐ ደዊሉ ንቁሩብ ግዜ ከም ገለ ጌረ ምሳይ ከጽንሖ ሞ ንሳቶም ናብ ኣሜሪካ ክወስድዎ ምኽኖም ምስ ሓበሩኒ።ሓላፍነት ወሲደ ማለት ፈሪመ ካብቲ ካንፒ ወጺኡ ምሳይ ከም ዝቅመጥ ጌረዮ።ኣብዚ ውን ሰላም ክረክብ ኣይከኣለን ንዑኡን ንሰምሃርን ዝፈልጡ እንዳድውውሉ ሰምሃር ከ ከመይ ኣላ እንዳበሉ ከዘኻኽርዎ፡ እቶም ክም ዝተበኣሱ ዝፈልጡ ድማ ሰምሃር ከምዚ ትገብር ኢያ ዶ ምስ ኩስቶ ትኸይድ ኢያ ዶ እንዳበሉ ክርብሸዎ ምስ ጀመሩ። ተሌፎን ንኽቅይር ተሰማሚዕና እንተኾነ ግን ተሌፎን ምቅያር ትርጉም ከምዘይብሉ ምኽንያቱ ነታ ሓዳሽ ውን ዊሊሎም ሓዲሮም ክፈልጥዋ ኢዮም ስለ ሓድሽ ሓሳብ ከነምጽእ ኣለና ኢለዮ። ሕራይ ምስ በለኒ ኣቀዲሙ ግን በዘምጾኦ ሓሳብ ንኽሰማማዕ ቃል ከም፡ዝኣትወለይ ጌረዮ። በቃ ተሌፎኑ ኣነ ኽሕዛ ቤተሰብ ፋሚሊ እንተደዊሎም ከራኽቦ ሃታፋትን ደቂ ሕድርትናን እንተደዊለን ድማ ኣነ ባዕለይ ጉቡእ መልሲ ክህበን ተሰማሚዕና።

እዚ ይመስል እቲ ታሪኽ በለኒ ማትስ ገጹ ጸማልያ ኢዩ መሲሉ ኔሩ።ንዲያቆን ካብ ልበይ ኢየ ሓዚነሉ ብፍላይ ዝተፈላለይሉ ምኽንያት ከሓስቦ ከለኹ ብናይ ሓንቲ ግዜ ጌጋ ዘልኣለማዊ ፍቅሪ ምፍራሱ ዓቢ ሓዘን ተሰማዓኒ።ናይቲ ኣብ መንነኣም ኣትዩ ነገር ዘሳውር ዝነበረ ሰብ ድማ ልዕሊ መጠን ገሪሙኒ ከምዚ ዓይነት ተንኮል ኣብ ፊልሚ ተዘይኮይኑ ኣብ ሓቀኛ ፍጻሜ ከጋጥም ሪኤ ኣይፈልጥን ኢየ።ኣብ መንነ ሕርኽርኽ ትብለኒ ዝነበረት ሕቶ ስለ ዝዘከርኩ ንማትስ ኽሓቶ ኢየ ወሲነ፡ ስምዓኒ እንዶ ማትስ እቲ ዘባኣሶም ወዲ ተፈልጦ ዶ በልክዎ፡ እወ ይፈልጦ ኢየ ንዓይን ንዲያቆንን ወዲ ዓድና ኢዩ ንሰምሃር ግን ኣብ ስደት ኢዩ ዝፈልጣ በለኒ፡ እንታይ ስለ ዝኾነ ደኣዩ መተዓብይትኹም ክንሱ ከምዚ ጌሩ ዘባኣሶም በልክዎ፡ሰይጣናዊ፡ስራሕ ንምስራሕ እኮ ምኽንያት ኣየድልዮን ኢዩ፡ ንዲያቆን ኣቢ ደኣ ከይትነግርዮ እንበር ነዚ ዝብለኪ ዘለኹ ወዲ ዓቢ ሓዉ ንሓፍቲ

ዲያቆን ምንኣሱ ማለት ኢዩ ንመርዓ ደልይዋ ብስድራ ሓቶቶም ኔሮም ወለዲኳ ሕራይ ኢሎም እንተነበሩ እታ ቆልዓ ግን ስለ ዘይፈተውቶ ኣብያ ከገድድዋ ምስ ፈተኑ ድማ ኣቢ ተቃዊምዎም ኣገዲድኩም ከተመርዕውዋ ኣይትኽእሉን ኢልዎም። ኣቢ ክገርመኪ ኣብ ገዞኣም ሙሉእ ንሱ ዝበላ ግድን ኢያ ትኸውን ማራ ኢዮም ዝፈትውዎ።ስድራ ድማ ሕራይ ኢሎም፡ስለ ዝነበሩ ቃሎም፡ክዓድፉ ኣመና ኸቢድዎም። ኣቢ ሓሳብ ኣቅሪቡ ቆልዓ ክመሃር ኢየ ኢላ ኣሕዋታ ውን ትመሃር ይብሉ ስለ ዘለዉ ይቅሬታ ግበሩልና በልዎም፡ኢሉ ኣማኺርዎም።እንዳወዲ ሕራይ ኢልኩም፡ዶ ትኣብዩና ታይ ሪኢኹምልና ዶ ታይ ሰሚዕኩምልና ንሕና፡እንዳ ኩስቶ ዶ እንዳገለዶ ኢሎም ክንደይ ነገር።

እቲ ኩነታት ከይዛሓለ ከሎ ቆልዓ ኣይሓገዘቶምን ኣብ እስራኤል ዓርኪ ድያ ገለ ኔርዋ መስለኒ ሕለፊ ኢልዋ ኒኢትዮጵያ ትሓልፈልኪ።ነገር መሊሱ ተሳዊሩ፡ ድሒረ ኢየ ሰሚዐዮ እንበር እቲ ወዲ ሰትዩ ተለፋሊፉ ኔሩ በለኒ ማትስ።እንታይ ኢሉ ደኣ ተለፋሊፉ፡ ከምዚ ሕነና ፈዲና ኢና ዶ ገለዶ ኢዩ ዝብል ከምቲ ዝበልኹኺ ጓልኩም ከሊእኩምና ኢሎም ጽልኢ ጌሮም ኔሮም ኢዮም በቃ በዚ ዝተላዕለ ኢዩ ንዲያቆንን ሰምሃርን ሕንፈፍሽ ኣእትይሎም በለኒ።እሞ ኣታ ማትስ ብተንኮል ከም፡ዘባእሶም ሕነ ክፈዲ ኢሉ እንበር እቲ ጉዳይ ሓቂ ከምዘይኮነ ንሰምሃር ታይ ኮንኩም ዘይተረድእዋ በልክዎ መጀመሪያ ደንጉየ ኢየ ናይዚ ወዲ ጉዳይ ሰሚዐዮ ደሓር ከኣ ቀንዲ መባእሲኦም እኮ ዲያቆን ንሰምሃር ስለ፡ዝሃረማ ኢዩ ኣብ ርእሲኡ ውን ሰምሃር..... ኢሉ ዘረቡኡ ኣቋረጸ።ማትስ ሓወይ በሊሕ ከለኻስ ኣብዚኣ በጂሕካ ኣይነፋዕካን ካልእ ይትረፍ እቲ ወዲ ተንኮለኛ ሙኺኑ ከተቃልዖ ኔርካ ኩሉ እቲ ሓቂ ንሰምሃር ክትነግራ ኔርካ፡ ሰምሃርን ዲያቆንን ድማ እንተኾነ ናብ ናይ ቀደም ፍቅሮም ይምለሱ ተዘይ ኮይኑ ከኣ ይቅረ ይፍታሕ ተባሃሂሎም ብሕውነት ምቀጸሉ ቅበልክዎ።ሚሊ ክንደይ ግዜ እኳየ ክረኽባ ፈቲነ ፍቃደኛ ኣይነበረትን ደሓር ከኣ ወላ ተረኽበትኒ ኣይትኣምነንን ኢያ ንዓይ በለኒ ተስፋ ምቁራጽ ብዘስምዕ ድምጺ።እቲ ቃል ኣምላኽ ልዕለይ ንስካ፡ ትፈልጦ ንኣምላኽ ኣሚንካ ንሰናይ ነገር እንተተበጊስካ ባዕሉ የቅንዓልካ ኢዩ ስለዚ ኣነ ብሙሉእ ዓቅመይ ክሕግዘካ ኢየ ንስኻውን ብሙሉእ ልብኻ ሓግዘኒ ብሓባር ኮንና ነቲ ተቀቢሩ ዘሎ ሓቂ ነውጽኣዮ ዝገበርና ጌርና ሰምሃርን ዲያቆንን ክዕረቁ ኣለዎም በልክዎ።

ማትስ ምስ ለመድክዎ ውሽጡ ብልቦና ዝተመልአ ዓቢ ሰም ምኂኑ ነጸረለይ። ሓንሳሉ ዘፈልፍሎ ሓሳብ ድማ፡ሰፍ ዘይብል ኢዩ። ሰይጣን ኣጋግዩ ተዘየውድቆን ኔሩ ንቤተክርስትያን ዝጠቅም ትስፉው ሰብ ኢዩ ኔሩ። ከመይ ጌርና ንዲያቆን ናብ ናይ ቀደም ሂወቱ ንሰምሃር፡ድማ ነቲ ንነዊሕ ግዜ ኣቋሪጻቶ ዝነበረት መንፈሳዊ ጉዕዞ ምስ ቅዱስ ቁርባን ትቅጽሎ እሂን ምሂን ክንበሃሃል ከይተረዳኣና መሰየ፡ማዕጾ ክኸፈት ድምጺ ስለ፡ዝገበረ ዲያቆን ምምጹኡ ፈሊጥና ንዛረበሉ ዝነበርና ኣርእስቲ ቀየርና፡ ዲያቆን ናይ ብራንዳ ማዕጾ ሓሊፉ ናብቲ ዝነበርናዮ ክፍሊ ምስ ኣተወ ዘሰንብድ ክስተት ረኣኹ
****

23 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ዲያቆንንን ሰምሃርን ብሰንኪ ሓደ ሰብ ፍቅሮም ተበታቲኑ ዲያቆን እውን ብዝገበሮ ተግባር ኣዝዩ ከም ዝተጣዕሰ ኣንቢብና ኔርና።ኣብ መወዳእታ ድማ. .....ከመይ ጌርና ንዲያቆን ናብ ናይ ቀደም ሂወቱ ንሰምሃር፡ድማ ነቲ ንነዊሕ ግዜ ኣቋሪጻቶ ዝነበረት መንፈሳዊ ጉዕዞ ምስ ቅዱስ ቁርባን ትቅጽሎ እዚን ምሂን ክንበሃሃል ከይተረዳኣና መሰየ፡ማዕጾ ክኸፈት ድምጺ ሰለ፡ዝገበረ ዲያቆን ምምጹኡ ፈሊጥና ንዛረበሉ ዝነበርና ኣርእስቲ ቀየርና፡ ዲያቆን ናይ ብራንዳ ማዕጾ ሓሊፉ ናብቲ ዝነበርናዮ ክፍሊ ምስ ኣተወ ዘሰንብድ ክስተት ረኣኹ,,,,,,,,,,,,,,,

ዲያቆን ብመስተ ተሰኒፉ ዘይንሱ ኢዩ መሲሉ።ደቂ ዓበይቲ ጥዕና ይሃበለይ ኢሉ ኣብ ሳሎን ኮፍ በለ።ኣነ ኩነታቱ ገሪሙኒ ማትስ ውን ብተግባሩ ከምዘይተሓጎሰ ንምግላጽ መልሲ ከይሃብናዮ ስቕ በልና።እግዚኣብሄር ይመስገን ምባልሲ እንታይ ነውሪ ኣለዎ፡ በዓል ኣነኳ ሰላም ንዝበለና ሰብ ኣምላኽ ይመስገን ንብልዘለና፡ ንስኻትኩምሲ ታይ ከፊእኩም ኢዩ መስገን ዘይትብሉ በለና ዲያቆን።ማትስ ቅልጥፍ ኢሉ ጽባሕ ማይ ምስ ሰተኻ ክንዛራረብ ኢና ሕጂ ግን ኣዕርፍ ጋሻ ሰለ ዘላ ሰብ ኣይትረብሽ በሎ።ድያቆን ድማ ኣዕርፍ ዲኻ ዝበልካ፡ ዕረፍቲ ምስ ስምሃረይ ኢዩ ዘሎ ሰምሃር ዘይብሉ ሂወት ኩሉ ግዜ ድኻም ኢዩ ንዓይ፡

ሰምሃረይ ሰምሃረይ ብድሕሬኺ

ንግስቲ ናይ ልበይ ብድሕሬኺ

ዩነው ማትስ ዓርከይ ሰምሃረይ ኩሉ ግዜ ኢየ ዝናፍቃ፡ግን ዕድል ኣይገበርኩ ገጻ ንምርኣይ ከማን ተኣጊደ በሎ።ማዕረ ክንደይ ብመስተ ትሰኒፉ ከም፡ዝነበረ ካብ ዘረቡኡ ኢየ ኣስተውዒለ፡ ስኹር ናይ ልቡ ይዛረብ ዝተባህለስ ለካ ሓቁ ኢዩ ድማ በልኩ።ኣታ ኣቢ ዓርከይ ሕጂ ብዛዕባ ሰምሃር ክትዛረብ ግዚኡ ኣይኮነን እንታይ ኢኻ ትኸውን ዘለኻ እስኪ በጃኻ ኢልናካ ነዛ ጋሻ ኣይትረብሻ በሎ ማትስ ድምጹ ዓው ኣቢሉ።እንዴ ማትስ ዓርከይ ብዛዕባ ኣዋልድ ክትሓሊ ጀሚርካ እሞ ዘመን ተቀይሩ በለኒ ንስኻ ነዋልድ ክትሓልየለን ተጀሚርካ፡ ሰምሃረይ እውን ንዓይ ክትሓልየለይ ኢያ ማለት ኢዩ በሎ ዲያቆን።

ማትስ ምስ ዲያቆን ምዝራብ ገዲፉ ሶሪ ሚሊ ዘይተጸበኽዮ ምሽ ኮይንኪ ከምቲ ዘዕለልኩኺ ኢዩ ሰምሃር እንተዘኪሩ ኣእምሩኡ ኢዩ ዝርበሽ ሓንሳብ ሰምሃር እንተይሉ ኣየቋርጽን ኢዩ ሓንሳብ ግጥሚ ይጽሕፈላ ሓንሳብ ደርፊ ይደርፈላ በቃ ክነግረኪ ኣይክእልን ኢየ በለኒ ድምጹ ኣትሕት ኣቢሉ፡

ማትስ ዘረቡኡ ውድእ ምሰበለ ድያቆን ኣብቲ ጎኑ ዝነበረት ላብቶፕ ኣልዒሉ ደርፊ ክጋብዘኩም ኢየ፡

ሚሊ፡ሰምሃር መሓዛኺ ኢያ ምሽ እዚኣ ጋብዝለይ ኢሉ ናይ እንጂነር ኣስጎዶም

ጨኪንኪ ካባይ ተፈሊኺ

ሃንደበት ኮይኑ መገሻኺ

ትብል ደርፊ ወልዐ፡ እታ ደርፊ ቅድሚኡ ብዙሕ ይሰምዓ ኣይነበርኩን ዲያቆን ምስታ ደርፊ ሓሓሊፉ ክደርፍ ምስ ጀመረ ግን ጽን ኢለ ክሰምዓ ጀሚረ።

ዲያቆን ንገሊኡ ግጥሚ ባዕሉ ኢዩ ዝቅይሮ ኔሩ።

ድሓንኩን እኳ ዘይበልክኒ

ገጽኪ ንክይርኢ ኣጊድክኒ

እነሀኹ ባዶ ኮይነ ተሪፈ

ብሰንክኺ ብዙሕ ተኾሊፈ

ጨኪንኪ ካባይ ምስ ተፈለኺ

ጸልሚታትኒ ዓለም ብድሕሬኺ

ባእስና ሕልሚ ተዝኾነለይ

ደቂሰ መሬት ምወግሓለይ

ብከምዚ ነቲ ግጥሚ ባዕሉ እንዳቀያየረ ምስታ ደርፊ ክደርፍ ጀመረ።

ኩላትና ኣብ ከቢድ ሓሳብ ኢና ኣቲና።

ክብደት ናይ ፍቅሪ ማዕረ ክንዱኡ ሚዛን ዘለዎ ኮይኑ ይስምዓኒ ኣይነበረ ኩነታት ዲያቆን፡ምስ ረኣኹ ግን ለካ ፍቅርስ ከምዚ ይገብር ኢዩ በልኩ። እታ ደርፊ ምስ ወደአት ኣብ መንጎና ንደቃይቅ ዝኣክል ከቢድ ስቅታ ሰፈነ፡ዲያቆን ሃንደበት ሶሪ ይርብሸኩም ኣለኹ ድየ በለና፡ ኖ ዲያቆን ሓወይ ወሪዱካ ኣይረበሽካን በልክዎ። ማዓለሽ ደርፊ ሓጥያት ኢዩ ግን ንሓጥያተኛ ሰብ ኖርማል ኢዩ ስለዚ ኢየ ደርፊ ወሊዐ ግን ሓደራ ሚሊ እታ ደርፊ ጋብዝለይ ኢኺ ኢሉኒ ናብ መድቀሲ ክፍሉ ከደ።

ማትስ ኣዕሚቁ ድሕሪ ምስትንፋስ እዋይ ዲያቆን ዓርከይ በቃ ከምዚ ኮንካ ተሪፍካ በለ።ኣታ ማትስ ሓወይ ኣይተስተማስል እባ ብርግጽ ዲያቆን ዛኣክል ብሰንኪ ሓንቲ ጓል ናይ መስተን ገለን ክኸውን ጽቡቅ ኣይኮነን ግን ግን ገና ኢዩ ዘሎ እቲ ግዜ ናብ ንቡር ሂወቱ ክምለስ ሙኺኑ ድማ ርግጸኛ ኢየ በልክዎ።ሚሊ ኣነ ግርም ዝብለኒ ከመይ ኢላ ኢያ ኣብ ልቡ ኣትያ ምውጻእ ኣብያቶ እንድዒ በቃ ዝጽሕፈላ ግጥምታት ተትርእዮ ጋን ምኾነኪ ልዕሊ ኣርብዓ ዝኸውን ብስማ ዝጸሓፎ ግጥምታት ኣሎ። እንተተንብቦስ እንታይ ኮን ምበለት በለኒ።ብኣግርሞት ዝኣክል ድማ እንታይ ትብል ኣለኻ ኣርባዓ ዝኣክል ግጥሚ በልክዎ። ጽንሒ ከምጻኣልኪ ኢየ እታ ጥራዝ ኢሉ ካብ ኮሜዲኖ ሲሒቡ ኣቀበለኒ። ገናጺለ ክሪኦ ምስ ጀመርኩ ኣርእስቱ ጥራይ ኢዩ ልብኻ ዝትንክፈካ።

ሰብ ደይኮንኩን ግድንየ ክእብስ

ይቅረ ይብል ኣለኹ ንጌጋይ ክህስስ

ግዳ ፍቀድለይ ንልብኺ ከረስርስ

ንብዓትኪ ደሪዘ ብልቢ ክኽሕስ

ገለ ካብተን ዲያቆን ዝጸሓፈን ዝመሰጠትኒ ጽሕፍቲ ኢያ። ገሊኡ ንጌጉኡ ዝገልጽ ገሊኡ ጭካነ ናይ ሰምሃር ገሊኡ ኣብ ልዕሊ ሰምሃር ዘለዎ ፍቅሪ፡ገሊኡ ምስ ሰምሃር ዘሕለፍዎ ጡዑም ናይ ፍቅሪ ግዜ ዝገልጽ ግጥሚ ኢዩ ኔሩ። ብልበይ ድማ ሰምሃር ነዚ ተተንብቦ ኣይምጨከነትሉን በልኩ።ንሰምሃር ረኺበ እቲ ጽሑፍ ከተንብቦ ድማ ብልቢ ተመነኹ።ይገርም ኢዩ ማትስ ሓወይ ከምዚ ዓይነት ተውህቦ ኣለዎ ማለት ድዩ በልኩ።ፍሉይ ናይ ጥበብ ርእሲ ኢዩ ዘለዎ፡ ግን ኩሉ ብዛዕባ ሰምሃር ጥራይ እንደሞ ኮይኑ በለኒ።በል ሕጂ መስዩ ስለ ዝኾነ፡ኣነ ናብ መሓዛይ ክኸይድ ጽባሕ ንጉሆ ክምለስ ኢየ ማትስ ሓወይ፡ሰናይ ምሸት ኢለ ተፋንየዮም ከድኩ።

ገዛ ምስ ከድኩ ሙሉእ ሓሳባተይ ብዛዕባ ዲያቆንን፡ሰምሃርን ኢዩ ኮይኑ፡ ኣጋጣሚ ፊዮሪ ስለ ዝደወለትለይ ካብቲ ኣትየዮ ዝነበርኩ ሓሳብ ተገላገልኩ፡ ሓድሽ ነገር ተሎ ስለ ዝሓተተትኒ ድማ ክሓብኦላ ኣይደለኹን እቲ ታሪኽ ብሙሉኡ ኣዘንትየላ ክሳብ ንሰምሃር ዝረኽባ ግን ከም ምስጢር ክትሕዞ ንሰምሃር ኣድራሻኣ ምስ ረኽብኩ ግን ብሓንሳብ ክንከዳ ተሰማሚዕና ተፈላለና።ንግሆ ተሲእ ተሌፎን ናብ ማትስ ደወልኩማትስ ካብቲ ካልእ መዓልቲ ብፍልይ ዝበለ ኣቀባብላ ኢዩ ተቀቢልኒ፡ ሄለው ሚሊ ከመይ ሓዲርኪ? ኣምላኽ ይመስገን ከመይ ሓዲርካ ንስኻ ኽክብሪ ንኣምላኽ ይኹን ብጣዕሚ ጽቡቅ እንታይ ደኣ ድቃስ ምስምማዕ ኣቢኪ ድዩ ብንግሁኡ በለኒ፡ ኣብ ኤውሮጳ ደኣ ንግሆ ክትስእ ኣለካ እንበር በልክዎዲያቆን ከ ከመይ ሓዲሩ፡ ዲያቆን ደሓን ኢዩ ሰላም ሓዲሩ እሞ ማትስ ሓወይ ግዜ ተሃልይኩምስ ምመጻኹ ኔረ ንዲያቆን ምረኽብክዎ ንስኻ ከኣ ናብ ሰምሃር ምወሰድካኒ፡ ኦኬ ሚሊ ሓፍተይ መጀመሪያ ሞ ገዛ ምጺ ደሓን ክንዘራረበሉ ኢና በለኒ።

ዲያቆን መጽሓፍ ከንብብ ማትስ ድማ ገዛ ከለዓዕል ኢዩ ጸኒሕኒ፡ሰላምታ ናይ እዝግሄር ተለዋዊጥና ድማ ንማትስ ኣብ ምልዕዓል ቁሩብ ሓጊዘዮ ምስ ወዳእና ኩላትና ኣብቲ ክፍሊ ናይ ሳሎን ኮፍ በልና።ቀዲሙ ዘረባ ዝጀመረ ዲያቆን ኢዩ ኔሩ፡ ማትስ እኳ ደሓን ሚሊ ግን ትማሊ ሰትየ ስለ ዝረበሸኩኺ ይቅሬታ ምስ በለኒ ኣንታ ቁሩብ ኣይትሓፍርን ዲኻ ማትስከ ክርበሽ ኣለዎ ኢሎምኻ ዲዮም በሎ፡ ማትስ ላግጺ ይጽንሓልካ ንስኻ'ከ መን ቀሊል ረባሺ ጌርካ፡የግዳ ሚሊ ሓፍተይ ኣይትሓዝለይ ኣነ በቃ ኢሉ ዘረባ ኣቋረጸ፡ኖ ከሙኡ ኣይትበል ዲያቆን ሓወይ ንዓይዶ ታይ ጌርካኒ ኢኻ የግዳስ ንነብስኻ ኢኻ በዲልካያ። ቁሩብ ግን ዲያቆን ከለኻ ከምዚ ጌርካ እንድሕር ትሰቲ ኮንካ ንሰባት ሕማቅ ኣርኣያ ኢኻ ክትኮኖም፡ ስለዝስ. .....ጽቡቅ ኣለኺ ሚሊ ሓፍተይ ንሰባት ጥራሕ ዘይኮነ ናብ ዕብዳን ዘብጽሕ ወይኒ ኣይትስተዩ ዝብል ትእዛዝ ኣሎ።

ክሰቲ ከለኹ ድማ፡ከምቲ ትማሊ ዝገበርክዎ ሰይጣናዊ ዝኾነ ደርፍታት ኢየ ዝሰምዕ ደርፊ ምስ ኣምልኾ ጣኦት ከም ዝሕሰብ ጥርቅይ ዘይኮነ ኢዩውን፡ ኣብ ርእሲ ዚ ድማ እንታይ የጋጥመኒ እውን ኣይፈልጥን ኢየ፡ ንነዊሕ ግዜ ብዛዕባኣ ዘልዓለለይ ሰብ ኣይነበረን፡ ትማሊ ብዛዕባ ሰምሃር ምስ ሓተትክኒ ኩሉ ነገር ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ስለ ዝተሳእለኒ ብፍላይ ኢሉ... ኡፍፍፍ በለ።

ዲያቆን ሓወይ ከሙኡ ጌርካ ክትጭነቅ ጽቡቅ ኣይኮነን መፍትሒ ዝበሃል እውን ኣይትረኽበሉን ኢኻ፡ ንሰምሃር ብዝዘከርካያ መጠን ትጭነቅ ትነብዕ ትሰቲ እንተኾንካ መወዳእቱኡ ኣይክጽብቀልካን ኢዩ፡ይቅሬታ ደፊርኪ ደኣ ኣይትበሉኒ እንበር ካብ ሰምሃር ንላዕሊ ንስኻን ማትስን ኢኹም ተጋጊኹም፡ ወላኳ ሰምሃር ዝገበረቶ ግብሪ ዓቢ ጌጋ እንተኾነ' ብድሕሪ ትፍጻሜ ግን ንስኻትኩም ኢኹም ጌገኛታት፡ ምኽንያቱ ሓሪቃ ዝወሰነቶ ውሳኔ ክኽውን ስለ ዝኽእል ምስ ተረጋገኣት እንተኾነ ባዕልኹም ተዘይኮይኑ ከኣ ሰባት ሰዲድኩም ከተረድእዋ ኔርኩም።

ሚሊ እዚ ነገር ኣቅሊልኪ ኣይትርኣይዮ ሰምሃር ኣብ ልባ ቦታ ተዝህልወኒ ንኽይቀርባ ብፖሊስ ኣይመጠንቀቀትንን፡ ድሓራይ ከኣ ኣነ'ኮ ዲያቆን ኢየ ንዓይ ገዲፋ ምስ ካልእ ሰብ ዙረት ተጀሚራ ትርጉም የብሉን፡ ክገርመኪ ኣብ እንዳ ኢመግሬሽን ሓደ ግዜ ተራኺብና ኔርና ምስ ሓደ ወዲ ኢያ ኔራ፡ ርእይ ምሰበለትኒ ሰንቢዳ፡ እቲ ወዲ መጽዩ ሓንቲ ቃል ደርብይለይ ከይዱ። ሰላም ክብላ ሓሲብ እኳ እንተነበርኩ ከይቀርበኒ ኢላ ኣጠንቂቃትኒ ስለ ዝነበረት ትም መሪጸ ሓቂ ይሓይሽ ካብ ገጻ ከም ዘንበብክዎ ሰላም ክትብለኒ ኢያ ዝበል ግምት ኔርኒ ግን ሰሰሪቃ ጥራሕ ኢያ ትጥምተኒ ኔራ።

በቃ ተስፋ ቆሪጸ፡ ሪኣትኒ ሰላም ከይበለትኒ ምሕላፋ ዓቢ መልእኽቲ ኢዩ ኔሩ ንዓይ በለኒ ዲያቆን ድብንብን ብዝበለ መንፈስ።ዲያቆን ሓወይ ጽቡቅ ኣለኻ ካልእ ምስ ግዜ ዝጻረን ዝፍለጥን ጉዳይ ኢዩ ነገር ግን ንስኻ ትኽተሎ ዘለኻ መገዲ ቁኑዕ ኣይኮነን፡ ያ ብትኽክል ተበዲልካ ኢኻ ነገር ግን ክሳብ ካብ ኣምላኽ ክትርሕቅ ዘኽእል በደል ኣይወረደካ።እቲ ምንታይሲ ንዓካ ኣይጠፋካን ኢዩ።ሰብ ክጾሮ ዘይክእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን ኢዩ ዝብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ። ኣብ ርእሲኡ ውን መታን ከይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን ነቲ ካብ ኢድ ሓጥኣን ክንድዚ ዝኣክል ምጽራር (መከራ) ዝተዓገሰ ንዑኡ ዘክርዎ።ምስ ሓጢኣት ክትቃለሱ ከለኹም ገና ክሳብ ደም ምፍሳስ ኣይተቃለስኩምን።

ዲያቆን ሓወይ ነዘን ቃላት እዚኣተን እሞ ኣስተውዕለለን፡ ሓጥያት ንኽይትገብር ደምካ ከተፍስስ ከም ዘለካ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ይምዕደና ኣሎ፡ስለዚ ንሰምሃር ዘዘኪርካ ትነብዕ ትጉሂ እንተዳኣ ኮንካ ንኣምላኽ ድማ ቡኡ መጠን ኢኻ ተጉህዮ ዘለኻ በልክዎ።ዲያቆን ዘረባይ ዝኽበዶ ክመስል ንኻሊኢታት ዛኣክል ዝን በለ፡ ሓቅኺ ኢኺ ሚሊ ሓፍተይ ኣነ ብሰንኪ ሰምሃር ዝንሃኽዎን ዝነባዕክውን ስለ ሓጥያተይ ኔሩ እንተዝኽውን ኣምላኽ ብርግጽ ምበጽሓኒ ኔሩ።

ንኹሉ ክጻወር ዝኽእል ዓቅሚ ኣለኒ ናይ ሰምሃር ፍቅሪ ግን እንታያ ጌራትለይ ክጾሮ ኣይከኣልኩን፡ ሰይጣን ድማ ደካማ ጎነይ ሪኡ ኩሉ ግዜ ኢዩ ባኣኣ ዝመጸኒ። ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ካብ ልበይ ኣውጼእ ክርሳዓ ክፍትን ኢየ በለ ዲያቆን።

ዲያቆን ሓወይ ኣይትጋገ፡ ንሰምሃር ካብ ልብኻ ከተውጻኣ ከቢድ ኢዩ፡ ካብ ንዓኣ ክትርሳዓ ትፍትን ነገራት ናብ ረብሓኹም ናብ ሰላም ክትቅይርዎ ይቀልል። እዚ ማለት ንነብስኻ ክልተ ነገር ኣእምና ቀዳማይ ምስ ሰምሃር ተዓሪቅኩም ፍቅርኹም ክትቅጽሉ፡ እዚ ተዘይኮይኑ ድማ ከም ካላኣይ ኣማራጺ ምስ ሰምሃር ብሕውነት ትቅጽሉ፡ እዚ ማለት ድማ ንስኻ

ብሰላም መምፈሳዊ ጉዕዞኻ ብዲቁና ተገልግል ንሳ ድማ ናብ ናይ ቀደም ሂወተ ተመሊሳ መንፈሳዊ ሂወታ ብቅዱስ ቁርባን ትቅጽል፡ እዚዩ ዝሓሸ ኮይኑ ዝስማዓኒ፡ ኣይኮነን ግን ከምዛ ዘለኹማ ናይ ክልቴኹም ሂወት ኣይክጥዕምን ኢዩ በልክዎ።

ዲያቆን ቃል ዝበሃል ኣየስተንፈሰን ማትስውን እንታይ ከም ዝወረዶ በረድ ኢዩ ተቀይሩ፡ እሂ ዲያቆም ሓወይ ከመይ ትቅበሎ እዚ ሓሳብ በልክዎ።ሚሊ ሓፍተይ እንታይ ከምዝብለኪ ኣይፈልጥን ኢየ፡ ከምዚ ዓይነት ሂወት ዘለዎ ሓሳብ ክቃወሞ ውን ኣይክእልን ኢየ፡ ኣነ ምስ ሰምሃር ክዕረቅ ልባዊ ዝኾነ ባህጊ ኢዩ ዘለኒ፡ ግን ብኽመይ መገዲ ኢና ክንዕረቅ፡ ድሃያ ዝበሃል የብለይን ካብ ዘይረኽባ ከማን ኣዋርሕ ኣለኒ፡ እንታይ ኣዋርሕ ደኣ ዓመት ቀሪቡ እንበር በለ። ደሓን ብዛዕቡኡ ዲያቆን ሓወይ መጀመሪያ ባዕልና ክንፍትና ኢና፡ ምስማዕ እንተኣብያትና ድማ በቅሽቲ ጌርና ንልምና፡ ምስ በልኩ ።

ማትስ ሃንደበት መን ኮይና ኢያ ደኣ በቅሽቲ ጌርና ክንልምና፡ እምበኺ ከማን ዲያቆን ኢዩ ክልመን ዝግቦኡ፡ ሂወቱ ከምዚ ጌራ ኣመሳቂላቶ ከትብቅዕስ ዕርቂ ከኣ ክትኣቢ በለ፡ ማትስ ዓርኪይ ኣይትሕረቅ መጀመርያ ክትኣቢ ዲያ ሕራይ ክትብል ኣይፈለጥናን ካላኣይ ድማ ንሳ ኣይኮነትን ሂወተይ ኣመሳቂላቶ ባዕለይ ኢየ፡ ብቻስ ሕራይ ትበል እንበር ኣቐሽቲ ኣይኮነን ካልእ ጌርናስ ዘይንልምና ንሰላም ክትብል ካልእ ከማን ትኸውን ኢኻ በሎ ዲያቆን ህድኣት ብዝዓሰሎ መንፈስ።

ደሓን ማትስ ሓወይ ኣይትኣብን ኢያ፡ ኣይትሕረቅ።ዲያቆን ኣብዚ ክትጸንሕ ኢኻ ኣነን ማትስን ግን ሎምዓንቲ ክንከዳ ኢና በልክዎም።በዚ ተሰማሚዕና ቁርሲ ድሕሪ ምቁራስ ኣነን ማትስን ተተሓሒዝና ናብ ናይ ሰምሃር ገዛ ኣምራሕና፡ ካብቲ ቅድም ዝነበረቶ ሃይም ትራንስፈር ስለ ዝተባህለት ክንረኽባ ኣይከኣልናን።

ኣነ ተስፋ ብሙቁራጽ እንታይ ደኣልና ወደይ ንገብሮ በልክዎ፡ ተሌፎና ገለ የብልካን በልክዎ፡ማትስ ድማ፡ ተሌፎና ናይ ቅድም ኢያ ዘላትኒ ንሳ ድማ ኣይትሰርሕን ኢያ፡ በለ።

ማትስ ንኻሊኢታት ድሕሪ ምሕሳብ፡ ሚሊ ሓደ ሓሳብ ኣለኒ ኣብዚ ጽንሕኒ ኢሉ ናብቲ ናይቶም ሾሻል ኦፊስ ኣተወ ምስቶም ሾሻል ተዘራሪቡ ድማ ተመለሰ፡ እሂ ማትስ ሓወይ ናበይ ደኣ ኬድካ ኔርካ በልክዎ ህውኽ ኢለ፡ ኣብዞም ሾሻል ኢየ ኔረ ትራንስፈር ናበይ ከም ዝተባህለት ኢየ ክሓቶም፡ጸኒሐ በለኒ፡ እሞኽ እንታይ ኢሎምኻ,,,

24 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ዲያቆን ብሰንኪ ብስጭት መኣተ ሰትዩ ከም፡ዝነበረ ምስ ወገሐ ግን ኩሉ ነገር ተረዲእዎ ከም ዝተጣዕሰ፡ ኣነን ማትስን ድማ ንሰምሃርን ዲያቆንን ንኽንዓርቆም ናብ ናይ ሰምሃር ካምፒ ኬድና ክንረኻብ ኣይከኣ ልናን፡ኔርና፡ኣብ መወዳእታ ድማ፡እሂ ማትስ ሓወይ ናበይ ደኣ ኬድካ ኔርካ በልክዎ ህውኽ ኢለ፡ ኣብዞም ሾሻል ኢየ ኔረ ትራንስፈር ናበይ ከም ዝተባህለት ክሓቶም፡ጸኒሐ በለኒ፡ እሞኽ እንታይ ኢሎምኻ,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,,

ናይ ዝኾነ ሰብ ኣድረስ ብዘይ ፍቃዱ ኣይወሃብን ኢዩ ኢሎምኒ፡ቤተሰብ ኢና ኣብዚ ከላ ኢየ ዝፈልጣ ሕጂ ግን ደሃይ ሲኢነ በጃኹም ምስ በልክዎም ብኽንደይ ልማኖ ሂቦምኒ በለኒ ማትስ ፍሽኽ እንዳበለ። Thanks, God እዚ ኣምላኽ ጡዑም በልኩ ምስ ማትስ ተተሓሒዝና ናብቲ ዝሓበሩና ገዛ ከድና፡ ኣጋጣሚ ሓደ ሓበሻ ስለ ዝረኽብና ንሰምሃር ዝፈልጣ እንተኮይኑ ምስ ተወከስናዮ እንዳሰሓቀ ሰምሃር ዓባይ ሰብ እዉ ይፈልጣ ኢየ ኑዑ እተዉ ኢልና መሪሕና ኣተወ፡ ሰምሃር ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢላ ናይ ዘማሪት ምርትነሽ ጥላሁን በቤተ መቅደስህ ያሳደግከኝ ለኣፌ ጥበብ ያስተምሃርከኝ ትብል መዝሙር ወሊዓ ኢያ ትሰምዕ ኔራ፡ ማዕጾ ኣገፍትን ኣቢላቶ ስለ ዝነበረት፡ እቲ መሪሕና ዝነበረ ወዲ፡ ሰምሃር ኣጋይሽ መጺኦምኺ ኢሉ ማዕጾ ክፍት ኣቢሉ ኣተወ፡ ሰምሃር ርእይ ምሰበለትና ፈቅ ኢላ ሰንበደት።

ኣሚንታ ካብ ገጽ ማትስ ከይኣለየት ኢዳ ንሰላምታ ሰደደትልና፡ሰላም ኢልናያ ኮፍ ምስ በልና፡ ኣፉ ዝኸፈተ ሰብ ኣይነበረን። ኣብ መንነና ከቢድ ስቅታ ሰፈነ፡ እቲ መሪሕና ዝኣተወ ወዲ እሞ ኣሕዋት ኣነ ክገድፈኩም ቆጸራ ኣላትኒ ኢሉ ቻው ኢልና ከደ።ሰሰሪቅና ካብ ምጥምማት ሓሊፍና ሕጂውን ክዛረብ ዝደፈረ ሰብ ኣይነበረን። ሰምሃር ሃንደበት፡ ብድድ ኢላ ይቅሬታ ቡንዶ ክገብር በለት፡ኖ ኣይንሰትን ኢና ኮፍ ጥራሕ በሊ በላ ማትስ።

ተመሊሳ ኮፍ ምስ በለት፡ ሚሊ ይበሃል ብርግጽ ኣይንፋለጥን ኢና ሓፍቶም ንበዓል ማትስ ኢየ በልክዋ ንምልላይ ዝኣክል። ኦኬ ሰምሃር ይበሃል ጽቡቅ ሌላ ይግበረልና በለትኒ ብትሑት ድምጺ። ሰምሃር ብናይ ስክፍታ ዝመስል ድምጺ ማትስ ከመይ ኣለኻ ደሓን ዲኻ በለቶ፡ኣምላኽ ይመስገን ጽቡቅ ኣለኹ፡ ንስኺ ከመይ ኣለኺ በላ ማትስ ንኽምስል፡ደሓን ኢየ ጽቡቅ ኣለኹ በለቶ።

ሕጂ ውን ንዝተወሰነ ደቃይቅ ከቢድ ስቅታ ኮነ፡ ማትስ ሃንደበት ሰብኣይኪ ኽዳኣ የለን ዲዩ በላ፡ሰምሃር ዝኾነ ይኹን መልሲ ከይሃበት ክምስ ኢላ ስቅ በለት፡ ክምስታኣ ነቲ ሕቶ ዝነጽግ ግብረ መልሲ ኢዩ ኔሩ፡ ማትስ ሕርቃኑ ከይላዓሎ ሞ ጸርፊ ከይጅምር ስለ ዝፈራሕኩ፡ህውኽ ኢለ ሰምሃር ሓፍተይ ሎሚ ናባኺ ዘምጸእና ጉዳይ ብዛዕባኽን ብዛዕባ ዲያቆንን ክንዘራረብ ኢልና ኢና፡ሰብ ዘዛርብ ፍቅሪ ከምዘይነበረኩም ከምዚ ክትኮኑ ሰብን እዝግን ኣይፈትዎን ኢዩ ፍቃደኛ እንተደኣ ኮንኪ ክንዓርቀኩም በልክዋ።

ሰምሃር ንዝተወሰኑ ካሊኢታት ዝን ድሕሪ ምባል ዕርቂ ዶ በልኪ፡ ማትስ ክሳብ ሕጂ ኣበይ ኔርካ በለቶ?ማትስ ድቦላ ሕቶ ስለ ዝኾኖ ስንብድ ኢሉ እንታይ ማለትኪ ኢዩ በላ?ደሓን ሰምሃር ሓፍተይ ሕሉፍ ረስዕዮ ምስ ዲያቆን ተዘራሪብና ኢና ብዝፈጸሞ ጌጋ ኣሚኑስ ተጣዒሱ ኢዩ።ይቅረ ጥራይ ትግበረለይ እንበር ንዕርቂ ድሉው ኢየ ኢዩ ዝብል፡ዘሎ፡ስለዚ ሰምሃር ሓፍተይ,,,,,,,,ዘረባይ ከይ ወዳእኩ ከለኹ ሚሊ ንዲያቆን ጽቡቅ ጌረ ኢየ ዝፈልጦ ልቡ ጭካነን ቂምታን ኣይትፈልጥን ኢያ ኣባይ በጺሑ ግን ጨኪኑ ምስ በለት፡

ማትስ ድማ ስምዒ ሰምሃር ሰብ ኢዩኮ መርዛም ቃላት እንዳተዛረብክዮ ክሓርቅ ግድነት ኢዩ። ነዛ ሓንቲ ግዜ ሓሪቁ ኢዱ ዘዕለበልኪ ሪኢኺ ዘይስሙ ኣይትሃብዮ ሓቂ ክንዛረብ እንተኮና ጨካን ንስኺ ኢኺ፡ ካብ ካንፒ ኣስጉግክዮ ከይኣክል ብፖሊስ ጌርኪ ድማ ሰላም ንኽይብለኪ ንኽይቀርበኪ ኣጠንቂቅክዮ፡ ካብዚ ዝዓቢ ጭካነ ኣሎ ድዩ፡ ሕጂ ግን ሓንቲ ነገር ክብለኪ ናብዚ ዝመጻእና ንስኺ ዝተበደልክዮን ይኹን ዝበደልክዮን ክትርስዕዮ ዲያቆን ድማ ከሙኡ፡ ኣምላኽ ተፈቂድዎ ብፍቅሪ፡ ተዘይኮይኑ ድማ ብሕውነት ክትቅጽሉ ኢዩ ድሌትና ስለዚ ሰምሃር ሓግዝና፡ በለ ማትስ።

ማትስ እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ መንዩ ንዲያቆን ካብ ካንፒ ኣስጉጉዎ??? መንዩኽ ከይቀርበኒ፡ ሰላም ከይብለኒ ኣጠንቂቅዎ???ትብሎ፡ዘለኻ ይርዳኣካ ድዩ? በለቶ ሰምሃር፡ ዋእ ሰምሃር ኣሉ ዲኺ ክትብሊ ደሊኺ፡ ወረቀት ናይ ፖሊስ እኮ ኣነ

ባዕለይ ኢየ ኣንቢበዮ ብዓይነይ ሪኤዮ፡ፈርማኺ ድማ ኔርዎ ኢዩ በላ ማትስ። ማትስ ናይልብኻ ዲኻ ከሙኡ ዝብል ኣንቢብካ በለቶ ሰምሃር ገጻ ኣሲራ።

ከምጻኣልኪ ዶ እታ ወረቀት ኣብ ገዛ ኣላ ምስ በላ፡ ዓሕ ተጻዊትለይ እባ ዋይ ኣነ ተካል በለት፡ነገሩ ቁሩብ ድንግርግር ስለ ዝበለኒ ሰማሃር ሓፍተይ እስኪ እዚ ጉዳይ ከመይ ኢዩ ብግልጺ ንገርኒ፡ ንስኺ ኣይኮንክን ዲኺ ንዲያቆን ካንፒ ከም ዝቅይር ገርክዮ እዛ ዝብለኪ፡ዘሎ ወረቀት ከ ባዕልኺ ኣይኮንክን ዲኺ ፈሪምክላ? ሰምሃር ንእለት ገጻ ድብንብን በለ ንብዓት ኣብ ኣዒንታ ቁጽርጽር ክብሉ ጀመሩ፡ ዋይ ዲያቆን ሓወይ ድማ በለት።ኣይትገረሙ ኣይትኣምኑንን ትኾኑ ኣነ ንዲያቆን ካንፒ ከም ዝቅይር ኣይገበርክዎ፡ ንፖሊስ ውን ከይቀርበኒ ሰላም ከይብለኒ ኣይበልክዎን።ብርግጽ ምስ ዲያቆን ምስ ተበኣስና ተስፋኣለም መጺኡ ኔሩ፡ መጀመሪያ ኳ ዲያቆን ከም ዝሃረመኒ ክነግሮ ተዘይደለኹ ክነብዕ ስለ ዝጸናሕክዎ ደጋጊሙ ምስ ሓተተኒ ነጊረዮ፡ ሓሪቀ ከም ዘለኹ ፈሊጡ ድማ መሊሱ ኢዩ ኣርሲንኒ።ኣነ ድማ ናብ ሾሻል ከይደ ገዛ ወይ ንዓይ ወይ ንዲያቆን ክቅይሩና ሓቲተዮም ኣነ ቋንቋ ስለ ዘይክእል ተስፋኣለም ኢዩ ዝትርጉመለይ ኔሩ ሕጂ ከም ዝተረዳኣኒ ግን ዲያቆን ንኽቅየር ባዕሉ ቃላት ቀይሩ ኢዩ ዝነግሮም ኔሩ በለት ሰምሃር።

ማትስ ሕርቃኑ ኣብ ገጹ ኢዩ ዝንበብ ኔሩ፡ ኣነ ድማ ተስፋኣለም መን ምኸኑ ንምፍላጥ ተስፋኣለም መንዩ??? ክብል ሓተትክዋ፡ ሰምሃር ከይመለሰትለይ ከኣ ማትስ ተስፋኣለም ደኣ እቲ ዝበልኩኺ ኣብ መንነ ሰምሃርን ዲያቆንን ኮይኑ ሓዊ ዘሳውር ዝነበረ ኢዩ በለኒ፡ ስምዒ ሰምሃር ጌጋኺ ብይቅረታ ደኣንበር ብኽምዚ ክሃስስ ኣይክእልን ኢዩ ሕራይ ናይ ገዛስ ምቅያርስ፡ ንፖሊስ ዝሓበርክዮ ሓበሬታ እኮ ፈርማኺ ላለዎ እዚኽ ናብ መን ኢኪ ከተጸግዕሉ በላ ማትስ።ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኢየ ዝብለካ ኣነ ከሙኡ ኣይገበርኩን፡ ኣነ ገዛ ንሓዴና ቀይሩና ኢየ ኢለዮም።ብዶች ስለ ዝዛረቡ ዝነበሩ እንታይ ከምዝበሉ ኣይሰማዕክዎምን፡ ተስፋኣለም፡ግን ንስኺ ጓለንስተይቲ ስለ ዝኾንኪ ገዛ ኣይትቅይርን ኢኺ፡ ጌገኛ ንሱ ስለ ዝኾነ ንሱ ኢዩ ዝቅየር ይብሉኺ ኣለዉ ኢሉኒ። ኣቀዲሙ ተስፋኣለም ዲያቆን ከም፡ዝሃረመኒ ንስክሪቲ ሓቢሩ ስለ ዝነበረ ኣቡኡ ከለና ኢዮም ፖላይስ መጺኦም፡ ትርጁማን ተስፋኣለም ኢዩ ኔሩ እንታይ ኢዩ ምኽንያት መባኣሲኹም ኢሎም ምስ ሓተቱኒ ዲያቆን ከይእሰር ስለ ዝፈራሕኩ ንጸራረፍ ኔርና ከቢድ ጸርፊ ጸሪፉኒ ኣነ ባዕለይ ክሃርሞ ወስ ምስ በልኩ ክከላኸል ክብል ሃሪሙኒ ኢለ ኣመኽንየሉ።እሞ ክሲ ትምስርቲ ዲኺ ምስ በሉኒ ድማ ዘካስስ የብልናን፡ ነገር ግን ገዛ ክንፈላለ ይደሊ ኣለኹ ኢለዮም፡ በሊ ክሲ ከምዘይትምስርቲ ፈርሚ ኢሎምኒ ፈሪመ።

ዲያቆን፡ኣበይ ከም ዝወዓለ ኣይፈለጥኩን ኣጋምሸት ምስ መጸ ሰብ ተኣኪቡ ኢዩ ኔሩ ምስ ሰክሪቲ ብኢንግሊሽ ይዘራረብ ኔሩ ካቡኡ ትኽ ኢሉ ናብ ሾሻል ከይዱ ተመሊሱ ንብረቱ ጠርኒፉ ሓንቲ ቃል ተዛሪቡኒ ከይዱ፡ ብድሕሪኡ ኣይተመለሰን ሞባይለይ ከኣ ሽዑ ምሸት ስለ ዝጠፈኣት ናምበር ናይኩሉ ሰብ ጠፊኡኒ ፈስቡክ ከምዘይነበረኒ ድማ ትፈልጥ ኢኻ፡ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ኣብ ክፍሊ ኢመግሬሽን ተራኺብና ኔርና፡ ምስ ረኣኽዎ ሰላም መታን ክብሎ ንተስፋኣለም ዕረቀና ሰላም ከም ንበሃል ግበር ኢለ ሰዲደዮ።ዲያቆን ድማ ክሪኤኒ ኮነ ክቀርበኒ ከም ዘይደሊ ነጊርዎ፡ኢልዎ ዲዩ ኣይበሎን እዝኒ ዋኑኡ ተስፋኣለም ግን ከሙኡ ከም ዝበሎ ኢዩ ነጊሩኒ።ኣነ ድማ ዝተዛረብክዎ ቃላት ካብ ልቡ ኣቀይምዎ ማለት ኢዩ ኢለ ተስፋ ቆሪጸ ክረኽቦ ውን ኣይፈተንኩን፡ ነዚ ይመስል እቲ ሓቂ በለትና። ምናልባት ኣይታኣምኑንን ትኾኑ እቲ ሓቂ ግን ንሱዩ።እንበርከ ንፖሊስ ሃሪሙኒ ኢለ እንተ ነጊረስ እንታይ ከም ዝፍጠር ኣይጠፍኣኩምን ኢዩ በለት ሰምሃር።

ወዲ ሓራም ለካ ንሱዩ ዝኩሉ ጸገም ከም ዝፍጠር ገርዎ በለ ማትስ፡ቋንቋ ዘይምፍላጥ ጸገም ኢዩ ሰምሃር ገዛ ቀዩሩኒ ዝበለቶም ተስፋኣለም ምልከት ቋንቋ ተጠቂሙ ንዲያቆን ካንፒ ከም ዝቅይር ገርዎ፡ክሲ ኣይምስርተሉ ኣነየ ገገኛ ግን ብሓንሳብ ኣይንነብርን ዝበለቶም ድማ ተራኺቦም ንኽይረዳዱኡ ንሂወታ ከም ዘስጋኣ ክቀርባ ኮነ ሰላም ክብላ ከምዘይትደሊ ገሩ ነጊርዎም፡ በሊ ፈርሚ ምስ በልዋ ድማ ሰምሃር ብገርሃ ፈርማኣ ኣንቢራትሉ። ነዚ፡ዛንታ ምስ ሰመዐ ማትስ ማራ ኢዩ ንነብሱ ኒዒቅዋ፡ ሰኣን ኣቀዲምካ ምርኻብ ኢኹም ከምዚልኩም ተረሓሒቅኩም ኣነየ ዚሒለ ናተይ ዕዮ ኢዩ ኔሩ በለ።ግን ክሓተኪ ምስ ተስፋኣለም ብሓንሳብ ኔርኩም ዶ ሓቀይ፡ ማለተይ ብዕርክነት?

ኣታ ማትስ እንታይ ወሪዱካ ንተስፋኣለም ጽቡቅ ገርካ ትፈልጦ ኢኻ ከመይ ኢለ ምሱኡ ዕርክነት ክጅምር ኢልካ ትሓስብ በለቶ ሰምሃር፡ግን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ምሱኡ ትረኣዩ ኢኺ ካባኺ ኣይፍለን ኢዩ ኣብ ርእሲኡ ድማ ቤተክርስትያን ምኻድ ገዲፍክዮ፡ ወላ ባዕሉ ውን ዓርክይ ኢያ እናበለ ኢዩ ዝዛረብ፡ ጽቡቅ ኣለኻ ንሱ ዓርክይ ኢያ ስለ ዝበለ ዓርኩ ኢየ ማለት ኣይኮነን፡ ብዛዕባ ምሱኡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ትረኣዩ ኢኺ ዝበልካዮ ድማ፡ ምስ ዲያቆን ምስ ተበኣስና እስትረስ ክገብር ጀሚረ ኔረ፡ብቀረባ

ዝፈልጦ ሰብ ውን ስለ ዘይነበረኒ ናብ ዝኾነ ቦታ ክኸይድ ከለኹ ምሱኡ ኢየ ዝኸይድ ኔረ። ሓቂ ምዝራብ ቋንቋ ይሕግዘኒ ኔሩ ዘይፈልጦ ቦታታት ውን ንሱዩ ዘርእየኒ ኔሩ። ካቡኡ ሓሊፉ ግን ካልእ ርክብ ኣይነበረናን።

ቤተ ክርስትያን ዘይከደሉ ዝነበርኩ ድማ ምስ ዲያቆን ተቀያይመ ከለኹ ከመይ ጌረ ቅዱስ ቁርባን ክወስድ ኢልካ ትሓስብ ግድን ኢየ ከቋርጾ በለቶ።ሕጂ ምስ ተስፋኣለም ከመይ ኢዩ ርክብኩም በላ ማትስ፡ ሕጂ ጠቅላላ ተባኢስና እንዲና፡ ብቀደሙ ውን ኣነ ድንዝዝቲ ኮይነ እንበር ብዛዕባ ዲያቆን ዘየለ ነገር ክነግረኒ ከሎ ዕላሙኡ እንታዩ ክግምት ኔርኒ፡ ኣነ ኣብ ልዕሊ ዲያቆነይ ጽልኢ ይኹን ጥርጣረ ንኽሕድር ተስፋኣለም ዘይፈንቀሎ ነገር የለን፡ ኣነ ተገሪህ ንሱ ድማ ሓሳብ ልቡ ሰሚርሉ።ኣብቲ መጀመርታ ምስ ዲያቆን ምስ ተባኣስና ልክዕ ከምዛ ሓልዩ ኣጆኺ ክዓርቀኩም ክፍትን ኢየ እንዳበለ ብዙሕ ነገር ይዛረብ ኔሩ፡ ኣነ ድማ ኣሚነዮ ከም ሓወይ ኢየ ዝሪኡ ኔረ፡ ደሓር ግን ቢቃ ምሽ ኣለካ ከም ገለ ክኸውን ጀሚሩ ከምቲ ዓንተቦይ ዝበልካዮ ዓርከይ ኢያ ገለ ክብል ጀሚሩ፡ ሓደ መዓልቲ ሰኺሩ መጺኡ ዘየድሊ ዘራባ ክዛረብ ምስ ጀመረ ውጻለይ ኢለዮ ቡኡ ዝተላዕለ ሓደን ክልተን ተበሃሂልና፡ ንጽባሒቱ ኣብ ባቡር ተራኺብና፡ ኣሕሪቅኒ ሰላም ኣይበልክዎ፡ ረጊጽክኒ ዶ ትኸዲ ኢሉ ከምዚ ዝበለ ውርደት የለን።ሓቁ ኢዩ ድማ ይግባኣኒ ኢዩ፡ ንዲያቆን ሸዑየ ካብ ልበይ ዘኪረዮ፡ ካብታ ሰዓት እቲኣ ጀሚርና ተራኺብና ኣይንፈልጥን።ሳልሳይ ወርሕና ቀሪቡ በለት ሰምሃር።

ማትስ ኣዕሚቁ ድሕሪ ምስትንፋስ በቃ ደሓን ሰምሃር ሓፍተይ ዝሓለፈ ሓሊፉ ኢዩ ንዝመጽእ መለበሚ ይኹንኩም፡ ኣቢ ዓርከይ ኢዱ ስለ ዝዕለበልኪ ተበሳጭዩ ዘይባህሪኡ ኢዩ ለቢሱ ዘሎ ንስኺውን ካብ ሕሉፍኪ ተማሂርኪ ክትኮኒ ተስፋ ይገብር ሕጂ ምሳና ንዕናይ ዝተረፈ ናይ ውሽጥኹም ንስኽን ኣቢ ዓርከይን ንበይንኹም ትዛራረብሉ ንሕጂ ግን ገጉድለትኩም ኣሚንኩም ይቅረ ይቅረ ተበሃሃሉ፡ ኣታ ማትስ ሓወይ ዲያቆነይ ቂምታ ከምዘይሕዝ ይፈልጥ ኢየ ግን ንዓይ ብቀሊሉ ይቅረ ዝብለለይ ዶ ይመስለካ በለቶ ሰምሃር ምስኪንኪን እንዳ በለት።

ማዕለሽ ሰምሃር ሓፍተይ ወልኳ እቲ ጌጋ ብመሰረቱ ናትኪ እንተኾነ ንዓኺውን ሰብ ኢዩ ኣታሊልኪ፡ ዲያቆን ድማ ኣይኮነን ነዚ ሓቂ ፈሊጥዎ ነዚ ከይፈለጠ ውን ከምዘይ ተቀየመልኪ ከረጋግጸልኪ ይፈቱ።ዲያቆን ዓርከይ ብዙሕ ኣወንታዊ ባህሪ እኳ እንተ ሃለዎ ፍልይ ዝበለ ግን ንዓይ ዘደንቀኒ ግን እንትርፊ ፍቅሪ ጽልኢ ኮነ ቂምታ ዘይፈልጥ ልቢ ምውናኑ ኢዩ። ቁስልኺ ክነድኣኪ ኢለ ዘይኮንኩ 90% ጠንቂ ምፍልላይኩም ንስኺ ኢኺ ኣቢ ዓርከይ ግን ንስኺ ጌጋ ከም ዘይብልኪ እቲ ጌጋ ናቱ ሙኺኑ ኢዩ ዝዛረብ በላ ማትስ።ሰምሃር ናይ ጣዕሳ ስምዒት ንገጻ ሙሉእ ብሙሉእ ሸፈኖ፡ኣሕ ዋይ ሓወይ ኣብ ገለ እባ ኣእትየዮ ድማ በለት።ደሓን ከሙኡ ኣይትበሊ ሰምሃር ሓፍተይ ዘይጋገ ሰብ መኣስ ኣሎ ኮይኑ፡።ሕጂ ጥራሕ ንዲያቆን ናብ ናይ ቀደም ሂወቱ ክትመልስዮ ፈትኒ መለበሚ ድማ ይኹንኪ በልክዋ። ኣምላኽ ተሓዊስዎ ናይ ዕርቂ መንፈስ ሊኢኽልና።ሰምሃር ጌጋኣ ኣሚና ንዲያቆን ድማ ከምቲ ዝደልዮ ዓይነት ሰብ ክትኮነሉ ምኟና ቃል ኣተወትልና።

ማትስ ንዲያቆን ናይ ልቢ ሓቅኛ ዓርኩ ሙኺኑ ሸዑዩ ኣመስኪሩ፡ ካብ ሓጎስ ዝተላዕለ ካብ የሚንቱ ንብዓት ጀረብረብ ኣበለ፡ተመስገንካ ኤልሻዳይ ኣምላኽይ ነዚ ርህሩህ ዝኾነ ዲያቆን ዓርከይ ብዓይኒ ምሕረትካ ጠሚትካ፡ ካብ ውዲት ሰይጣን ንኽምልጥ ዘፍቀድካሉ ዘይውዳእ ምሳጋና ይብጻሕካ። ጎይታየ ንዓይ ዝረኸበትኒ መጻወድያ ንኽይትረኽቦ ዝጸለኽዎ ጸሎት ሓጥያተይ ከይረኣኻ መልሲ ሂብካኒ ኢኻሞ ሕጂውን ተመስገን። ድንግል ማርያም ኣደይ ተማሕጺነኪ፡ ምሕጽንታይ ድማ ንብሩኽ ወድኺ ነኺርክለይ ኢኺሞ ምስጋና ይኹንኪ በለ። ማትስ ካብ ልሳኑ ጸርፊ እንበር ከምዚ ዓይነት ቃላት ከውጽእ ኣኣሚዐዮ ኮነ ገሚተዮ ስለ ዘይፈልጥ፡ኣመና ተገሪመ፡ ብፍላይ እታ ንዓይ ዝረኸበትኒ መጻወድያ ትብል ቃል ልበይ ተንከፈትኒ። ማትስ ዘይንሱ ኢዩ መሲሉ ለካ ዲያቆን ዝበለንስ ሓቁ ኢዩ ማትስ ኩፉእ ባህሪ ዘለዎ ሰብ ኣይኮነን ድማ በልኩ።ማትስ ገጹ ብናይ ሓጎስ መንፈስ በሪሁ ኢዩ ኔሩ፡ በሊ ሰምሃር ሓፍተይ ዲያቆን ከኣ ኣብ ገዛ ኮይኑ ይጽበየና እንድዩ ዘሎ ንዕናይ ጓሂ ናይ ውሽጡ ንቀንጥጠሉ በላ ማትስ። ሰምሃር ክዳና ቀይራ ተተሓሒዝና ካብ ገዛ ውጽእ ምስ በልና ማትስን ሰምሃርን ንሓደ ወዲ ሪኡም ፈቅ ኢሎም ሰንበዱ፡ማትስ ገጹ ንእለት ኢዩ ተቀይሩ፡ ሰምሃር ውን ብጊደኣ ገጻ ገጽ ነብሪ ኣምሰለቶ፡እቲ ወዲ ውን ደው በለ ነንሕድሕዶም ንኻሊኢታት ምስ ተጠማመቱ ቅልጣፈ ብዘለዎ ኣሳጉማ ናባና ገጹ ኣምረሐ ልበይ ብፍርሕን ስንባደን ህርመታ ክትውስኽ ጀመረት። ማትስ ንባእሲ ተዳሎ ዝተባህለ ክመስል ኣእዳዉ ክስብስብ ጀመረ .....

****

25 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጠንቂ ናይ ዲያቆንን ሰምሃርን ምፍልላይ ተስፋኣለም ምኽኑ ኣንቢብና ኔርና፡ ሰምሃር ውን ብዘረባ ናይሰብ ትደፋፈኣ ንዲያቆን ልቡ ስለ ዝነዳኣቶ ከም ዝተጣዓሰትን ንመጻኢ ድማ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ክትኮነሉ ምኽናን ቃል ኣትያ ኔራ፡ ማትስ ድማ ናይ ዲያቆን ዓርኩ ጭንቀት ክውገድ ስለ ዝረኣየ ንኣምላኽ ኣመስጊኑ ኔሩ፡ እቲ መስርሕ ዕርቂ ንኽፍጸም ካብ ናይ ስመሃር ገዛ ወጺና ናብ ዲያቆን እንዳኸድና ከለና ድማ ሰምሃርን ማትስን ንሓደ ሰብ ሪኦም ከም፡ዝሰንበዱ ንዑኡ ሪኦም ደው ከም ዝበሉን ኣንቢብና ኔርና ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ወዲ ውን ደው በለ ነንሕድሕዶም ንኻሊኢታት ምስ ተጠማመቱ ቅልጣፈ ብዘለዎ ኣሳጉማ ናባና ገጹ ኣምረሐ ልበይ ብፍርሕን ስንባደን ህርመታ ክትውስኽ ጀመረት። ማትስ ንባእሲ ተዳሎ ዝተባህለ ክመስል ኣእዳዉ ክስብስብ ጀመረ .....

እቲ ወዲ ቅልጣፈ ብዝተሓወሶ ኣሳጉማ መጺኡ ኣብ እግሪ ሰምሃር ወዲቁ፡ ሰምሃር ሓፍተይ ይቅረ ግበርለይ በዲለኪ ኢየ ኣይትሓዝለይ በለ።ሰምሃር ግን ኣየላበወቶን ከማን ግዚኡ ሓሊፉ ኢዩ፡ ይቅሬታ ትብለሉ ግዜ ሕጂ ኣይኮነን ቀደምዩ ክትጠዓስ ኔሩካ፡ ሕጂ ደኣ ጉድካ ተቃሊዑ እንድዩ ኢላ ገዲፉቶ ከደት።እቲ ወዲ ኣዒንቱ ናብ ማትስ ገጹ ለኣኸን፡ ማትስ ድማ ተስፋኣለም ብጣዕሚ ተጋጊኻ ዲያቆን ዝኣክል ሂወቱ ከምዚ ገርካ ከተማሳቕሎ ልብኻ ከመይ ገሩ ገርልካ እሞ ድማ መተዓብይትኻ፡ ወረ ኣብ ምንታይካ ኢዮም ዊሲሎም በሎ። ኣታ ዳዊት ሓወይ ንስኻስ እባ ተረዳኣኒ በቃ ሕማቅ መዓልቲ ዊሲለ፡ ሕጂ ግን ኩሉ ነገር ተረዲኡኒ ኢዩ በጃኹም ይቅረ ግበሩለይ በሎ ምስኪንኪን እንዳበለ።

ማትስ ትኽክለኛ ስሙ ዳዊት ሙኺኑ ሽዑየ ፈሊጡ።ተስእ እሞ ደሓን, ሕጂ ተሃዊኽና ኣለና ተሌፎነይ ኣለካ ምሽ ደውለለይ ክንዛራረብ ኢና በሎ ማትስ፡ ተስፋኣለም ብልቢ ከም ዝተጣዕሰ ኣብ ገጹ ብንጹር ኢዩ ዝንበብ ኔሩ፡ኣቲ ሰምሃር ሓፍተይ ተንበርኪኹ እንዳለመነክስ ይቅረ ዘይትብልሉ በልክዋ ቅሩብ ፍንትት ምስ በልና እንዳ ተሰከፍኩ።

ሚሊ ሓፍተይ ኣይፈለጥክዮን ብቀሊሉ መኣስ ይቅረ ዝበሃለሉ ተግባር ፈጺሙ፡ ኣይሰመረሉን እንበር ክልተ ነብሳት ኢዩኮ ካብ ኣምላኽ ፈልዩ ናብ ሰይጣን ኣረኪቡ፡ እግዚኣብሄር ረዲኡና እንበር ሓሳቡስ ካልእ ኮ ኔሩ፡ ሕጂ ድማ ብተግባሩ ዝተጣዕሰ ከይመስለኪ ጉዱ ከም ዝተቃልዐ ስለ ዝፈለጠ ይቅሬታ ኢሉ መእተዊ ኢዩ ዝደሊ ዘሎ በለትኒ።

ማትስ ደኣ ዳዊት ድዩ ስምካ በልክዎ ዝን ኢሉ ስለ ዝነበረ ካብ ሓሳብ ክገላግሎ ኢለ፡ ፍሽኽ ድሕሪ ምባል ክሳብ ሕጂ ዲኺ ስመይ ዘይትፈልጥዮ ኔርኪ በለኒ፡ኣይፈልጦን ኢየ ኔረ ሕጂ እንድየ ዳዊት ክብለካ ሰሚዐዮ በልክዎ፡ኣቦይን ኣደይ ዘውዱኡለይ ስም ዳዊት ኢዩ ግን መብዛሕቲኡ ሰብ ስመይ ኣይፈልጦን ኢዩ ብሳጓይ ኢዮም ዝጽውዑኒ በለ፡ማትስ ደኣ ካበይ ኢያ መጽያ በልክዎ እንዳ ሰሓቕኩ፡ንዓይ ወዝቢ ኢያ ኔራ ንዑኡ ግን ሓሲቡ ዘውጻኣለይ ሳጓ ኢያ ማለተይ ሃንደበት ኣይኮነትን በለኒ ። ክገርመካ ናትካ ኢዩ ሂቡካ በሊሕ ሰብ ኢዩ ነዛ ሳጓ ዘውጻኣልካ ናይ ብሓቂ ማትስ ኢኻ በልክዎ፡ንስኺ ደኣ ወሪዱኪ ዘይ ነዘን ዝጸረፍኩኺ ሪኢኺ ኢኺ ትኾኒ ንሱ ግን ነዛ ሳጓ ምስ ብዙሕ ኢዩ ዘተኣሳሳራ።ከይትግረሚ እንበር ዲያቆን ዓርከይ ኢዩ ኣውጺኡለይ በለኒ፡ መን ዲያቆን? ዲያቆን እዚ ናትና በልክዎ ብኣግርሞት፡ ርእሱ እንዳነቅነቀ ድማ እወ በለኒ፡

ናብ ናይ በዓል ዲያቆን ገዛ እትወስድ ትረይን (ባቡር) ስለ ዝመጸትና ጉዕዞና ናብ ዲያቆን ኮነ። ኣነን ሰምሃርን ብሓንሳብ ኮፍ ኢልና ስለ ዝነበርና፡ ሰምሃር ሃንደበት ሚሊ ሓፍተይ ኣነስ ፈሪሐ እምበር በለትኒ፡ኣበሃህላኣ ስለ ዝተረዳኣኒ ኣጆኺ ሰምሃረይ ኣይትፍርሒ በልክዋ፡እንድዒ ጓለይ ከመይ ኢለየ ገጽ ዲያቆን ክርኢ በለት፡ ብትኽክል የሰክፈካ ኢዩ ግን ሰምሃረይ ንሱ ልዕሌኺ ገጽኪ ንምርኣይ ተሃዊኹ ስለ ዘሎ ትብዒ ኣይትፍርሒ፡ ባእሲ እንበር፡ ዕርቂ ሰላም ኣየፍርሕን ኢዩ በልክዋ፡ገዛ ክሳብ ንበጽሕ ሰምሃር ካብ ዲያቆን ምስ ተፈልየት ቅሳነት ከም ዘይረኽበት፡ ምኽሩ፡ ሓልዮቱ፡ ፍቅሩ፡ ትዕግስቱ ዕላሉ ኮታስ ኩለንትኑኡ ምስ ሰኣነት ሰላማ ውን ምሱኡ ከም ዝሃደመ ኢያ ኣዕሊላትኒ።

ክገርመኪ ሚሊ ሓፍተይ ሓደ መዓልቲ ዲያቆን እንታይ ኢሉኒ መስለኪ ካብዛ ዘለኽዋ ዕለት ክሳብ ግዜ እርጋነይ ብሓንሳለይ ሓፈሻዊ ናብራይ ማለተይ ከመይ ከም ዝኸውን ክስእሎ ሓዲረ፡ኩሉ ደሓን ኔሩ ገሊኡ ሃሳስ ገሊኡ ንጹር ስእሊ ይህበኒ ኔሩ፡ ምናልባት ከም ገለ ሰምሃር ካብ ሂወተይ እንተ ተኣልያ ክህልወኒ ዝኽእል ስእሊ ኢለ ነእሙሮይ እንተፈተሽክዎ ግን

ወላ ከምጻላለይ ክረኽቦ ላይከላልኩን፡እዚ ማለት ድማ ሰምሃረይ ንስኺ ካብ ጎነይ እንተሪሒቅኪ እንታይ ከም ዝኸውን እንድዒ፡ ሰምሃረይ ፕሮሚስ ጽቡቅ እኳ ተዘይኮነ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንኸይትፍለይኒ ግን ቃል እተውለይ ኢሉኒ ኔሩ።

ቃለይ ከም ዝሰበርኩ እቲ ካቡኡ ዝረኽቦ ዝነበርኩ ሓልዮት ምኽሪ ፍቅሪ ኮታስ ኩሉ ነገር ምስ ሰኣንክዎዩ ተረዲኡኒ፡ ዲያቆን ይቅረ ተገበረለይሲ እቲ ዝሰበርክዎ ቃል ከ ኣይፈርደንን ዶ በለት።ሰምሃረይ ኣጆኺ ከሙኡ ኣይትበሊ ኣብ ጉዕዞ ፍቅሪ ምባኣስ ምግርጫው ዘሎዩ ንዓኺ ድማ ሰብ ኢዩ ኣታሊልኪ እምበር ንዲያቆን ክትብድሊ ኢልኪ ኣይኮንክን፡ ንስኺ ጥራሕ ንጌጋኺ ኣይትድገምዮ ደኣምበር መሊሱ ኢዩ ከለብመኪ፡ ዘረባና ከይወዳእና ከለና ንወርደሉ ቦታ ስለ ዝበጻሕና ማትስ ካብ ኮፍ መበሊኡ ብድድ ኢሉ ንዓናይ በላ ንውረድ በለና።

ካብ ባቡር ምስ ወረድና ናብ ገዞኡም ብእግርኻ ቀረባ ስለ፡ዝኾነ ቀልጢፍና ኢና በጺሕና፡ ማትስ መፍትሕ ኣውጺኡ ማዕጾ ክኸፍት ምስ ጀመረ ሰምሃር ትርግታ ልባ ህርመቱ ክውስኽ ጀመረ፡ ኡፍፍፍፍ ኢላ ኣዕሚቋ ድሕሪ ምስትንፋስ ገጻ ብትእምርቲ መስቀል ኣማዕተበት።ኮረድዮ ሓልፍና ናብ ሳሎን ገጽና ምሰምራሕና ዲያቆን ብትሑት ድምጺ ያሬዳዊ ዜማ ኢዩ ዘዝይም ኔሩ፡ ዲያቆን ድምጹ ድምጺ ኣዕዋፍ መሮር ኢዩ ዝጥዕም። ምስቲ ጣዕሙ መወዳድርቲ ዘይብሉ እዝሊ ዝበሃል ያሬዳዊ ዜማ ኣወሃሂዱ ከዚሞ ከሎ ኣዝዩ ኢዩ ዝምስጠካ፡ማትስ ኣብ ኣፍደገ ናይ ክፍሊ ሳሎን ምስ በጸሐ ደው በለ።ኩላትና ድማ ደው በልና ድምጹ ኣትሕት ኣቢሉ ድማ ይወድእ ሓንሳብ ንጸበዮ በለና።

ናብ ማትስ ጽግዕ ኢለ ጸሎት ዲዩ ዝገብር ዘሎ በልክዎ፡ዕለቱ መድሃኒ ኣለም ስለ ዝኾነ ብዛዕባ ስቅለት ጎይታ እትገልጽ እሴብህ ጸጋከ ኦ ወልድ ዋህድ ትብል ዜማ ኢዩ ዘዝይም ዘሎ በለኒ።ከገርመኪ ዲያቆን ኣቤል ዓርከይ ቀደም ነዛ ዜማ እዚኣ ከዝይም ከሎ ንብዓት ኢዩ ዝስዕሮ ኔሩ ብጣዕሚ ኢያ ትምስጦ ሕጂ ውን ርግጸኛ ኢየ እንዳነበዐ ኢዩ ዘዝይማ ዘሎ በለኒ፡ዲያቆን ኣቤል ዜሙኡ ወዲኡ፡ ካብ ሰማይ ሰማያት ናብ ምድሪ ወሪዱ

ንደቂ ሰባት ኢሉ ተዋሪዱ

ሓጥያት ዘይባህሪኡ ዘይናይ ኣምላኽነቱ

በጃይ ተሰቂሉ ኣብ ማእከል ሸፋቱ

ናትና ፍቅሪ ስሒብዎ

ተሰቂሉ ኣብ ቀራንዮ ጎቦ.....

ትብል መዝሙር ክዝምር ምስ ጀመረ ማትስ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣቢሉ መሪሑና ኣተወ።ዲያቆን ብፍጥነት ካብ ኮፍ መበሊኡ ተሰኣ። ሰምሃር ድሒራ ስለ ዝነበረት ኣይረኣያን ኢዱ ንሰላምታ ሰዲዱ ኣእዳውና ምስ ጨበጠ፡ ክዛረብ ጅምር ከብል ሰምሃር ስለ ዝኣተወት ሪኢዋ ፍዝዝ በለ፡

ሰምሃር ግን ቅልጥፍ ኢላ መጺያ ኣብ እግሩ ወደቀት፡ ዲያቆን እውን ብፍጥነት ክልተ መንኩባ ሒዙ ኣተሳኣ። ዲያቆን ሓወይ እንታይከም ዝብለካ እንድዒ ግን በቃ ድኽመተይ ሪኢኻ ይቅረ ግበረለይ ልብኻ ሴረዮ በዲለካ ኢየ በለቶ፡ኣባይኪ ሰምሃረይ ኣነየ በደለኛ ንስኺ ታይ ጌርኪ ምስ በለ ሰምሓር ሓቀኑፋ ሰዓመቶ።ዲያቆን ድማ ተመስገንካ ኣምላኽ ኣቦይ ተረሓሒቀን ዝነበራ ነብሳት ብቸርነትካ ኣቀራራብካየን ኢኻ ሞ ምስጋና ይኹንካ በለ፡ቡኡነት ሚልን ማትስ ዓርከይን ሰብ ውዕለተይ ዒኹም ኣብ ካሕሳኹም የውዕለኒ በለ ናባና ገጹ እንዳጠመተ።ምስጋና ዘድልዮ ነገር ኣይኮነን ከተመስግኑ እንተኮንኩም ድማ ንሚሊ ኣመስግንዋ ንሳያ ስራሓ ገዲፋ ካብ ብሪመን ናብዚ መጽያ ዘላ እንበር ኣነ ደኣ እንታይ ጌረ በለ ማትስ፡ ዎ ወሪዱኒ ኣነ ታይ ጌረ ክምስገን ዝግቦኡ ኣምላኽ ጥራይ ኢዩ ሕጂ ንመሳገነሉ ግዜ ኣይኮነን እንቋዕ ጥራሕ ነዛ ብርኽቲ ዕለት ኣብጻሓና በልክዎም።

ቡን ጌርና ክንስሕቅ ክንጻወት ግዜ፡ስለ ዝኸደ ኩቡራት ኣሕዋት እሞ ኣነ ክገድፈኩም መስዩ ምስ በልክዎም፡ ሰምሃር ናበይ ዲኺ በለትኒ፡ኣብዚ ኣላ መሓዛይ ምሳኣ ኢየ ዘለኹ ከይመሰየ ከሎ ክኸይድ በልክዋ፡ደሓን ክስታይ ግበሪ ተሊፎን እሞ ደውልላ ከትሻቀል ንገርያ።ኣነ በይነይ ስለ ዝኾንኩ መተሓድርቲ ትኾንኒ በለትኒ። በቲ ሓሳብ ተሰማሚዕና ተፋኒናዮም ናብ ናይ ሰምሃር ገዛ ከድና።

ዲያቆን ንጎሆ ተሌፎን ደዊሉ ንሰምሃር ደሊዋ ከም ዘሎ ንበይና ክትመጽእ ሓበራ፡ ሰምሃር ልባ ዝተፈራረቀ ሓሳብ ሒዙ ናብ ዲያቆን ከደት፡ኣነ ድማ ንማትስ ደዊለ ንብሪመን ክኸይድ ሙኺነይ ቅድሚኡ ግን ክረኽቦ ከ ዝደሊ ነገርክዎ።ዲያቆንን ሰምሃርን ምስ ተራኸቡ ቀዲሙ ዘረባ ዝጀመረ ዲያቆን ኢዩ ኔሩ፡ሰምሃር ሓፍተይ ብሰንኪ ዝተፈጥረ ኣጋጣሚ መገድና ሲሒትና ኳ ተዘይበልኩ ጉዕዞና ግን ኣቋሪጽናዮ ኢና ኔርና፡ ኣነ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ብሃንቀውታ ኢየ ዝጽበያ ኔረ ኣምላኽ ፈቂድቆ ድማ እዛ መዓልቲ መጺያ ኣላ።

ሕጂ ክብለኪ ደልየ ዘለኹ ነባት ነብስና ክንረኽቦም ኢና፡ ኣነ ኣብዚ ዓዲ ዘሎ ገዳም ክኸይድ ሓሲበ ኣለኹ ንስኺ ድማ ንስሃ ወሲድኪ ጽንሕኒ ምስ ተመለስኩ ብዛዕባ መጻኢና ክንዘራረብ ኢና በላ።ሰምሃር እታ ናብ ገዳም ክኸይድ ኢየ ትብል ቃል ስለ ዘይተዋሕጠትላ።እሺ ዲያቆን ሓወይ ግን ገዳም ኢልካኒሞ ገዳም ደኣ ናይደሓን ዲኻ ክትከይድ በለቶ፡ዲያቆን ፍሸኽ ድሕሪ ምባል ናይ ደሓን ዩ መቸም ከሙኡ ኳ ኣይበሃልን እንድዩ ግን ሰምሃረይ ኣነ ዲያቆን ክንሰይ ዘይከም ካሎኦት ዲያቆናት ቁሩብ ኣንፈተይ ሲሒተ ኔረ ኢየ።

መጀመርታ እተን ኣብ ተልእኾ ምስጢር ዓቢ እጃም ዘለወን ኣእዳወይ ኣባኺ ስለ ዘዕለብክወን፡ ከሙኡ ውን ስጋን ደምን ናይቲ መድሕን ዓለም ዝኾነ ወልደ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዝበልዐትን ዝሰተየትን ኣፈይ ንስጋይ ብዘይ ምምላኽይ ዝሰተኹሉ መዓልታት ኣሎ፡ሰትየ ውን ኣብ ክንዲ ብሓጥያተይ ዝነብዕን ዝጉህን ንዓኺ ምስኣነይ ዝነባዕክዎ መዓልታት ስለ ዘሎ ሱባኤ ክኣቱ ይግባኣኒ ኢዩ፡ ሽሕ እኳ ሓጥያተይ ከም ሑጻ ባሕሪ ከም ከዋኽብቲ ሰማይ እንተኾነ ምብዝሑ ካብቲ ዘይውዳእ ምሕረት ኣምላኽ ከምዘይበዝሕ ስለ ዝኣምን ናይ ክልተ ሰሙን ሱባኤ ኣትየ ምስ ኣምላኽይ ክዕረቅ ወሲነ ኣለኹ፡ ካብ ሕጂ ንደሓ ንድሕሪት ዝጥምተሉ ኣብነት የብለይን። ንስኺ ውን ምስ ኣቦና ተረዳዲእኪ ቁዱስ ቁርባንኪ ጀምሪ በላ።

ማትስ ምጻእ ደልየካ ኣለኹ ምስ በልክዎ ኣይደንጎየን ቀልጢፉ ኢዩ መጽዩ፡ ሰላምታ ምስ ተለዋወጥና እንታይ ደኣ ክትከዲ ወሲንኪ በለኒ፡፡እወ ዳዊት ሓወይ ትምህርቲ እኮ ኣለኒ ግድን ክምለስ ኢየ እንቋዕ ጥራሕ በዓል ዲያቆን ከምዚኣ በሉ እንበር ክምለስ ኢየ ሕጅስ በልክዎ።እንታይ ደኣ ናይ ደሓን ዲኺ ደልየካ ኣለኹ ኢልክኒ፡ ናይ ደሓን ኢዩ ክብለካ ደልየ ዘለኹ ክልተ ነገራት ኢየን፡ ቀዳመይቲ ብዛዕባ ዲያቆን ኣቤል ኢያ፡ ዲያቆን ኣቤል በሊሕ ናይ ስነ ጥበብ ተውህቦ ዘለዎ ሰብ ኢዩ ስለዚ ንስኻ እንተደኣ ሓጊዝካዮ መንፈሳዊ ድራማ ክሰርሕ ኮነ መዝሙር ክሓትም ይኽእል ኢዩ።

እታ ናይ ግጥሚ ጥራዙ ሪኤያ ኢየ ግጥምታቱ ብጣዕሚ ሓያላት ኢዮም ምስዞም ትምህርቲ ሰንበት ተረዳዲኡ መዝሙር ከሕትም ይኽእል ኢዩ ስለዚ ናትካ ሓገዝን ድፊኢትን ከድልዮ ኢዩ።

እታ ካልኣይቲ ድማ ብዛዕባኻ ኢያ፡ዲያቆን ከም ዝነበርካ ይፈልጥ ኢየ ወላኳ ፍቃዱ ኮይኑ ቡኡ ተዘይ ቀጸልካ፡ ግን ዘለካ ትምህርትን ፍልጠትን ኣብ ውሽጥኻ ተቀቢሩ ክተርፍ የብሉን።መምህር ወንጌል ኮንካ ታሪኽ ሂወትካ ንባዕሉ ንብዙሓት ሰባት ክምህር ክቅይር ይኽእል ኢዩ ስለዚ ናብታ ዘዕበየትካ ቤተክርስትያን ተመለስ፡ቅዱስ የውሃንስ ኣፈወርቅ እንታይ ኢዩ ኢሉ ወድቀት ኣዳማዊ ኢዩ ወዲቅካ ዘይምትሳእ ግን ዲያብሎሳዊ ኢዩ። ንዓኻ ኣይጠፍኣካን ኢዩ ዳዊት ሓወይ ልዕለይ ኩሉ ነገር ንስኻ ትፈልጦ ጥራሕ ሕሰበሉ በልክዎ።

ሚሊ ሓፍተይ ከምቲ ንስኺ ትሓስብዮ ቀሊል ነገር ኣይኮነን፡ ሓደ መንፈሳዊ ሰብ እንተወዲቁ ንኽትስእ ከቢድ ኣይኮነን፡ ወዲቁ እንተተሴሩ ግን ንኽጽገን ግዜ የድልዮ ኢዩ ስለዚ ኣነ ውን ክሳብ ዝጽገን ግዜ ከድልየኒ ኢዩ። ባይዘወይ ብልቢ ኢየ ዘመስግነኪ ከምዚ ዓይነት ምኽሪ ብዘይካ ዲያቆን ዓርከይ ማንም ሰብ መኺሩኒ ኣይፈልጥን ኢዩ ዳንከ ሚሊ ሓፍተይ፡ካልእ ግዜ ኣስፈሕና ክንዘራረበሉ ኢና ሕጂ ግን ምስ ተስፋኣለም ቆጸራ ስለ ዘለና ኣነ ክከይድ ኢየ ንዓኺ ድማሰናይ ጉዕዞ ክድውለልኪ ኢየ ኢሉ ተፋንይኒ ከደ።

ተስፋኣለምን ዳዊትን ምስ ተራኸቡ ንቡር ዝኾነ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፡ ዳዊት ከምዚ በሎተስፈ ብልቢ ብዝገበርካዮ ጊጋ እንተደኣ ተጣዒስካ ኣነ ምስ በዓል ዲያቆን ክዓርቀካ ኢየ ቅድሚኡ ግን ሓደ ነገር ክሓተካ ኢየ ከይሓባእካ ከም ትነግረኒ ቃል እተወለይ በሎ፡ተስፋኣለም ድማ ዝፈልጦ ተኾይኑ ከምዘይሓብኣልካ ቃል ይኣትወልካ በሎ።

ኦኬ ጽቡቅ እንበኣር፡ ሰምሃር ምስ ዲያቆን ምስ ተበኣሰት ዝነበረ ኩነታታ ከመይ ከም ዝነበረት ክትነግረኒ ደልየ ኣለኹ በሎ። ተስፋኣለም ድማ.....

****

26 ክፋል

ኣብ ዝሃለፈ ክፋል ዲያቆንን ሰምሃርን ፍቃድ ኣምላኽ ኮይኑ ይቅረ ይፍታሕ ተባሂሎም ከም ዝነበሩ ኣንቢብና ኔርና፡ ተስፋኣለም ውን ካብ ጌጉኡ ተማሂሩ ንሰምሃር ይቅረ ሓቲትዋ ኔሩ፡ ኣነ ድማ ናብ ብሪመን ዝምለሰሉ ግዜ ስለ፡ዝኣኽለ ንዳዊት ረኺበ ብዛዕባ መጻኢ ዲያቆንን ንሱውን ካብቲ ዘለዎ ሂወት ተኣልዩ ናብታ ዘዕበየቶ ቤተክርስትያን ክምለስ ወስ ኣቢለሉ ኔረ።

ብከምዚ ተፈላሊና ኣነ ናብ ብሪመን ማትስ ድማ ናብ ተስፋኣለም፡

ኣብ መወዳእታ ድማ.....

ተስፌ ብልቢ ብዝገበርካዮ ጊጋ እንተደኣ ተጣዒስካ ኣነ ምስ በዓል ዲያቆን ክዓርቀካ ኢየ ቅድሚኡ ግን ሓደ ነገር ክሓተካ ኢየ ከይሓባእካ ከም ትነግረኒ ቃል እተወለይ በሎ፡

ተስፋኣለም ድማ ዝፈልጦ ተኾይኑ ከምዘይሓብኣልካ ቃል ይኣትወልካ በሎ።

ኦኬ ጽቡቅ እንበኣር፡ ሰምሃር ምስ ዲያቆን ምስ ተበኣሰት ዝነበረ ኩነታታ ከመይ ከም ዝነበረት ክትነግረኒ ደልየ ኣለኹ በሎ

ተስፋኣለም ድማ,,,,,,,,,,ይቅሬታ ማትስ ዓርኪይ ሕቶኻ ኣይነጸረለይን ከመይ ማለትካ ኢዩ? በሎ።

ሓፈሻዊ ኣካይዳኣ ከመይ ኔሩ ካብ ዲያቆን ምስ ተፈልየት? በሎ ማትስ።

ተስፋኣለም ኣዕሚቁ ድሕሪ ምስትንፋስ ማትስ ዓርኪይ ብርግጽ ቤተክርስትያን ምኻድ ኣቋሪጻቶ ኢያ፡ እንተኾነ ባህርያታ ፈጺሙ ኣይተቀየረን፡ ጸሎት ኣይተቋርጽን ኢያ ንዲያቆን ቀጻሊ ኢያ ትዝክሮ፡

ኣነየ ነገራት ዘበላሽዎም ኔረ እንበር ንሳስ ቀጻሊ ኢያ ብዛዕባ ዲያቆን ትሓስብ። ንሂወተይ ዝቀየረ ሰብዩ ኢያ ትብል።

ኣብ ሰሃራ ከኣ እንድዒ ታይ ከም ዝገበረላ ዲያቆነይ ኣብ ሰሃራ ዝገበረልና ማንም፡ሰብ ኣይገብሮን ኢዩ።

መቸም ካብ ኣፋ ኣይተውጸኦን ኢያ ኔራ፡

ካብ ዝገርመካ ዳየሪ ኔራታ ሓደ መዓልቲ ከይረኣየትኒ ወሲደ ኣንቢበያ፡ ዳርጋ ብሙሉኡ ብዛዕባ ዲያቆን ኢዩ ኔሩ፡ ካብ ኩሉ ዝገረመትኒ ግን ንዓይን ንዲያቆንም ኣነጻጺራትና፡ ከምዚላ ድማ ጺሒፋ.....

ተስፋኣለም ቀጻሊ ግዳማዊ ትርኢተይ የድንቀኒ ካብ ጽፍሪ እግረይ ክሳብ ጸጉሪ ርእሰይ፡

ዲያቆን ግን ሳሕቲ ማርያም ዓዲላትኪያ ምልክዕቲ ኢኺ ተዘይኮይኑ ጸጉርኺ ዓይንኺ እንዳበለ ግድማዊ ጽባቀ ካብ ምድናቅ ንልዕሊ ንዘለዉኒ ኣሉታውያን ባህርያተይ ንምቅያር ኢዩ ዝጽዕር።

ከሙኡ ድማ ተስፋኣለም ብዛዕባ ነብሱ ከምዚ ጌረ ከምዚ ሰሪሐ ከምዚ ፈጺመ ኢሉ ንነብሱ ልዕል ከብላ ከሎ፡

ዲያቆነይ ግን ባንጻሩ ዝገበሮም ጉድለታት እንዳነገረ ንዓይ መለበሚ ንዑኡ ድማ ትሕት መበሊ ኢዩ ዝገብሮ። ንዘለዎም ናይ ባህሪ ምፍልላይ ከነጻጽር ከለኹ ድያቆን ሙሉእ ሰብ ኮይኑዩ ዝስምዓኒ።

ከምዚላ ያ ጺሒፋ ሸውየ ኣነ ኣብ ልዕሊ ዲያቆን ዘለዋ ፍቅሪ ክውስኽ እንበር ክንድል ከምዘይክእል ምስ ፈለጥኩ ተስፋ ቆሪጸ።

ብዛዕባ ካልእ ባህርያታ ግን ብዙሕ ዘገድሰካ ኣይመስለንን በሎ ተስፋኣለም ናብ ገጹ እንዳጠመተ።

እሺ ተስፈ ዓርከይ ንምንታይ ከም ዝሓተትኩኻ ኣይትስሕቶን መስለኒ ሕጂ ድማ ንስኻ ኩሉ ነገር ካብ ተረዳኣካ ንዲያቆንን ሰምሃር ኬድካ ይቅሬታ ሕተቶም፡ ዲያቆን ይቅረ ከም ዝብለልካ 100% ርግጸኛ ኢየ ሰምሃር ኢያ ቁሩብ ከተሸግር ንሱ ድማ ናባይ ግደፎ፡

ሕጂ ኣነ ክኸይድ ክገድፈካ ስራሕ ኣላትኒ ኢልዎ ገዲፍዎ ከደ።

ካብ ሃምቦርግ ተመሊሰ ብሪመን ምስ ኣተኹ ክዳነይ ከማን ኣይቀየርኩን ቀጠታ ናብ በዓል ሳሌም ኢየ ደዊለ ሰላምታ ተለዋዊጥና ምስ ወዳእና ኩሉ እቲ ዘጋጠመ ብሰፊሕ ኣዕለልክወን።

ሳሌም ናይ ዲያቆን ነገር ምስ ሰመዐት ብልቢያ ሓዚና፡ ፊዮሪ ድማ ዋይ ኣነ ኣሕዋተይ ለካ ጸላኢሰናይ ኢዩ ከምዚ ጌሩ ኣረሓሒቅዎም ኔሩ በልስኪ መወዳእቱኡ እንቋዕ ኣጸበቆ፡

ሰምሃረይ እንድያ ህውኽቲ ኮይና እንበር ንዲያቆንሲ ኣጸቢቃ ኢያ ትፈልጦ፡ ብዝኾነ ደሓን መለበሚ ኣይግበርካ መለበሚ ኣይኽላእካ ድዩ ዝበሃል መለበሚ ይኾና በለት።ኣዕሊልና ምስ ወደእና ሓንቲ መዓልቲ ተተሓሒዝና ክንከዶም ምኟና ተረዳዲእና ተፈላለና።

ዲያቆን ገዳም ንኽልተ ሳምንታት ዝኣክል ድሕሪ ምጽናሕ ሱባኤኡ ወዲኡ ናብ ሃምብሩግ ተመልሰ፡ ሰምሃርውን ምሰቦይ ቀሺ ተዘራሪባ ቀነኖኣ ስለ ዝወደኦት ቅዱስ ቁርባን ክትወስድ ተዳለወት፡ እንተኾነ ዳዊት ከምዚ በላ.....

ሰምሃር ቅዱስ ቁርባን ንምውሳድ ብቅዕቲ ዲኺ ማለተይ ይግባኣኪ ድዩ???

ሰምሃር ብስንባደ ወታእታእ እንዳበለት ዳዊት ሓወይ እንታይ ኢኻ ትብለኒ ዘለኻ ብርግጽ ብሓጥያት ዝተመላእኩ ሰብየ ግን...

ከሙኡ ማለተይ ኣይኮንኩን ሰምሃረይ ኣብ ቀዳማይ ቆሮንጦስ 11፡27 እቲ ከይተገበኦ ስጋን ደምን ናይ ጎይታ ዝበልዕ ንሱ ኣብ ልዕሊ ጎይታ ኢዩ ዝብድል ዝብል ጽሑፍ ኣሎ፡ ሓጥያተኛ ኢኺ ኣይኮንኩን ዝብለኪ ዘለኹ ቅዱስ ቁርባን ንምውሳድ ግን ነብስኺ ካብ ቂምን በቀልን ሓራ ክትገብርያ ኣለኪ።

ቅዳሴ ክጅመር ከሎ ገና ኣብ ቁርባን ከይበጻሕና ዲያቆን እንታይ ይብል መስለኪ

ሰብ ኣብ ልዕሊ ብጻዩ ቂምን በቀልን ኣየሕድር እንዳበለ የጠንቅቅ፡

ቀጺሉ ውን ካህን ንጹህ ዝኾነ ይቀበል ንጹህ ዘይኮነ ግን ኣይቀበል እንዳበለ ይነግረና፡ ዝኹሉ ዝብለኪ ዘለኹ ታይ ንምባልዩ ከይትብሊ ምስ ተስፈ ክትዕረቁ ኣለኩም፡ ብቀዳማይ ሓሪቅኪ ስለ ዝነበርኪ ሽግር የብሉን ሕጂ ግን ኩሉ ነገር ተዓርዩ ስለ ዝኾነ ይቅረ ክትብልሉ ኣለኪ በላ።

ዲያቆን ስቅ ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ ምስ ተስፌ ደኣ ካብ መኣስ ተባኢስኩም እሞ ድማ ክሳብ ምቅያም ዘብጽሕ እንታዩ ጌሩ በለ፡

ዳዊት እቲ ዝተፈጥረ ብዝርዝር ንዲያቆን ምሰዕለሎ, ዲያቆን ኣዕሚቁ ኣስተንፈሰ።

ዓቢ ጌጋ ኢዩ ፈጺሙ ነገር ግን ካብቲ ዝተጋገዮ ንላዕሊ ጌጉኡ ምእራሙ ኢና ክንሪኢ ዘለና ደሞስ ጎይታ ይቅረ በሉ ይቅረ ክበሃለልኩም ደይኮነንዩ ኢሉና፡ ኢሉና ጥራሕ ዘይኮነ ድማ ኣብ መስቀል ኮይኑ ኦ ኣቦ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን ኢዮም እሞ ኣይትሓዘሎም ብምባል ሕድገት ደይኮነን ኣስተምሂሩና።

ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽዩ ንሕና ግን ሰባት ኢና ኢልና ከይነመኽኒ ድማ ሊቀ ዲያቆናት ቀዳሜ ሰማእት ዝኮነ ቅዱስ እስቲፋኖስ ውን ብዳርባ እምኒ እንዳ ቀተልዎ ናይ ጎይታ ቃልዩ ደጊሙ፡ ስለዚ ኣቡነ ዘበሰማያት ንምድጋም መታን ክንበቅዕ ሕድገት ክንገብር ይግባኣና

(ንሕና ንዝበደሉና በደሎም ከም ንሓድገሎም በደልና ሕደገልና)

በለ ናብ ሰምሃር ገጹ እንዳ ጠመተ። ሰምሃር ውን ዘረበኦም ዝኸበዳ ክትመስል ድንን በለት፡ ጽቡቅ ኣለኹም ይቅሬታ ረብሑኡ ንዓና ኢዩ ኣነውን ይቅረ ኢለሉ ኣለኹ በለት።

ማትስ ድማ ከሙኡ ዘይኮነ ሰምሃረይ ተራኺብኩም ይቅረ ይፍታሕ ክትበሃሉ ኣለኩም በላ።

ማትስ ብዘምጾኦ ሓሳብ ተሰማሚያም ንተስፌ ናብ ገዙኡ ከይዶም ተዓረቅዎ።

* ዲያቆን ኣብ መንነ ዕላሎም ገለ ነገር ስለ ዝዘከረ ዕላል ኣቋርጽ ኣቢሉ ሰምሃረይ ንበዓል ሳሌምስ ደዊልክለን ዶ ትፈልጢ በላ??

ድያቆነይ ናምበረን ጠፊኡኒ ክሳብ ሎሚ ረኺበየን ኣይፈልጥን በለቶ።

እእእእ በለ ገጹ ናይ ስንባደ ስምዒት ወሪርዎ ኢዩ ኔሩ።

በሊ ሰምሃረይ ሎሚ ከይረሳዕናዮ ከለና ንደውለለን እንተተኻኢሉስ ወረ ንኺደን በላ።

ደሓን ደውለለን እሞ ምናልባት ገዛ ከይሽገራ ንሰን ናብዚ ይምጻኣ በለቶ ሰምሃር።

ዲያቆን ተሌፎን ኣልዒሉ ናብ ፍዮሪ ደዊሉ ምኽንያት መጥፊኦም ድሕሪ ምግላጽ ንክመጾኦም ዕድመ ኣቕረበለን፡ ንሳተን ልዕሊኦም ተኻቂለን ስለ ዝነበራ ቀዳመ ሰንበት ንኽራኽቡ ወዱኡ።

ማትስን ድማ ናባይ ደዊሉ ሚሊ ሓፍተይ ድኻምኪ ኣይትርኣዩ ቀዳም ግድን ክትመጺ ኣለኪ ምስ ዲያቆን ዝኾነ መደብ ኣለና ንስኺ ድማ ግድን ክትህልዊ ኣለኪ በለኒ።

ካብ ኣዘራርቡኡ ከም ዝተረዳእክዎ ዝኾነ ሓድሽ ነገር ኣሎ ኢለ ክግምት ስለ ዝገደደኒ ንኽመጽእ ተሰማማዕኩ፡

ዲያቆን ምስ ማትስ ኮይኖም ዝብላዕ ዝስተ ቀሪቦም ንእሽቶ ግብጃ ትመስል መደብ ኣዳለዉ።

ዲያቆን ነቦይ ቀሺ ምስ ገለ ዉሑዳት ናይ ቀረባ ፈለጥቱ ዲያቆናት ጸዊዑ መደቦም ብጸሎትን ባርኾትን ጀመርዎ።

ኣቦይ ቀሺ ንዓና ዝምልከት ሕጽር ዝበለ ትምህርቲ ምስ ተግሳጽ ሂቦም ምስ ወዱኡ፡ ዲያቆን ድማ፡

ጥፉእ ወዲ ትብል ግጥሚ ምስ ንስሃ ትብል ስነጽሑፍ ኣቕረበ።

ክልቲኤን ካብ ሕድሕድ ዘይበላለጻ ልብኻ ሰንጢቀን ዝኣትዋ ጥበብ ዝመለአን ብሉጻት ጽሑፋት ኢየን ኔረን። ልዕሊ ኩሉ ድማ ንሂወቱን ንሂወት ኩሉ መንፈሳውን ዝውክላ ብምንባረን ኣብ ኩላትና ፍሉይ ስምዒት ኢየን ኣሕዲረን።

መደብ ብጸሎት ተዛዚሙ ኣጋይሽ መሪቆም፡ምስ ወጹ ውሱናት ሰባት ኢና ተሪፍና፡

ሳሌም፡ምስ ፍዮሪ ኣነ ማትስ፡ ዲያቆን ፡ሰምሃር

ኢና ተሪፍና

ዳዊት ዕሕሕ ድሕሪ ምባል እንበኣር ናይ ሎሚ መደብና ኣምላኽ ተሓዊስዎ ብጣዕሚ ደስ ዘብል ኢዩ ኔሩ። ከምዚ ጌሩ ዝኣኻኸበና ፈጣሪ ክብርን ምስጋናን ይኹኖ፡

እንበኣር ኣምላኽ ፈቂድዎ ከምዚ ኢልና ካብ ተኣከብና ክልተ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ነገራት ኣለዉ ክትፈልጥኡ ስለ ዝግባኣክን ድማ ክነግረክን ኢና ዲያቆን ዓርኪይ ንገረን ኢልዎ ኮፍ በለ.....

****

27 ክፋል

ኣብ ዝሃለፈ ክፋል ዲያቆን ገዳም ከይዱ ከም ዝቀነየ፡ ሰምሃር ውን ምሰቦይ ቐሺ ተራኺባ ንቅዱስ ቁርባን ከም፡ዝተዳለወት፡ ኣንቢብና ኔርና። ከሙኡ ውን ማትስ ዲያቆንን ንሰምሃር ሕድገት ክትገብር ከም ዘለዋ ቂምታ ናብ ቅዱስ ቁርባን ንኽይትበጽሕ ዝዓግት ሜላ ሰይጣን ምኻኑ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ገሊጾምላ ኔሮም።ብምቅጻል ውን ዲያቆን ምስ ማትስ ግብጃ ጌሮም ካህናትን ዲያቆናትን ጸዊያም ብድሙቅ መንፈሳዊ መደብ ከም ዘሕለፍዎን ንበዓል ሳሌም ፍዮሪ ኣነ ዘለኽወን ወሲኾም ብሓባር ከም ዘሕለፍናዮን ሪኢና ኔርና ኣብ መወዳእታ ድማ፡ዳዊት ዕሕሕ ድሕሪ ምባል እንበኣር ናይ ሎሚ መደብና ኣምላኽ ተሓዊስዎ ብጣዕሚ ደስ ዘብል ኢዩ ኔሩ። ከምዚ ጌሩ ዝኣኻኸበና ፈጣሪ ክብርን ምስጋናን ይኹኖ፡ እንበኣር ኣምላኽ ፈቂድዎ ከምዚ ኢልና ካብ ተኣኩብና ክልተ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ነገራት ኣለዉ ክትፈልጥኡ ስለ ዝግባኣክን ድማ ክነግረክን ኢና ዲያቆን ዓርከይ ንገረን ኢልዎ ኮፍ በለ,,,,,,,,

ዘይ ኩሉ ሓደዩ ዘይትነግረን ዝነበርካ ኢሉ ብድድ በለ ዲያቆን።መጀመሪያ ነቲ ከምዚ ጌሩ ዝኣኻኸበና ልዑል ፈጣሪ ምስጋና ይብጽሓዮ፡ ብምቅጻል ድማ ኩላትኩም ካብ ልቢየ ዘመስግነኩም ብፍላይ ሚልን ማትስን ናተይን ናይ ሰምሃርን ጉዳይ ናብ ንቡር ክምለስ ዝገበርክሞ ኣስተዋጽኡ ብቃላት ዝግለጽ ኣይኮነም።ከሙኡውም ሳሌመይን ፍዮርን ቀጻሊ ትዝክራናን ትጽልያልናን ከም ዝነበርክን ርግጸኛ ኢየ ኣምላኽ ድማ ንጸሎትክን ሰሚዑ ትምኒት ልበይ ጌረለይ ኢዩሞ ንዓኽንውን ኣምላኽ ትምኒት ልብኽን ይሃብክን በለ።እንበኣር ናብ ጉዳይና ካኣቱ ማትስ ኣብዚ ዓዲ ንእሽቶ ከይዝ ስለ ዘላቶ ማለት ጓለንስተይቲ ሃሪሙ ተኣሲሩ ስለ ዝነበረ፡ ፋይሉ ኣባላሽዮምሉ ኢዮም። ኣብዚ ዓዲ ናይ ምንባር ዓድሉ ጸቢብ ኢዩ ስለዝኾነ ከኣ ድሕሪ ብዙሕ ምሕሳብ ካብዚ ዓዲ ክወጽእ ብሜክሲኮ ጌሩ ናብ ኣሜሪካ ወይ ካናዳ ክኸይድ ወሲኑ ኣሎ።

ኣምላኽ ሓሳብ ልቡ የስምረሉ በለ ዲያቆን። ናብ ማትስ ገጹ እንዳጠመተ ድማ ዳዊት ዓርከይ ጉዕዞኻ ጉዕዞ ቅዱሳን ይግበረልካ፡ እዚ ኣጋጢሙካ ዘሎ ፈተና ኢዩ።ፈተና ድማ ነቶም ውሉድ ኣምላኽ ዝኾኑ ሕሩያት ሰባት ኢዩ ዝመጾም፡ ንዓኻ ምንጋር ኣየድልየካን ኢዩ ኩሉ ልዕለይ ንስኻ ስለ ትፈልጦ። ኣጆኻ ሰብኣይ ኩን ጥራይየ ዝብለካ በሎ።ቀጺለ ናብታ ካልኣይቲ ምስ ንሰግር ድማ ማትስ ሓደ ግዜ እንታይ ኢሉኒ ኔሩ ግጢሚ ክጽሕፍ ገለ ምስ ረኣየኒ እዚ ግጥምኻ ቁም ነገር ግበረሉ ይብለኒ።ኣነ ግን ኣብ ሕማቅ ኩነታት ስለ፡ዝነበርኩ ኣይግደሰሉን ኔረ።

ሓደ መዓልቲ ግን ኣምሪሩ ዲያቆን ዓርከይ ብርግጽ ኣምላኽ ትምኒት ልብኻ ክህበካ ኢዩ። ኩሉ ነገር ሰላም ክኸውን ኢዩ።ሽዑ ዓቅምኻን ተውህቦኻን ተጠቀመሉ እዚ ዓለማዊ ግጥሚ ምጽሓፍ ገዲፍካ መንፈሳዊ ግጥሚ ጀምር።ኣነ ብኹሉ ዓቅመይ ክሕግዘካ ኢየ ንስኻ ግን መዝሙር ከም ትሰርሕ ቃል እተወለይ ኢሉኒ።ሓንቲ ናይ ንስሃ ሓንቲ ናይ ምስጋና መዝሙር ንኽሰርሕ ተላብዩኒ፡ ማትስ ስለ ዝበለኒ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ቅድም ኣብ ልበይ ዝነበረ ባህግን ሓሳብን ስለ ዝኾነ ውን ከይተማታእኩየ ቃል ኣቴሉ።

ግን ኣብ ሎሚ ኮንካ እንተሪኢኻዮ ኣዕሚቁካ እንተሓሲብካዮ፡ ከምቲ ብደገ ትሪኡ ቀሊል ነገር ኣይኮነን።መዝሙር ንምሕታም ከቢድ ዋጋን ዓሚቕ ፍልጠትን ኢዩ ኢዩ ዘድልየካ ኣነ ድማ ከምትፈልጡኒ ምንም ነገር ዘይብለይ ባዶ ኢየ፡ ስለዚ ማትስ ዓርከይ ንመጽብዓይ ክፍጽም ብዘይምኽኣለይ ይቅረ ግበረለይ፡ I hope ግን ሓደ መዓልቲ ክዉን ከም ዝገብሮ።ሓቂ ንምዝራብ ኣብ ገዳም ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ እተን ግጥሚ ጺሒፈ ወዲኤየን ኢየ ነገር ግን ያሬዳዊ ዝኾነ ዜማ ንምምጻእ ክብድ ዝበለ ኢዩ ስለዚ ካባይ ዝሕሹ መማህራ ክሳብ ዝረክብ ንግዚኡ ኣወንዚፈዮ ኣለኹ።

እተን ዳዊት ዝበለን ክልተ ነገራት እዚኤን ኢየን ኔረን፡ ከምዚ ክብለኩም ዝጸናሕኩ እታ ካለኣይቲ ንግዚኡ ክውንቲ ኣይኮነትን ዘላ ናይ ዳዊት መደብ ግን ተወዲኡ ኢዩ ምስ በዓል ኣሮን ሓወይ ተዘራሪብና ወዲእና ኢና ኣምላኽ ኣብ ዝፈቀዶ ድማ ዳዊት ክብገስ ኢዩ ክሳብ መዓልቱ ኣኺሉ ዝፋነወና ኩላትና ኣብዚ ሓቢርና ክንቅኒ ኢና።

ዳዊት ሕልሙ ዘይሰመረሉ ዓቢ መምህር ኢዩ ኩላትና ክንብለጸሉ ካቡኡ ክንመሃር ኣለና ከይተፈለየና ከሎ በለ ዲያቆን። ዘረቡኡ ከይወደአ ከሎ ኣቦይ ቀሺ መጽሓፍ ረሲያም፡ስለ ዝኸዱ መጽሓፎም ክወስዱ ተመለሱ፡ዲያቆን ወደይ ከመይ ጸኒሕኩም ኣይ መጽሓፈይ እንድየ ረሲዐያ በልዎ ኣቦይ ቀሺ መስቀሎም ንኽሳልምዎ እንዳ ሰደዱ።ይፍቲ ኣቦና፡ መጽሓፍ ዘይኮንኩም

ረሲዕኩም ኣምላኽ ኢዩ ብጥበቡ መሊስኩም፡ ግዜ እንተሃልይኩምሲ ምሳና ከተምስዩ ሞ ምኽርኹም ከኣ ክትህቡና በሎም፡ ዲያቆን።ኣቦይ ቐሺ ብናይ ዲያቆን ሓሳብ ተሰማሚያም ምሳና ከምስዩ መደቡ።

እቲ ሓሲቦሞ ዘለዉ ዲያቆን ምስ ነገሮም፡ ኣይፋልካን ዳዊት ወደይ እንታይ ኣምጸኡ ካላኣይ ግዜ ስደት፡ ኣምላኽ ንኹሉ ኣብ ግዚኡ ሰናይ ክገብሮ ኢዩ፡ ድማ እዚ መገዲ ሓደገኛ ኢዩ ብጫካታትን ወሓይዝን ስለ ዝኾነ ንሂወትካ ውን ኣስጋኢ ኢዩ፡ ህድእ ኢልካ ሕሰበሉ እሞ ዝወደይ በልዎ።

ማትስ ድማ ኣቦና ጽቡቅ ኣለኹም እዚ መገዲ መሪጸዮ ኣይኮንኩን ተገዲደ ኢየ፡ እቲ ታሪኽ ትፈልጥዎ ኢኹም በታ ሰራም ዕለት ብዙሕ ነገር ኢየ ሲኢነ ካልእ ኩሉ ደሓን ኔሩ ፋይለይ ጽቡቅ የለን ብቀዳማይ ስራሕ ረኺበ ክጅምር እንዳበልኩ ፋይለይ ሓሊፉ ስለ ዝጸንሐ ስራሕ ከልኪሎምኒ፡ ኣማራጺ የብለይን ዓዶም ገዲፈሎም ክኸይድ ኣለኒ በለ ብሓውሲ ምስትምሳል።ኣይፋልካን ዳዊት ወደይ ኣምላኽ ይመስገን ዝሕግዙኻ ገበርቲ ሰናይ ኣለዉ ኣምላኽ ኣብ ሕማቅ ንኸይትወድቅ ኢሉ ዘዳለዎም ቅዱሳት ፍርሃት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት ከማን፡

ስለዚ ኣይትጨነቅ ዝወደይ እንተቲ ናይ ስራሕ ዝበልካዮ ብኻልእ ምኽንያት ክኸውን እውን ይኽእል ኢዩ ንስኻ ጥራሕ ኣይትጨነቅ ኩሉ ንሰናይ ኢዩ በልዎ።

ዲያቆን ድማ ድሓን ዳዊት ዓርከይ ኣምላኽ ደርብዩ ከምዘይ ድርብየካ ጥራሕ እመን እንበር ኩሉ ክዕረ ኢዩ በሎ። ምሉእ ምሽት ብቃል ኣምላኽ ክንዘራረብ ታሪኽ ቅዱሳን ክንሰምዕ ኣምሰና።ማትስ ናይ ቅዱሳን ታሪኽ ከዘንቱ ከሎ ብፍጹም ኢዩ ዝምሰጥ በቃ ካልእ ሰብ ኢዩ ዝኸውን።ዳዊት ከምዚሉ ክምህር ከሎ ናይ ዲያቆን ቃል ኢየ ዘኪረ፡* ዳዊት ሕልሙ ዘይሰመረሉ ዓቢ መምህር ኢዩ።ናይ ብሓቂ ዓባይ ሓረግ። ኣቦይ ቀሺ ተግሳጽ ምስ ማዕዳ፡ ዲያቆን ቃል ወንጌል፡ ዳዊት ታሪኽ ቅዱሳን እንዳ መሃሩ ሰላም ዚዓሰሎ ምሽት ከም ነምሲ ገበሩና።

ኣቦይ ቀሺ ዝኸዱሉ ሰዓት ስለ ዝኣኸለ መሪቆም ተፋንዮምና ከዱ።ዲያቆን ከፋንዎም ኢሉ ምሶኦም ወጸ፡ ኣንታ ዲያቆን ወደይ እዛ ዳዊት ኣምጺዋ ዘሎ ሓሳብ ኣይግርምን ንዓኻ ኢዩ ዝሰምዕ ግደፍ ዘይትብሎ በልዎ ኣቦይ ቀሺ።ኣቦና ጽቡቅ ኣለኹ ምስክናይ ዘይሓሰቦ ኢዩ ኮይንዎ እንበር ኣብዚ ዓዲ ብዙሕ ራኢ ኢዩ ኔርዎ ብዝኾነ ግን ገለ ጌርና ከም፡ዝተርፍ ክንገብር ኢና በሎ።

ኣንታ ዲያቆን ወደይ ከመይ ጌርና ኢናሞ ከነትርፎ ንሱ ወዲእዎ ኢዩ ዝመስል በሉ። ኣቦና ኣነስ ከምዚ ሓሲበ ኔረ ካብዘን ዝረኣኹመን ቆሉዕት እንተነመርዕዎ እሞ ጥርናፈ ጌሮም ኮፍ ምበሉ በሎም ዲያቆን።ኣንታ ዲያቆን ወደይ ክትዕሹ ደልካ መጀመርያ ፈትዮም ፈቂዶም እንበር ነመርዕዎም ኢልካ ኣይከውንን ኢዩ ዳሕራይ ከኣ ደቂ ግዜ እንድየን ዝሓዞኡም ከይህልወን ብዓቢኡ ድማ ዳዊት ከ ሕራይዶ ይብለና በልዎ።ናይተን ቆሉዑ ስኽፍ ኣይበልኩም ክሳብ ሕጂ ነጻ ኢየን ዘለዋ። ናይ ዳዊት ኢዩ ቁሩብ ኣሸጋሪ ልቡ ተሰይሩ ግዲ ኮይኑስ ነዋልድ ብጣዕሚ ኢዩ ዝጸለአን ሕጂኳ ቁሩብ ይሓይሽ እንበር ፡

ብዝኾነ ግን ኣምላኽ እንተፈቂድዎስ ከሙኡ ይሓይሽ ይብል ኣነ በሎም፡ዲያቆን።

ዲያቆን ነቦይ ቀሺ ኣፋንይዎም ምስ መጸ ማትስ ዓርከይ ኣቦና ነዛ መገዲ ኣይፈተዉዋን ዘለዉ ስለዚ ቁሩብ ተዓገስ እሞ ዳሕራይ ክንሪኦ ኢና በሎ።ዲቁ ዓርከይ ከኣ መክሲኮ እንድሕር ተዓጽያ እኮ ወኤአ ኢየ፡ ኣቦና ደኣሞ ወዶም ደይኮንኩን ከመይሎም፡ኪድ ክብሉኒ በሎ።ማትስ ዓርከይ እንታይ ዝበሃል ኣበሃህላ ኣሎ መስለካ ነቲ ሰብ ዝዓጸዎ ማዕጾ ገዲፍካ ነቲ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ዘሎ መፍትሕ ክትርኢ ኣለካ።ዳሕራይ ድማ ስቅ ኢልካ ኢኻ ዓቅልካ ተጽብብ ዘለኻ እንበር ኣምላኽ ማዕጾ ናይ ሂወት ክዓጽዎ ከሎ ፍንስራ ግን ከፊቱ ኢዩ ዝገድፈልካ። ኣጆኻ ነዚ ፈተና እዚ ሰዓሮ። ዳዊት ዓርከይ ንስኻ ኣብዚ ምህላውካ ንብዙሓት ክጠቅም ኢዩ እስፕሻሊ ንዓይ። እዛ ናይ መዝሙር መደብና ንስኻ ምስ ትህሉ ጥራሕ ኢያ ክውንቲ ክትከውን በሎ።

ዲቁ ዓርከይ በጃኻ ኣይትኹለፈኒ ኣነ ኣብዚ ሃልየ እንትርፊ ከጨንቀኩም ወላሓንቲ ኣይዓብሰልኩምን ኢየ ኣብዚ ዓዲ ኮፍ ዝብለሉ ድማ ወላሓደ ምኽንያት የብለይን በሎ።ዲያቆን ድማ እሞ ማትስ ዓርከይ ኣብዚ ዓዲ ኮፍ ንኽትብል ምኽንያት እንተምጺኤልካ ኸ ትቅበሎ ዲኻ በሎ። ማትስ ድማ ንዓይ ከተታርፍ ኢልካ ዘይብቁዕ ምኽንያት ጥራሕ ከይከውን እንበር ብዓሰርተ ኣጻብዕተይ ይፍርም በሎ።ዲያቆን ድማ ፍሸኽ እንዳበለ በል,,,,,,,,,,,,።

****

28 ክፋል -> ናይ መወዳእታ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ዲያቆን ብዛዕባ ማትስ ናብ ካናዳ ስግረዶብ ክፍትን ከም ዝሓሰበን ምስ በዓል ኣቦይ ቀሺ ኮይኑ ከም ዘይደገፎን ኣንቢብና ኔርና ከሙኡውን ንከትርፎ ብዙሕ ከምዝፈተነ ኣብ መወዳእታ ድማ.....ዲቁ ዓርከይ በጃኻ ኣይትኹለፈኒ ኣነ ኣብዚ ሃልየ እንትርፊ ከጨንቀኩም ወላሓንቲ ኣይዓብሰልኩምን ኢየ ኣብዚ ዓዲ ኮፍ ዝብለሉ ድማ ወላሓደ ምኽንያት የብለይን በሎ። ዲያቆን ድማ እሞ ማትስ ዓርከይ ኣብዚ ዓዲ ኮፍ ንኽትብል ምኽንያት እንተምጺኤልካ ኸ ትቅበሎ ዲኻ በሎ። ማትስ ድማ ንዓይ ከተታርፍ ኢልካ ዘይብቁዕ ምኽንያት ጥራሕ ከይከውን እንበር ብዓሰርተ ኣጻብዕተይ ይፍርም በሎ።

ዲያቆን ድማ ፍሸኽ እንዳበለ በል,,,,,,ኣቦይ ቐሺ ምስ መጹ ክንዘራረብ ኢና ሕጂ ናብ ትምህርትና ንመለስ ኢሉ ኣቋሪጾሞ ዝነበሩ ትምህርቲ መልእዎ።ዲያቆን ምሰቦይ ቐሺ ጽዑቅ ዝኾነ ርክብ ክገብር ኢዩ ቀንዩ፡ ውሽጡ ርጉእ ኣይነበረን፡ ብዛዕባ ናይ ዳዊት ኢዩ ዝኸውን ኢልና ብዙሕ ኣይጸቀጥናሉን ኔርና። ዳዊት ብወገኑ ንጉዕዞ ዘድልዮ ምቅርራባት ጌሩ ምስ ኣሮን ሓው ዲያቆን ብዛዕባ ገንዘብ ክዘራረብ ጀመረ።ኣሮን፡ ማትስ ንዲያቆን ዝገበረሉ ሰናይ ነገር ስለ ዝፈልጥ ከም ሞሳ ኢሉ ብሙሉኡ ናይ ጉዕዞ ገንዘብ ክኸፍለሉ ቃል ኢዩ ኣቲሉ።ዲያቆን ግን ንጉዕዞ ዳዊት ዝኾልፍ ዘረባ ኣምጸአ።

ዳዊት ዓርከይ ምኻድ ክትከይድ ኢኻ ግን ቁሩብ ተጸበየኒ፡ እተን ናይ መዝሙር ግጥሚ ሳንሱር ከግብረን ናብ ኢትዮጵያ ክኸይድ ወዲአ ስለ ዝኾንኩ ክሳብ ዝምለስ ተጸበየኒ እንተነዊሑ ክልተ ሰሙን ኢዩ በሎ ዲያቆን።እዚ ዘረባዚ ንኹልና ዘሰንበደ ዘረባ ኢዩ ኔሩ ማትስ ግን ኮነ ኢሉ ንኽታርፎ ዘበገሶ ሓሳብ ስለ ዝመሰሎ ዲያቆን ዓርከይ ስለምንታይ ኢኻ ትኾልፈኒ ንስኻ መሪቅካ ተዘየፋኒኻኒ ብፍጹም ክሰልጠኒ ኣይክእልን ኢዩ በጃኻ ዘየለ ዘረባ ኣይተምጽእ በሎ።ዳዊት ዓርከይ ኣይኣመንካንን ምሽ ህንካ ረኣዮ ኣየር ትኬተይ ዝገዛእክዎ ኢሉ ካብ ቦርሱኡ ኣውጺኡ ሃቦ፡ ካብ ጀርመን ናብ ኢትዮጲያ ዝቆረጾ ትኬት ኢዩ ኔሩ። ሪኢናዮ ኩላትና ኢና ሰንቢድና።

ታይ ኮንኩም ትስንብዱ ክትሕነሱ ኢዩ ዘለኩም ንሰናይ ነገር ኢዩ፡ ድኻመይ ጾረይ ከራግፍ ኢየኮ ዝኸይድ ዘለኹ በለ ዲያቆን።ማትስ በቲ ዝተፈጥረ ኩነታት ወላኳ ተዘይተሓነሰ ዲያቆን መዝሙር ከሕትም ምብጋሱ ግን ብመጠኑ ኣረጋጊእዎ ኢዩ። ንምንታይ ደኣኸ ከይነገርካና ወዲእካዮ በሎ ማትስ፡ዳዊት ዓርከይ ምስዚ ሓሲብካዮ ዘለኻ መገዲ እንተነጊረካ ኣይክትቅበለንን ኢኻ ኢለ ኢየ በቲሉ በቲ ግን ክዉን ስለ ዝኾነ ምቅባል ጥራይ ኢዩ በለ ዲያቆን። ዲያቆን ዝበረሉ ዕለት ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ስለ ዝነበረ ንመፋነዊ ዝኸውን እኽለ ማይ ኣብ ምድላው ኢና ተጸሚድና። መዓልቲ በረራ ኣኺሉ ዲያቆን ዘድልዮ ምቅርራብ ጌሩ፡ ነቶም ከፋንውዎ ዝመጹ ሰባት ኣኪቡ ሰላምታ ኣቀዲሙ ከምዚ በሎም ከተፋንዉኒ ኢልኩም ዝተፈላለየ ስራሕ ኣወንዚፍኩም ምምጻእኩም ካብ ልቢ የመስግን። ቀጺለ ክብሎ ዝደሊ ብዘይካ መጻሕፍቲ ካልእ ዝኾነ ይኹን ንብረት ክማላእ ከም ዘይክእል ኣቀዲመ ክነግረኩም ይደሊ እቲ ምኽንያት ሕጂ ኣይነግረኩምን ኢዩ ቀስ ኢሉ ግን ክበርሃልኩም ኢዩ በለ።

ሰዓታት ብሰዓት እንዳ ተተከአ ዲያቆን ዝበረሉ ግዜ ሰለስተ ሰዓት ጥራይ ተረፎ ሽዱሽቴና ከነፋንዎ ንኣየር ፖርት ክንብገስ ምስ በልና ሚሊ ንዒሞ ሓንሳብ ኢሉ ሕዙኒ ንውሽጢ ገዛ ኣተወ።ሚሊ ሓፍተይ እዛ ንብረት ናይ ሓደራ ኢያ ኣነ ኣዲስ ኣበባ ኣትየ ኢለ ምስ ደወልኩ ንማትስ ሃብለይ ኢኺ ኣብ ቅድሜኽን ከንብባ ድማ ደብዳቤ ኣላ ኣብ ውሽጣ። ሓደራ ማንም ሰብ ከይረኽባ ኣብ ጽቡቅ ኣቀምጥያ ኢሉ ዕሸግቲ ካርቶን ኣረከበኒ ብላዕ

ንዳዊት ኣረከብክዎ እቲ ዲያቆን ዝበለኒ ሓበሬታ ድማ ኩሉ ነገርክዎ። ሽዑስ እንታይ ከም ዝኾና ኩላትና ጸጥ ኢና ኢልና ኣብ ገጽ ኩላትና ውን ርቡሽ መንፈስን ፍርሕን ይንበብ ነበረ።ማትስ ነታ ካርቶን ምስ ከፈታ ብላዕሊ ሓንቲ ቡስጣ ጸንሐቶ፡ከፊቱ ምስ ረኣያ ድማ ንውሕ ዝበለ ጽሑፍ ዘለዋ ደብዳበ ኮይና ጸንሐቶ ከምዚ ኢላያ ትጅምር።

“ሰላም ናይቲ ኩሉ ዝኽእል ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ወትሩ ምሳኹም ይኹን።ነዛ ወረቀትን ነዛ ብርዕን ኣልዕሊ ክጽሕፈልኩም ከለኹ ውሽጠ ዘይፈልጦ ጋሻ ስምዒት እንዳተሰማዓኒ ኢዩ።ካብ ትጽቢት ኩላትኩም ወጻኢ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ግን ከኣ ሓቂ ስለ ዝኾነ ብሓጎስ ክትቅበልዎ ጥራይ ኢዩ ዘለኩም።ማትስ ዓርከይ ማዕተበይን መጽሓፈይን ኣብቲ ካርቶን ገዲፈልካ ኣለኹ ብሂወት ክሳብ ዘለኻ መዘከርታይ ይኹናኻ;ሰምሃረይ እንታይ ኮን ክትብሊ ኢኺ? እንታይ ኮን ክስማዓኪ ይኸውን፡ ንመጀመሪያ ክትቅበልዮ ክኸብደኪ ኢዩ ግን ኣጆኺ ኣሜን ኢልኪ ብሓጎስ ተቀበልዮ።ልብኹም ኣንጠልጢለዮ እንታይ ክብል ደልዩ ኢዩ ትብሉ ትህልዉ፡ ሓደ ሓቂ ክነግረኩም፡ኢየ ኣነ መዝሙር ሳንሱር ክገብር ኣይኮንኩን ናብ ኢትዮጲያ ፍላይ ጌረ።እንተሓሰብኩሞ ኸ ኣነ ብሓጥያት ዓለም ዝተገዛእኩ ሕሱር ሰብሲ መዝሙር ክሰርሕ ያእ ኣይፋሉን ኣይበቅዕን ኢየ።እንታይ ደኣ ክትገብር ኬድካ እንተልኩምኒ ነዛ ብፍቅሪ ሄዋን ተኣሲራ ካብ ፍቅሪ ክርስቶስ ተፈልያ ዝነበረት ነብሰይ ኽደሊ፡ መዓልታዊ ብዝገበርክዎ ሓጥያት እትሳቀ ዘላ ነብሰይ ክፍውስ ጾረይ ከራግፍ ንሰይጣንን ዓለምን ክሒደ ክምንን ገዳም ኢየ ዝኣቱ ዘለኹ። ሂወት ገዳም፡ ምንኩስና ቀሊል ከምዘይኮነ ኩላትና ክርስትያን ንፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ግን ከምቲ ኣብ ፍልጲስዩስ 4፥ 13 ተጻሒፉ ዘሎ በቲ ሓይሊ ዝህበኒ ክርስቶስ ንኹሉ ክኽእሎ ኢየ።ንስኹም ድማ ሓይልን ጸጋን ምእንቲ ክረክብ ከየባተኽኩም ጸልዩለይ።

ናብ መልእኽተይ ክምለስ ሰምሃረይ ሓደራ ልብኺ ከይስበር በርትዒ። ኣብ መንፈሳዊ ሂወትኪ ኮነ ኣብ ዓለማዊ ሂወትኪ ተስፋ ከይትቆርጺ ጅግና ኩንለይ። ምንም እኳ ገዲፈኪ እንተኸድኩ ፍቅርኺ ኩሉ ግዜ ኣብ ልበይ ኣሎ፡ ልዕሊ ኩሉ ሓደራ ዝብለኪ ካብ ቅዱስ ቁርባን ብፍጹም ከይትፍለዩ፡ ቅዱስ ቁርባን ሓይልን ሂወትን ስለ ዘለዎ ንዓኺ ድማ ኣይጠፍኣክን ኢዩ። ሰምሃረይ ከምታ ትምኒትኪ ድማ ንዲያቆን ክትምርዓዊ ቃል እተውለይ። ሰበይቲ ዲያቆን ክትኮኒ ኢዩ ኔሩ ሃረርታኺ እሞ ኣምላኽ ትምኒት ልብኺ ይሃብኪ።ዳዊት ዓርከይ ሓደራ ንሰምሃር ኣበርትዓያ ታሪኽ ናይ ገብረ ክርስቶስ መርዓውን ከሙኡውን ናይ ኣቡነ ሊባኖስ ጻድቅን ንገራ።ንሳቶም ተመርዕዮም ክነሶም ግን ትምኒት ስጋ ከይፈጸሙ ዝመነኑ ቅዱሳን ኢዮም። ኣንስቶም ድማ ልበን ከይተሰብረ ብሕጉስ መንፈስ ከም ዘፋነዋኦም ኣስፊሕካ ንገረለይ።ኢቭን ልዕሊ ኩሉ ድማ እተን ክልተ ግጥሚ ሓንቲ ናይ ንስሓ ሓንቲ ናይ ምስጋና፡ ኣብቲ ኮሜዲኖ ኣቀሚጠየን ኣለኹ።ምስቶም ቤት ትምህርቲ ሰንበት ክፍሊ መዝሙር ትሓጋጊዝኩም ክትሰርሕወን ቃል እተወለይ መዝሙር ብውልቅኻ ጽቡቅ ስለ ዘይኮነ ነቦይ ቀሺ ተወከሶም ኣስፊሑም ክነግሩኻ ኢዮም። ዜማ ናይታ መዝሙር ድማ ፍላሽ ገረ ምስቲ ግጥሚ ኣቐሚጠዮ ኣለኹ።ከሙ ድማ በቲ ዝተመሓሓልናሉ ዕርክነትና ሒዘካ ኣለኹ እዚ ናይ መክሲኮ ጉዕዞኻ ኣቋርጾ፡ ከም ፍቃድ ኣምላኽ ካብ ፍዮሪ፡ ሳሌም፡ ሚሊ ኣብ ጉዕዞ ሂወትካ ደጋፊት ትኾነካ ሓንቲ ምረጽ። ቅዱሳት ኣሕዋተይ ሳሌመይ ፍዮሪ ሚሊ ድማ ዘረባይ ዘረባ ዓያሹ ኮይኑ ክስማዓክን ይኽእል ኢዩ፡ ግን ከሙኡ ኣይኮነን።ዳዊት ልቡ ዝተሰብረ ለዋህ ሰብ ኢዩ ንዓኽን እንትርፈ ክጠቅመክን ክጎድኣክን ኣይክእልን ኢዩ፡ ንስኻትክን ድማ ልክዕ ከሙኡ ንዝተሰብረ ልቡ ጸጊንክን ናብ ናይ ቅድም ሂወቱ ክትመልሶኡ ትኽእላ ኢኽን፡ ስለዚ ሓደራ፡ ዳዊት በቦይ ቐሺ እንተዳኣ መጺኡክን ርእሶም ከይተድንናኦም። ምናልባት ፍቅሪ ዝብል ፍልስፍና ከይትጥቀማ፡ ፍቅሪ ማለት ምልምማድ ምክኣል ጾር ሕድሕድ ምጻር ማለት ኢዩ። ብዙሕ ክብለኩም ደስ ምበለኒ ግን ደብዳቤ ኮይኑ። ዳዊት ዓርከይ ንብሙሎኦም ኣባላት ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል ኣመስግነለይ፡እዛ ቅድስቲ ቤት ንድኻመይ ከራግፍ ሰላመይ ክምለስ ዓቢ እጃም ገራ ኢያሞ ኣምላኽ ካብ ናይ ግዳም ተጻብኦ ይሓልዋ።ካብቲ ዝነበርክዎ ዓዘቅቲ ሳላ እዛ ቅድስቲ ቤትን ኣገልገልታን ነብሰይ ክፍትሽን መገዲ ሂወት ክኽተልን ኣኽኢላትኒ ኢያሞ ዘይውዳእ ምስጋና ኣብጽሓለይ። ሓሙሽቴኹም ድማ ናይ ምትሕግጋዝ ማሕበር ፈጢርኩም ነንሕድሕድኩም ክትተሓጋገዙ ይላበወኩም፡ ዳዊት ሓደራ ኣቦን ሓውን መምህርን ኩነን፡ ንስኻትክን ድማ ኣሕዋት ኩኖኦ። ብዝተረፈስ ኣምላኽ ቅዱሳን ሰላሙ የፍስሰልኩም እመቤተ ምሳኹም ትኹን።”

ካብ ብልቢ ዘፍቅረኩም ዲያቆን ኣቤል

ኣብ ናይ ወትሩ ጸሎትኩም ዘክሩኒ።

ስብሃት ለእግዚኣብሄር ፡ወለወላዲቱ ድንግል፡ ወለመስቀሉ ክቡር። ኣሜን!!!!

********** ተፈጸመ **********

ሰላምኩም ይብዛሕ ተኽታተልቲ ናይዛ ዛንታ፡እዚ ዛንታዚ ምናልባት ናይ ኣስማት ምቅይያር ተዘይኮይኑ ኣብ ሓቀኛ ፍጻሜ ዝተመርኮሰ ኢዩ፡ ኩላትና ድማ ክንመሃረሉ ይግባኣና። ኣብዛ ዛንታ ዘለዉ ሰባት ብፍላይ ማትስ፡ ዲያቆን፡ ሰምሃር፡ ዝተላበውዎ ለበዋ ኣሎ፡ ከምዚ ኢዩ ዝብል.... ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞና ውድቀት ጢዒምና ኢና ምኽንያት መውደቂና ኣብዛ ዛንታ ኣንቢብኩሞ ኢኹም፡ ካብ ውድቀት ድማ ከመይ ጌርካ ትትስእ ብኽፊል ኣዘንቲናልኩም ኢና ስለዚ መንፈሳውነት ማለት ከይተጋገኻ ምንባር ዘይኮነስ ካብ ጌጋኻ ብቅልጡፍ ምእራም ማለት ምኺኑ ክትዝንግዕዎ የብልኩምን።

ናይ መወዳእታ መልእኽተይ ድማ ነቶም ነዛ ዛንታ ብሕማቅ ተረዲእኩማ ብዙሕ ዝተቃወምኩምኒ ገለ ክብለኩም ይደሊ። ገለ ውልቀ ሰባት ክብሪ ዲያቆናት ዝጠሓሰት ኢያ ዝብል ርድኢት ዝሓዝኩም ኔርኩም፡እዚ ርድኢት እዚ ጌጋ ኢዩ፡ መጀመሪያ ዲቁና ዝብል መዓርግ ሰመያዊ እንበር ምድራዊ ኣይኮነን፡ ስለዚ ዲያቆናት ክብረቶም ሰማያዊ እንበር ምድራዊ ኣይኮነን ስለዝኾነ ድማ ምድራውያን ሰባት ክብረቶም ክቕንስሎም ኮነ ከግድልሎም ኣይከኣልን ኢዩ።ብምቅጻል ብዛዕባ ሓደ ዲያቆን ደኣንበር ብዛዕባ ኩላቶም ኣይኮነትን እተዘንቱ ኔሩ፡ ዲያቆን ኣቤል ኮነ ዲያቆን ዳዊት ንኹሎም ኣይውክሉን ኢዮም።ወላውን ዝውክሉ እንተኾኑ ካብቲ ሕማቆም ጽብቆም ይበዝሕ፡ ከምቲ ኣጀማምሮኦም ኣፈጻጽሞኦም ውን ብጽቡቅ ኢዩ፡ ምናልባት ኣብ መንነ ኣዳማዊ ውድቀት ኣጋጢምዎም ኔሩ እዚ ግን ንኽብሪ ዲያቆናት ዝትንክፍ ዲዩ???

ዲያቆናትከ ሰይጣን ኣየጋግዮምን ዶ???

ብዝኾነ በቲ ኢሉ በቲ ጉዕዞ መንፈሳውነት ምስ ፈተነታቱን መዋጽኡኡን እትገልጽ ዛንታ ደኣንበር ንኽብሪ ዲያቆናት ኮነ መንፈሳውያን ትትንክፍ ኢያ ኢለ ስለ ዘይሓሰብክዋ ኢየ ዘርጊሐያ። ምናልባት ጌጋ ርድኢት ጌረ ክብረት ዲያቆናት እንተተንኪፈ ግን ብስም እቲ ህያው ኣምላኽ ይቅሬታ ይሓትት ኣለኹ፡ ዲያቆናት ኣሕዋተይ ድማ ቂር ዘብለኩም ጽሕፈት ጺሒፈ እንተኾይነ ብስም ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሕድገት ግበሩለይ።

ፍሉይ ምስጋና ድማ ንዲያቆን ኣቤልን ዳዊትን ሰምሃርን፡ውልቃዊ ታሪኽኩም ንሰባት መምሃሪ ይኹን ኢልኩም ክጸሓፍ ስለ ዘፍቀድኩም ኣምላኽ ንስምኩም ኣብ ኣምደ ወርቂ ይጽሓፈልኩም።ብፍላይ ዲያቆን ኣቤል እዛ ዛንታ ንኽትጸሓፍ ዘበርከቶ እጃም ልዑል ስለ ዝኾነ ፍሉይ ምስጋና ይብጻሕካ ኣምላኽ ንዝተረፈ ሂወትካ ብሰላም ብቅድስና ንኽትነብር ይደግፍካንኹላትኩም ኣብ ኮመንት ይኹን ኣብ መሰንጀር ሃናጺ ሪኢቶኹምን ነቀፌታኹምን ዘቅረብኩምለይ ኣሕዋት ድማ ብልቢ የመስግነኩም። ተባረኹ ኣምላኽ ምስ ኩላትና ይኹን። ኣሜን!!!

****

ወስብሃት ለእግዚኣብሄር!!!